# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 8ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-128-2

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ዋጋ የኢትዮ 48.95

ትምህርቲ ሕብረተሰብ መፅሓፍ ተምሃራይ 8ይ ክፍሊ

MOE

# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

መፅሓፍ ተምሃራይ

8ይ ክፍሊ



ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

## ነዚ መፅሓፍ ኣዝዩ ዝነኣድ ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡ`ቅን ዝኾነ ክንክንን ሓለዋን (ኣተሓሕዛ) ይግበሩሉ




እዚ መፅሓፍ ንብረትን ሃፍትን ቤት ትምህርትኹም እዩ።

ንኸይበላሸው፣ ንኸይጉዳእን ንኸይጠፍእን ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡ`ቅን ዝኾነ ኣተሓሕዛ ግበሩ።

ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡ`ቅን ዝኾነ ኣተሓሕዛ (ክንክንን ሓለዋን) መፅሓፍ ንክህልው ዝሕግዙ ዝስዕቡ ኣገደስቲ ዝበሃሉ 10 (ዓሰርተ) ሓሳባት (ትእዛዛት) ኣለዉ።

1. መፅሓፍ ብላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይድማ ልሙፅ ዓብዪ ወረቐት ወዘተ ምሽፋን (ምጥራዝ)።
2. ኩልሻዕ ኣብ ፅሩይን ደረቕን (ንቑፅን) ቦታ መፅሓፍ ምቕማጥ።
3. መፅሓፍ ንኽትጥቀም እንትትሕዝ ኢድካ ፅሩይን ንፁህን ምዃኑ ምርግጋፅ።
4. ኣብ ሽፋን ይኹን ኣብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ፅሑፍን ምልክትን ዘይምግባር።
5. መፅሓፍ እንትትጥቀም ኣብውሽጡ ቁራፅ ወረቐት ወይድማ ካርዲ ንምልክት ምጥቃም።
6. ካብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ስእሊ ወይድማ ገፅ ዘይምቕዳድ፣ ዘይምውሳድ።
7. ዝተበላሸወ ወይድማ ዝሃሰሰ ፅሑፍ እንትገጥም ምድማቕን ምሕዳስን የድልይ።
8. መፅሓፍ ናብ ቦርሳ እንትተእትዉ ግቡእ ጠመተ ምሃብን ብውነ ምስትውዓልን የድልይ። ህድእ ኢልኩም ከይቐደድን ከይዕፀፍን ጥንቃቓ ክትገብሩ ይግባእ።
9. መፅሓፍ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ እንትሓልፍን ኣብ ምቕብባልን ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር።
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ እንትትጥቀሙ ብስርዓትን ብዝባንን ምሉእ ብምሉእ ገፁ ምቕማጥ። ብሓደ ግዘ ውሑድ ገፃት ጥራሕ ምርኣይ ይግባእ። አዐሪኻ ዘይምሕሳይ። ካብ ገፅ ናብ ገፅ ምስግጋር እንትህልው ጠርዚ ሕድሕድ ገፅ ከይጉዳእ ብጥንቃቐ ቀስ ኣቢልካ ምግልባጥ (ክሳብ ዝለምድ)። እዚ ንሽፋንን ጠርዝን መፅሓፍ ብፅቡቕ ኩነታት ንምሓዝ ዝሕግዝ እንትኸውን እቲ መፅሓፍ’ውን ነዊሕ ዕድመ ንኽገልግል ይሕግዝ።

# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 8ይ ክፍሊ


መዳለውቲ፦

ሞላ ተድላ ብሩ (M.Sc)

ፀሃየ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A)

ገምገምቲ፦

ሮማን ገደይ

ኣለም ኣፅብሃ

ጠዓመ ገብሩ



ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፈንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ልቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 - ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ።

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ። መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ። ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓላለፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቅዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይከኣልን።

ኣብ ምድላውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ። ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'የ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢሩን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ።

ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣዝዮም ብዙሓት ካርታታትን ስእልታትን ከምኡ'ውን ሰደቓታትን ኣለዉ። እዚኦም ካብ ኢንካርታ፣ በዓልመዚ ስራሕቲ ካርታ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ማእከላዊ ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ፣ ኢንቴርኔትን ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ከምኡ'ውን ብውልቀ ካብ ኣይተ ሞላ ተድላ ብሩ (ዋና መዳለዊ'ዚ መፅሓፍ) ዝተወሰዱ ብምኳኖም ነዚኦም ብምልኦም ግቡእ ኣፍልጦ እናሃብና ስለተጠቐምናሎም ድማ ኣዚና ካብ ልቢ ነመስግን፡፡

© ፈለማ ወርሒ ሓምለ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ

**ምድላው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ**

**ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ**

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

**ከምኡ'ውን**

**ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ**

ቑ.ሳ.መ 21073

**ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ**

**ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሲቑፅሪ**

ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-128-2

# ትሕዝቶ



## ምዕራፍ ሓደ


**እንነብረሉ ዓለም ........................ 1**

1.1 ክፍለ ዓለማት - ኣንፃራዊ መርክቦን ስፍሓትን ........ 3

1.2 ህዝብታት ዓለም ........................................... 11

1.3 ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም ........................ 41

1.4 ኢንዱስትሪያል ወያነን ሳዕቤናቱን (ውፅኢቱን) ........ 72

- *መጠቓለሊ ......................................... 104*
- *ማህደረ ቃላት ................................... 108*
- *መጠቓለሊ ሕቶታት ......................... 112*




## ምዕራፍ ክልተ


**ገፀ መሬት ዝልውጡ ሓይልታት.... 117**

2.1 ደጋዊ ሓይልታትን ኣብ ቅርፀ መሬትን ህይወት ደቂ ሰባትን ዘለዎም ሳዕቤንን ................................ 119

2.2 ውሽጣዊ ሓይልታትን ኣብ ቅርፀ መሬትን መነባብሮ ወድሰብን ዘለዎም ሳዕቤንን ................................... 129

2.3 ኣብ ካርታ ርሕቐትን ስፍሓትን ምዕቃን ............... 136

- *መጠቓለሊ ......................................... 141*
- *ማህደረ ቃላት ................................... 142*
- *መጠቓለሊ ሕቶታት ......................... 143*



# ምዕራፍ ሰለስተ


## ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰብ ኣብ ስርዓተ ምህዳር


ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰብ ኣብ ስርዓተ ምህዳር .................................. 144

3.1 ወዲሰብ ኣብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘሕድሮ ፅዕንቶ .................................................. 145

3.2 መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም ............... 151

* መጠቓለሊ ........................................ 157
* ማህደረ ቃላት .................................... 157
* መጠቓለሊ ሕቶታት .......................... 158


# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ውራይ ህዝቢ


ውራይ ህዝቢ ................................ 160

4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ዛዕባታት ............................ 162


4.2 መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት — ሰብኣዊ መሰላት ንምትግባር ዘድልዩ ጥንቃቐታት ............. 178

4.3 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ሉላውነትን (ግሎባላይዜሽን) .................................. 195

* መጠቓለሊ ........................................ 206
* ማህደረ ቃላት .................................... 209
* መጠቓለሊ ሕቶታት .......................... 213

# ምዕራፍ ሓደ

# እንነብረላ ዓለም




## ውፅኢት እዚ ምዕራፍ

***ተምሃሮ ነዚ ይ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፤***

- መርከቦን ቐንዲ ገፅታትን ክፍለ ዓለማት ትገልፁ፡፡
- ቐንዲ ቋንቋታት ዓለም ትገልፁ፡፡
- ሓደሓደ ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም ተርድኡን ተድንቑን፡፡
- ሳሕውን ፅዑቕን ህዝቢ ዘለወን ከባብታት ዓለም ተለልዩን ነዚ ኣፈላላይ ዘምፅኡ ምኽንያታት ትፈልዩን፡፡
- ኢንድስትርያዊ ወያነ ዘሕደሮ ፅልዋ ትገልፁ፡፡
- ታሪኽ ተጋድሎ ኣንፃር ባዕዳዊ ኣገዛዝኣ ህዝብታት ኣፍሪካ ትግንዘቡ፤
- ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ከመይ ከምዝመፁ ትገልፁን እንታይ ከምዝነበሩን ተብርሁ፡፡

## ብቕዓታት’ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ’ዮም

***ተምሃሮ ነዚ ይ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ተማዕብሉ፤***

- ካርታ ሸውዓቲኦም ክፍለ ዓለማት ትስእሉ፡፡
- ኣንፃራዊ መርከቦ እቶም ክፍለዓለማት ትገልፁ፡፡
- ስፍሓት እቶም ክፍለ ዓለማት ተነፃፅሩ፡፡
- ኣብ መንጎ ኣዝዩ ዝለዓለን ዝተሓተን ብራኸታት ዓለምና ዘሎ ኣፈላላይ ትገልፁ፡፡
- ቀንዲ ቃላያትን ሩባታትን ዓለምና ተለልዩ፡፡
- ቀንዲ ቋንቋታት ዓለምና ዝዝረብሉ’ም ከባብታት ኣብ ካርታ ተመልክቱ፡፡
- ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም ንኣብነት ከም ማንዳሪን፣ እንግሊዝኛ፣ ስፓኝ፣ ዓረብኛ ወዘተ ትገልፁ፡፡
- እዞም ቋንቋታት ኣበየነዖት ሃገራት ከም ቋንቋ ስራሕ ኾይኖም ከምዘገልግሉ ኣብ ካርታ ዓለም ተመልክቱ፡፡
- ብምቕፃል ቋንቋ እንግሊዝኛ ንምንታይ ኣብ መላእ ዓለም ከምተስፋሕፈሐ ተመያየጡሉ፡፡
- ቋንቋታት ኪኪዩ፣ እንግሊዝኛን ኪስዋሂሊን ዝዛረብ ወዲ ኪኪዩ ኣመልኪቱ ዝተገብረ መፅናዕቲ ተመያየጡሉ፡፡

- ቋንቋ ኪስዋሂሊ ዝዝረበሎም ከባብታት (ሃገራት) ኣፍሪካ የለልዩ፣ ኣብ ካርታ ዝርግሐኡ ተመልክቱ::
- ቀንዲ ፍፃመታት ጥንታዊ ስልጣነታት ትገልፁ::
- ጥንታዊ ስልጣነታት ንሕዚ ዘላ ዓለምና ዘበርከትዎም ነገራራት ይርድኡን ተድንቑ::
- ኣዝዩ ስሕውን ፅዑቕ ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ዓለም ተለልዩ::
- ኣብ ዓለምና ዘሎ ዝተፈላለየ ዝርገሐ ህዝቢ መንቀልታት ዝኾኑ ነገራት ትገልፁ::
- ብሄረተኝነትን ባዕዳዊ መግዛእትን ውፅኢታት ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ከምዝኾነ ትግንዘቡ::
- ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣበይ ከምዝተጀመረ ተለልዩ::
- ኣፍሪካውያን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዘይምውዳቕ ዝገበርዎ ምክልኻል ተረድኡን ትንእዱን::
- ኣፍሪካውያን ዘካየድዎም መርኣያ ዝኾኑ ዕዉት ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቃልስታት ትህቡ::
- ውፅኢታት ክልቲኦም ኩናታት ዓለም ትፈልጡ::
- ምውፃእ ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ምስ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዘለዎ ዝምድና ትገልፁ::
- ጥንታዊ ስልጣነታት ሮማን ቻይናን ኣመልኪቱ ዝተገብሩ መፅናዕትታት ትግለፁሎም:: ብድሕሪኡ ነዞም ከባብታት ኣብ ካርታ ተመልክቱ::
- ኣስዒቦም ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ካልኦት ከባብታት ንኣብነት ከም ኢንካውያን፣ ፋርስያውን፣ ግሪካውያንን ወዘተ ተብርሁ:: ብዛዕባ`ዞም ጥንታዊ ስልጣነታት መፅናዕቲ ተካይዱ::
- ነዞም መፅናዕትታት ምስፈተሹ ቀንዲ ፍፃመታት እቶም ጥንታዊ ስልጣነታት ትዝርዝሩ::
- ኣብ ሞንጎ ምብራቕ ኣፍሪካን ቻይናን ዝነበሩ ጥንታዊ ርክባት (ዝምድናታት) ንግድን ከምኡ`ውን ኣብ ገማግም ኬንያ ዝተረኽበ ሽኽላ ቻይናውያንን ትዝርዝሩ::

# መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ቀዳማይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ብዛዕባ እንነብረላ ዓለም ዝምልከት እንትኸውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ርእስታት ዝሓዘ'ዩ:: ስለዚ ፈለማ ብዛዕባ ክፍለዓለማት ክትመሃሩ እንትትኮኑ ኣብ ትሕቲ'ዚ ንኡስ ኣርእስቲ ድማ ኣንፃራዊ መርከቦን ስፍሓትን ክፍለዓለማት፣ ቀንዲ ገፅታታት ክፍለ ዓለማት፣ ከምኡ'ውን ቀንዲ ሩባታትን ቃላያትን ክፍለዓለማት ዝብሉ ኣርእስታት ብካርታታትን ዝተፈላለዩ መልመድታትን እናተሓገዝኩም ክትመሃሩ ኢኹም:: ብምቕፃል ብዛዕባ ህዝብታት ዓለም ኣብዝብል ንኡስ ርእሲ ዓሰርተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም ንኽትመሃሩ ብካርታን ዝርግሐን ዘመላኽት ትምህርቲ ተዳልይልኩም'ዩ:: ድሕሪ'ዚ ርእሲ ድማ ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርግሐኦምን ናብዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ትቕፅሉ:: ኣብዚ ርእሲ ብፍላይ ብዛዕባ ዓሰርተ ብዙሕ ህዝቢ ዓለም ዝዛረቡሎም ቋንቋታት ክትፈልጡ ኢኹም::

ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም ንክትመሃሩ ዝተዳለወ ንኡስ ርእሲ እንትህልው ኣብዚ ውሽጢ ብፍላይ ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪካውያን፣ ሮማውያን፣ ቻይናውያን፣

ፈረሳውያንን ኢንካውያንን ዝምልከቱ ብካርታታትን ስእላዊ መግለፅታትን እናተሓገዝኩም ንክትመሃሩ ተገይሩ'ዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ሓገዝቲ ንጥፈታትን መልመድታትን'ውን ኣለዉ፡፡ ብምቕፃል ብዛዕባ ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም ዝምልከት ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ ኣብትሕቲ'ዚኦም ድማ ኣርባዕተ ኣርእስትታት ኣለዉ፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ዝርግሐ ህዝቢ ዓለም፣ መንቀልታት ኣፈላላይ ዝርግሐ ህዝቢ ዓለም፣ መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዓለም፣ ከምኡ'ውን ቀንዲ ሃይማኖታት ዓለም ዝምልከቱ ይርከብዎም፡፡ እዚኦም ድማ ብካርታታትን ስእልታት ኣደጊፍኩም ክትመሃሩን ክትመያየጡን ተሓሲቦም ዝተዳለዉ እንትኾኑ ብዙሓት መልመድታት'ውን ኣለዉ'ዮም፡፡


ካብዚ ብምቕፃል ብዛዕባ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነን ሳዕቤናቱን ዝብል ንኡስ ርእሲ እንትህልው ኣብ ትሕቲ'ዚ ድማ ብዙሓት ርእስትታት ኣለዉ፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ኣጀማምራ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ፣ ውፅኢትን ሳዕቤንን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣመልኪቱ ብዛዕባ ብሂረተኝነትን ባዕዳዊ መግዛእትን ከምኡ'ውን ምኽታምነትን፣ መንቀሊ ምኽንያታት ቀዳማይ ኲናት ዓለም፣ ቀዳማይን ካልኣይን ኲናት ዓለም፣ ከምኡ'ውን ኣፍሪካውያን ኣንፃር ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘካየድዎ ተጋድሎ ዝምልከቱ ብካርታታትን ስእልታትን ከምኡ'ውን ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዓይነታት መልመድታት ዝተሰነይዎም ይርከቡ፡፡

ስለዚ እዚ ምዕራፍ ኣዝዮም ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ንትምሃሮ ዘተባብዑ'ዮም፡፡ ነዚ ምዕራፍ ኣዝዩ ሰሓባይ ንምግባር ዝተፈላለዩ መግለፅታትን መሀንቀውታት ስእላዊ መግለፅታትን ኣለዉ'ዮም፡፡ እሞ ተምሃሮ እናተመያየጥኩምን እናሓተትኩምን ምስ መምህርኩም ፅቡቕ ከምትረዳድኡ ትፅቢት ንገብር፡፡

# 1.1 ክፍለ ዓለማት - ኣንፃራዊ መርከቦን ስፍሓትን

## 1.1.1 ኣንፃራዊ መርከቦን ስፍሓትን ክፍለ ዓለማት

ተምሃሮ እንነብረላ ትግራይ ክልል እንትትከውን ኢትዮጵያ ድማ ሃገር እያ። ኣብ 7ይ ክፍሊ ዝተመሃርኩምዎ እትነብሩላ ኣፍሪካ ኸ እንታይ እያ ማለት እዩ? ክፍለ ዓለም ዝበሃል ኣብ እንነብረላ ዓለም ኣዝዩ ሰፊሕ ክፋል መሬት ዝሓዘ እዩ፡፡ ንክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ሓዊሱ እንነብረላ ዓለም ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት ዝሓዘት እያ፡፡ ተምሃሮ ነዚ ዝስዕብ ካርታ ኣብ ደፍተርኩም ሰኣሉ፡፡ ሉል (ግሎብ)፣ ካርታ ዓለምን ኣትላስን ተጠቒምኩም ነተን ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት ኣለልዩ። ቀፂልኩም ድማ ብመሰረት ዝተውሃበን ቑፅሪ ስም እተን ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት ኣብ ደፍተርኩም ኣስፍሩ፡፡




ካርታ 1.1: ክፍለ ዓለማት



## ዕዮ ጉጅለ 1.1

ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ ሕቶታት ብመንፅር ኣንፃራዊ መርክቦን ስፍሓትን ክፍለዓለማት ብጉጅለ ኾይንኩም መልሱ።

1 ተምሃሮ በብሰለስተ ኮይንኩም ካርታ ዓለም ተጠቒምኩም ምይይጥ ብምክያድ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምምላስ ኣብ ደፍተርኩም ኣስፍሩ፡፡

ሀ ካብ ኣፍሪካ ብሰሜን ኣንፈት እትርከብ ክፍለ ዓለም መን እያ?

ለ ብመንፅር ኣውስትራልያ /ኦሻንያ/ ኣንፃራዊ መርክቦ ኤስያ በየናይ ኣንፈት'ዩ?

ሐ ካብ ሰሜን ኣመሪካ ብኣንፈት ምብራቕ ዘላ ክፍለ ዓለም መን'ያ?

መ ካብ ኤስያ ብደቡብ ምዕራብ እትርከብ ክፍለ ዓለም መን እያ?


ሠ ካብ ኣፍሪካ ይኹን ኣውስትራልያ /ኦሻንያ/ ንደቡብ ኣንፈት ዘሎ ክፍለ ዓለም መን ይባሃል?

ረ ደቡብ ኣመሪካ ብመንፅር ኣፍሪካ ኣበየናይ ኣንፈት ትርከብ?

ሰ ንሰሜን ክፍለ ዓለም ኣመሪካ ዝቐረበት ክፍለ ዓለም መን እያ?


ሸ ኣብ መንን ሃገርን ክፍለ ዓለምን ዘሎ ፍልልይ እንታይ እዩ?

2 ተምሃሮ ነዚ ዝስዕብ ካርታ ዓለም ኣብ ደብተርኩም ብምስኣል ስፍሓት እተን ክፍለ ዓለማት ብሕብሪ ለኺኹም ኣነፃፅሩ፡፡ ነታ ዝዓበየት ክፍለ ዓለም ብጫ ሕብሪ ነታ ካልኣይቲ ዝዓበየት ቆፅላወይ፣ ነታ ሳለስይቲ ቡናዊ፣ ነታ ራብዓይቲ ቀይሕ፣ ነታ ሓምሸይቲ ሰማያዊ ነታ ሻድሸይቲ ሮዝ ሕብሪ ቅብእወን፣ ነታ ዝነኣሰት ድማ ብፃዕዳ ግደፍዋ፡፡ ብመሰረት'ዚ እታ ዝዓበየት ክፍለ ዓለም መን እያ? እታ ዝነኣሰትከ? ተምሃሮ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ብስፍሓት ኣብ መበል ክንደይ ደረጃ ትስራዕ?




ካርታ 1.2: ስፍሓት ክፍለ ዓለማት

ተምሃሮ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተሳኢሉ ዘሎ ግራፍ - ፓይ ብጉጅለ እናተመያየጥኩም ብምርኣይ ነተን ክፍለ ዓለማት ብመጠን ስፍሓተን ኣነፃፅሩወን፡፡ ንኹለን ክፍለዓለማት ድማ ብመጠን ስፍሓተን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻብዓይ ደረጃ ስርዕወን፡፡




ስእሊ 1.1: ስፍሓት ክፍለዓለማት ዘርኢ ፓይ ግራፍ

*ተምሃሮ እስቲ ሕዚ ድማ ነቶም ኣቐዲምኩም ዝተመያየጥኩምሎም ቁምነገራት ምስዚ ቀፂሉ ዝቐርብ ትምህርቲ ኣነፃፅሩዎም?*

1 **ኣፍሪካ፤** ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ብስፍሓታ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት እያ፡፡ ኣፍሪካ ብኣንፈታት ሰሜን ምዕራብ፣ ምዕራብን ደቡብ ምዕራብን ምስ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ትዳባ፡፡ በኣንፈታት ምብራቕን ደቡብ ምብራቕን ድማ ምስ ውቅያኖስ ህንዲ ትዳባ፡፡ በኣንፈት ሰሜን ድማ ምስቲ ኣፍሪካ ካብ ኣውሮፓ ዝፈልያ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ትዳባ፡፡ ብኣንፈት ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪካ ድማ ቀይሕ ባሕሪ ኣሎ፡፡ ተምሃሮ ኣንፃራዊ መርከበ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ነዚ እዩ ዝመስል፡፡

2 **እስያ፤** እታ ብስፍሓታ ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘት ክፍለ ዓለም እስያ እያ፡፡ እስያ ብኣንፈት ምዕራብ ምስ ኣውሮፓን ኣፍሪካን ትዳወብ፡፡ ብኣንፈት

ምብራቕ ድማ ምስ ውቅያኖስ ፓስፊክ ከምኡ’ውን ብደቡብ ምስ ውቅያኖስ ህንዲ ትዳወብ፡፡

3 **ኣውሮፓ፤** ክፍሊ ዓለም ኣወሮፓ ብኣንፈት ምዕራብ ምስ ሰሜናዊ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ትዳወብ፡፡ ብደቡብ ምስ ባሕሪ ሜዲተራንያን ከምኡውን ብምዕራብ ምስ ክፍለ ዓለም እስያ ትዳወብ፡፡ ሰሜናዊ ኣውሮፓ ምስ ውቅያኖስ ኣርክቲክ እዩ ዝዳወብ፡፡ ኣውሮፓ ብስፍሓታ ሻድሻይቲ ክፍለ ዓለም እያ፡፡

4 **ደቡብ ኣመሪካ፤** ክፍለ ዓለም ደቡብ ኣመሪካ ብዙሕ ግዜ ላቲን ኣመሪካ ተባሂላውን ትፅዋዕ እያ፡፡ ደቡብ ኣመሪካ ብምዕራብ ምስ ውቅያኖስ ፓስፊክ ብምብራቕ ድማ ምስ ሰሜናዊ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ትዳወብ፡፡ ብሰሜን ድማ ምስ ሰሜን ኣመሪካ ትዳወብ፡፡ ደቡብ ኣመሪካ ብስፍሓታ ኣብ 4ይ ደረጃ ትስራዕ፡፡

5 **ሰሜን ኣመሪካ፤** እዛ ክፍለ ዓለም ብምዕራብ ምስ ውቅያኖስ ፓስፊክ ብምብራቕ ድማ ምስ ውቅያኖስ ሰሜን ኣትላንቲክ ትዳወብ፡፡ ብደቡብ ምስ ክፍለዓለም ደቡብ ኣመሪካ፣ ብሰሜን ድማ ምስ ውቅያኖስ ኣርክቲክ ትዳወብ፡፡ ክፍለ ዓለም ሰሜን ኣመሪካ ብስፍሐታ ሳልሰይቲ እያ፡፡

6 **ኣውስትራሊያ፤** ኣውስትራሊያ እታ ዝንኣሰት ክፍለ ዓለም እያ፡፡ ኣውስትራልያ ብውቅያኖሳት ህንድን ፓስፊክን ዝተኸበበት ደሴት ክፍለ ዓለም እያ፡፡

7 **ኣንታርክቲካ፤** እዛ ሰብ ዘይነብረላ ክፍለ ዓለም ኣብ ከባቢ ደቡባዊ ዋልታ እያ ኣትርከብ፡፡ ዝተሓተ መጠን ረስኒ ዘለዋ ክፍለ ዓለም’ያ፡፡

## 1.1.2 ቀንዲ ገፅታታት ክፍለ ዓለማት

ተምሃሮ ካብ ክፍልኹም ናብ ቤት ትምህርትኹም ኣብ እትመላለስሉ እዋን ካብ ቀረባ ክሳብ ርሑቕ ዘሎ ገፀ ምድሪ እስቲ ተዓዘቡ። ክፍለ ዓለማትና ዝተፈላለዩ ገፅታት ኣለውዎም። እምባታት፣ ሽንጥሮታት፣ ከበሳታት፣ ማያዊ ኣካላት፣ መታሕታት ወዘተ እቶም ቐንድታት እዮም።

ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ዓለምና እቲ ኣስታት 70% ብማያዊ ኣካላት ዝተሸፈነ እዩ። እቲ ዝተረፈ 30% ድማ ብክፍለ ዓለማት ዝተሸፈነ እዩ። እቲ ብማያዊ ኣካላት ዝተሸፈነእውን ኣዝዩ ዝበዝሐ ክፋሉ ብጨው ብዝተመልኡ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ዝተሸፈነ እዩ።

ተምሃሮ እስቲ ካርታ ዓለም ተጠቒምኩም ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ሕድሕድ ክፍለዓለም ዝርከቡ ኣዝዮም በረኽቲ ዝኾኑ ጫፍ እምባታት ኣለልዩ? ኣበየናይ ክፍለዓለም ከምዝርከቡ ድማ ኣብ ደፍተርኩም ፀሓፉ። ኣብ ዓለም እቶም ዝለዓለ ብራኽ ዘለዎም ኣብ እስያ ዝርከቡ ሰንሰለታዊ እምባታት ሂማላያ እዮም። እቲ ዝለዓለ ብራኽ ዘለዎ

ጫፍ እምባ ኣብ ሂማላያ ዝርከብ እምባ ኤቨረስት እዩ። ካልኦት ድማ እምባታት ክሊማንጃሮ፣ ቪካሽን፣ ኮስክሉስኮ፣ ኤልቡሩስ፣ ኣኮንኳን፣ ሚኪንለይ ዝበሃሉ ዓበይቲ እምባታት ኣለዉ፡፡ እስቲ ሕድሕዲኦም ኣበየናይ ክፍለ ዓለም ከምዝርከቡ ካርታ እናረአኹም ኣለልዩ።

*ተምሃሮ ነዞም እምባታት ኣብ ካርታ ክተለልዩ እንተለኹም ብምንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝተገለፁ ኣለኺኹም ዶ?*

ተምሃሮ እዞም ብራኸኦም ካብ ልዕሊ 4 ሽሕ ክሳብ ልዕሊ 8 ሽሕ ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ዝበፅሑ እዮም። ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ኩለን ክፍለ ዓለማት ኣዝዩ ዝተሓተ ብራኸ ዘለዎም ገፅታት ኣለዉ እዮም።

ተምሃሮ ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ዝተሓተ ብራኸ ዘለዎ ቦታ ኣበይ ከም ዝርከብ ተመሂርኩም ኔርኩም። ትዝክርዎ ዶ? ኣብ ዓለም እቲ ኣዝዩ ዝተሓተ ቦታ ኣብ ክፍለዓለም እስያ ዝርከብ ምውት ባሕሪ ዝበሃል እዩ፤ እስቲ ምውት ባሕሪ ኣብ ካርታ ዓለም ኣበይ ከምዝርከብ ኣለልዩ። ካብ ቀይሕ ባሕሪ በየናይ ኣንፈት ይርከብ?

| ክፍለ ዓለም | ስፍሓት ብትርብዒት ኪ.ሜ. | % ካብ ስፍሓት መሬት | ጫፍ ዝለዓለ ብራኸ | ብራኸ ዝለዓለ ጫፍ (ብሜትሮ) | ዝተሓተ ብራኸ | ብራኸ ዝተሓተ ጫፍ (ብሜትሮ) |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ኣፍሪካ | 30.3 ሚልዮን | 21.4 | ክሊማንጃሮ | 5,895 ልዕሊ ፀ.ባ | ቃላይ ኣሳል | 153 ትሕቲ ፀ.ባ |
| ኣንታርክቲካ | 13.7 ሚልዮን | 9.2 | ቪካሽን | 4,892 ልዕሊ ፀ.ባ | ፀፍሒ ባሕሪ | ዜሮ (ፀፍሒ ባሕሪ) |
| እስያ | 48.4 ሚልዮን | 30.7 | ኤቨረስት | 8,848 ልዕሊ ፀ.ባ | ምውት ባሕሪ | 423 ትሕቲ ፀ.ባ |
| ኣውስትራልያ | 8.3 ሚልዮን | 5.1 | ኮስክሉስኮ | 2,228 ልዕሊ ፀ.ባ | ቃላይ ኤይር | 15 ትሕቲ ፀ.ባ |
| ኣውሮፓ | 14 ሚልዮን | 7.3 | ኤልብሩስ | 5,642 ልዕሊ ፀ.ባ | ባሕሪ ካስፒያን | 28 ትሕቲ ፀ.ባ |
| ሰሜን ኣመሪካ | 24.4 ሚልዮን | 16.3 | ሚኪንለይ | 6,194 ልዕሊ ፀ.ባ | ምዉት ሽንጥሮ | 111 ትሕቲ ፀ.ባ |
| ደቡብ ኣመሪካ | 17.8 ሚልዮን | 10 | ኣኮንኳን | 6,960 ልዕሊ ፀ.ባ. | ባሊናስ ግራደስ | 40 ትሕቲ ፀ.ባ |

ሰደቓ 1.1: ክፍለ ዓለማት

## 1.1.3 ቀንዲ ሩባታትን ቃላያትን ዓለም

ሩባታት፤ ተምሃሮ እስቲ ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሩባታት ፅርሑ? ኣብ ሃገርና ኸ እንታይ ዝበሃሉ ዓበይቲ ሩባታት ትዝክሩ? ኣብ ዓለምና ብዙሓት ዓበይቲ ሩባታት ኣለዉ እዮም። ካርታ ዓለም ብምርኣይ እስቲ ካብ ሕድሕድ ክፍለ ዓለም ክልተ ሩባታት ኣለልዩ፣ ኣስማቶም'ውን ኣነፅሩ። ኣብ ካርታ ሩባታት መብዛሕትኡ ግዘ ብቐጢን ሰማያዊ ሕንፃፅ'ዮም ተመላኺቶም ዝርከቡ።




ካርታ 1.3: ሩባታትን ቃላያትን ዓለም



## ዕዮ ጉጅለ 1.2

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካርታ ዓለም ኣብ ደፍተርኩም ስኣሉ። ካርታ ዓለም ተጠቒምኩም ምይይጥ ብምክያድ እዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ሩባታት ዓለምና ኣበየናይ ክፍለ ዓለም ከም ዝርከቡ ኣነፅሩ። ሰማያዊ ሕብሪ ተጠቒምኩም ድማ ኣስማቶም ብምፅሓፍ ኣብ ደፍተርኩም ኣብ ዝሰኣልክምዎ ካርታ ኣመልክቱ። ሩባታት

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1 | ኮንጎ | 5 | ሚሲሲፒ |
| 2 | ናይል | 6 | ሙሬ |
| 3 | ዳንዩብ | 7 | ያንግዝ |
| 4 | ኣማዞን | | |

ተምሃሮ ኣብ ዝሰኣልኩምዎ ካርታ ካብ ዓለም እቲ ዝነውሐ ሩባ ኣብ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ዝርከብ ሩባ ናይል ከም ዝኾነ ተገንዚብኩም ዶ?

**ቃላያት**፡ ተምሃሮ ንከባቢኹም ዝቐረበ ቃላይ መን እዩ? ኣብ ሃገርና እቲ ዝዓበየ ቓላይ መን ከምዝኾነ ካርታ ኢትዮጵያ ብምርኣይን ካብ ሕሉፍ ትምህርትኹም ብምዝካርን ስርሑ።



## ዕዮ ጉጅለ 1.3

በብኽልተ ተጎጂልኩም ካርታ ዓለም ብምርኣይ ነዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ቓላያት ዓለም ኣለልዩ። ብምቕፃል ኣብቲ ሩባታት ዝሰኣልኩምሉ ደፍተር ካብ ካርታ 1.3 ነዞም ዝስዕቡ ቓላያት ኣብ ትኽክለኛ ቦትኦም ብሰማያዊ ሕብሪ ሰኣልዎም።

1 ኣብ ክፍለዓለም ሰሜን ኣመሪካ ዝርከብ ካብ ዓለም ዝለዓለ ስፍሓት ዘለዎ ቃላይ ሱፐርየር

2 ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከብ ቃላይ ኤይረ

3 ኣብ ኣፍሪካ ዝርከብ ቃላይ ቪክቶርያ

4 ኣብ ሩስያ ዝርከብ ካብ ዓለም ብዕምቆቱ ቐዳማይ ዝኾነ ቓላይ ባይካል

5 ኣብ ከባቢ ምብራቕ ኣውሮፓ ዝርከብ ቓላይ ካስፒያን

6 ዝመረፅኩምዎም ካልኦት ክልተ ቓላያት።

# መልመዲ 1.1

**I ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል እንተኾይኖም 'ሓቂ'፣ ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሱ።**

1 ክፍለ ዓለም ካብ ሃገር ይሰፍሕ።

2 ዓለምና ዓሰርተ ክፍለዓለማት ዝሓዘት እያ።

3 ክፍለዓለም ኣንታርክቲካ ካብ ክፍለ ዓለም ኣውሮፓ ይኹን ካብ ክፍለ ዓለም ኣውስትሬልያ /ኦሽንያ/ ትሰፍሕ እያ።

4 ሩባ ሚሲሲፒ ኣብ ክፍለዓለም ሰሜን ኣመሪካ ይርከብ።

5 ሩባ ሙሪ ኣብ ኣውስትራልያ ይርከብ

**II ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፅታት ውሽጢ ዝበለፀ ቅኑዕን ትኽክልን ዝኾነ መልሲ ምረፁ።**

6 ብኣንፈት ሰሜን ክፍለዓለም ደቡብ ኣመሪካ ዝርከብ ክፍለ ዓለም መን ይበሃል?

ሀ. ስሜን ኣመሪካ ሐ. ኣውሮፓ

ለ. ኣፍሪካ መ. ኣውስትራልያ

7 ካብዘን ዝስዕባ ክፍለ ዓለማት ንኣፍሪካ ዝቐረበት ኣየነይቲ እያ?

ሀ. ደቡብ ኣመሪካ ሐ. ኣውሮፓ

ለ. ኣውስትራልያ መ. ኣንታርክቲካ

8 ካብዘን ዝስዕባ ክፍለ ዓለማት እታ ዝሰፍሐት ኣየነይቲ እያ?

ሀ. ኣውሮፓ ሐ. ኣውስትራልያ

ለ. ኣፍሪካ መ. ደቡብ ኣመሪካ

9 ካብዞም ዝስዕቡ ጉጅለታት እቲ ዝነኣሰ ክፍለ ዓለማት ዝሓዘ ኣየናይ ጉጅለ እዩ?

ሀ. ኣፍሪካ፣ ኣውሮፓ፣ ኣንታርክቲካ

ለ. ኤስያ፣ ኣውስትራልያ፣ ደቡብ ኣመሪካ

ሐ. ሰሜን ኣመሪካ፣ኣውሮፓ፣ ኣውስትራልያ

መ. ኣንታርክቲካ፣ ኣውሮፓ፣ ኣውስትራልያ

10 ሩባ ኣማዞን ኣበየናይ ክፍለዓለም ይርከብ?

ሀ. ሰሜን ኣመሪካ ሐ. ደቡብ ኣመሪካ

ለ. ኣፍሪካ መ. እስያ

11 ንሩባ ናይል ዝቐረበ ሩባ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ያንግዘ ሐ. ኣማዞን
ለ. ዳንዩብ መ. ሚሲሲፒ

12 ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝርከብ ሩባ ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ሚሲሲፒ ሐ. ሙሪ
ለ. ኣማዞን መ. ኮንጎ

13 ኣብ ዓለምና ብዕምቆቱ ተወዳደሪ ዘይብሉ ቓላይ ኣበይ ይርከብ?

ሀ. ኣመሪካ ሐ. ሩስያ
ለ. ኣውስትራልያ መ. ቻይና

14 ኣብ ዓለምና ዝተሓተ ብራኸ ዘለዎ ቦታ መን እዩ?

ሀ. ምውት ባሕሪ ሐ. ኣንታርክቲካ
ለ. ኤቨረስት መ. ያንግትዠ

15 ኣብ ዓለምና ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎ እምባ መን እዩ?

ሀ. ክሊማንጃሮ ሐ. ዊልሃም
ለ. ናይል መ. መልሲ የለን

**III** *መርክቦ ናይዞም እምባታት ምስ ዝርከብዎ ክፍለ ዓለም ኣዛምዱ።*

| ሀ | | ለ |
|---|---|---|
| 16 | ኤቨረስት | ሀ. ደቡብ ኣመሪካ |
| 17 | ክሊማንጃሮ | ለ. ኣውስትራልያ |
| 18 | ኣኮንኳጓ | ሐ. ኣውሮፓ |
| 19 | ሚኪንለይ | መ. ኣፍሪካ |
| 20 | ኤልብሩስ | ሰ. እስያ |
| | | ረ. ሰሜን ኣመሪካ |

# 1.2 ህዝብታት ዓለም

## 1.2.1 ቀንዲ ቋንቋታት ዓለም

ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ተማሂርኩም ከምዝነበርኩም ትዝክሩ ዶ? ዘርዝርዎም:: ቋንቋታትን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣብ 7ይ ክፍሊ ተማሂርኩም ነይርኩም:: ትዝክሩ ዶ? ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለምና ኸ ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ስእሊ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም መሰረት ገይርኩም ብጉጅለ ተመያየጡ::



## ዕዮ ጉጅለ 1.4

**ጉጅለ ፩** – ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ቀንዲ ቋንቋታትን ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎም ቋንቋታት ዘርዝሩ።

**ጉጅለ ፪** – ኣብ ኣውሮፓ፣ ኣመሪካን ካናዳን ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዘርዝሩ። ኣብዘን ሃገራት ዝዝረቡ ቋንቋታት ክንድዝከኣልኩም ግለፁ።

**ጉጅለ ፫** – ኣብ ኣህጉር እስያ ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዘርዝሩ። ብህዝቢ እስያ ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝተወሰኑ ግለፁ።

**ጉጅለ ፬** – ኣብ ዓለም ካብዝዝረቡ ቋንቋታት ብመሰረት ብዙሕ ህዝቢ ዝጥቀሙሎም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ዓሰርተ ቋንቋታት ዓለምና ዘርዝሩ።

ኣብ ዓለምና ገፊሕ ሽፋን ዘለዎምን ተቐባልነት ዝረኸቡን ዓሰርተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ:: ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለምና ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ`ዮም፤


- ኢንዶ - ዩሮፕያን
- ዩራሊክ
- ካውካሲዮን
- ሲኖ - ቲበታን
- ኣውስትሮ - ኤሽያቲክ ኣልታይክ
- ኣውስትሮሲያን (ማለዮ-ፖሊኔስያን)
- ኣፍሮ ኤሽያቲክ
- ኒጀር ኮንጎ
- ኒሎ ሰሃራን (ኣባይ ሰሃራዊ)

1 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኢንዶ - ዩሮፕያን፤** ብገፊሑ ኣብ ኣውሮፓ ዝርከቡ ሃገራትን ኣመሪካን ብዙሓት ዝዛረቡሎም ቋንቋታት ዝሓቑፈ`ዩ:: ብተወሳኺ ካብ ምዕራብ ኣውሮፓ ጀሚሩ ክሳብ ሰሜናዊ ህንዲ ኣብዘለዉ ኣዝዮም ብዙሓት ሃገራት ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝሓቑፈ`ዩ:: ኣብ ዓለምና ብዝርከቡ ህዝብታት ብብገፊሑ ዝዝረበሎም ስለዝኾኑ ካብ 1.6 ቢሊዮን ንላዕሊ ተዛረብቲ`ዚ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ:: ኢንዶ - ዩሮፕያን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋ ካብ ሸውዓተ ዘይነኣሱ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉዎ:: እዚኦም ድማ ዝስዕቡ`ዮም፤

- *ጀርመኒክ ቋንቋታት፤ ቋንቋታት እንግሊዝኛ፣ ጀርመንኛን ዳች ወዘተ ዝርከብዎም`ዮም::*
- *ስካንዲኒቪያን ቋንቋታት፤ ቋንቋት ዳኒሽ፣ ኖርወጂያንን ስዊዲሽን ወዘተ ይርከብዎ::*
- *ሮማውያን ቋንቋታት፤ ቋንቋታት ጣልያን፣ ፈረንሳይ፣ ፖርቱጊዝን ስፓኝን ይርከዎም::*
- *ቦልቲክ ቋንቋታት፤ ቋንቋታት ሊቱዋንያን ላትቪያን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም::*

- *ስላቪክ ቋንቋታት፤ ኣብ ምብራቕን ማእኸላይን ኣውሮፓ ከምኡ`ውን ሩስያ ዝዝረቡ ቋንቋታት ከም ዩክሬይንኛ፣ ፖሊሽኛ፣ ዘችኛ፣ ሰርብኛ፣ ክሮሽይኛ፣ ቡልጋሪያኛን ሩስይኛን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም።*
- *ባልካን ቋንቋታት፤ ቋንቋታት ግሪክን ኣልባንያን ኣብዚ`ዮም ዝሕቆፉ፡፡*
- *ኢንዶ ኢራንያን ቋንቋታት፤ ኣብ ደቡብ ምዕራብ እስያን ምዕራብ ህንድን ከምኡ`ውን ፋርስ፣ ኔፓል፣ ባንግላዲሽ፣ ሲሪላንካ፣ ኣፍጋኒስታንን ዝርከቡ ቋንቋታት ይሓቁፍ`ዩ፡፡*

ተምሃሮ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኢንዶ-ዩሮፕያን ዝዝረበሎም ሃገራትን ዝርግሐኦምን ብዝምልከት ኣብ ዝስዕብ ካርታ ርአዩ፡፡ ብዛዕባ ሸውዓቲኦን ቤተሰብ ቋንቋታት`ውን ተመያየጡ፡፡




ካርታ 1.4: ዝርግሐ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም

2 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዩራሊክ፤** ኣብዚ ቤተሰብ ቋንቋ ዝተሓቑፉ ኣብ ሰሜናዊ ኣውሮፓን ክሳብ ሰሜናዊ ምዕራብ ኤስያን ኣብዝርከቡ ሃገራት ዝተዘርግሑ ቋንቋታት ዝሓቖፈ እዩ። ኣብ ማእኸላይ ኣውሮፓ ግና ቋንቋ ሃንጋሪያውያን ጥራሕ ኣብ ትሕቲ`ዚ ቋንቋ ተመዲቡ ይርከብ፡፡ ተምሃሮ ሃንጋሪ እትበሃል ሃገር ኣብ ካርታ ኣውሮፓ ውሽጢ ኣበይ ከምትርከብ ርአዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ`ዚ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋ ካብዝርከቡ ቤተሰብ ቋንቋታት እቲ ዓብላላይ ዝኾነ ፊኖ - ዩግሪክ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝበሃል እዩ፡፡ እዚ ቤተሰብ ቋንቋ ድማ ንቋንቋታት ፊንላንድ (ፊኒሽኛ)፣ ሃንጋሪያን (ሃንጋሪኛ)፣ ኢስቶንያ (ኢስቶንኛ) ን ሳኣሚኛን ዝሓቖፈ`ዩ። ተምሃሮ ነዞም ሃገራት ኣብ ካርታ ዓለም ብምርኣይ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዩራሊክ ተመያየጡ።




ካርታ 1.5: ዝርግሐ ቋንቋታት ዩራክሊን

3 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ካውካሲዮን፤** እዚኦም ኣብ ሞንጎ ደቡባዊ ምብራቅ ኣውሮፓ ክሳብ እስያ ኣብዝርከቡ እምባታት ካውካስያ ዝርከቡ ቋንቋታት ኾይኖም ንጆርጂያኛ፣ ስቫንኛ፣ ኮዝያንኛ፣ ቺቺንያኛ፣ ሚንግሬሊያንኛን ላዝኛን ዝበሃሉ ቋንቋታት ኣብ ሰሜንን ደቡብን ካውካስያ ዝሓቖፈ`ዩ። ተምሃሮ ዝርግሐን ሽፋንን እዚ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣብ ካርታ ተመልከቱ።

4 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ሲኖ - ቲበታን፤** ካብ ኢንዶ-ዩሮፕያን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ቀፂሉ ኣብ ዓለም ብዘለዉዎ በዝሒ ተዛረብቲ ህዝቢ ካልኣይ ደረጃ ዝርከብ`ዩ። እዚ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣብ መብዛሕትኡ ቻይና፣ መብዛሕትኦም ሂማላውያን፣ ደቡባዊ ምብራቕን ደቡባዊ ማእኸልን እስያ ብብዙሓት ተዛረብቲ ዝውነኑ ቋንቋታት ዝሓቖፈ እዩ። **ቲበቶ - በርማን ሲኒቲክን** ዝበሃሉ ክልተ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። ኣብ ትሕቲ`ዞም ክልተ ቤተሰብ ቋንቋታት ድማ ካብ 200 ዘይነኣሱ ዝዝረበሎም ቋንቋታት ኣለዉ፡፡ ኣብ ቲበቶ-በርማ ብዙሓት ቋንቋታት እንትህልዉ ኣብ ሲኒቲክ ድማ ብዙሓት ተዛረብቲ ቋንቋ ማንዳሪን ኣለዉ፡፡ ቋንቋ ማንዳሪን ብህዝቢ ቻይናውያን ዝዝረብን ኣብ ዓለምና ዝለዓለ በዝሒ ተዛረብቲ ህዝብታት ዘለውዎ እዩ፡፡ ብዘዕባ`ዞም ክልተ ቤተሰብ ቋንቋታት ዘለዎም ሽፋን ተዛረብትን ከባቢኦምን ንምርዳእ ቀፂሉ ዝርከብ ካርታ ርአዩ። ስለዚ ኣብ ትሕቲ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ሲኖ - ቲበታን ብዋናነት ዝዝረቡ ቋንቋታት እንትንርእይ ማንዳሪን፣ ቲበታንኛ፣ በርሜዝኛ፣ ከምኡ`ውን ኣብ ታይላንድ፣ ላኦስን ደቡባዊ ምብራ`ቕ ቻይናን ብበዝሒ ዝዝረቡ 'ታይኛ' ዝበሃሉ ቋንቋታት ይርከቡ።




ካርታ 1.6: ዝርግሐ ቋንቋታት ሲኖ ቲበታን

5 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣውስትሮ ኤሽያቲክ፤** እዚኦም ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ እስያ፣ ደቡብ እስያ፣ ፓኪስታን፣ ህንዲ፣ ቬትናም፣ ካምቦዲያ ወዘተ ኣብ ዝመሳሰሉ ሃገራት ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝሓዙ እዮም። ስለዝኾነ ድማ ሂንዱ፣ ቬትናምኛ፣ ክህመርኛን ኣብ ትሕዚ ዝምደቡ ቋንቋታት እዮም።

6 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣልታይክ፤** ካብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣውሮፓ ጀሚሩን ማእኸላይ እስያ ሓዊሱ ክሳብ ርሑቕ ምብራቕ እስያ ኣብ ዘለዉ ተዛረብቲ ተዘርጊሖም ዝርከቡ ቋንቋታት ዝጠመረ እዩ። ብዋናነት ቱርኪክ (ቱርክኛ)፣ ቱንጉሲክኛ፣ ሞንጎሊክ (ሞንጎልኛ)፣ ኣብ ሩስያ ዝዝረቡ ቋንቋታት፣ ኮሪያኛን ጃፓንኛን፣ ከምኡ'ውን ማንቹኛ፣ ኡዝቤክኛን ታታርን ዝበሃሉ ቋንቋታት ዝሓቖፈ እዩ።





ካርታ 1.7: ዝርግሐ ቋንቋታት ኣልታይክ

7 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣውስትሮኔሽያን (ማላዮ-ፖሊኔሲያን)፤** እዚ ብመንፅር በዝሒ ቋንቋታትን ሽፋንን ገፀ መሬታዊ ዝርግሐን እንትርአይ ኣብ ዓለም ካብዝርከቡ ዓበይቲ ዝበሃሉ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደብ እዩ። ዝርግሐኡ እንትርአይ ብምዕራብ ካብ ማዳጋስካር ጀሚሩ ክሳብ ብምብራቕ ሃዋይን ደሴት ዝሽፍን`ዩ። እዚ ንህንድን ሰላማዊ ውቅያኖሳትን ከምኡ`ውን ምብራቃዊ ደሴታት የጠቓልል`ዩ። ኣብ ሓውሲ ደሴት ማላያ ዝርከቡ ቋንቋታት ማላይኛ፣ ጃቫነዝኛ፣ ማኦረኛን ነዋይኛን ከምኡ`ውን ኢንዶኔዥያንኛ፣ ሃዋይንኛን ዝርኢ ኣቦርጂንስ ዝዛረብዎ ሜኦሪኛ ዝበሃል ኣብ ኔውዚላንድ ዝርከቡን ቋንቋታት ዝሓቑፈ`ዩ። ቋንቋ ማላጋሲኛ`ውን ኣብዚ ዝምደብ`ዩ። ተምሃሮ ዝርግሐኦም ኣብ ካርታ ተመልከቱ።




ካርታ 1.8: ዝርግሐ ቋንቋታት ኣውስትሮኔሽያን

8 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ እስያቲክ፤** ኣብ 7ይ ክፍሊ ከምዝተምሃርክምዎ ካብ ምዕራብ ኣፍሪካ ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣብዝርከቡ ሃገራት ብዝርከቡ ህዝብታት ዝዝረበሎም ቋንቋታት ዝሓቑፈ`ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ሩስያ ክሳብ ማእኸላይ ምብራቕ ኣብዘለዉ ሃገራት`ውን ዝዝረቡ ቋንቋታት ዘሓቑፈ`ዩ። ስለዚ ዓረብኛ፣ ሂብሩው (ኣብ እስራኤል ዝዝረብ ቋንቋ)፣ ሃውሳኛ፣ በርበርኛ፣ ኮፕቲክኛ፣ ኣምሓርኛ፣ ትግርኛ፣ ትግረ፣ ሃረሪ፣ ጉራግኛ ወዘተ ዝመሳሰሉ ቋንቋታት ብዋናነት ዝሓቑፈ`ዩ።




ካርታ 1.9: ዝርግሐ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ




ካርታ 1.10: ዝርግሐ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ

9 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ፤** ኣብ 7ይ ክፍሊ ከምዝተምሃርክምዎ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ሃገራትን ካብ ሓውሲ ሰሃራ ንደቡብ ኣንፈት`ውን ኣብዝርከባ ሃገራትን ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝሓቖፈ`ዩ:: ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎም ዮሩባ፣ ፉልፉልዴን ኢግቦን ከምኡ`ውን ኣብ ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ ዝዝረቡ ከም ስዋሂልኛን ዞሎኛን ዝመሳሰሉ ቋንቋታት ኣብዚ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም:: ማንዲካን ዞሳን ዝተብሃሉ ቋንቋታት`ውን ኣብዚ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም::

10 **ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒሎ ሰሃራዊ (ኣባይ ሰሃራዊ)፤** ኣብ 7ይ ክፍሊ ከምዝተምሃርክምዎ ኣብ ማእኸላይ ኣፍሪካ፣ ቻድ፣ ሱዳን፣ ኡጋንዳ፣ ኬንያ፣ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝሓቖፈ እዩ። ኣብ ኬንያን ታንዛኒያን ዝዝረብ ቋንቋ መሳይ ኣብዚ ዝምደብ`ዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ጋምቤላን ቤኒሻንጉል ጉሙዝን ከምኡ`ውን ኣብ ትግራይን ኤርትራን ብብሄረሰብ ኩናማ ዝዝረቡ ቋንቋታት ኣብዚ ዝምደቡ`ዮም።



ካርታ 1.11: ዝርግሐ ቋንቋታት ኒሎ ሰሃራዊ

ተምሃሮ ዓበይቲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም ዝበሃሉን ኣብ ትሕቲኦም ዝተሓቑፉ ቋንቋታትን ፈሊጥኩሞም ዶ? ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ካርታ እናረኣኹም ዓሰርቲኣን ዓበይቲ ቤተሰብ ቋንቋታት ግለፅዎም። ኣብ ትሕቲኣን ንዘለዋ ቤተሰብ ቋንቋታትን ኣብ ተፈላለዩ ሃገራት ዝዝረቡ ቋንቋታት ብኣብነት እናደገፍኩም ግለፁ፡፡ መምህር ንተምሃሮ ይሓግዝዎም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዓለምና ካብዝዝረቡ ልዕሊ 3000 ቋንቋታት ውሽጢ ኣዝዮም ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎም ብቕደም ሰዓብ ምርኣይ ይከኣል`ዩ። ኣብ ዓለም ካብዘለዉ ቋንቋታት ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎን ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕን ቋንቋ **ማንዳሪን** ዝበሃል ኣብ ሃገረ ቻይና ዝዝረበሉ`ዩ። ብኻልኣይ ደረጃ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ **ዓረብኛ** እንትኸውን እዚ ኣብ ብዙሕ ሃገራት ማእኸላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪካን ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ`ዩ። ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ ዓለምና ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ **ሂንዱ** እንትኸውን እዚ ኣብ ሃገረ ህንዲ ዝዝረብ`ዩ፡፡ ብራብዓይ ደረጃ ዝተሰርዐ ቋንቋ **እንግሊዝኛ** እንትኸውን ኣብ ሃገራት እንግሊዝ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ካናዳ፣ ኣውስትራሊያ፣ ኒውዚላንድ፣ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብዝነበራ ሃገራት ከም ህንዲ፣ ናይጀሪያ፣ ፓኪስታንን ደቡብ ኣፍሪካን ዝዝረብ`ዩ። ይኹን ደኣ`ምበር ቋንቋ እንግሊዝኛ ብካልኣይ ደረጃ ንግልጋሎት ስራሕ ዝጥቀሙሉ ሃገራት ናብ ግምት እንተኣትዩ ናብ ካልኣይ ደረጃ ክስራዕ ዝኽእል`ዩ። ብሓምሻይ ደረጃ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ **ስፓኝ** እዩ። ሻድሻይ ደረጃ ዝሓዘ ቋንቋ ዓለምና **ቤንጋሊ** ዝበሃል`ዩ። ሻብዓይ ደረጃ ብበዝሒ ተዛረብቲ ህዝቢ ዝተሰርዐ ቋንቋ ዓለምና **ፖርቱጊዝኛ** እንትኸውን ሻምናይ ደረጃ ተሰሪዑ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ ዓለምና **ራሽኛ** እዩ። ኣብ ደረጃ ታሽዓይ ዝተሰርዐ ቋንቋ ዓለምና **ጃፓንኛ** እንትኸውን ኣብ መበል ዓስራይ ብበዝሒ ተዛረበቲ ህዝቢ ዝተሰርዐ ቋንቋ **ጀርመንኛ** እዩ።

ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ብደረጃ ዓለም ካብዝርከቡ ቋንቋታት ብዙሕ ተዛረብቲ ካብዘለውዎም እቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ዓሰርተ ቋንቋታት ፈሊጥኩሞም ዶ? ቋንቋ ማንዳሪንኛ ኣብ ሲኖ - ቲበታን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደብ ከምዝኾነን ቋንቋ ዓረብኛ ድማ ኣብ ኣፍሮ ኤሽያቲክ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደብ ከምዝኾነ ተዓዚብኩም ዶ? ብደረጃ ዓለም ብዙሕ ተዛረብቲ ካብዘለውዎም ዓሰርተ ቋንቋታት ውሽጢ መብዛሕትኦም ኣብ ኢንዶ - ዩሮፕያን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ ከምዝኾኑ ኸ ተዓዚብኩም ዶ? ንኣብነት እንግሊዝኛ፣ ሂንዱ (ቋንቋ ህንዲ)፣ ስፓኝ፣ ፖርቱጊዝኛ፣ ሩስያኛ፣ ጀርመንኛ ወዘተ፡፡

## 1.2 ህዝብታት ዓለም

# መልመዲ 1.2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1 ኣብ ዓለምና ዝርከቡ በዝሒ ቋንቋታት ክንደይ ይኾኑ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | 2500 | ሐ. | 2500 |
| ለ. | ልዕሊ 3000 | መ. | ትሕቲ 3000 |

2 ሞንጎሊክ ዝኾኑ ቋንቋታት ኮርያን ጃፓንን ኣበየናይ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋ ዓለምና ይምደቡ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ኢንዶ - ዩሮፕያን | መ. | ኣልታይክ |
| ለ. | ሲኖ ቲበታን | ሰ. | ዩራሊክ |
| ሐ. | ኣውስትሮ ኤሽያቲክ | | |

3 ካብዞም ዝስዕቡ ኣብ ቋንቋታት ኢንዶ - ዩሮፕያን ዘይምደብ ኣየናይ ቋንቋ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ሃንጋሪኛ | መ. | ጣልያንኛ |
| ለ. | ግሪክኛ | ሰ. | ዳኒሽ |
| ሐ. | ጀርመንኛ | | |

4 ቋንቋታት ኣምሓርኛን ትግርኛን ኣበየናይ ዓበዪ ቤተሰብ ቋንቋታት ይምደቡ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ኢንዶ - ዩሮፕያን | መ. | ኒሎ ሰሃራን |
| ለ. | ኣፍሮ ኤሽያቲክ | ሰ. | መልሲ የለን |
| ሐ. | ኣውስትሮ ኤሽያቲክ | | |

5 ኣብ ዓለምና ካብዘለዉ ቋንቋታት ብዙሓት ተዛረብቲ ብምህላዎም ቀዳማይ መን እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ፈረንሳይኛ | ሐ. | ሂንዱኛ |
| ለ. | ዓረብኛ | ሰ. | እንግሊዝኛ |
| መ. | ማንዳሪንኛ | | |

6 ካብዞም ዝስዕቡ ኣብ ቀንዲ ቋንቋ ኒሎ ኮንጎ ዘይምደብ ኣየናይ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ዮሩባ | ሐ. | ሃውሳ |
| ለ. | ፉልፉልዴ | ሰ. | ኢግቦ |
| መ. | ስዋሂሊ | | |

7 ካብዞም ዝስዕቡ ኢንዶ-ዩሮፕያን ቤተሰብ ቋንቋታት ውሽጢ ኣብ እስያ ዝርከቡ ቋንቋታት ዝሓቑፍ ኣየናይ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ጀርመኒክ ቋንቋታት፤ | መ. | ቦልቲክ ቋንቋታት |
| ለ. | ስካንዲኒቪያን ቋንቋታት፤ | ሰ. | ስላቪክ ቋንቋታት |
| ሐ. | ሮማውያን ቋንቋታት፤ | | |

## 1.2.2 ጥንታዊ ስልጣነታት (ግሪካውያን፣ ሮማውያን፣ ቻይናውያን፣ ፈሪሳውያንን ኢንካውያንን)



### ንጥፈት 1.1

1 ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ኣመልኪትኩም ዝተምሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? ጥንታዊ ስልጣነ ከመይ ትገልፅዎ? ኣብ ኣፍሪካ ዝተርኣዩ ጥንታዊ ስልጣነታት ትዝክርዎም ዶ? ብጉጅለ ኾይንኩም ምዕባለ ጥንታዊ ስልጣነ ከመይ ከምዝተጀመረን መግለፂኦምን ዘርዝሩ::

2 ብዛዕባ ኣብ ግሪክ፣ ሮማ፣ ቻይናን ደቡብ ኣመሪካን ዝነበሩ ጥንታዊ ስልጣነታት ከ ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? እስከ ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ሓቲትኩም ዝስዕብ ዕዮ ጉጅለ ተመያየጡሉ::



### ዕዮ ጉጅለ 1.5

ጉጅለ ፩ - ምዕባለ ጥንታዊ ስልጣነ ከመይ ከምዝነበረ ተመያየጡ። ብዝርዝር ግለፁ።

ጉጅለ ፪ - መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ እንታይ ከምዝኾኑ ዘርዝሩ።

ተምሃሮ ብጉጅለ እንትትመያየጡ ነዞም ዝስዕቡ ጥሙር ሓሳባት ብዝርዝር ከምዝገለፅኩምን ዕዮ ጉጅለ ብግቡእ ከምዝሰራሕኹምን ንምርግጋፅ ዝሃብክምዎ መልሲ ኣገናዝብዎ። ብሓባር'ውን ተመያየጡሎም።

መልሲ ጉጅለ ፩ - ጥንታውያን ሰባት ብሃደንን ብምእራይ ፍራምረን ቆፅላመፅልን ኣብዝናበሩሉ ግዘ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ኣይቐመጡን ነይሮም። ኩሉ ግዘ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይዘዋወሩ ነይሮም። ሕርሻ ምስጀመሩ ግና ኣብዝተወሰነ ቦታ ሰፊሮም መነባብሮኦም ብቀዋምነት ምምራሕ ጀሚሮም። በዚ`ውን ቁሸታት ክምስረታ ጀሚረን። እዘን ቁሸታት ድሕሪ ግዘ ናብ ከተማታት ማዕቢለን። ምምስራት ከተማታት ንምዕባለ ካልኦት ኣብነታት ስልጣነታት መንገዲ ፀሪገን። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ማለት ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኡ ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ።

መልሲ ጉጅለ ፪ - ነዚ ዝስዕብ ጥሙር ሓሳብ ብዝርዝር ግለፁ። ስልጣነ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩ ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበለ ዝመፀ ኣገባብ መነባብሮ ደቂ ሰባት ጥራሕ ኣይኮነን።

ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ምምዕባል መንግስታት፣ ምዕባለ ንግድን እደ ጥበብን፣ ምዕባለ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ምዕባለ ስነ ቕርፃ ቕርፂ፣ ምዕባለ ሕርሻ፣ ኣብ ደርብታት ምምቃል ሕብረተሰብ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምስ መነባብሮ ከተማ ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ስልጣነ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ዝማዕበለ ፅሑፍ፣ ኣብ ፅኑዕ ውዳበ ዝተመስረተ መንግስቲ፣ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ሓፂን መፂንን፣ ስርፀት ስነ ጥበብ ቕርፃ ቕርፅን፣ ኣብ ተግባር ዝውዓለ ሳይንስን ሒሳብን፣ ምትእትታው ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ ይጥቀሱ።

ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ጎሊሁ ክረኣ ዝጀመረ ኣብ ከባቢ 3500 ዓመት ዓለም እዩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ስልጣነ ብቐፃልነት እናማዕበለ ዝመፀ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ። ብምዃኑ`ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ እንተኾነ`ውን እቶም ቀንዲ መበገሲ ጥንታዊ ስልጣነ ዓለምና ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ`ዮም፣

- ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ግብፂ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን፣
- ኣብ እስያ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ሜሶፖታሚያ፣ ህንድን ቻይናን፣
- ኣብ ኣውሮፓ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪክን ሮማን፣
- ኣብ ኣመሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ኢንካ፣ ማያን ኣዝቴክን ይርከብዎም።

## ሀ. ጥንታዊ ስልጣነ ግሪክ (ግሪካውያን)



### ንጥፈት 1.2

ተምሃሮ ቤት መፃሕፍቲ ኸይድኩም ካርታ ዓለምን ካርታ ኣውሮፓን ተረኽቡ ኢኹም። ወይድማ ኣትላስ ዝበሃል ካርታታት ዝሓዘ መፅሓፍ ተረኽቡ ኢኹም። ኣብ ካርታ ኣውሮፓ ውሽጢ ግሪክ ኣበይ ከምትርከብ ኣለልዩ። ካርታ ማእኸል ገይርኩም'ውን ብጉጅለ ተመያየጡ። ገፀ ምድራዊ ኣቀማምጣ ግሪክ ብባሕርታት ዝተኸበበት ምኳና ረኢኹም ዶ? ግዝኣት ጥንታዊት ግሪክ ካበይ ናበይ በፂሑ ከምዝነበረ ካርታ መሰረት ብምግባር ተመያየጡ። ነዚ ካርታ መሰረት ብምግባር ጥንታዊት ግሪክ ብኣጀኣንን ብሜዲቴራንያንን ባሕርታት ዝተኸበበት ከምዝኾነት ረኢኹም ዶ? ክሬት ድማ ኣብ ባሕሪ ሜዲቴራንያንን ትርከብ ደሴት ከምዝኾነት ተዓዚብኩም ዶ? ተምሃሮ ነዚ ንጥፈት ብግቡእ ስርሕዎ፣ ሓገዝ መምህር'ውን ሕተቱ።

ተምሃሮ ቅድሚ 1400 ዓ.ዓ ኣብ ደሴት ክሬት ጥንታዊ ስልጣነታት ማዕቢሎም ነይሮም። ጥንታዊ ስልጣነታት ደሴት ክሬት ኣብ ባሕረኛነትን ንግድን ማእኸል ዝገበረ`ዩ ነይሩ። እዚ ፈላማይ ጥንታዊ ስልጣነ ኣውሮፓ እንተኾነ`ውን ንከባቢ ባሕሪ ሜዲቴራንያንን ባሕሪ ኣጀኣንን ተቖፃፂሮምዎ ነይሮም። መበገሲ ጥንታዊ ስልጣነ ደሴት ክሬት እቲ ህዝቢ (ሚኖኣውያን) ዝነበሮም ምዕቡል ንግድን ጥበብ ባሕረኛነትን ነይሩ። ኣብ ከተማ ደሴት ክሬት ዝኾነት ሲኖሰስ ቀንዲ ቤት መንግስቲ ብኳዕቲ ተረኺቡ`ዩ። ነዚ ጥንታዊ ቤት መንግስቲ ዝረኸበ ሰር ኣርቱር ኢቫንስ ዝበሃል


እዩ። ሚኖኣውያን ጥበብ ምግጥጣም ስራሕቲ ማይ ኳዕትን ዝርግሐን ከምኡ`ውን መፋሰስን ዝነበሮም እንትኸውን ብስፖርታዊ ምንቅስቓሳት`ውን ይዘናግዑ ስለዝነበሩ '**ጉስጢ**' የዘውትሩ ነይሮም። ሚኖኣውያን ዝተብሃሉ ህዝቢ ደሴት ክሬት ጥበብ ህንፃ ቤተ መንግስቲ፣ ስነፅሑፍ፣ ስፖርትን ሃይማኖትን ኣማዕቢሎም ነይሮም። ይኹን ደኣ`ምበር ሚኖኣውያን ካብ ደሴት ክሬት ናብ ግሪክ ምስፍሕፋሕ ብምጅማሮምን ምእንተዚድማ መጠነ ሰፊሕ ወራር ስለዘካየዱ ኩለን ከተማታት ግሪክ ዓንየን። ብምኽንያት`ዚ ድማ ጥንታዊ ስልጣነ ደሴት ክሬት ዓብቂዑ።

ድሕሪ 800 ዓመተ ዓለም ንደሓር ግና ናብ 300 ዝፅግዓ መንግስታዊ ከተማታት ጥንታዊት ግሪክ ከምብላዱሽ ክቖጥዓ ጀሚረን። ካብዚኣተን እተን ብጣዕሚ ምዕቡላትን ውሩያት ዝነበራ ሓያላት ዝበሃላ ክልተ መንግስታዊ ከተማታት **ኣቴንስን** **ስፖርታ**ን ዝበሃላ ነይረን። ተምሃሮ ኣብ ካርታ ጥንታዊት ግሪክ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ከተማታት ርአዩ። ኣብቲ ካርታ ኣቴንስ፣ ማራቶን፣ ስፓርታ፣ ደልፊ፣ ጮሮኔያ፣ ቴሞፒሎያ፣ ኦሎምፒያ ወዘተ ዝበሃሉ ኣለዉ`ዮም ኣስተውዒልኩምዎም ዶ? ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪክ ብተመሳሳሊ ጥንታዊ ስልጣነ ሂሌኒስካውያን`ውን ይበሃል`ዩ። ኣቴንስ ብዲሞክራሲያዊ ስርዓት መንግስቲ ከተማ ትፍለጥ እንትትከውን ስፓርታ ድማ ናብ ውትድርናን ወታደራዊ ወፍርታትን ዝድሃበት ከተማ'ያ ነይራ። ስፓርታውያን ኣብ ምዕባለ ስነ ውትድርና ስለዘድሃቡ ንስነ ጥበባዊ ንጥፈታት ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍ፣ ሳይንስን ሒሳብን ወዘተ ብዙሕ ጠመተ ኣይሃቡን። ምዕባለ ጥንታዊ ግሪካውያን (ሂሌኒስካውያን) ንዓለም ብዙሓት ስልጣነታት ኣበርኪቶም`ዮም። ካብዚኦም ነዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፤

- *ብመዳይ **ስነ ጥበብ፣ ስነ ህንፃን ቅርፃ ቕርፅን**`ውን እንተኾነ ጥንታውያን ግሪካውያን ዝነበሮም ምዕባለ ኣዝዩ ዝድነቕ`ዩ። ብዓንድታት ዝተደገፉ ዓበይቲ ቤተ ፀሎታትን ኣብያተ መንግስትን ንስነ ህንፃ ጥንታውያን ግሪካውያን መግለፂ`ዩ ነይሩ። ብዘመነ ፐሪክለስ ዝተሃነፀ **ፓርቲኖን** ዝተብሃለ ኣብ ኣቴንስ ዝርከብ ቀንዲ ህንፃ ቤተ ፀሎት ኣብቲ እዋን ኣብ ዓለም ዝወዳደሮ ከምዘይነበሮ ይእመን። ኣብ ብራኸታት ከተማታት ኣቴንስን (ኣክሮፖሊስ) ካልኦትን ዝተፈላለዩ ህንፃታት፣ ቅርፃ ቕርፅን ምስልታትን ብፍሉይ ፅባቐታት ተሰሪሖም ስለዝነበሩ ሎሚ ፍራሶም ይርከቡ። ንኣብነት ዝኣክል ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ፍራሳት ጥንታዊ ስራሕቲ ግሪካውያን`ዮም።*



ፍራስ ፓርቲኖን ኣብ ኣክሮፖሊስ ከተማ ኣቴንስ ዝርከብ



ዝተደነቐ ህንፃ ኣክሮፖሊስ ኣቴኒሳውያን

ስእሊ 1.2: መርኣ ያ ስነ ጥበብ ህንፃን ቅርፃ ቅርፅታትን ጥንታውያን ግሪክ

- ጥንታውያን ግሪካውያን ኣብ ዓንድታት ህንፃታት ዝጥቀሙለን ሰለስተ ዝተፈላለየ ቕርፅን ፅባቐታትን ኣለዎም። እዚኦም ነንሕድሕዲኦም ነናይባሎም መግለፂ ኣለዎም። ንኣብነት
  - እቲ ቀዳማይ ብርኪ ዶሪክ ዝበሃል ቅርፂ ዓንዲ ህንፃ ኾይኑ ቅልል ዝበለ`ዩ።
  - እቲ ካልኣይ ብርኪ ኣዮኒክ ዝበሃል ቅርፂ ዓንዲ ህንፃ እንትኸውን ዝተፈላለየ ፅባቐ ዘለዎ ቅርፃ ቕርፂ ኣለዎ`ዩ።
  - እቲ ሳልሳይ ብርኪ ኮሪንቲያን ዝበሃል ቅርፂ ዓንዲ ህንፃ ኣዐርዩ ዝተሓላለኸን ብዙሕ ፅባቐ ዘለዎን`ዩ።

ተምሃሮ ነዞም ሰለስተ ቅርፅታትን ፅባቐታትን ዓንድታት ህንፃታት ጥንታውያን ግሪካውያን ኣብ ታሕቲ ብቕደም ሰዓብ ስለዘለዉ ብደንቢ ገይርኩም ኣስተውዕልዎም። ፅባቐኦምን ፍልልዮምን እናገናዘብኩም ምስ መምህርኩምን ነንርእስኹምን ተመያየጡ።


ኣዮኒክ


ዶሪክ


ኮሪንቲያ

ስእሊ 1.3: መርኣያ ስነ ጥበብ ዓንድታት ህንፃታት ጥንታውያን ግሪክ

- ቋንቋን ስነ ፅሑፍን ኣማዕቢሎም ነይሮም:: ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ግሪካውያን 24 ፊደላት ንፅሑፍ ምጥቃም ጀሚሮም እዮም:: ውሩይ ዓይነ ስውር ገጣሚ ተውኔት ሆሜር ብኽልተ ፅሑፋቱ ማለት`ውን ኢሊያድን ኦዲሴይን ብዝበሃሉ ዝፍለጥ ነይሩ:: ካልኦት ድማ ንኣብነት ሳፎ ኣብ ፅባቐን ፍቕርን ዘድሃቡ ፅሑፋት ነይሮምዎ:: ፒንዳር ኣብ ኦሎምፒክ ዝነበሩ ኣትሌቲክስ ዝምልከቱ ግጥምታት ፅሒፉ:: ተምሃሮ ሰሌዳ ፊደላት ግሪክ ብምርኣይ ሎሚ ምስዘሎ ዕብየት ስነ ፅሑፍ እናገናዘብኩም ተመያየጡ::

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| α | β | γ | δ | ε | ϵ |
| ζ | η | θ | ϑ | ι | κ |
| λ | μ | ν | ξ | ο | π |
| ϖ | ρ | ϱ | σ | ς | τ |
| υ | φ | ϕ | χ | ψ | ω |


ደቂቕ ኣፀላሕፉ

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| Α | Β | Γ | Δ | Ε | Ζ |
| Η | Θ | Ι | Κ | Λ | Μ |
| Ν | Ξ | Ο | Π | Ρ | Σ |
| Τ | Υ | Φ | Χ | Ψ | Ω |

ዓብዪ ኣፀላሕፉ


ስእሊ 1.4: ፊደላት ግሪክን ትርጉሞምን ዘርእይ ሰሌዳ

- ብፍላይ ድማ ግሪካውያን ብስፖርታዊ ውድድራት ፍሉጣት ነይሮም:: ማራቶን ብኣብነት ዝጥቀስ እዩ:: ስለዚ ከም ጉያ፣ ዝላ፣ ቕልስ፣ ዳንሲ፣ ዳብራ ኲናትን ዲስክን፣ ምግላብ ፈረስን ሰረገላን ዝመሳሰሉ ዓይነታት ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ንጥፈታት ልሙዳት ነይሮም:: ከምዚ ዓይነት ድሕረ ባይታ ስለዝነበረ`ውን ካብ 776 ዓ.ዓ. ጀሚሩ በብዓርባዕተ ዓመታት ቀንዲ ውድድር ኦሎምፒክ ይካየድ ነይሩ:: ካብዚ ዝነቐለ`ዩ ሎሚ በብዓርባዕተ ዓመታት ሓደ ግዜ ኣብ ዓለምና ይካየድ ዘሎ ውድድር ኦሎምፒክ ንርእይ ዘለና::


ሶቅራጠስ


ፕላቶ


ኣካዳሚ ፕላቶ



ኣሪስጣጣሊስ


ስእሊ 1.5: ጥንታዊ ፈላስፋታት ግሪክ

- ታሪክን ፍልስፍናን ኣማዕቢሎም`ዮም:: ብዛዕባ ዝምድና ደቂሰባትን ፈጣርን (ኣምላኽን)፣ ተፈጥሮን ማሕበራዊ ዝምድናታትን ዝምልከቱ ፍልስፍናዊ ፅሑፋት ነይሮም:: ንኣብነት ዝጥቀሱ ድማ ሶቅራጠስ (469 – 399 ዓ.ዓ.)፣ ፕላቶን (427 – 347 ዓ.ዓ.) ኣሪስጣጣሊስን (384 – 322 ዓ.ዓ.) ዝበሃሉ ጥንታዊ ግሪካውያን ክሳብ ሎሚ ውሩያት ኾይኖም ዝፍለጡ ንፍልስፍና ከም ሳይንስ ዘፅንዕዎ`ዮም:: ሄሮዶቱስ (484 – 424 ዓ.ዓ.) ዝበሃል ድማ `ኣቦ ታሪክ` ተባሂሉ ዝፍለጥ እንትኸውን ብዛዕባ ወራር ፋርሳውያን ንግሪክ ኣመልኪቱ ብዝርዝር ዝፀሓፈ`ዩ:: ቱሲዲደስ (471 – 400 ዓ.ዓ.) ፈላማይ ሳይንሳዊ በዓልሞያ ታሪክ ንክበሃል ዘብቅዖ ብዛዕባ ኲናት ፕሎፖኔሺያን ብዕሙቐት ዝገለፀ`ዩ:: ተምሃሮ ነዞም ስእልታት እናረኣይኩም ተመያየጡ::

ኣብ ዓውዲ ሳይንስ ብዙሕ ውፅኢታት ረኺቦም`ዮም:: ብሕልፊ ኣብ ስነ ክዋክብቲ፣ ሕክምና፣ ጂኦሜትሪ፣ ስርዓተ - ፀሓይን ምድርን ወዘተ ንዘመናዊ ስልጣነ መሰረት ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ምህዞታትን ፍልጠታትን ኣንፂፎም`ዮም:: ፓይታጎራስ (852 - 507 ዓ.ዓ) ንጂኦሜትሪ ዝኾኑ መሰረታዊ ረብሓ ዘለዎ መትከላት ሒሳብ፣ ሂፖክራተስ (460 - 377 ዓ.ም) ዝተብሃለ ኣቦ ሕክምና ሳይንስ ዝመሃዝዎም መሰረተ ፍልጠታት ክሳብ ሎሚ ረብሓ ዘለዎም`ዮም:: ዲሞክሪተስ (460 - 362 ዓ.ም) ዝተመራመረሉ ብዛዕባ ኣቶም ዝበሃል ክሳብ ሎሚ ረብሓ ዘለዎ`ዩ:: ተምሃሮ ውፅኢት ጥንታዊ ስልጣነ ኣብ ዓውዲ ሳይንስ ተመያየጡሉ::


ሄሮዶቱስ


ሶክራቶስ


ፓይታጎራስ


ሆሜር (ዓይነ ስውር)

ስእሊ 1.6: ጥንታዊ ፈላስፋታት ሳይንስን ስነ ፅሑፍን

- ኣብ ዓለምና ንመጀመርታ ግዜ ተዋስኦ ዝጀመሩ ጥንታውያን ግሪካውያንም ነይሮም፡፡ ስለዚ ጥበብ ስነ ፅሑፍን ተዋስኦን ኣዝዮም ማዕቢሎም ነይሮም:: ጥንታዊ ግሪካውያን ህዝቢ ኣብ ደገ ኾይኑ ብሓባር ተኣኪቡ ዝርእየሉ ኣምፊቴኣትር ነይርዎም`ዩ፡፡ ኤሲይለስ፣ ሶፎክለስ፣ ዩሪፒደስ፣ ኣሪስቶፋንስ ወዘተ ዝበሃሉ ፍሉጣት ደረስትን ፃፍትን ተውኔትን ተዋስኦታትን ነይሮም:: ተምሃሮ ብዛዕባ ጥንታዊ ተዋስኦታትን ድርሰታትን ምስ መምህርኩም ተመያየጡ
- ግሪካውያን ኣፅዋራት ውግእ ይስርሑ ስለዝነበሩ ዝተፈላለዩ ኹናት (ውግኣት) የካይዱ ነይሮም፡፡ ካብ ነሓስ ዝተሰርሑ ኣፅዋራት ውግእን ብሰረገላታት ፈረስ ዝጓዓዙ ሓያላት መራሕቲ ውግእን ዘማዕበሉ ካብ ምኽኖም ብተወሳኺ ብሕልፊ ኣብ ከባቢ 332 ዓ.ዓ. ብዘመነ ንጉስ እስክንድርያ ቀንዲ ግዝኣት ግሪክ ክሳብ ግብፅን ህንድን በፂሖ ነይሩ`ዩ፡፡
- ጥንታዊት ግሪክ ብፍላይ ኣብ ኣቴንስን ካልኦት መንግስትታት ከተማታት ብዛዕባ ፖሊስ፣ ፖሊሲን ፖለቲካን ዝብሉ ኣምራት ማዕቢሎም ስለዝነበሩ መበቆል ዲሞክራሲያዊ ምምሕዳር ዝኾነ ስርዓት ኣብዚኦም`ዩ ጀሚሩ፡፡ ሕዚ ኣብዘሎ ምዕቡል ዓለምና ተመራፃይነት ዘለዎ፣ ሕምብርቲ ሰናይን ፍትሓውን ምምሕዳር ኾይኑ ዘገልግል `ዲሞክራሲ` ዝብል ቃል ካብ ስርዓት ምምሕዳር ጥንታዊ ግሪክ ዝተወርሰ`ዩ፡፡ ዲሞክራሲ ካብ ክልተ ቃላት ግሪክ`ውን ዝተወሰደ`ዩ፡፡ ዲሞን ክራሲን፡፡ ዲሞ ዝብል ቃል ግሪክ ትርጉሙ ህዝቢ ማለት እንትኸውን ክራሲ ዝብል ቃል ግሪክ ድማ ትርጉሙ ኣገዛዝኣ ማለት`ዩ፡፡ ስለዚ ዲሞክራሲ ዝብል ቃል ግሪክ ህዝባዊ ምምሕዳር ማለት`ዩ:: ተምሃሮ ብዛዕባ ዲሞክራሲ ተመያየጡ፡፡

ይኹን ደኣ`ምበር ብ146 ዓመተ ዓለም ጥንታዊ መንግስቲ ሮማ ማዕቢሉ ስለዝነበረ ኣብ ልዕሊ ጥንታዊት ግሪክ ወራር ስለዘካየደት ብምኽንያት`ዚ ወራር ድማ ስልጣነ ጥንታዊት ግሪክ ዓንዩ፡፡ ጥንታዊ ስልጣነ ግሪክ ብብዙሕ መልክዑን ብብዙሕ መዐቀንን ንምዕባለ ዓለምና ቀንዲ ኣስተዋፅኦ ዝገበረ`ዩ፡፡ እሞ ተምሃሮ ትሕዝቶ ስልጣነ ጥንታዊ ግሪክ ተረዲእኩም ዶ? ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ጥንታዊት ግሪክ ንዓለም ዘደነቑ ብዙሓት ኣብነታት ዘለውዎም ስልጣነታት ከምዝነበሩ ፈሊጥኩም ዶ? ጥንታዊት ግሪክ ንስልጣነ መሰረት ዝኾኑ ፊደላት ከምዝነበርዋ፣ ፅሑፋት ከምዝነበሩ፣ ንዓለም ዘደነቑ ስነ ጥበብን ስነ ህንፃን ከምዝነበሩ፣ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ይሃንፅዎም ዝነበሩን ይቐርፅዎም ዝነበሩን ምስልታት ይኹኑ ህንፃታት ንፅባቐ ከተማታትን ምዕባለ ባህልታትን ዓበይቲ ተራ ከምዝነበሮም ኸ ተረዲእኹም ዶ?



## ዕዮ ጉጅለ 1.6

መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ ግሪክ ብዝምልከት ተመያይጥኩም ፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡ ካብ ጥንታዊ ስልጣነ ግሪክ እንታይ ተማሂርኩም፡፡ መግለፂ ጥንታዊ ስልጣነ ግሪክ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

## ለ. ጥንታዊ ስልጣነ ሮማ (ሮማውያን)፤

ተምሃሮ ኣብ ካርታ ጥንታዊ ግዝኣት መንግስቲ ሮማን ሃገረ ጣልያንን ኣለልዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገረ ጣልያን ከተማ ሮም ኣበይ ከምትርከብ ኣልሹ። ከተማ ሮም ኣብ ሃገረ ጣልያን እያ ትርከብ። ሃገረ ጣልያን ብትሪሄኒያን፣ ሜዲተራንያንን ኣድርያቲክን ዝተብሃሉ ሰለስተ ባሕርታት ዝተኸበበት ኾይና ሲሲሊ፣ ሳርዲንያን ኮርሲካን ዝተብሃላ ደሴታት`ውን ዝጠመረት እያ።


ብ1500 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ካብ ማእኸላይ ኣውሮፓ ንሰንሰለታዊ እምባታትን ጎቦታትን ኤፕልስ ሰጊሮም ዝመፁ ላቲናውያን ኣብ ማእኸል ሃገረ ጣልያን ሰፊሮም ነይሮም። ሃገረ ጣልያን ዝነበራ ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣ ገፀ መሬት፣ ውዑይ ጠባይ ኣየርን ልሙዕ መሬትን ስለዝፈተውዎ ድማ ኣብ ማእኸላይ ጣልያን ገማግም ሩባ ቲምበር ንትርከብ ከተማ ሮም መስረቶምዋ። እዞም ቀዳሞት ሰፈርቲ ከተማ ሮም ዝኾኑ ላቲናውያን ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ መነባብሮ ነይሮም። ቤተሰባዊ ምትእስሳር ዝነበሮም ኾይኖም ዝተፈላለዩ ጣኦታዊ እምነት`ውን ነይርዎም`ዩ። ንኣብነት ጁፒተር - ዋና ኣምላኽ፣ ማርስ - ኣምላኽ ኹናት፣ ኔፕቱን - ኣምላኽ ባሕሪ ከምኡ`ውን ቬኑስ - ኣምላኽ ፍቕሪ ወዘተ ኢሎም ይኣምኑሎም ነይሮም። እዞም ላቲናውያን ብሓፈሻኡ ንከተማ ሮም ካብዝተፈላለዩ ተደጋገምቲ ወራራት ይከላኸሉ ነይሮም። እዚ እዋን`ዚ ጥንታዊ ስልጣነ ሮማውያን ማዕቢሉ ዝነበረሉ እዋን`ዩ። ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ሮማ ዝበሃል ካብ 8ይ ክፍለዘመን ቅድሚ ልድተ ክርስቶስ ክሳብ 5ይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብዝነበረ እዋን ዝነበሩ ስልጣነታት፣ መነባብሮ ህዝብን ስርዓት መንግስትታትን ከምኡ`ውን ግዝኣታትን ብሓፈሻኡ ዝሸፍን`ዩ። ተምሃሮ ኣስተውዕሉ! ኣብባዕሊ ካብዝተገለፀ መብርሂ ሰለስተ ቁምነገር ምወሳድ ይከኣል እዩ፤

- *ጥንታዊት ከተማ ሮም ብቋንቋ ኢንዶ - ዩሮፕያን ተዛረብቲ ዝኾኑ ላቲናውያን ከምተመስረተት፣*
- *ሕዚ ጣልያን ተባሂላ ትፈለጥ ሃገርን ከተማ ሮምን ሕምብርቲ (ማእኸል) ጥንታዊ ግዝኣታት መንግስቲ ሮም ከምዝነበረ፣ ከምኡ`ውን*
- *ስትራተጂካዊ ኣቀማምጠኣ፣ ልሙዕ መሬታን ምችው ጠባይ ኣየራን ብሓፈሻኡ ንምምስራት ከተማ ሮም መንቀሊ ምኽንያት ከምዝኾኑ ምርዳእ ይከኣል ማለት`ዩ፡፡*

ኣፈታሪኽ ሮማውያን እንተተወሲዱ ድማ ከተማ ሮም ብ753 ዓመተ ዓለም ብሮሙለስን ሬሙስን ዝተብሃሉ ክልተ መናቱ ኣሕዋት ከምዝተጣየሸት`ውን ይንገር`ዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ከተማ ሮም ኣብ ከባቢ 750 ዓመተ ዓለም ካብ ሰሜናዊ ከባቢ ብዝመፁ ኢትሩስካን ዝተብሃሉ ብወራር ተታሒዛ ነይራ`ያ። ካብዞም ብጣዕሚ ስልጡናት ተባሂሎም ዝፍለጡ ኢትሩስካናውያን ድማ ኣብ ከተማ ሮም ዝሰፈሩ ላቲናውያን ብዙሓት ስልጣነታት ተማሂሮምን ወሪሶምን እዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ንኣብነት

- *ስራሕቲ ህንፀት ኣባይቲ፣ መንገድታትን ኣብ ዙሪያ ከተማ ዝስራሕ ሓፁር መንደቕን፤*

- ካብ ሓፃውን ዝተሰርሑ መሳርሒታት ኲናት (መዋግእን መካለኸልን)፣ ከምኡ`ውን፤
- ሓደሽቲ ወተሃደራዊ ጥበባት`ውን ኣብ ግብሪ ኣውዒሎም`ዮም፡፡





*ሀ. ጥንታዊ መንግስቲ ሮም ካብ 500 - 240 ዓ.ዓ*




*ለ. ሪፐብሊካዊ መንግስቲ ጥንታዊ ሮም ኣብ 100 ዓ.ዓ*




*ሐ. መንግስቲ ጥንታዊ ሮም ኣብዝለዓለ ብርኪ ምስበፅሐ*




*መ. መንግስቲ ጥንታዊ ሮም ብወፃኢ ሓይልታት እንትውረር*

ካርታ 1.12: ወተሃደራዊ ወራርን ምስፍሕፋሕን መንግስቲ ጥንታዊ ሮማውያን ዘመልክቱ ካርታታት

ኣብ ከባቢ 500 ዓመተ ዓለም እዞም ሮማውያን ነቶም ኢትሩስካውያን ካብ ዓዶም ምስኣውፅእዎም ናይ ባዕሎም ዝኾነ ነፃ ሪፑብሊካዊ መንግስቲ ኣጣይሾም፡፡ ካብዚ እዋን ደሓር መንግስቲ ጥንታዊት ሮም ዝተፈላለዩ ወራራት ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ግዝኣታት ጣልያንን ኣብ ከባቢ ባሕሪ ሜዲተራንያንን ብምክያድ ምግፋሕን ምስፍሕፋሕ ግዝኣትን ብወተሃደራዊ ወፍርታት ኣጠናኺሩ ቐፂሉ፡፡ መንግስቲ ጥንታዊት ሮማ ካብ 500 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ክሳብ 446 ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ዝልዓለ ብርኪ ዝበፅሐሉ እዋን`ዩ ነይሩ፡፡ ኣብ 446 ዓመተ ምሕረት ግና ወዲቑ፡፡ ግዝኣት መንግስቲ ሮምን ስልጣነታቱን ኣብቂዑ፡፡ ስለዚ ፖለቲካዊ ታሪክ ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ሮም ኣብ ሰለስተ እዋናት መቒልካ ዝርኣይ`ዩ፡

- ቀዳማይ እዋን ዘበሃል ካብ 753 ዓ.ዓ. ክሳብ 509 ዓ.ዓ. እንትኸውን ጥንታዊ ቑሸታት ከተማ ሮም ካብዝተመስረቱሉ ክሳብ ብንጉስ ይመሓደር ዝነበረ ከተማ ሮም ዝሸፍን እዩ፡፡
- ካልኣይ እዋን ዘበሃል ካብ 509 ዓ.ዓ. ክሳብ 27 ዓ.ዓ. እንትኸውን እዚ ብንጉስ ይመሓደር ዝነበረ ከተማ ሮም ኣብቂዑ ህዝባዊ ሪፐብሊክ ሮም የመሓድር ዝነበረሉ እዋን ዘጠቓለለ`ዩ፡
- ሳልሳይ እዋን ዘበሃል ካብ 27 ዓ.ዓ. ክሳብ 446 ዓ.ም. ህዝባዊ ሪፐብሊክ ሮም ተወጊዱ ንጉሳዊ ዘውዳዊ ምምሕዳር ንሓሙሽተ ክፍለ ዘመናት ዝፀንሐሉ ጥንታዊ ስርዓት ዝሸፍን`ዩ፡፡



ስእሊ 1.7: ጁሊየስ ቄሳር (100 - 44 ዓ.ዓ)


ስእሊ 1.8: ኣውጉስተስ (27 ዓ.ዓ)

ተምሃሮ ኣብ እዋን ውሩይ ግዝኣት መንግስቲ ጥንታዊ ሮማ ዝተርኣዩ ስልጣነታት እታይን እንታይን ነይሮም ኢልካ ፈሊኻን ኣነፂርካን ምፍላጥ የድልይ`ዩ፡፡ እዞም ዝስዕቡ ድማ ነይሮም፤

- ጥንኩር ሰራዊትን እዋኑ ዝጠልቦም ኣፅዋራት ውግእን ነይሮም፡፡ ንልዕሊ 200 ዓመታት ወተሃደራት ጥንታዊት መንግስቲ ሮማ ኣብ ከባቢ ሜዲቴራንያን፣ ሰሜናዊ ኣፍሪካን ምዕራባዊ እስያን ሰላም ንክህልው ሓጊዞም፡፡ እዚ ድማ ንግዲ፣ ሸቐጣትን ጥበባት ሳይንስን ኣብ ምድሪ ግሪኮ ሮማውያን ክምዕብል ሓጊዙ`ዩ፡፡
- ብባሕርን ብምድርን ዝተጠናኸረ ምንቅስቓሳት ስራሕቲ ንግድን ሸቐጣትን ነይሮም፡፡ እዚ ድማ ብዙሓት ከምዝኣምኑሉ መልዕልን ጥንኩር ባይታን ምዕቡል ስልጣነታት ጥንታዊት ሮማ ነይሩ፡፡
- ጥንኩር ምምሕዳርን ዝተፈላለዩ ሕግታትን ነይሮምዎም፡፡ ህዝባዊ ባይቶታት ንዲሞክራሲያዊ ምምሕዳር መርኣያ ነይሮም፣ ፍትሓውነት ዝጥምቱ ሕግታት`ውን ነይሮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኩሉ ሰብ ማዕረ`ዩ፣ ዝተኸሰሱ ሰባት ሕጋዊ ከለላ ይህልዎም ወዘተ ዝብሉ ነይሮም፡፡
- ፊደል ላቲን መሰረት ቋንቋታት ሮማውያን ብምኻን ዝማዕበለሉ ኩነታት ተፈጢሩ`ዩ፡፡ እዚ መርኣያ ኣዝዩ ዝድነቕ ስልጣነ ጥንታዊት ሮማ እዩ፡፡ ቋንቋታት ፈረንሳይኛ፣ ጣልያንኛ፣ ስፓኝ፣ ፖርቹጊዝኛ፣ ሩማንይኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ጀርመንኛን ካልኦትን ዝጥቀሙሉ ፊደል`ዩ፡፡
- ፅፉፍን ጥንኩርን ስርዓት ስነ ህንፃን ቅርፃ ቕርፅን ማዕቢሉ፡፡ ግዝኣት ጥንታዊ ሮማውያን ኣብዝተጋፍሐሎም ሃገራት ኣውሮፓ፣ ሰሜን ኣፍሪካን ምዕራብ እስያን ብምልኦም ብፍሉይ ጥበባት ስእልን ቅርፃ ቕርፅን ዝማዕበረ

*ዝተፈላለዩ ምስልታት፣ ህንፃታት፣ ምኹራባትን ኣምፊ ቴኣትርያትን ተሰሪሖም ነይሮም:: ኣብ ሃገረ ጣልያን ዝተፈላለዩ ከተማታት፣ ኣብ ሃገረ ፈረንሳይ፣ ሰሜን ኣፍሪካን ምዕራብ እስያን ዝርከቡ ፍሉይ ፅባቐ ዝተላበሱ ውፅኢት ስራሕቲ ስነ ጥበብ ጥንታውያን ሮማውያን ካብዚ ንታሕቲ ንዘለዉ ዝተፈላለዩ ስእልታት መሰረት ብምግባር ምርዳእ ይከኣል:: ተምሃሮ ነዞም ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ስእልታት ብምርኣይ ፍሉይ ጥበብን ፅባቐን ስነ ጥበብ፣ ቅርፃ ቕርፅን ስእልታትን ጥንታውያን ሮማውያን ብምርኣይ ብዛዕባ ስልጣነኦም ተመያየጡ:: ዝተፈላለዩ ጥበባትን ቴክኖሎጂን መግለፅቲ ስልጣነታትን ምዕባለታትን እዮም::*




ስእሊ 1.9: ውፅኢታት ስነ ህንፃን ቅርፃ ቕርፅን ጥንታዊ ሮማውያን

ተምሃሮ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተመልከቱ ዝተፈላለዩ ፍራስ ህንፃታትን ሕዚ`ውን ጠጠው ኢሎም ዝርከቡ መስህብ ቱሪዝም ኾይኖም ዘለዉ ጥበባትን ምልክት ስልጣነታት ጥንታውያን ሮማውያን ፅባቐኦምን ምህዞኦምን ክሳብ ክንደየናይ ዓሙ`ቕ ከምዝኾነ ኣስተውዒልኩም ዶ? ስለዚ ጥንታውያን ሮማውያን ዝነበሮም ብርኪ ዕብየት ስልጣነን ጥበባትን ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ መንገድታት፣ ማይ መዕቆሪ ገንዳታትን መዘናግዒ መሐመስታትን፣ ድልድላት፣ ቤተ ፀሎትን ምኹራባትን፣ ኣብያተ መንግስትን ምስልታትን፣ ተፈጥሮን ፍሉጣት ፈላስፋታትን ዝውክሉ ሓወልትታት፣ ፍሉይ ስነ ጥበብ ዘለዎም ቅርፅታት ዝተመልኡ ዓንድታትን ፅባቐታት ከተማታትን ሃኒፆም`ዮም:: ሎሚ ነዚኦም ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ፍራሳት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ይርከቡ`ዮም::

- *ስነ ፅሑፍ፣ ፍልስፍና፣ ታሪክን ሳይንስን`ውን ብዝለዓለ ብርኪ ማዕቢሉ ነይሩ:: ብስራሕቲ ስነ ፅሑፍ ዝፍለጡ ውሩያት ንኣብነት ሲሰሮ (106 - 43 ዓ.ዓ.)፣ ቨርጂል (70 - 19 ዓ.ዓ.)፣ ሆራክ (65 - 08 ዓ.ዓ)፣ ሲኔካ (03 ዓ.ዓ - 65 ዓ.ም) ዝመሳሰሉ ነይሮም:: ሳይንሳዊ ምርምር ዘካየዱ`ውን ብዙሓት ነይሮም:: ንኣብነት ጋላን (131 - 201 ዓ.ዓ) ዝበሃል ግሪካዊ ሓኪም*

*ብዛዕባ ነርቭን ዑደት ደምን ዝምልከት ሓበሬታ ሕክምና ዝጠመረ እዩ፡፡ ፕቶሎሚ ዝበሃል ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ተመራማሪ ሳይንቲስት ህዋን ጠፈርን ብዙሕ ኣስተምህሮ ይህብ ነይሩ፡፡ ንኣብነት ዓለምና (መሬት) ኣብ ማእኸል ንነብረሉ ዘለና ሕዋ (ዩኒቨርስ) ከምትርከብን ፀሓይ ድማ ኣብ ዙሪያ መሬት ከምትዘውርን ዝገልፀሉ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ የስተምህር ነይሩ፡፡ ይኹን ደኣ`ምበር እዚ ክልስ ሓሳብ ፕቶሎሚ ደሓር ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ብኮፐርኒከስ ክልስ ሓሳብ ተመሓይሹ`ዩ። ኣዝዮም ዝነኣዱ ፅሓፍትን ተመራመርትን ታሪክ`ውን ነይሮም፡፡ ንኣብነት ሊቪይ (59 ዓ.ም - 17 ዓ.ም) ዝበሃል ታሪክ ሮም ካብ ምስረታኣ ክሳብ ዘመነ ኣጉስታን ብመልክዕ ኢንሳይክሎፔዲያ ኣፀሓሕፋ ኣዳልዩ እዩ፡፡ ፕሉታርክ (ከባቢ 100 ዓ.ም) ዝበሃል ድማ ጅጋኑ ሮማውያንን ግሪካውያንን ዘነፃፀረሉ መፅሓፍ ኣዳልዩ ንመንበብቲ ዘብቀዐ`ዩ፡፡ ከምኡ`ውን ታሲተስ (55 ዓ.ም - 120 ዓ.ም) ዝበሃል ብዛዕባ ዓሌት ጀርመኒካውያን ፅሒፉ`ዩ፡፡*




## ዕዮ ጉጅለ 1.7

**መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ ሮማ ብዝምልከት ተመያይጥኩም መልስኹም ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡**

## ሐ. ጥንታዊ ስልጣነ ቻይና (ቻይናውያን)

ተምሃሮ መልዐሊ ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለምና እንትንርእይ ከባቢ ሽንጥሮታትን ዓበይቲ ሩባታትን ተኸቲሎ ዝጀመረን በብቦትኡ`ውን ብመሰረት`ዚ ዝማዕበሉን ከምዝኾኑ ምርድኡ ፅቡቕ`ዩ። ንኣብነት ኣብ 7ᵉ ክፍሊ ከምዝተምሃርክምዎ ጥንታዊ ስልጣነ ኣህጉርና ኣፍሪካ ኣብ ሽንጥሮታት ሩባ ኣባይን ከባቢኡን ከምዝተጀመረ ተማሂርኩም ኢኹም። ስለዚ ንቕድም ጥንታዊ ስልጣነ ዝተጀመረሎም ከባብታት ዓለምና ኣብ ካርታ እናረእኹም ተመያየጡ። ኣብ ኣህጉር እስያ ዝተርኣዩ ጥንታዊ ስልጣነታት`ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ከባቢ ሽንጥሮታትን ሩባታትን እዮም ተጀሚሮም። ንኣብነት ጥንታዊ ስልጣነ ሜሶፖታሚያ እንተሪእና ኣብ ሽንጥሮታትን ሩባታትን ጢግሪስን ኤፍራጥስን እዩ ተጀሚሩ። ጥንታዊ ስልጣነ ህንዲ'ውን እንተሪእና ኣብ ሽንጥሮታት ሩባ ሂንዱን ከባቢኡን`ዩ ተጀሚሩ። ብተመሳሳሊ ድማ ጥንታዊ ስልጣነ ቻይና ኣብ ከባቢ ሽንጥሮታት ሩባ ሁዋንግ ሆ (ብጫ ሩባ ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ) እዩ ተጀሚሩ። ብተመሳሳሊ መልክዑ ኣብ ማእኸላይ ቻይና ኣብ ከባቢ ሽንጥሮ ሩባ ያንግትዝ ዝተፈላለዩ ምልክታት ስልጣነታት ነይሮም`ዮም። ተምሃሮ ኣብ ካርታ ዓለም ቻይና ኣበይ ከምትርከብ ርአዩ። ኣብ ዝስዕብ ካርታ ድማ ክልቲኦን ሩባታት ሁዋንግ ሆን ያንግትዝን ዘለዎም ንውሓትን ዝርከቡሉ ከባብን`ውን ተመልከቱ።

ኣብ ሃገረ ቻይና ዝርከብ ሩባ ያንግትዝ ብንውሓቱ ቀዳማይ`ዩ። ሩባ ሁዋንግ ሆ ኣብ ሰሜናዊ ቻይና ዝርከብ ኻይኑ ብንውሓቱ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ዝርከብ እዩ። ኣብዚ ከባቢ ሩባ ሁዋንግ ሆ ጥንታውያን ቻይናውያን ስራሕቲ ሕርሻ የሳልጡ ነይሮም። ኣብ እዋን 3000 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ከባቢ ሩባ ሁዋንግ ሆ ልሙዕ መሬት ዘለዎ፣ ሃንደበታዊ ዝናብ ዝበዝሖ፣ እንተይተሓሰበ ዝወርድ ጋሻ ውሕጅ ይርኣየሉ ዝነበረ እንተኾውን ጥንታውያን ቻይናውያን ድማ ምስ ሕርሻ ዝተኣሳሰሩ ምርባሕ ከፍቲ፣ ስራሕቲ ዝተፈላለዩ ዓታሩ (ሸክላታት)፣ ጋሻን ጦርን ዝመሳሰሉ ዝነበሮም`ዮም። ስለዚ ስራሕቲ ሕርሻ እናማዕበለ ስለዝኸደ ምሽላ፣ ሩዝ፣ ፍረ ምረን ኣትክልትታትን ከምኡ`ውን ሓሳማ፣ ደርሁ፣ ኣኽላባት ወዘተ ዝመሳሰሉ የፍረዩ ነይሮም።




ካርታ 1.13: ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ዝተጀመሩሎም ሩባታት ሁዋንግ ሆን ያንግትዝን

ካብ 2205 ዓመተ ዓለም ጀሚሩ ዝነበረ ፖለቲካዊ ስርዓት ቻይና ኣብ ስርወ ንግስና (ዳይናስቲ) ዝተመስረተ እዩ። እዚ ድማ ንልዕሊ 4 ሽሕ ዓመታት ዝፀንሐ ብምኺኑ ክሳብ 1911 ዓ.ም. ፀኒሑ`ዩ። ንኣብነት ካብ 2000 ዓመተ ዓለም ጀሚሩ ክሳብ 220 ዓመተ ምህረት ጥንታዊት ቻይና ብሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ስርወ ንግስና (ዳይናስቲ) ተመሓዲራ`ያ። በብእዋኑ`ውን ዝተፈላለዩ ብርክታትን ኣብነታትን ስልጣነታት ተራእዮም`ዮም። እዚኦም ከምዝስዕብ ተገሊፆም‘ለዉ፤

- *ህሲያ ስርወ መንግስቲ (2000 - 1500 ዓ.ዓ) ዝበሃል ዝነበረ እንተኾውን ኣብዚ እዋን ቻይናውያን መዳብን ነሓስን የቕልጡን ቐጥቒጦም ይሰርሕዎምን ነይሮም፣ ሓሰኻ ሃሪ የልምዑ ነይሮም፣ ንቃላት ዝገልፁ ምልክታዊ ፅሑፍ`ውን ጀሚሮም ነይሮም፡፡*
- *ሻንግ ስርወ መንግስቲ ካብ 1500 - 1000 ዓ.ዓ ነይሩ፡፡ ኣብዚ እዋን ድማ ቻይናውያን ፍሉይ ጥበብ ዝተመልአ ስራሕቲ መዳብ ኣጎልቢቶም ስለዝነበሩ ዘመነ መዳብ ቻይናውያን ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡ ፍሉይ ፅባቐ ዘለዎም ስራሕቲ ሸክላ፣ ኣብ ዕንፀይትን ቀርኒታን ከምኡ`ውን ኣብ ጋሻን መከታን ወዘተ ይፅሕፉ ነይሮም፣ ከም ቀዳሞት ወለዲ ጣኦታዊ ኣምልኮ ነይርዎም፡፡ ቀለንተን ነይርዎም፣ ኣብ ሕርሻን ውፅኢታት መዳብን ልዑል ጥበብ ቴክኖሎጂ ነይርዎም፡፡*




ስእሊ 1.10: ስእሊ ፤ ካብ መዳብ ዝተሰርሑ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ኡናት፣ መቅድሒ ማይን ካልኦትን ነይሮም፡፡


- **ገሆዩ (ቾዩ) ስርወ መንግስቲ ካብ** (1000 - 250 ዓ.ዓ) ነይሩ፡፡ ኣብዚ እዋን ምስ ሓፂን መፂን ዝተኣሳሰሩ ስራሕቲ ተጀሚሮም ስለዝነበሩ ዝተፈላለዩ ናውቲ ነይሮም፡፡ ቴክኒካዊ ጥበብ ሕርሻ ማዕቢሉ፡፡ ኣብ ፅሑፍ ዝሰፈረ ሕጊ ነይሩ። ከምኡ`ውን ሳናቲም ተጀሚሮም ኣብ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ዝኣተዉ ብዙሓት ነይሮም፡፡ ኣብዚ እዋን`ዚ ብፍላይ ኣብ ሻድሻይን ሓምሻይን ክፍለ ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጥንታዊ ስነ ፅሑፍ ዝማዕበለሉን ውሩያት ፈላስፋታት ከም እኒ ላኦ-ፀን ኮንፋሺዩስን ዝመሳሰሉ ብዙሕ ኣስተምህሮ ይምህሩ ዝነበሩሉ እዋን`ዩ። ዝተፈላለዩ ፍልስፍናታት እምነት፣ ተፈጥሮ፣ መነባብሮ ወዲሰብን መንግስትን ነይሮም፡፡ ኮንፋሺዩሲዝም ከም ፍልስፍና፣ እምነታት፣ ሃይማኖታውን ማሕበራዊ ስነ ምግባርን ዝውሰዮ እዩ ነይሩ፡፡ ተኣማንነት፣ ቅንዕናን ኣባኻ ክበፅሕ ዘይትደልዮ ኣብ ካልኦት ኣይተውዕሎ ዝብሉ ይርከብዎም። ኮንፋሺዩስ ካብ 551 - 497 ዓ.ዓ ዝነበረ እንትኸውን ብድሕሪኡ ድማ ሜንሺዩስ ብዝተብሃለ ካብ 372 - 289 ዓ.ዓ ዝነበረ ብዕሙቐት ክጋፋሕ ተገይሩ`ዩ፡፡ ድሕሪ ግዘ እዚ ኣስተምህሮ ናብ ኮርያን ጃፖንን ተዛሚቱ ተቐባልነት ረኺቡ፡፡



ስእሊ 1.11: ቻይናዊ ፈላስፋ ኮንፋሺዩስ


- **ቺን (ኲን) ስርወ መንግስቲ (256 - 206 ዓ.ዓ)** ዝበሃል ድማ ሓፂር ዕድመ ዝነበሮ`ዩ፡፡ ኣብ ሰሜናዊ ቻይና 1500 ማይልስ (2400 ኪ.ሜ) ንውሃት ዘለዎ ዓብዪ መንደቕ ቻይና ከም ሓፁር ኾይኑ ዝተነደቐሉ እዋን ነይሩ። ንኣንፈት ደቡብ ድማ ክሳብ ያንግትዝ ዝበሃል ክፍለ ሃገር ግዝኣቶም ዘስፋሕፍሑ ነገስታት ዝነበሩሉ እዩ፡፡ ንጉስ ሺህ ሁዋንግ ቲ ዝበሃል ምእኹል መንግስቲ ቻይና ኣብ ምምስራት፤ ዓበይቲ ፅርግያታት፡ ድልድላትን ካናላትን ኣብ ምህናፅ፤ ከምኡ`ውን ቅልል ዝበሉን ብጣዕሚ ብሩሃት ዝኾኑን ኣግባብ ኣፀሓሕፋን ፊደላት ቃላትን ክምዕብሉ ዝገበረ እዩ፡፡ ኣብዚ እዋን ኣዝዮም ዝነኣዱ ብዙሓት ኣብነታት ስልጣነታትን ምዕባለታትን ጎሊሆም ስለዝተርኣዩ ካብዚ ስርወ መንግስቲ ድማ ቻይና ዝብል ስም መፂኡ፡፡





ስእሊ 1.12: ኣብ ሰሜናዊ ቻይና ወራር ወፃኢ ንምክልኻል ዝተነደቐ "ዓብዪ መንደቕ (ሓፁር)" ቻይናውያን

- ድሕሪ`ዚ ድማ ሃን ስርወ መንግስቲ ዝበሃል (206 ዓ.ዓ - 220 ዓ.ም) ተኪኡ፡፡ ነገስታት ስርወ መንግስቲ ሃን ፖለቲካዊ ሓድነትን ሕብረትን ቻይና ንምድልዳል ምእኹል ምምሕዳር ኣጠናኺሮም፡፡ ፍልስፍና ኮንፉሺያኒዝም ኣጋፊሖምዎ፡፡ ስነ ፅሑፍ ኮንፉሺያን ክምዕብል ገይሮም፡፡ ካብ ሃገረ ህንዲ እምነትን ሃይማኖትን ሂንዱዚም ክተኣታተው ገይሮም፡፡ ካብ ሃገረ ቻይና ወፃኢ ንግዲ ልውውጥ ክህልው ገይሮም፡፡ ስለዝኾነ ድማ ሃርን ቀመማ ቀመምን ካብ ቻይና ብባሕሪ ሜዲተራንያን ገይሩ ናብ ሃገራት ኣውሮፓ ምንጋድ ተጀሚሩ። ፖለቲካዊ ስርዓትን ባህልን ከምኡ`ውን ቋንቋን ስነፅሑፍን ቻይናውያን ናብዝለዓለ ብርኪ ክበፅሕ ገይሮምዎ፡፡ ብምኽንያ`ውን ኣብዚ እዋን`ዚ ስነ ፅሑፍን ፊደላትን፣ ስነ ጥበብን ስእልን፣ ቅርፃ ቕርፅን ስነ ህንፃን፣ ሳይንስን ሕክምናን፣ ኢንዱስትሪን ቴክኖሎጂን፣ ባህልን ፖለቲካዊ ስርዓትን ወዘተ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክዓብይ ስለዝኸኣለ ቻይናውያን "ንሕና ደቂ ሃን ኢና" ኢሎም ብምለእ ልብን እምነትን ይገልፁ ነይሮም፡፡





ካርታ 1.14: መስመር ንግዲ ሃሪ ቻይናውያን



ካብ መዳብ ዝተሰርሐ ምስሊ ስነ ጥበባዊ ውፅኢት



ኣጎዳ



ምስሊ ሰብ





ካብ ሸክላ ዝተሰርሑ ውፅኢት ጥንታውያን ቻይናውያን



ካብ መዳብ ዝተሰርሐ መቅድሒ ማይ

ስእሊ 1.13: ውፅኢታት ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን

## ዕዮ ጉጅለ 1.8



ውፅኢታት ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ምስ ውፅኢታት ጥንታዊ ስልጣነ ግሪካውያንን ሮማውያንን እናነፃፀርኩም ተመያየጡ፡፡ ዘለዎም ተመሳሳላይነትን ኣፈላላይን ግለፁ፡፡ ውፅኢት'ዚ ምርድዳእ ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

መበገሲ ስልጣነ ቻይና ኣብ ከባቢ ሽንጥሮታት ሩባታት ሁዋንግሆን ያንግትዝን ዝተጀመረ ሕርሻ'ዩ፡፡ ሕርሻ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናማዕበለ ምስኸደ ጥንታውያን ቻይናውያን ከም ሩዝ፣ ምሸላ፣ ፍረምረን ኣትክልትታትን ከምኡ'ውን ከም ሓሳማ፣ ደርሁን ኣኽላባትን የፍርዩ ከምዝነበሩ ተማሂርኩም ኢኹም፡፡ ኣብ ላዕሊ ብተፈላለየ መንገዲ ከምዝተገለፀን ብስእላዊ መግለፅታትን ከምዝረኣይኩሞን ካብ እዋን ናብ እዋን ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን እናማዕበለ ኸይዱ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ብዙሓት ቁሸታት ናብ ከተማታት ተለዊጠን፡፡ እዘን እናማዕበላን ማእኸል ስልጣነታት እናኾና ዝመፃ ከተማታት ድማ ባዕለን ዝማሓደራሎም መንግስታትን ምምሕዳርን ይምስርታ ነይረን። ኣብ እዋን ጥንታዊ ስልጣነኦም ቻይናውያን ኣብ ዓለምና ፈላማይ ዝኾነ ዓለባ - ሃሪ ምሂዞም፡፡ ሓሰኻ ሃሪ'ውን ብምርባሕ ብፈትሊ ሃሪ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳውንቲ ይኣልሙ ነይሮም፡፡ ነዚ መሰረት ዝገበረ ድማ

ንግዲ ኣጋፊሖም፡፡ ስለዝኾነ`ውን ዓለባ ሃሪ ናብ ሃገራት ኣውሮፓን እስያን ብባሕሪ ሜዲተራንያን እናሰገሩ ይልእኹ ነይሮም። ንግዲ ወፃኢ ድማ ጀሚሮም፡፡ (ካርታ መስመር ንግዲ ሃሪ ተመልከት፡፡ ጥንታውያን ቻይናውያን ንቐድም ካብ ኣእማን ደሓር ድማ ካብ መዳብን ነሓስን ዝተሰርሑ ኣፅዋራት ውግእ የፍርዩ ነይሮም፡፡

ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ከምዝራእኹምዎ ስልጣነ ጥንታዊ ቻይና ኣብዚ ጥራሕ ዝተደረተ ኣይነበረን፡፡ ኣብ ስእሊ ከምዝራእኹምዎ ቀንዲ ውፅኢት ስልጣነ ጥንታውያን ቻይናውያን ዝገልፅ ካብ ወረርቲ ንምክልኻል ኣብ ሰሜናዊ ዶብ ዝተሃነፀ `ዓብዪ መንደቕ ቻይና` እዩ፡፡ እዚ ክሳብ 2400 ኪሎ ሜትር (1.5 ማይልስ) ንውሓት ዘለዎ እዩ፡፡ ኣብ እዋን ጥንታዊ ቻይና ገፋሕቲ መንገድታት ተሰሪሖም ንመላእ ግዝኣት ቻይና የራኽቡ ነይሮም።

ብመዳይ ሳይንሳዊ ጥበብን ቴክኖሎጂን እንተሪኢና`ውን ካብ ነሓስን መዳብን ዝተሰርሑ ሳናቲም ነይሮም፡፡ መዐቀንታት ክብደትን ርሕቐትን ሚሂዞም ኣብ ግብሪ ኣውዒሎም ነይሮም፡፡ ቀለንተን`ውን ነይርዎም፡፡ ቻይናውያን ኣብ ዓለም ፈላማይ ዝኾነ ወረቐትን ምስዚ ዝኸይድ ድማ ሕትመት ሰሪሖም ኣብ ግልጋሎት ዘውዓሉ`ዮም፡፡ ጥንታውያን ቻይናውያን ብግዚኦም ብዙሕ ምህዞታት ስለዝነበርዎም መሐበሪ ኣንፈት ዝኾነ ኮምፓስ ዝበሃል መሳርሒ`ውን ዝመሃዙ እዮም፡፡ ብማይ ዝሰርሕ ሰዓት`ውን ሚሂዞም ይጥቀሙሉ ነይሮም፡፡ ኣብ ዓመት 365¼ መዓልትታት ከምዘለዉ`ውን ንመጀመርታ ግዘ ዘረጋገፁ ጥንታውያን ቻይናውያን`ዮም፡፡ ራዕዲ መሬት ዝፈልይ መሳርሒ`ውን ምሂዞም ከምዝነበሩ ይፍለጥ፡፡

ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ኣብ ሃይማኖትን ፍልስፍናን፣ መንግስታዊ ግዝኣትን ንግድን፣ ኣብ ስጡም ቤተሰባዊ ምትእስሳር መነባብሮ፣ ኣብ ብምልክትን ፊደላትን ዝተሰነየ ቋንቋን ስነ ፅሑፍን፣ ኣብ ስነ ጥበብን ስነ ቅርፃ ቕርፅን ከምኡውን ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጅን መሰረት ዝገበሩ`ዮም ነይሮም፡፡ ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ብምልኦም መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነታት ቻይናውያን ስለዝኾኑ ነዚኦም ሓደ ብሓደ እናረኣይኩም ምስ መሓዙትኩምን ምስ መምህርኩምን ተመያየጡሎም፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.9

*መግለፂ ውፅኢታት ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ብዝምልከት ብጉጅለ ኾይንኩም ተመያየጡ፡፡ ውፅኢቱ'ውን ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡*

## መ. ጥንታዊ ስልጣነ ኣብ ማእከላይን ደቡባውን ኣመሪካ

ተምሃሮ ኣብ ማእኸላይን ደቡብን ኣመሪካ ዝርከባ ሃገራት ካርታ እናራእኹም ዘርዝርወን። ካብዚኦን ድማ ብፍላይ ከም ጓቴማላ፣ ሆንዱራስ፣ ኤልሳልቫዶር፣ ሜክሲኮ፣ ፔሩን ቺሌን ዝመሳሰላ ሃገራት ፈሊኹም ኣለልይወን፡፡ ኣብ ማእኸላይን

ደቡብን ኣመሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ኣማዕቢሎም ዝነበሩ ህዝብታት ኣብዘን ሃገራት`ዮም ዝርከቡ፡፡ እዚኦም ህዝብታት ማያ፣ ኢንካን ኣዝቴክን ተባሂሎም ዝፍለጡ`ዮም፡፡ ስለዚ ነዚኦም ብካርታን ስእልታትን ዝተሓገዘ ሓፂር መግለፂ ምሃብ የድልይ`ዩ፡፡

ጥንታዊ ስልጣነ ህዝብታት ማያ ዝበሃል ኣብ ማእኸላይ ኣመሪካ ኣብ ከባቢ ሃገራት ጓቴማላ፣ ሆንዱራስ፣ ኤልሳልቫዶርን ደቡባዊ ሜክሲኮን ካብ 250 - 900 ዓ.ም ኣብዝነበረ እዋን ማዕቢሉ ዝነበረ`ዩ። መበገሲ ጥንታዊ ስልጣነ እዞም ከባብታት ዘማዕበልዎ ሕርሻ ነይሩ። ውፅኢት ልምዓት ሕርሻ ዝኾኑ ከም ኮመደረ፣ ዕፉን፣ ዓተርባሕሪ፣ ድንሽ፣ ትምባኾን ካልኦትን ንፈለማ ግዘ ኣብ ጥቕሚ ዘውዓሉ`ዮም። ማያውያን ብመዳይ ኢደ ጥበብ ኣዝዮም ዘደንቁ ስራሕቲ ዘምቢል፣ ሽክላን ማእለማን ነይሮምዎም። ብመዳይ ስነ ህንፃ`ውን ኣዝዮም ዝድነቑን ካብ እምኒ ዝተሰርሑን ኣብያተ መንግስቲ፣ ቤተ ፀሎትን ፒራሚዳትን ሰሪሖም ነይሮም። ንመቃብር ነገስታት ተባሂሎም ዝተሃንፁ ፒራሚዳት ገለገሊኦም ካብ 40 - 70 ሜትሮ ቑመት ነይርዎም። ነዚ ብዝምልከት ዝስዕቡ ውሱን ስእልታት ምርኣይ ይከኣል፡፡




ካርታ 1.15: ስልጣነ ማያ ዝነበረሉም ከባብታት ዘርእይ ካርታ




ካርታ 1.16: ስልጣነ ኢንካ ዝነበረሉም ከባብታት

ካብዚኦም ብተወሳኺ ድማ ስነ ዕሑፍ ማዕቢሉ፣ ወረቐት ተማሂዞ፣ ክእለታት ሒሳብ ጎልቢቶም፣ ስነ ክዋክብትን ዑደት ፀሓይ ዝተኸተለ ቀለንተንን ኣማዕቢሎም ነይሮም። ማያውያን መበቆሎም ኣመሪካውያን ዝኾኑ ብታሪክ ድማ ኣመሪካውያን ህንዳውያን እናተብሃሉ ካብዝፍለጡ ውሽጢ ዝምደቡ`ዮም። ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ብዝተኻየደ ወራር ስፓኝ ማዕቢሉ ዝነበረ ስልጣነ ማያ ዓንዩ።



ሀ. ኣብ ኡክስማል ዝርከብ ቤተ መንግስቲ ማያውያን



ለ. ኣብ ቱሉም ዝርከብ ፍራስ ሙኸራብ ማያውያን



ሐ. ኣብ ማቹ ፒቹ (ደቡብ ፔሩ) ዝርከብ ፍራስ ኢንካ



መ. ኣብ ሜክሲኮ ዝርከብ ፒራሚድ ኢንካውያን



ሰ. ፍራስ መቓብር ማያውን ኣብ ትካል ጓዋቴማላ



ረ. ኣብ ኤል ሳልቫዶር ዝርከብ ፍራስ ማያውያን

ስእሊ 1.14: ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነ ደቡብ ኣመሪካ

ስልጣነ ኢንካውያን ኣብ ናይ ሎሚ ከባቢ ፔሩን ቺሌን ዝበሃላ ሃገራት ደቡብ ኣመሪካ ማዕቢሉ ዝነበረ ስልጣነ'ዩ፡፡ ስልጣነ ኢንካ ንደቂ ዓዲ ኣመሪካውያን ጥራሕ ዝምልከት'ዩ። ግዝኣት ኢንካ ገፊሕን ሃፍታምን ዝነበረ'ውን እዩ፡፡ ማእኸል ስልጣነ ኢንካ 'ኩስኮ' ትበሃል ከተማ እንትትከውን እዚኣ ድማ ኣብ ሎሚ ፔሩ ትበሃል ሃገር ትርከብ'ያ፡፡ ግዝኣት ኢንካ ካብዛ ርእሰ ከተማኣ ዝነበረት ኩስኮ ብምብጋስ ክሳብ ሎሚ ኮሎምቢያ፣ ኢኳዶር፣ ቦሊቪያ፣ ቺሌን ኣርጀንቲናን ተባሂሎም ዝፍለጡ ሃገራተ ብዝሃወሰ መልክዑ ተጋፊሑ ነይሩ፡፡ ስልጣነ ኢንካ ከባቢ 1200 ዓ.ም ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ኣህጉር ደቡብ ኣመሪካ ዝተጀመረ ፈላማይ ስልጣን`ዚ ከባቢ`ዩ፡፡

ኣብ ስልጣነ ማያ ከምዝረኣናዮ ኹሉ መበገሲ ስልጣነ ኢንካ ኣብ ሕርሻን ስራሕቲ ስነ ቅርፂ ህንፃን ኣእማንን ዝተደረኸ ነይሩ። ኢንካውያን ሕርሻ ዘማዕበሉ፣ ብዝኣምንዎም ኣማልኽቲ ዓበይቲ ቤተ ፀሎት ዝሃነፁ፣ ብፅሩብ ስእልታት ኣእማን ዘጌፁዎም ነይሮም። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ስልጣነ ኢንካ ካብ ደቡብ ኣመሪካ ንፈለማ ካብ ወርቂ ዝተሰርሑ መጋየፅታት ምስራሕ ዝጀመሩዎም። ስለዚ ኢንካውያን ስራሕቲ ስነ ጥበብ ስእልን ቅርፂ ቐርፅን፣ ህንፀት መንገዲን ምስ ስነ ህዋን ስነ ክዋክብትን ከምኡውን ሕጊ ስነምግባርን ስልጡን ስርዓት ምምሕዳር መንግስትን ወዘተ ንዝመሳሰሉ ብምዕቡል መልክዑ ኣማዕሪንም መሊኾምዎም ዝነበሩዎም።



ኣታሁኣልፓ ዝተብሃለ ንጉስ ኢንካ ኣብ ፔሩ



ኣብ ሳን ኣውጉስቲን (ኮሎምቢያ) ዝርከብ




ግዝኣት ስልጣነ ኣዝቴክ ዘመልክት



ኣብ ቴኦቲኢካን (ምብራቓዊ ሜክሲኮ) ዝርከብ ፍራስ ፒራሚድ

ስእሊ 1.15: ሓድግታትን ጥንታዊ ስልጣነ ኣዝቴክ ኣብ ደቡብ ኣመሪካ

ኣዝቴክ ዝበሃሉ ህዝቢ መበቆሎም ደቂ ዓዲ ኣመሪካውያን ዝኾኑዎም። ስልጣነ ኣዝቴክ ድማ ኣብ ከባቢ ሜክሲኮ ኣብ መበል 13 ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝማዕበለ ስልጣነዩ። ግዝኣት ኣዝቴክ ኣብ መበል 15ን 16ን ክፍለ ዘመን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ሓያልነት ዝበፅሐ ነይሩ። ግዝኣት ኣዝቴክ ብዝምልከት ኣብዝስዕብ

ካርታ እናረኣይኩም ተመያየጡ፡፡ ማእኸል ርእሰ ከተማ ኣዝቴክ `ቴኖችቲትላን` ተባሂላ ትፍለጥ፡፡ ኣብዛ ከተማ ዓበይቲ ህንፃታት፣ ኣብያተ መንግስቲ፣ ኣብያተ ፀሎት፣ ዕዳጋታት፣ ፒራሚዳትን ገፋሕቲ መንገድታትን ዝነበራ`ያ፡፡ ኣዝቴካውያን ባዕሎም ዘማዕበልዎም ስእላዊ ኣፀሓሕፋን ቀለንተንን ነይርዎም`ዩ፡፡ ኣዝቴካውያን ምዕቡል ከተማታት ኣጣይሾም ነይሮም፡፡ ውሩይ ዝነበረ ስልጣነ ኣዝቴካውያን ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ወራር ስፓኝ ዓንዩ፡፡ ስለዚ ክሳብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ምዕቡል ስልጣነ ማያውያን፣ ኢንካውያንን ኣዝቴካውያንን ብምኽንያት ወራር ስፓኝ ዓንዩ ማለት`ዩ፡፡ ተምሃሮ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ኣዝቴካውያን፣ ማያውያንን ኢንካውያንን ተረዲእኹም ዶ?



ስእሊ 1.16፡ ኣብ ቴኦቲኢካን (ምብራቓዊ ሜክሲኮ) ዝርከብ ፍራስ ፒራሚድ



## ዕዮ ጉጅለ 1.10

1 መግለፂ ውፅኢታት ጥንታዊ ስልጣነ ማእኸላይን ደቡባውን ኣመሪካ ብዝምልከት ብጉጅለ ኾይንኩም ተመያየጡ፡፡ ውፅኢቱ'ውን ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

2 ጥንታዊ ስልጣነ ማእከላይንደቡባውን ኣመሪካ ምስ ኣብ ጥንታዊ ስልጣነ ግሪካውያን፣ ሮማውያውን፣ ቻይናውያን ብምግንዛብ ዝነበሮም ተመሳሳላይነትን ኣፈላላይን ብዝርዝር ኣለልዩ፡፡ ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ'ውን ኣቕርቡ፡፡

## መልመዲ 1.3

*ነዞም ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፂ መልስታት ውሽጢ ዝበለፀ ቅኑዕን ትኽክለኛን ንዝኾነ መሪፅኩም መልሱ፡፡*

1 ኣብ ኣህጉር እስያ ጥንታዊ ስልጣነ ዝጀመረሉ /ሉዎም ሃገራት/ ሃገር ፍለዩ፡፡

ሀ ቻይና፣ ህንድን ሜሶፖታሚያን
ለ ኣክሱም፣ ግብፂን ሞዛምቢክን
ሐ ፋርስ፣ ግሪክን ሮምን
መ ማያ፣ ኣዝቴክን ኢንካን
ሰ መልሲ ኣይተውሃበን

2 ኣብ ኣህጉር ኣሜሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ዝጀመረሉ/ሉዎም ሃገራት/ ሃገረ ፍለዩ፡፡

ሀ ቻይና፣ ህንድን ሜሶፖታሚያን
ለ ኣክሱም፣ ግብፂን ሞዛምቢክን
ሐ ፋርስ፣ ግሪክን ሮምን
መ ማያ፣ ኣዝቴክን ኢንካን
ሰ መልሲ ኣይተውሃበን

3 ኣብ ኣህጉር ኣፍሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ዝጀመረሉ /ሉዎም ሃገራት/ ሃገር ፍለዩ፡፡

ሀ ቻይና፣ ህንድን ሜሶፖታሚያን
ለ ኣክሱም፣ ግብፂን ሞዛምቢክን
ሐ ፋርስ፣ ግሪክን ሮምን
መ ማያ፣ ኣዝቴክን ኢንካን
ሰ መልሲ ኣይተውሃበን

4 ኣብ ኣህጉር ኣውሮፓ ጥንታዊ ስልጣነ ዝጀመረሉ /ሉዎም ሃገራት/ ሃገር ፍለዩ፡፡

ሀ ቻይና፣ ህንድን ሜሶፖታሚያን
ለ ኣክሱም፣ ግብፂን ሞዛምቢክን
ሐ ግሪክን ሮምን
መ ማያ፣ ኣዝቴክን ኢንካን
ሰ መልሲ ኣይተውሃበን

5 ንግሪክ ዝኸበቡ ባሕርታት ፍለዩ፡፡

ሀ ትሪሄኒያን
ለ ሜዲተራንያን
ሐ ኣድርያቲክን
መ ኣጀኣንን
ሰ ለን መን

6 ንኢጣልያ ዝኸበቡ ባሕርታት ፍለዩ፡፡

ሀ ትሪሄኒያን
ለ ሜዲተራንያን
ሐ ኣድርያቲክን
መ ኣዮኒያን
ሰ ኩሉ መልሲ እዩ

7 ጥንታውያን ግሪካውያን ኣብ ዓንድታትን ህንፃታትን ዝጥቀሙለን ዝተፈላለየ ቕርፅታት ፍለይ፡፡

ሀ ዶሪክ
ለ ኣዮኒክ
ሐ ኮሪንቲያን
መ ኩሉ መልሲ እዩ

8 ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ጎሊሁ ይርአ ዝጀመረሉ እዋን ካብ መዓዝ ንደሓር እዩ?

ሀ 3500 ዓ.ዓ
ለ 2000 ዓ.ዓ
ሐ 1000 ዓ.ዓ
መ 500 ዓ.ም
ሰ 100 ዓ.ም

9 ጥንታውያን ሮማውያን ዘማዕበልዎ ዝተመሓየሸ ፅባቐ ዓንድታትን ህንፃታትን ዝተፈላለየ ቕርፅታት ኣየናይ'ዩ?

ሀ ዶሪክ
ለ ኣዮኒክ
ሐ ኮሪንቲያን
መ ካኖኒካል ምኹራብ
ሰ ኩሉ መልሲ እዩ

10 ኣብ ዓለምና ንመጀመርታ ግዘ ውፅኢት ዓለባ ሃሪ ዝመሃዙን ናብ ንግዲ ዝኣተዉን ኣበይ ዝርከቡ ህዝብታት እዮም?

ሀ ግሪክ
ለ ሮም
ሐ ቻይና
መ ኣዝቴክ
ሰ ኣሜሪካ

# 1.3 ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም

## 1.3.1 ዝርግሐ ህዝቢ ዓለም

### ሀ. ትሕዝቶን ኣምርን ስነ ህዝቢ፤

ተምሃሮ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብዛዕባ ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ብዝምልከት ምስ ዝርግሐን መነባብሮን ከምኡ'ውን ንመነባብሮ ዝፀልዉ ባእታታትን ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ እዚ ርእሲ ኣብ 7ይ ክፍሊ ምስዝተምሃርክምዎ ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ'ዩ፡፡ ብጉጅለ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡



**ዕዮ ጉጅለ 1.11**

ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ በዝሒ ህዝብን ኣሰፋፍራን ከምኡ'ውን ቕልጡፍ በዝሒ ህዝቢ ዝህልዎ ሳዕቤን ብዝምልከት ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? ብዛዕባ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብዝምልከትን ብዛዕባ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብዝምልከትን ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? ንድሕሪት ተመሊስኩም ዓሚ ዝተምሃርክምዎ መሰረት ብምግባር ምስ እዕሩኽትኹም ተመያየጡ፡፡ ዝተምሃርክምዎ ብምዝካር ህዝቢ እንትበሃል እንታይ ማለት ይመስለኩም? ከመይ ትገልፅዎ? ስነ ህዝቢ ኸ እንታይ ማለት'ዩ? ከመይ ትገልፅዎ? ብዛዕባ ህዝብን ስነ ህዝብን ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ዝግበረሉ ትምህርቲ እንታይ ይበሃል? ብዝርዝር ተመያየጡሉ፡፡ መልሲ ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ሒዝኩም ቕረቡ፡፡

እምበኣርከስ ተምሃሮ መልስኹም ከምዝስዕብ ምዃኑ ኣረጋግፁ፤ ህዝቢ ማለት ኣብ ሓደ ከባቢ ንኣብነት ኣህጉር፣ ሃገር፣ ክልል፣ ዞባ፣ ከተማ፣ ወረዳ፣ ጣቢያ፣ ቀጠና ወይድማ ቁሸት ወዘተ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ እዋን ነባራይ ዝኾነ (ተቐማጣይ) ወዲዓዲ ዝግለፀሉ መረዳድኢ ኣምር'ዩ። ብዛዕባ ህዝቢ ዝምልከት ዝርዝር መፅናዕቲ ዝግበረሉ ሳይንስ ዲሞግራፊ (ስነ ህዝቢ) ተባሂሉ ይፍለጥ። ስነ ህዝቢ ከም ሓደ ዘፈር ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ብዛዕባ በዝሒ ህዝቢ፣ ተዋፅኦ፣ ዝርግሐ፣ ኩነታት መጠን ዝውለዱ ህፃናት ምስ መጠን ሞትን ስደትን ብዝምልከት ዘለዉ ለውጥታት ኣመልኪቱ ብስታቲስቲካዊ ፀብፃብ እናተሓገዘ ሳይንሳዊ ትንተና ዝግበረሉ'ዩ። ስነ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ለውጥታትን ምምሕያሻትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ትልሚ ልምዓት ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን እናገናዘበ ንመንግስቲ ዝጠቅሙ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝህብ'ዩ።



## ዕዮ ጉጅለ 1.12

*ተምሃሮ ብዛዕባ ስነ ህዝቢ ዝተመራመረ ምሁር ፈላስፋ መን ከምዝበሃል ትፈልጡዶ? ስነ ህዝቢ ንመንግስቲ፣ ህዝብን ልምዓት ሃገርን እንታይ ረብሓ ኣለዎ ትብሉ? ነዞም ሕቶታት ብዕሙቐት ተመያየጡሎም'ሞ መልስኹም ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።*

ተምሃሮ መልስኹም ምዝስዕብ ዝሳነይ ምዃኑ ኣረጋግፁ፤ ብዛዕባ ህዝብን ስነ ህዝብን መፅናዕቲ ብምክያድ መትከላትን ፖሊሲታትን ስነ ህዝቢ ኣመልኪቱ ብ1789 ዓ.ም.ፈ ፅሑፍ ፍልስፍና ብምቕራቡ ዝፍለጥን ክሳብ ሎሚ በዚ ስርሑ ዝዝከርን ካብ 1766 - 1834 ዝነበረ ምሁር ፈላስፋ 'ቶማስ ኣልበርት ማልታስ' ዝበሃል'ዩ። ስነ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ለውጥታትን ምምሕያሻትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ትልሚ ልምዓት ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን እናገናዘበ ንመንግስቲ ዝጠቅሙ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝህብ'ዩ። ብስነ ህዝቢ ዝርከብ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ድማ መንግስቲ ኣብ መዳይ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ስነ ኣባይቲ፣ ማሕበራዊ ውሕስናን ድሕንነትን፣ ዕድል ስራሕ፣ ምሕብሓብ ከባብን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝምልከቱ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ይህብ'ዩ። ከምዚኦም ዝመሰሉ መረዳእታታትን ሓበሬታታትን ድማ መንግስቲ ንኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዕብየትን ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ደህንነትን ውሕስነትን ዝጥምቱ ብጣዕሚ ወሰንቲ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕብየት ንክሕንፅፅን ሓበርቲ ኣንፈታት ንኸውፅእን ብወሳናይ መልክዑ ይጥቀመሎም።

### 1.3 ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም



## ዕዮ ጉጅለ 1.13

ተምሃሮ ብመሰረት ትንታነ ስነ ህዝቢ መጠን ዝተወለዱ ህፃናትን መጠን ሞትን ምስ ሓፈሻዊ ጥዕና ህዝቢ ብምግንዛብ ብከመይ ኣገባብ ዕብየት ህዝቢ ከምዘመላኽት ክትፈልጡ ዶ? ኣብ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ስነ ህዝቢ ክንፈልጦም ዝግብኡና መሰረታዊ ኣምራት ከም ንኣብነት

- መጠን ውልደት
- መጠን ምውላድ እኖታት
- መጠን ምስዳድ
- መጠን ዕብየት ህዝቢ
  መጠን ሞት
- መጠን ብህይወት ዝንበረሉ ዕደመ
- መጠን ካብ ስደት ዝተመልሱ
- መጠን ሞት ህፃናት

ዝመሳሰሉ ብዝርዝር ተመያይጥኩም ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

ተምሃሮ መልስኹም ከምዝስዕብ ምዃኑ ኣረጋግፁ፤ ፈለማ ብመሰረት ትንታነ ስነ ህዝቢ መጠን ዝተወለዱ ህፃናትን መጠን ሞትን ምስ ሓፈሻዊ ጥዕና ህዝቢ ብምግንዛብ ዕብየት ህዝቢ የመላኽት ምዃኑ ምርዳእ ኣገዳሲ'ዩ። ስለዚ እዚ ኣገባብጣ መጠን ዝተወለዱን ዝሞቱን ብመንፅር 1000 ህዝቢ እናተገበጠ መጠን ዝተወለዱን ዝሞቱን ካብ 1000 እናተብሃለ'ዩ ዝግለፅ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ መጠን ዕብየት ህዝብን ዘለዉ ለውጥታትን እንትግበጥ ድማ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዓመት ውሽጢ በዝሒ ዝተወለዱ ህፃናት፣ ዝሞቱ ሰባት፣ ዝተሰደዱን ካብ ስደት ዝተመልሱን ኣብ ልዕሊ ዝተቖፀረ በዝሒ ህዝቢ ተገይሩ'ዩ ዝግበጥ። ይኹን ደኣ'ምበር እዚ ዓይነት ኣገባብጣ ብመሰረት ዕድመ ማእኸል ዝገበረ ትንታነ ስለዘኾነ ዝተወሰነ ምዝባዕ ይርከበሉ'ዩ። ንኣብነት ጥዕንኡ ምሉእ ብምሉእ ኣብዝተማልአ ሕብረተሰብ እንተወሲድና ብዕድመ ድፍእ ዘበሉ ዓበይቲ ብዙሓት ዝርከብዎምን መናእሰይ ወለዶ ብበዝሒ ዝርከብዎም ኣብ ትሕቲ ድኽነት ዝርከቡን እንትወዳደር መጠን ሞት ተመሳሳላይ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ሰብ ሞያ ስነ ህዝቢ ካብ ከምዚ ዝመሰለ መዋጠጥን መካትዕን ሓሳባት ንምውፃእ ኣብ ዕድመ ዝተመስረተ ክፍፍል ህዝቢ ብምግዳፍ መጠን ምውላድ እኖታትን መጠን ብህይወት ነዊሕ ዕድመ ምንባርን ዝብሉ ክልተ ኣገደስቲ መዐቀንታት'ዮም ዝጥቀሙ።

መጠን ዓቕሚ ምውላድ እኖታትን መጠን ብህይወት ነዊሕ ዕድመ ምንባር እንትበሃሉ እንታይ ማለት ይመስለኩም? ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ሓቲትኩም መልሲ ክትረኽቡ ፈትኑ፡፡ ዝለዓለ መጠን ዓቕሚ ምውላድ እኖታት ዘለወን ሃገራት ካብ ውሽጢ 1000 ህዝቢ ናብ 40 - 50 ዝኾኑ መጠን ውልደት ህፃናት ይህልወን። እዚ ማለት ሓንቲ እኖ (ኣዶ) ካብ 5 - 7 ቆልዑ ትወልድ ማለት'ዩ፡፡ ብተመሳሳሊ

ድማ ትሑት መጠን ዓቕሚ ምውላድ እኖታት ዘለወን ሃገራት ካብ ውሽጢ 1000 ህዝቢ ናብ 15 - 20 ዝኾኑ መጠን ውልደት ህፃናት ይህልወን:: እዚ ማለት ሓንቲ እኖ (ኣዶ) ብማእኸላይ 2 ቆልዑ ትወልድ ማለት'ዩ:: ብህይወት ዝንበረሉ ዕድመ መብዛሕትኡ ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ድሕሪ ክንደይ ዓመት ከምዝሞቱ ዝግበር መግለፂ ትንታነ እዩ:: ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ኣብ ምዕቡላት ሃገራት እንትንርእይ ብህይወት ዝፀንሑሉ ማእኸላይ ዘመን 70 ዓመት እዩ:: መጠን ሞት ድማ 10 ካብ 1000'ዩ::



## ዕዮ ጉጅለ 1.14

ስለዚ ተምሃሮ ስነ ህዝቢ እንታይ ማለት'ዩ? ረብሓ ስነ ህዝቢ እንታይ'ዮም? ተምሃሮ ብዛዕባ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሳዕቤናቱን ዝምልከት ኣብ 5ይን 6ይን ክፍልታት ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? እንታይ ከምዝተምሃርኩም እናዘከርኩም ብዝርዝር ግለፁ። ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ረብሓ ስነ ህዝቢ ብዝርዝር ግለፁ። ኣረድኡ። መልሲ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

ዝረኸብክምዎ መልሲ ካብዚ ንታሕቲ ምስዘለዉ መሰረታዊ ቁምነገር ክንደየናይ ከምዝተኣሳሰር ኣገናዝቡ።

ስነ ህዝቢ ብዛዕባ ማሕበራዊ ባህርያት ህዝብን በብእዋኑ ዝርኣይ ዕብየትን ኣነፂሩ ዘርእይ እንትኸውን ነዞም ዝስዕቡ መረዳእታ'ውን ብውነ ሳይንሳዊ ብዝኾነ ጥበብ ይትንትን፣ ይንፅርን ይትግብርን እዩ፤

ኩነታት ህዝቢ ብመንፅር ዕድመ፣ ፆታ፣ ስድራ፣ ኣካላዊ ኩነታት፣ ዓሌትን ብሄር ብሄረሰብን፣ ትሕዝቶ ስራሕ፣ መተሓዳደሪ እቶት፣ በዝሕን ፃዕቕን ህዝቢ፣ ተዋፅኦ

- *ብምኽንያት ውፅኢት መጠን ውልደት፣ መርዓን ሓዳርን፣ መጠን ሞት፣ መጠን እኖታት ዝወልደኦም ህፃናት ወዘተ ኣብ ስነ ህዝቢ ዝተርአየ ለውጢ፣*
- *ስታቲስቲካዊ ፀብፃብ ስደትን ካብ ስደት መልስን ኣብ ኩነታት ኢኮኖሚ ሃገር ዘለዊ ውፅኢትን ሳዕቤንን ዝምልከት ትንታነ፣*
- *ስታቲስቲካዊ ፀብፃብ ገበናት፣ ዘይሕጋውነትን ዓርሰ ቅትለትን ዝምልከት፣*
- *ደረጃ ትምህርትን ኩነታት ጥዕናን ህዝቢ ሃገር ይፅብፀብ፣*
- *ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ረብሓ ዘለዎም ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ብፍላይ ድማ ምስ ቁጠባዊ ትሕዝቶን ኢንሹራንስን ዝተዛመዱ ትንታነ ይሰራዕ::*

1.3 ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም

## ለ. በዝሕን ዝርግሐን ህዝቢ ዓለም፤



### ንጥፈት 1.3

ንቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ መበገሲ ምኽንያታት እንታይ'ዮም? ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከመይ ክንቆፃፀሮ ንኽእል? ምስ ልምዓትን ዕብየትን ሃገር ከመይ ይተኣሳሰር?

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 139 ብዛዕባ ስነ ህዝብን ልምዓትን ተገሊፁ ዘሎ ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኻድ ኣንብቡ፡፡ ክተንብቡ እንተለኹም ድማ ኣብ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ስነ ህዝብን ልምዓትን ዝብሉ ዛዕባታት እናተመያየጥኩም ኣንብቡ፡፡ ነዚ ፅሑፍ ምስ ትምህርትኹም ኣተኣሳስርዎ'ሞ መምህርኩም'ውን ክሕግዙኹም ሕተትዎም፡፡ ዝበፃሕኹምዎ ምርድዳእ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ፡፡

ኣብ ሃንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን በዝሒ ህዝብን ተመጣጣንን ተመጋጋብን ምዕባለ ክርእይ ኣለዎ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርን ምምጥጣን ሃፍትን እንታይ ማለት'ዩ? ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ብርሰት ከባቢ፣ ብርሰት ደን፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህዒ፣ ፍግረ መሬትን ውሕስና ምግብን፣ ድኽነትን ስእነት ስራሕን ብዝምልከት ዘለዎ ፅልዋ ብዝርዝር ግለፁ፡፡ በዝሒ ዕያል ኣብ ልዕሊ ስድራ ዝህልዎ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፅልዋታት ዘርዝሩ፡፡ እዚኦም ንጉጅለ መመያየጢ ዝቐረቡ ሕቶታት ብግቡእ ስርሕዎም፡፡



### ዕዮ ጉጅለ 1.15

ተምሃሮ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለም ብኸመይ ኣገባብ እናወሰኸን እናዓበየን ከምዝመፀ ብመረዳእታ ኣደጊፍኩም ግለፁ፡፡ ብሓባር ተመያየጡሉ፡፡ ዝረኸብክምዎም መልሲ ካብዚ ንታሕቲ ምስዘሎ ሓበሬታ ክንደየናይ ከምዝቀራረብ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡ ብዙሕ ህዝቢ ዝነብሩለን ክፍለዓለማት ኣየኖት እየን? ብቕደም ሰዓብ ኣቐምጡ፡፡

ተምሃሮ መልስኹም ምዝስዕብ ዝሳነይ ምዃኑ ኣረጋግፁ፤ ብመሰረት ፀብፃብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብ1 ዓ.ም.ፈ ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ዓለም 300 ሚሊዮን ከምዝነበረን ድሕሪ 1600 ዓመታት ድማ እዚ ቑፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 600 ሚሊዮን በፂሑ ከምዝነበረ የመልክት፡፡ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለም ቕልጡፍ ኣይነበረን፡፡ እዚ ዝኾነሉ ብምኽንያት ዝነበረ ጠባይ ኣየር፣ ሓደጋታት ተፈጥሮ፣ ህፅረት ቀረብ ምግቢ፣ ጥምየትን ብተደጋጋሚ ዝነበረ ኵናትን እዩ ነይሩ፡፡

ብ1900 ዓ.ም.ፈ. ድማ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 1.65 ቢሊዮን በጺሑ እንትነብር ኣብ 1960 ዓ.ም.ፈ. እዚ ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 3.04 ቢሊዮን ደይቡ፡፡ እዚ ማለት ድማ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብዓመት 2 ሚኢታዊ ከምዝነበረ የመልክት፡፡

ኣብ 1999 ዓ.ም.ፈ. እዚ ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ናብ 6 ቢሊዮን በጺሑ፡፡ ስለዚ ብማእኸላይ ኣብ ዓመት 77 ሚሊዮን ህዝቢ እናወሰኸ ይመፅእ ከምዘሎን እዚ ድማ 1.3 ሚኢታዊ ከምዝኾነ የመላኽት፡፡

ኣብ 2006 ዓ.ም.ፈ. ድማ እዚ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 6.12 ቢሊዮን በጺሑ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ኣፍሪካ እንትንርእይ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ መብዛሕትአን ሃገራት ልዕሊ 2.5 ሚኢታዊ እንትኸውን ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ድማ 2.7 ሚኢታዊ እዩ፡፡

ኣብ ኣፍሪካ ዋላ'ኳ ሰፊሕ በረኻነትን ምድረበዳነትን ኣብ ሰሃራ፣ ካላሃሪን ናሚብን ዝበሃሉ ሰብ ዘይነብረሉን ህዝቢ ዘይብሉን ቦታታት እንተሃለዉ ዝለዓለ መጠን ዕብየት ህዝቢ ምህላዉ ኣይተረፈን፡፡ ካብዚ እንርድኦ ኣብዘይማዕበሉ ሃገራት ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ አዐርዩ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ'ዩ፡፡

ካብዚ ዝቐረበ መረዳእታ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንርድኦ መሰረታዊ ሓቂ እንተሃለወ በዝሒ ቁፅሪ ህዝቢ ዓለም ብጣዕሚ ቅልጡፍ ብዝኾነ መንገዲ እናዓበየ'ዩ ይኸይድ ከምዘሎ'ዩ፡፡ እዚ ማለት ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም በብሰከንድ ብ2.7 ሰብ ከምዝውስኽን ኣብ ሓደ ደቒቓ ውሽጢ ድማ ክሳብ 249 ከምዝውለዱን መፅናዕቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ የመልክት፡፡ ካብዞም ዝውለዱ ውሽጢ ድማ ኣብ ሓደ ደቒቓ 108 ስለዝሞቱ 141 ጥራሕ በብደቂቕኡ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ብቑፅሪ ይውስኽ ማለት'ዩ፡፡ ካብዚ ዝርአይ ወሰኽ ውሽጢ 95 ሚኢታዊ ኣብ ዘይማዕበሉ ሃገራት ዓለም ዝምዝገብ'ዩ፡፡

ብመሰረት'ዚ ፀብፃብ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ኣብ 2012 ዓ.ም.ፈ. ናብ 7 ቢሊዮን ከምዝበፅሐ ተመልኪቱ'ዩ፡፡ ኣብ 2050 ዓ.ም.ፈ. በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 9.2 ቢሊዮን ከምዝበፅሕ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ናብ 0.34 ሚኢታዊ ክንክይ'ዩ፡፡ በዚ ግዘ'ዚ በዝሒ ህዝቦም ልዕሊ 100 ሚሊዮን ዝበፅሑ ሃገራት ሕዚ ካብዘለዉ 10 ሃገራት ናብ 18 ሃገራት ክበፅሑ'ዮም፡፡

እምበኣርከስ ተምሃሮ ነዚ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ብዝርዝር ተመያየጡሉ፡፡ እንታይ መልእኽቲ ከምዘለዎውን ብሓባር ተረድእዎ፡፡

| ኣህጉራት | 1750 | 1800 | 1850 | 1900 | 1950 | 2000 | 2050 |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| በዝሒ ህዝቢ ብሚሊዮን | | | | | | | |
| ኣፍሪካ | 106 | 107 | 111 | 133 | 228 | 797 | 1,846 |
| እስያ | 502 | 635 | 809 | 947 | 1,437 | 3,689 | 5,369 |
| ኣውሮፓ | 163 | 203 | 276 | 408 | 546 | 727 | 642 |
| ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ካሪቢያንን | 16 | 24 | 38 | 74 | 166 | 523 | 480 |
| ሰሜን ኣመሪካ | 2 | 7 | 26 | 82 | 221 | 481 | 722 |
| ኣውስትራሊያ፣ ኒውዚላንድን ደሴታት ፓሲፊክ | 2 | 2 | 2 | 6 | 12 | 30 | 45 |
| ድምር | 791 | 978 | 1,262 | 1,650 | 2,556 | 6,073 | 9,104 |
| ኣህጉራት | 1,750 | 1,800 | 1,850 | 1,900 | 1,950 | 2,000 | 2,050 |
| ዝርግሐ ህዝቢ ብሚኢታዊ | | | | | | | |
| ኣፍሪካ | 13.4 | 10.9 | 8.8 | 8.1 | 8.9 | 13.1 | 20.3 |
| እስያ | 63.5 | 64.9 | 64.1 | 57.4 | 56.2 | 60.7 | 59.0 |
| ኣውሮፓ | 20.6 | 20.8 | 21.9 | 24.7 | 21.4 | 12.0 | 7.1 |
| ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ካሪቢያንን | 2.0 | 2.5 | 3.0 | 4.5 | 6.5 | 8.6 | 5.3 |
| ሰሜን ኣመሪካ | 0.3 | 0.7 | 2.1 | 5.0 | 8.6 | 7.9 | 7.9 |
| ኣውስትራሊያ፣ ኒውዚላንድን ደሴታት ፓሲፊክ | 0.3 | 0.2 | 0.2 | 0.4 | 0.5 | 0.5 | 0.5 |

ፍልፍል ሓበሬታ: *United States Census Bureau*

ሰደቓ 1.2: ሰደቓ፤ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለምን ዝርግሐን ኣብ ሰለስተ ሚኢቲ ዓመታት



## ዕዮ ጉጅለ 1.16

- *ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንልምዓት ሃገር ሃደጋ ድዩ ወይስ ፀጋ? ብዙሕ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት እንመንየን? ብቕደም ሰዓብ ሰለስተ ግለፁ።*
- *ኣብ 1999 ዓ.ም.ፈ ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዓመትን ልዕሊ 60 ዓመትን ንዝነበረ በዝሒ ምስ 2050 ዓ.ም.ፈ ብምግንዛብ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ክሳብ ክንደየናይ ክምዝተሓሳሰብ ብንፅር ኣሃዛዊ መግለፂ ኣረድኡ።*
- *ኣፍሪካ ካብ እስያ ቀፂላ ብዙሕ ህዝቢ ዝነብሩላ ክፍለዓለም'ያ። ኣብ ኣፍሪካ ካብዘሎ በዝሒ ህዝቢ ንላዕሊ ኣብ ህንድን ቻይናን ዘሎ በዝሒ ህዝቢ ኣዐርዩ*

ይበዝሕ። ቻይና ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዓለም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ምዕቡላት ሃገር እናኣተወት እንትትርከብ ኣፍሪካ ግና ብድኽነትን ጥምየትን እያ ትፍለጥ። ንምንታይ? ብሓባር ተመያየጡሉ።

- ዝስዕብ ሰደቓ ብምርኣይ'ውን ብዛዕባ መጠን ዝውለዱ ህፃናት፣ መጠን ሞት፣ መጠን ተፈጥሯዊ ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ፣ መጠን ሓፈሻዊ ዕብየት ህዝቢ ክፍለዓለማት ተመያየጡ። መጠን ምውላድ እኖታት'ውን ተመያየጡሉ።

| ኣህጉራት | መጠን ዝተወለዱ ህፃናት ኣብ 1000 ህዝቢ | መጠን ሞት ኣብ 1000 ህዝቢ | ዕዑይ ቑፅሪ ስደዳት ኣብ 1000 ህዝቢ | መጠን ተፈጥሯዊ ወሰኽ (%) | መጠን ሓፈሻዊ ዕብየት ህዝቢ (%) |
|---|---|---|---|---|---|
| ኣፍሪካ | 35.1 | 13.4 | 0.1 | 2.17 | 2.18 |
| ሰሜን ኣመሪካ | 16.6 | 7.2 | 1.0 | 0.94 | 1.04 |
| ደቡብ ኣመሪካ | 17.9 | 6.1 | -0.3 | 1.18 | 1.15 |
| እስያ | 19.1 | 7.0 | -0.4 | 1.21 | 1.17 |
| ኣውሮፓ | 10.2 | 11.7 | 1.1 | -0.15 | -0.04 |
| ኣውስትራሊያ፣ ኒውዚላንድን ደሴታት ፓሲፊክ | 16.2 | 7.3 | 2.5 | 0.89 | 1.14 |
| ማእኸላይ ፅሚች ዓለም | 20.1 | 8.4 | -0.1 | 1.17 | 1.17 |

ፍልፍል ሓበሬታ: *United States Census Bureau*

ሰደቓ 1.3: ኣገደስቲ ሓበሬታ ፀብፃብ ህዝቢ ዓለም ብ2007 ዓ.ም.ፈ

ተምሃሮ መልስኹም ምዝስዕብ ዝሳነይ ምኽኑ ኣረጋግፁ፣ ብመሰረት ፀብፃብ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብ1999 ዓ.ም.ፈ 30 ሚኢታዊ ህዝቢ ዓለም ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዝኾኑ ህፃናት እንትኾኑ ዕድሚኦም ልዕሊ 60 ዝኾኑ ድማ 10 ሚኢታዊ ነይሮም። ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተመልከተ ዕብየት መጠን ህዝቢ እናነከየ እንትኸይድ ድማ ብ2050 ዓ.ም.ፈ ዕድሚኦም ልዕሊ 60 ዓመት ዝኾኑ ኣረጋውያን ንትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ህፃናት ብበዝሒ ክዕብልልዎም'ዮም።

ብመሰረት'ዚ ድማ ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዓመት ዝኾኑ ህፃናት ካብ ሕዚ ዘለውዎ 30% ናብ ዒስራ ሚኢታዊ ዝወርድ እንትኸውን ዕድሚኦም ልዕሊ 60 ዓመት ዝኾኑ ኣረጋውያን ካብቲ ሕዚ ዘለዎ 10% ናብ 22% ክዓብይ'ዩ። እዚ ዝሕብረና ንቕድሚት ዝህልወና ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ክሳብ ክንደየናይ ዝተሓላለኸ ምኺኑ የረድኣና። ኣብ ዓለም ዝበዝሐ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ህንዲ እንትትከውን 1.52 ቢሊዮን ህዝቢ ኣለዋ። ብኻልኣይ ደረጃ ብዙሕ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ድማ ቻይና እንትትከውን 1.47 ቢሊዮን ኣለዋ። ብሳልሳይ ደረጃ ብበዝሒ ህዝቢ ዝተመዝገበት ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እንትትከውን 350 ሚሊዮን ህዝቢ ኣለዋ።

ካሊእ ኣገዳሲ ቁምነገር መጠን ምውላድ እኖታት ኣብ ብምልኦም ሃገራት ዓለም እናነከየ ዝመፀ ምዃኑ'ዩ፡፡ ኣብ 1950 ዓ.ም.ፈ. ዝነበረ ምስ 1990 ዓ.ም.ፈ. እንትነፃፀር መጠን ምውላድ እኖታት በብክፍለዓለማቱ ነክዩ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ እስያ ብ1950 ሓንቲ እኖ (ኣዶ) ብማእኸላይ ትወልዶም ካብዝነበሩ 5.9 ህፃናት ብ1990ታት ናብ 2.6 ነክዩ፣ ኣብ ሓውሲ ሰሃራ ሃገራት ኣፍሪካ ካብ 6.5 ናብ 5.5 ወሪዱ፣ ኣብ ላቲን ኣመሪካን ካሪቢያንን ካብ 5.9 ናብ 2.7 ነክዩ፣ ኣብ ሰሜን ኣፍሪካን ምዕራብ እስያን ካብ 6.6 ናብ 3.5 ኣንቆልቊሉ፣ ኣብ ኣውሮፓ ካብ 2.6 ናብ 1.4 እንትንክይ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ካብ 3.5 ናብ 2.0 ወሪዱ'ዩ፡፡

ስለዚ ኣብ ሓድ ሓደ ኣህጉራት (ክፍለዓለማት) ሓንቲ እኖ ትወልዶም ካብዝነበረት ብማእኸላይ 2.1 ንታሕቲ ክወርድ ክኢሉ'ዩ፡፡ ቀንዲ ምኽንያት'ዚ ምንካይ መጠን ምውላድ እኖታት ውፅኢት ሓፈሻዊ ምምሕያሽ እኖታት ኣብ ሕብረተሰብን ልዑል ግንዛበ ምጣነ ስድራ ምሓዘንን'ዩ፡፡ ስለዚ እኖታት ብዝረኸብኦ ተኸታታላይ ትምህርቲ ውሑድ በዝሒ ስድራ ክህልወን፣ ህፃናት ንኽይሞትወን ግቡእ ክንክን ይገብራ ምህላወን፣ ዝውለዱ ህፃናት ጥዕንኦም ተሃልዩ ክዓብዩ ይገብራ ስለዘለዋን ደቀን ናብ ትምህርቲ ብምስዳደን ዝመፀ ለውጢ እዩ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ 1.17



1 ተምሃሮ ቀጺሉ ዘሎ ሰደቓ መሰረት ብምግባር ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ይርኣይ ዘሎ መጠን ዝተወለዱ ህፃናትን መጠን ሞትን ብዝምልከት ተመያየጡ፡፡ ዝተሓተን ዝለዓለን መጠን ዝውለዱ ህፃናትን መጠን ሞትን እናነፃፀርኩም ተመያየጡ፡፡ ኣብ ኣፍሪካ ይርኣይ ዘሎ መጠን ዝውለዱ ህፃናትን መጠን ሞትን ምስ ሃገራት ቻይና፣ ህንዲ፣ ኣመሪካ፣ እንግሊዝን ጀርመንን ዝመሳሰሉ ሃገራት ኣገናዝብዎ። ነቲ ፍልልይ መሰረት ብምግባር'ውን ንምንታይ ከምኡ ክኸውን ከምዝኸኣለ ኣረድኡ፡፡

2 ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ እንታይ ማለት'ዩ? ከመይ ይግለፅ? ምስዚ ብምትእስሳር ነዞም ዝስዕቡ ኣምራት ብዝርዝር ተመያየጡሎም፡፡

- ዝርግሐ ህዝቢ
- ፃዕቂ (ፀቕጢ) ህዝቢ
- ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሉ'ዶም
- ስሕው ህዝቢ ዝነበረሎም

★ ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ወሰንቲ ዝኾኑ ቑልፊ ባእታታት ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ተመያየጡሎም'ውን፡፡

| ሃገራት | መጠን ዝተወለዱ ህፃናት ኣብ 1000 ህዝቢ | መጠን ሞት ኣብ 1000 ህዝቢ | ሃገራት | መጠን ዝተወለዱ ህፃናት ኣብ 1000 ህዝቢ | መጠን ሞት ኣብ 1000 ህዝቢ |
|---|---|---|---|---|---|
| ዝተወሰኑ ሃገራት ኣፍሪካ | | | | | |
| ኢትዮጵያ | 37.4 | 14.7 | ሞዛምቢክ | 38.5 | 20.5 |
| ኤርትራ | 34 | 9.4 | ግብፂ | 22.5 | 5.1 |
| ሶማሊያ | 44.6 | 26.3 | ማዳጋስካ | 38.6 | 8.5 |
| ኬንያ | 38.9 | 10.9 | ማላዊ | 42.1 | 18.2 |
| ጂቡቲ | | | ሊብያ | 26.1 | 3.5 |
| ሱዳን | 34.9 | 14.4 | ማውሪታንያ | 40.6 | 11.9 |
| ኡጋንዳ | 48.1 | 12.6 | ደቡብ ኣፍሪካ | 17.9 | 22.4 |
| ቡሩንዲ | 42 | 13.2 | ጋና | 29.9 | 9.6 |
| ታንዛኒያ | 36 | 13.4 | ኒጀር | 50.2 | 20.6 |
| ዚምባብዌ | 27.7 | 21.8 | ናይጀሪያ | 40.2 | 16.2 |
| ዛምቢያ | 40.8 | 21.5 | ማሊ | 49.6 | 16.5 |
| ካልኦት ሃገራት | | | | | |
| ኣመሪካ | 14.2 | 8.3 | ጀርመን | 8.2 | 10.2 |
| እንግሊዝ | 10.7 | 10.1 | ቻይና | 13.4 | 7 |
| ህንዲ | 22.7 | 6.6 | | | |

ሰደቓ 1.4: ሰደቓ፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ፀብፃብ ህዝቢ ዓለም ብ2007 ዓ.ም.ፈ.

ተምሃሮ መልስኹም ምዝስዕብ ዝሳነይ ምዃኑ ኣረጋግፁ፧ ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ምርኣይ ኣገዳሲ ይኸውን ማለት እዩ:: ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ማለት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታን ከባብታትን ከተማን ገጠርን፣ ደጉዓን ከበሳን መታሕትን ቆላን፣ ውሽጢ ሃገርን ገማግም ባሕርታትን ወዘተ ዘሎ በዝሒ ህዝብን ስርዓት ኣዘረጋግሐኦም ዘመልክት'ዩ:: ሰባት ብኸመይ ኣገባብ ኣብዝተፈላለዩ ከባብታት መሬት ዓለም ተዘርጊሖም ይነብሩ ከምዝለዉ ዘርእየና'ዩ:: ፃዕቅን ፀቕጥን ህዝቢ ድማ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜትር ውሽጢ ዝህልዉ በዝሒ ሰባት ተፀብጺቡ ንረኽቦ ውፅኢት እዩ:: ኣብ ከተማታት፣ ገማግም ባሕርታትን ጥቓ ዓበይቲ ሩባታትን ብጣዕሚ ዝለዓለ ቑፅሪ ዘለዎ በዝሒ ህዝቢ ይነብሩ::

ጥምር ኣቢልካ እንትርኢይ ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ወሰንቲ ዝኾኑ ቑልፊ ባእታታት ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ'ዮም ነይሮም::

1 ነባሪ ኣየርን ጠባይ ኣየርን
2 ኣቀማምጣ ገፀ ምድርን
3 ፀቕጢ ህዝቢ

4 ቀረብ ማይን ፅሩይ ማይን
5 ዓይነታት ሓመድን ልሙዕነት መሬትን
6 እፅዋት፣ ሓምላዊ ቖፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ ኣሕምልቲ፣ ፍረምረን ኣግራብን
7 ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን
8 ባልዕ ኣዝርእቲ ዝኾኑ ኣንበጣን በርናስን
9 ኩነታት ፖለቲካ
10 ኩነታት ኢኮኖሚ
11 ርክባትን ዝምድናታትን
12 ፀጋታትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ይርከብዎም፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.18

1 ተምሃሮ ንምንታይ ይመስለኩም ኣብ ተወሰነ ከባቢ ብዙሕ ህዝቢ ብፃዕቒ ዝነብርን ኣብ ተወሰነ ከባቢ ድማ ስሕው ብዝበለ መልክዑ ዝነብር? ኣብ ተወሰነ ከባቢ ብዙሕ ህዝቢ ብፃዕቒ ክነብሩ ዝኽእሉሉን ብኣንፃሩ ድማ ስሕው ኢሎም ክነብሩ ዝግደዱሉን ኩነታት ኣሎ፡፡ ነዚ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ቑልፊ መንቀሊ ምኽንያት ተገይሩ ዝውሰድ ኣብ ዝስዕብ ሰደቓ ብዝርዝር ተመልኪቱ'ሎ፡፡ ተመያየጡሉ፡፡

2 ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ መሰረት ብምግባርን ኣብ ክልተ ጉጅለ ተመቒልኩምን ብዛዕባ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ዝርግሐ ህዝብን ዓለም ብዝምልከት ተመያየጡ፡፡ ተኻትዑ፡፡ ምስ ኩነታት ሃገርና'ውን ኣገናዝብዎ፡፡

3 ኣብ ጣብያኹም፣ ወረዳኹምን / ከተማኹምን ትግራይን ከምኡ'ውን ብደረጃ ሃገር ዝተርአየ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ዝርግሐን ብዝምልከት ተመያየጡ፡፡

4 ሰደቓ ምኽንያት ዝርግሐ ፅዑቕን ስሑውን ህዝቢ ዓለም መሰረት ብምግባር እቶም ዝተመልከቱ ወሰንቲ ባእታታት ብከመይ ኣገባብ ብዙሕ ህዝቢ ወይድማ ውሑድ (ስሑው) ህዝቢ ንክህልው ምኽንያት ከምዝኾኑ ተመያየጡ፡፡ መልሲ ናብ ክፍሊ ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡

5 ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ወሰንቲ ባእታታት ተባሂሎም ዝተመልከቱ ብኸመይ ኣገባብ ብዙሕ ህዝቢ ንክህልውን ውሑድ (ስሕው) ህዝቢ ንክህልውን ምኽንያት ከምዝኾኑ ብዝርዝር እናተመያየጥኩም ኣብ ደፍተርኩም መልሲ ፅሓፉ፡፡ ዝሰራሕኩምዎ መልሲ ምስዚ ስዒቡ ዝርከብ ሰደቓ ኣገናዝብዎ፡፡

**ሰደቓ 1.5: መመያየጢ ሰደቓ፤ ምኽንያታት ዝርግሐ ፅዑቕን ስሑውን ህዝቢ ዓለም**

| ወሰንቲ ባእታታት | ብዙሕ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ | ውሑድ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ |
|---|---|---|
| ኣቀማምጣ ገፀ ምድርን ነባሪ ኣየር | ምችው ቅሉዕ ማይዳ ስነ መሬትንምንባርን ኣሰፋፍራን ሰሓባይን ተብሂጋይን እዩ። ምችውን ልሙፅን ሓመድ ምህላዉ ንብዙሓት ተብሂጊ ይኸውን። ንኣብነት ደልታ ሩባ ናይል ምርኣይ ይከኣል። ደጉዓን ከበሳን፣ ቅናት ምድሪ | መፀገማይን እምባታት ከምኡ'ውን ጎቦታት ዝበዝሕዎ ከባቢ ንምንባር ኣፀጋሚ'ዩ። ንኣብነት ኣብ እምባ ሂማላያስ ምንባር መፀገማይ እዩ። መታሕት፣ ቅናት ምድሪ፣ ምድረበዳን በረኻን ... |
| ጠባይ ኣየርን ከባቢ ኣየር | ማእኸላይን ምችው ጠባይ ኣየር ዘለዎ ከባቢ ንምንባር ሰሓባይን ተብሃግን'ዩ። ደረቕ፣ ሃሩርን ዕብዑብ ጠባይ ኣየር ንጥዕና ምችው ኣይኮነን፡፡ ደጉዓ፣ በረኽትን ከበሳታት ቦታታትን... | መፀገማይ፣ ደረቕ፣ ዕብዑብ ጠባይ ኣየር ንምንባር መፀገማይ ስለዝኾነ ነበርቲ ኣይስሕብን። መታሕት፣ ምድረበዳን፣ ሃሩርን |
| ቀረብ ማይን ፅሩይማይን | ቀረብ ፅሩይ ዝስተይ ማይ ንምንባርን ኣሰፋፍራን ወሳናይ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘተባብዕ'ዩ። ሓፊስ ማይ ኣብዘለዎ ምንባር ከቢድ'ዩ። ቀጢን ማይ ኣብዘለዎ ተጠላቢ'ዩ። | ሕፀረት ቀረብ ማይ ዘለዎ፣ ቀረብ ማይ ስሩዕን ብቐፃልነት ዘይርከቦን፣ ወይድማ ዝተበከለን ፅሩይ ዘይኮነ ማይ ዘለዎ ወዘተ ንፅገናን ፅርየትን መፀገማይ ስለዝኾነ ንምንባር ኣይምረፅን። |
| ፀጋታትን ሃፍቲ ተፈጥሮን | ፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድናትን ዘለዋ ሃገር ክንድዝድለይ ህዝባ ክትቀልብ ስለትኽእል ንምንባር ብዙሕ ህዝቢ ይዕድም'ዩ፡፡ ንኣብነት ነዳዲ ዘለወን፣ ፀሊም ፈሓም ዘለወን፣ ወርቅን ብርን ዘለወን፣ ስኒ ሓርማዝ ዘለወን፣ ሃፍቲ እንስሳን ኣግራብን ዘለወን ብምሉኣን ክምድላየን ክንድዝድለይ በዝሒ ህዝቢ ክነብረለን ይዕድማ ማለት'ዩ። እንግሊዝ ዘለዋ ሃፍቲ ፀሊም ፈሓም ... | መብዛሕትኦን ሃገራት ኣፍሪካ ፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮ የብለንን ወይድማ ዘለወን ብዝግባእ ዓቕሚ ብቴክኖሎጂ እናተሓገዙ ፋይናንሳዊ ዓቕሞም ኣየዕበይሉን። ንኣብነት ሞዛምቢክ። |
| ዓይነታት ሓመድን ልሙዕነት መሬትን | ልሙዕ ሓመድ ዘለዎ መሬት፣ ዋልካን ዝተፃረየ ሓመድ ደልታ ሩባ ዘለዎ ከባቢ፣ ዝተደኹዐ ሓመድ ዘለዎ ወዘተ ንልምዓት ሕርሻ ምችው ዝኾነ ብዙሕ ሰብ ክነብረሉ ዝዕድም ተብሃጊ እዩ። ንኣብነት ደልታ ሩባ ናይል። ምህርቲ ልምዓት ሕርሻ ዝሕፈሰሉ ማለት'ዩ። | ረቂቕ መሬት፣ ምህርታውነት ዘየተባብዕ ሓመድ፣ ዝተጎድኣን ዝተበከለን ሓመድን መሬት ብዙሕ ውፅኢት ልምዓት ሕርሻ ዝሕፈሰሉ ስለዘይኮነ ብዙሕ ህዝቢ ክነብረሉ ዝዕድም ኣይኮነን። በረኻ ሳሕል ዘሎ ሓመድን መሬትን ንኣብነት ሰብ ንኽነብረሉ ዝዕድም ኣይኮነን። |

## 1.3 ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም

| ወሰንቲ ባእታታት | ብዙሕ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ | ውሑድ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ |
|---|---|---|
| ሓምላዊ ቆፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ አሕምልቲ፣ ፍረምረ፣ እፅዋትን ኣግራብን | ማእኸላይ ጠባይ ኣየርን ምችው ከባብያዊ ኣየር ዘለዎም ከባብታት ንቆፅላይ ተኽልታትን ፍረምረን ብቐሊሉ ዝጥዕም ስለዝኾነ ዝሰማማዕዩ። ተኽልታት፣ ፍረምረ፣ ሓምልታትን ከምኡ'ውን ኣግራባት ዝቦቕልዎም ከባብታት ንምንባር ምችው'ዮም። | ቆፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ ሓምልታት፣ ፍረምረ፣ ኣታኽልትታትን ኣግራብን ዘየቡቅል ከባብን ዘይርከቡሉ ቦታታትን ንምንባር ብዙሕ ሰብ ይፍንፍናን ይፀልኡን ጥራሕ ዘይኮነስ ከቢድ'ውን እዩ። |
| ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን፣ ባልዕ ኣዝርእቲ ዝኾኑ ኣንበጣን ባርኖስን | ሕማም ሰብን ባልእ ኣዝርእትን ከም ንኣብነት ሕማማት ቆላ ዝኾኑ ዓሶ፣ ሓንጎል ዓሶ፣ ፍሉ፣ ወራር ኣንበጣን በርኖስን ንምክልኻል ዘኽእል ፋይናንሳውን ገንዘባውን ከምኡ'ውን ማቴሪያላውን ዓቕሚ ዘለዎ ሃገር ንምንባር ዝሐሸ ኩነታት ስለዘለወን የብህጋ'የን። | ኣብ ኢኳቶሪያልን ትሮፒካልን ዝርከቡ ሃገራት ምስ ሕማማትን ወራር ኣምበጣን ባርኖስን ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ሕማማትን ባልእ ኣዝርእትን ስለዘለዉ ህዝቢ ንኽነብረሎም መፀገምቲ'ዮም። ዓሶን ብልሃርዝያን ቀተልቲ ዝኾኑሎም ከባብታት ምንባር ኣይፀድምን። |
| ፖለቲካዊ ኩነታት | ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገራት ብዙሓት ንኽነብሩለን ዕድል ይህብ'ዩ። ሰላምን ቅሳነትን ከምኡ'ውን ንኢንቨስትመንት ዝዕድም ዝተረጋገአ መንግስታዊ ስርዓት ምህላዉ ብዙሕ ሰብ ሰሪሑ ክነብርን ኣብ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ክነጥፍን ይመርፅ። ንኣብነት ብራዚል ትጥቀስ። | ኣብ ገጠራት ብዙሕ ኢንቨስትመንት ስለዘየለ እንተሃለወ'ውን ንህዝቢ ገጠር መሊኡ ዕድል ስራሕ ዝፈጥር ስለዘይኮነ ምስቲ ዘሎ ኩነታት ሕርሻ ተደሚሩ ውሑድ ህዝቢ ክነብረሉ ግድን ይኸወን። |
| መሰረተ ልምዓት ኢንቨስትመንት ንኢኮኖሚያዊ ልምዓት ኣሳልጦ ዝለዓለ ኣበርክቶ ኣለዎ። | | |
| ቁጠባውን ኢኮኖሚያውን ኩነታት | ጥዕና ዘለዎ ሃዋህው ኢኮኖሚ ምህላዉ፣ ኢንዱስትሪታት ምህላወን፣ ቴክኖሎጂ ምግፍሑ፣ መርበብ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ምዝርግሑ፣ ትካላት ትምህርትን ጥዕናን ምህላዎም፣ ንምሉእ ህዝቢ ዝሸከም መሓውር ቁጠባን ኢኮኖሚን ምህላዉ ወዘተ ህዝቢ ንኽነብረሎም ብገፊሑ ይዕድም። | ዘይማዕበለ ኢኮኖሚን ድሑር መሰረተ ልምዓት ኢንቨስትመንት ኣብዝለዎ ብዙሕ ሕዝቢ ክነብር ኣይዕድምን። ንመነባብሮ ህዝቢ ዝሸከም ኢኮኖሚ ዘይብላ ሃገር (ከተማ) ብዙሕ ህዝቢ ክነብረላ ኣይኽእልን። ንኣብነት ሞዛምቢክ። ሰፊሕ መሬት ውሑድ ህዝቢ። |
| ርክባትን ዝምድናታትን | ተፈጥሯዊ ወይድማ ሰብ ስራሕ ሜላ መራኸብትን ዝምድናን ምህላዉ ብዙሕ ነባራይ ንክህልው ወሳናይ ተራ ኣለዎ። ንኣብነት ከተማ ብራዚል ብወደብ ኣቢላ ዝመስረተቶ ሜላ መራኸብን ዝምድናታትን ብዙሕ ሰብ ንክነብረላ ክትዕድም ኣኽኢልዋ። ኣማዞን'ውን ዓብዪ ተራ ነይርዎ። | ድኹም ተፈጥሯውን ሰብ ስራሕን ሜላ ዝምድናን መራኸብትን እንተህልውን ነዚ ድማ ክልውጥን ከመሓይሽን ዝሓረነ ኢንቨስትመንት ኣብዘይብሉ ህዝቢ ክነብር ኣይዕድምን። ብዙሕ ሰብ ኣይነብረሎምን። ንኣብነት ስኮትላንድ። |

# 1.3.2 መንቀልታት ኣፈላላይ ዝርግሐ ህዝቢ



## ዕዮ ጉጅለ 1.19

ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣፈላላይ ባህሊ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ብዝምልከት ተማሂርኩም ነይርኩም፡፡ እንታይ ትዝክሩ? ንትዝክርዎ መሰረት ገይርኩም ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ግለፁ፡፡ መነባበሮ ህዝቢ ኸ እንታይ ማለት'ዩ? ብዛዕባ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን ህዝቢ ኣመልኪቱ ኣብ 5ይ፣ 6ይን 7ይን ኽፍልታት ዝተምሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? ህዝቢ ኣብ ከተማን ኣብ ገጠርን እንትሰፍሩ እንታይ ረቑሓ መሰረት ዝገብሩ ይመስለኩም? ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ማለት'ዩ? መነባበሮ ህዝቢ ኸ እንታይ ማለት'ዩ? ዝርግሓ ህዝቢ ምስ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ከመይ ይተኣሳሰር ይመስለኩም? ቀንዲ ምኽንያታት ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ እንታይ ከምዝኾኑ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

### ሀ. ቀንዲ ምኽንያታት ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ፤

ቀንዲ ምኽንያታትኣፈላላይ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ሃገራት ዓለም ኣብ ክልተ ባእታታት መቒልካ ክርኣይ ዝኽእል'ዩ፡፡ እዚኦም ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ዝበሃሉ'ዮም፡፡

1 **ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት፤** ከም ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየር (ክሊማ)፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ እምባታት፣ ግድምታት፣ ደጉዓ፣ ከበሳ፣ ብራኽ፣ መታሕት፣ ቆላ፣ ሃሩር፣ ምድረበዳነት፣ ሳዕሪ መሬት፣ ልምዑነት መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባብያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርክቦ፣ ኣግራባትን ተኽልታትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ተፈጥሮኣዊ ባእታታት ዝሓወሰ'ዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን ኣፈላላይ ንምፍጣር መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ንኣብነት ኣቀማምጣ መሬት፣ ሃፍትታት ተፈጥሮ ውሽጢ መሬትን ልዕሊ መሬትን፣ ጠባይ ኣየር፣ ቀረብ ማይ፣ ልምዑነት መሬት፣ ግድሚ መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ወዘተ ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ቃላያትን ሩባታትን'ውን ዝህልው ኣሰፋፍራ ብምኽንያት ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ዝርከብ ዕድል'ዩ፡፡

2 **ሰብ ስራሕ ባእታታት፤** ኣብ ላዕሊ ንዝተሓበሩ ተፈጥሮኣዊ ንዘይኮኑ ባእታታት ዝምልከት'ዩ፡፡ ፖለቲካዊ ኩነታት፣ ማእኸል ምምሕዳር፣ ኩነታት ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን፣ ማሕበራዊ መሰረተ ልምዓት፣ ስርዓት ምንቅስቓስ ህዝቢ፣ ኩነታት ስነ ህዝቢ (መጠን ውልደት፣ ሞትን ምውላድ እኖታትን፤ ብዕድመ ዝነበረሉ ዕድመን ስደትን) ዝመሳሰሉ ዝጥቀሱ ቀንዲ ባእታት

ዝርግሐ ህዝቢ ዝበሃሉ'ዮም፡፡ ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ሰብ ስራሕ ዝኾኑ'ውን ኣለዉ'ዮም፡፡ ሰብ ባዕሉ ዝፈጥሮም ኩነታት መንቀሊ ምኽንያታት ተገይሮም ይውሰዱ'ዮም፡፡ ብምኽንያት ደቂ ሰባት ዝውሰዱ ስጉምትታት፡፡ እዚ ዝኾነሉ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ፣

- *ካብ ፀላኢ ንምክልኻል ብዝግበር ፃዕሪ ደቂ ሰባት ኣብ ሓደ ከባቢ ክሰፍሩ ይኽእሉ'ዮም፡፡ ካብ ሓደጋታት ተፈጥሮን እንስሳትን'ውን፡፡*
- *ኣብ ከባቢ ብዝርከቡ ግልጋሎታት ንኣብነት ሹቕ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ትካል ግልጋሎት ጥዕና፣ ዕዳጋ፣ መጓዓዝያን መንገዲ መኪናን ሃዲድ ባቡርን ወዘተ ተኺቲሎም ሰባት ይሰፍሩ'ዮም፡፡*
- *ምዕባለ ቴክኖሎጂ፣ ምኽታም፣ ኢንዱስትሪን ፋብሪካታትን፣ ቱሪዝምን መዘናግዕን፣ ልምዓት ሃፍቲ ዓሳ ወዘተ መሰረት ተገይሮም ዝውሰዱ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ፖሊሲታት ዘስዕብዎም ውፅኢታት ይጥቀሱ፡፡*



## ዕዮ ጉጅለ 1.20

ተምሃሮ በዝሒ ህዝቢ ዝርከቡሎምን ውሑድ ህዝቢ ዝርከቡሎም ከባብታት ብኣብነት እናተሓገዝኩም ብዝርዝር ኣረድኡ። ብዙሕ ህዝቢ ዝነብሩሎም ከባብታት ግለፁ።

ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ ዝርከበሎም ከባብታት ኣብ ደጉዓታትን ከበሳን እዩ። ከበሳታትን ደጉዓታትን ንምንባርን መነባብሮን ኣዝዩ ምቹው ዝኾነ ጠባይ ኣየር ኣለዎም። ንልምዓት ሕርሻን ዘራእትን ከምኡ'ውን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳት ምቹው ዝኾነ ዛሕሊ ዘለዎ ዝሰማማዕ ኩነታት (ባእታታት) ኣየር ዝርከበሉ'ዩ፡፡ ዛሕሊ፣ እኹል መጠን ዝናብን ንመነባብሮ ምቹውን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ካብዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓሶ፣ ትኩሳት፣ ዓሶ ሓንጎል፣ ሕማም ድቃስ፣ ኢንፉሉዌንዛ ወዘተ ካብዝመሳሰሉ ሕማማት ነፃ እዩ። ስለዚ ኣብ ደጉዓታትን ብራኽታትን ኢትዮጵያ፣ ኣብ ከባብታት ዓበይቲ ሃይቃት፣ ደጉዓታትን ብራኽታትን ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲን ኬንያን ብዙሕ ፀቕጥን ፃዕቕን ህዝቢ ይርከብዎም። ብተፃራሪ ድማ ኣብ ቆላን መታሕትን ቦታታት ኣዝዩ ሓያል ሙቐትን ሃሩርን፣ ደረቕ ጠባይ ኣየር ስለዘለዎ ዝተፈላለዩ ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ይርከቡ። ስለዚ ኣብከምዚ ዝመሳሰሉ ቆላ፣ መታሕትን ደረቕ ጠባይ ኣብዘለዎም ከባብታትን ውሑድ በዝሒ ህዝቢ ይርከብ።

ይኹን ደኣ'ምበር ከምዚ ዓይነት ሓያል ፀቕጢ ኣየር ዘለዎም ደረቕ ጠባይ ኣየር እናሃለዎም ቆላን መታሕትን ከባቢ ኾይኖም'ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ሃፍታም ከባብታት ሩባታትን ውቅያኖሳትን ዝርከቡ ብምልኣም ብዙሕ ህዝቢ እዩ ዝነብረሎም። ንኣብነት ጂቡቲ፣ ምፅዋዕ፣ ዓሰም፣ ሞምባሳ፣ በርበራ፣ ዳሬሰላም ወዘተ ፃዕቒ በዝሒ ህዝቢ ዘለወን እየን፡፡ ኣብ ከባቢ ዓበይቲ ሃይቃት'ውን ዝለዓለ በዝሕን ፀቕጥን

ህዝቢ ኣለዎም፡፡ ንኣብነት ኣብ ዓበይቲ ሃይቃት ዝርከቡለን ከባብታት ምርኣይ ይከኣል፡፡ ኣብ ሃገርና ሃይቅ ጣና ዝርከበሉ ባህርዳርን ቃላይ ሃዋሳ ዝርከበሉ ከተማ ሃዋሳ ምርኣይ ዝከኣል እንትኸውን ኣብ ከባቢ ሃይቅ ቪክቶሪያን ካልኦትን ዘሎ በዝሕን ፀቕጥን ህዝቢ'ውን ዝለዓለ'ዩ፡፡ ከባብታት ዓበይቲ ሃይቃት ምብራቕ ኣፍሪካ እንተሪእና ዋላ'ውን ኣብ መላእ ኣፍሪካ እቲ ብጣዕሚ ዝለዓለ ፀቕጥን ፃዕቕን ህዝቢ ዝርከበሎም እዮም፡፡ ቆላን መታሕትን ምኧኑ እንተይዓንቀፎም ህዝቢ ብበዝሒ ይነብሩለን እዮም፡፡

ስለዚ ብምኽንያት ተፈጥሮኣውን ነባሪ ኣየርን ኩነታት ኣብተወሰኑ ቦታታት ዓለም ውሑድ ህዝቢ ጥራሕ ይነብሩ'ለዉ፡፡ ንኣብነት ቱንዱራ እናተብሃለ ዝፍለጥ መታሕትን ቆላን ከባቢ ውቅያኖስ ኣርክቲክ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ (ንኣብነት ኣላስካን) ዩራሲያን ውሑድ ነበርቲ ጥራሕ ይርከቡ፡፡ ኣብ ውዑይን ደረቕ ሃሩርን ዝመሳሰሉ ትሮፒካዊ በረኻታትን ምድረበዳን ሕፅረት ማይን ዝለዓለ ዋዕይን ስለዘሎ ብቑምነት ነበርቲ ክቕመጡሉ ኣይዕድምን፡፡ ሓውሲ ውዑይን ዛሕልን ዝተሓማዞኞ ከባቢ ሸንጥሮ ኣማዞን፣ ሸንጥሮ ኮንጎን ደሴታት ኢንዶኔዥያን ዝመሳሰሉ ድማ ዝለዓለ ፀቕጢ ኣየር፣ ዑብዑብ ኣየር፣ ከቢድ ዝናብን ሙቐት ኣየርን ብምህላዉ እዚ ጠባይ ኣየር ንምንባር ምችው ስለዘይኮነ ብዙሕ ነበርቲ ኣይቕመጡሉን፡፡ ስሕው ኢሎም ውሑድ ነበርቲ ይነብሩሉ፡፡ ዝለዓለ ብራኽ እምባታት ኣብዘለዎ ከባቢ ድማ ንኣብነት እምባታት ሂማላያን፣ ኪሊማንጃሮ፣ ራስ ዳሸን ወዘተ ኣብዝርከቡሉ ሓያል ብራኸ ብምህላዉ፣ እምባታትን ግደምታትን ብመፀገማይነት መልክዑ ብምህላዎም፣ ብጣዕሚ ዛሕሊ ጠባይ ኣየር ብምህላዉ ንምንባር ዝከኣለሉ ኩነታት የለን፡፡ ኣብከምዚኦም ዝመሳሰሉ ስሕው ዝበለን ውሑድ ነበርትን'ዮም ዝነብሩ፡፡

ኣብ ዓለም ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሎም ዝፍለጡ ሰለስተ ቀለበታት ዝበሃሉ ከባብታት ኣለዉ። እዚኦም ቀለበት እስያ፣ ባህረሰላጤ ኣውሮፓን ሰሜናዊ ምብራቕ ኣመሪካ እንትኾኑ ልዕሊ ክልተ ሲሶ ህዝቢ ዓለም ዝነብረሎም ፃዕቕን ፀቕጥን ህዝቢ ዝነብረሎም'ዮም፡፡ ኣብ ምብራቕ እስያ ጃፓንን ቻይናን፣ ኣብ ደቡብ እስያ ድማ ህንዲ፣ ፓኪስታንን ባንግላዲሽን ዝመሳሰሉ ሃገራት'ዮም ዝርከቡ፡፡ ኣብዚኦም ልዕሊ ፍርቂ ህዝቢ ዓለም ዝርከበሎምን ብልምዓት ሩዝ ዝፍለጡን'ዮም፡፡ ኣብ ኣውሮፓ ንምንባር ምችው ዝኾነ ጠባይ ኣየርን ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘሎ እንትኸውን ብዙሕ ህዝቢ'ውን ዝርከበሎምን ብፅቡቕ ኩነታት ዝነብሩሉን ዘለዉ ከባብታት'ዩ፡፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣመሪካ ብጣዕሚ ዝኸተመን ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጂ ዝማዕበላላ ስለዝኾነ ዕብየት ኢኮኖሚ ከተማታት፣ ኢንዱስትሪታትን ማእድናትን ወዘተ ነቲ ሕዚ ኣብኡ ይነብር ዘሎ ብዙሕ መጠን ህዝቢ መሰረት ኢኮኖሚያዊ መነባብርኡ ዝኾኑ'ዮም፡፡

## ለ. ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ



### ዕዮ ጉጅለ 1.21

1 መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ዝኾኑ ክልተ ባእታታት ብዝርዝር ተመያየጡሎም።

2 ኣርባዕተ ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ ብዝርዝር ተመያየጡሎም። ተኻትዑሎም።

3 ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ዝፀልዉን ኣሉታዊ ይኹን ኣዎንታዊ ፅዕንቶ ዘሕድሩን ባእታታት ብዝርዝር ተመያየጡሎም። ተኻትዑሎም።

4 ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ወረዳኹም ተመያየጡሎም።

5 ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ እንታይ ማለትከምዝኾነ ብኣብነት እናደገፍኩም ብዝርዝር ኣረድኡ።

ተምሃሮ ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ እንትነብሩ ብሓደ መልክዕ ስሕው ኢሎም መንበሪኦም ሰሪሖም ንርኢ ወይድማ ፅዕቕ ኣብዝበለ ኩነታት መንበሪኦም ሰሪሖም እንትነብሩ ንዕዘብ። ህዝቢ ኣብ ከባቢ መንበሪኦም ካብ ጉጂ፣ ግድግዳ ቀላሚጦስ፣ ህድሞ፣ መንደቕ ወይድማ ዘመናዊ ህንፃ ሰሪሖም ብሓባር እንትነብሩ ንዕዘብ። ከከም ኩነታት ጠባይ ኣየር ድማ ምስሓውን ምፅዓቕን ወይድማ መንበሪ ዝስርሑሎም ባእታታት ይፈላለዩ'ዮም። ኣሰፋፍራ ማለት ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኦም ንምክያድ ተኣኪቦም ነናይባዕሎም መንበሪ ሰሪሖም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣግባብ ዝግለፀሉ ኣምርን ክልስ ሓሳብን'ዩ። ኣሰፋፈራ ህዝቢ ምስ ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ከባቢ፣ ስነ መሬታዊ ኣቀማምጣ፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ባህልን መነባብሮን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ትካላት ምህላዎም ወዘተ ዝመሳሰሉ ጉዳያት ዝውስንዎ ስርዓት'ዩ። ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ እንትርኣይ ብምኽንያት ጠለብ፣ ደጉዓን ቆላን፣ ብራኸን መታሕትን፣ ኢንዱስትሪያላውን ሕርሻውን ምዕባለ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት'ውን ኣብ ግምት ብምእታው ኣፈላላይ ይግበር'ዩ። ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝቢ ኣፍሪካ ኣብ ኣርባዕተ መልክዕ ሰሊዕኻ ምርኣይ ይከኣል'ዩ።

- *ገጠርን ከተማን ኢልካ ብተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ምርኣይ ይከኣል*
- *ከበሳን (ደጉዓን) መታሕትን (ቆላን) ኢልካ ውን ብኣቀማምጣ ይርኣይ*
- *ኣብ ገምገም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ቃላያትን ሩባታትን ዝርኣይ መነባብሮ*
- *ኢንዱስትሪያላውን ልምዓት ሕርሻን ማእኸል ዝገበሩ መነባብሮ ምርኣይ ይከኣል፡፡*

ስለዚ ተምሃሮ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝብን ብጣዕሚ ይፈላለይ'ዩ፡፡ ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ከበሳን መታሕትን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣዐርዩ ይፈላለይ'ዩ፡፡ ኣብ ከተማ ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብትልምን

ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዝተቐየደ ኾይኑ ፅዑቕ ኣቀማምጣ ዝጠልብ'ዩ፡፡ ኣብ ገጠር ዝርአይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ድማ ምስ ውልቀ ትሕዝቶ መሬት ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ ስሕው ዝበለን ዝተረሓሓቐን'ዩ፡፡ መነባብሮ ህዝቢ ድማ ስድራ ዝናበሩሉ መሰረት ኢኮኖሚን ፍልፍል እቶትን፣ ብደረጃ ስድራ ዝህልው ሃፍተ-ገነትን ንከይዲ ዕለታዊ ህይወት ፍልፍል ዝኾነ ፀጋታትን ዝምልከት'ዩ፡፡ መነባብሮ ምስ ዕለታዊ ዓቕሚ ምግቢ፣ ንቑልዑ ዝግበር ክንክንን ሓለዋ ጥዕናን፣ ፋይናንሳውን ኢኮኖሚያውን ዓቕሚ ወዘተ ዝምልከት'ዩ፡፡ ንኣብነት መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ እዩ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.22

*ተምሃሮ ኣብ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ እንታይ ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? እስኪ ብሓባር እናተዛተኹም ተመያየጡ፡፡*

ኣስተውዕሉ ተምሃሮ! ዝርግሐ ህዝቢ ኣብ ሞንጎ ገጠርን ከተማን ብዝርከብ ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝቢ፤ ከበሳን መታሕትን ብዝርከብ ኣሰፋፍራን መነባብሮ፤ ኣብ ገምገም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ቃላያትን ሩባታትን ምስ መነባብሮ ውሽጢ ሃገር፤ ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ኢንዱስትሪያላውን ልምዓት ሕርሻን ማእኸል ዝገበሩ መነባብሮ … ብጣዕሚ ይፈላለይ'ዩ። ኣብ ገጠር ዝርአይ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ምስ ውልቀ ትሕዝቶ መሬት ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ ብጣዕሚ ስሕው ዝበለን ዝተረሓሓቐን'ዩ፡፡ መነባብሮ ህዝቢ ድማ ስድራ ዝናበሩሉ መሰረት ኢኮኖሚን ፍልፍል እቶትን፣ ብደረጃ ስድራ ዝህልው ሃፍተ-ገነትን ንከይዲ ዕለታዊ ህይወት ፍልፍል ዝኾነ ፀጋታትን ዝምልከት'ዩ፡፡ መነባብሮ ምስ ዕለታዊ ዓቕሚ ምግቢ፣ ንቑልዑ ዝግበር ክንክንን ሓለዋ ጥዕናን፣ ፋይናንሳውን ኢኮኖሚያውን ዓቕሚ ወዘተ ዝምልከት'ዩ፡፡ ንኣብነት መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ'ዩ፡፡

ስለዚ ልምዓት ሕርሻን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳትን ኣብ ኣፍሪካ ብፍሉይ ልምድ ዝኾነ መሰረት መነባብሮ መብዛሕትኡ ክፋል ህዝቢ'ዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ሃፍቲ ልምዓት ሕርሻ ኣብ ምፍራይን ምስዳድን ምህርቲ ዓሳ፣ ካካኦ፣ ኦቾሎኒ፣ ተኽሊ ዘይቲ ፓልም፣ ካሳቫ፣ ዘራእቲ ምግብን ካልኦት ፍረምረን ይርከቡ፡፡ ኣብ ሃገርና ምርባሕን ሰደድን ሃፍቲ እንስሳን ልምዓት ቡንን ሰሊጥን ከምኡ'ውን ጡጥን ዝፍለጥ እንተኸውን ንምግብነት ዝውዕሉ ኣዝርእቲ'ውን ይርከቡ፡፡

ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ቃላያትን ሩባታትን ዝነብሩ ህዝብታት ኣፍሪካ መነባሮኦም ብዝለዓለ ኣብ ምዝፋፍ ዓሳ ዝተመሰረተ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ደሴታት ዳህላክ ዝነብሩ፣ ኣብ ከተማ ምፅዋዕ ዝነብሩ (ኤርትራ)፣ ኣብ ከተማ ሞምባሳ (ኬንያ) ዝነብሩ፣ ኣብ ዙሪያ ሃይቅ ቪክቶሪያ፣ ኣብ ከባቢ ሃጓፍ ሽንጥሮ ሃገርና ኣብ ዙሪያ

ሃይቅ ዝዋይን ሃዋሳን ከምኡ'ውን ኣብ ዙሪያ ሃይቅ ጣና ዝርከቡ ህዝብታት ብምዝፋፍ ዓሳ'ዮም ዝናበሩ:: እዚኦም ምዝፋፍ ዓሳ ንባዕሎም ጥራሕ ዝጥቀሙሉ ዘይኮነስ ብመሸጣ'ውን ተወሳኺ እቶት ይረኽቡሉ ነይሮም:: መነባብረኦም ኣብ ምዝፋፍ ዓሳ ዝተመስረተ ነይሩ:: ስለዚ ተምሃሮ ንዝርግሓ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ሓደ ሃገርን ሓደ ከባብን ዝፀልዉን ዕዕንቶ ዘሕደሩን ባእታታት ብዙሓት ኣለዉ:: ካብዚኦም ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ይጥቀሱ፤

- ምችውን ዝሰማማዕ ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየር፣ ኩነታት ተፈጥሮኣዊ ገፀ ምድሪ
- ልሙዕነት ሓመድ፣ ቀረብ ዕሩይ ማይ፣ ፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድንን
- ምኽታምነትን ዕብየት መሰረተ ልምዓትን
- ምችዉነት ንግድን ኢንቨስትመንትን
- ምንቅስቓስን ስደትን (ፍልሰት) ህዝቢ
- ምስ ኩነታት ፀጥታትን ድሕንነትን ዝዛመዱ ሳዕቤና ኩናትን ቅልውላውን
- ምዕባለ መስመራት መጓዓዝያ መኻይንን ሓዲድ ባቡርን
- ምዕባለ ፋብሪካታት፣ ኢንዱስትሪን ልምዓት ቴክኖሎጂን
- ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ኢንቨስትመንት ልምዓት ሕርሻ
- ቀረብ ዕድል ስራሕን ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን

## ሐ. ምኽታምነት፤



### ዕዮ ጉጅለ 1.23

*መንቀሊ ምኽንያታት ምጥያሽ ከተማታት እንታይ'ዮም? ምዕቡልን ዘመናውን ከተማ ከመይ ይግለፅ? እንታይ መሰረተ ልምዓት ዘማልአ እዩ ምዕቡል ከተማ ዝበሃል? ብዛዕባ ምኽታምነት እንታይ ትርድኡ? ትፈልጥዎ ግለፁ:: ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ከተማ ኣብነት ገይርኩም ምኽታምነት ኣብርሁ:: ከተማታት ትግራይ እንታይ ኣለወን? እንታይ ከ ይጎድለን? ተመያየጡ:: ተኻትዑ:: ብዙሕ ህዝቢ ዝነብሩለን ከተማታት ትፈልጡ ዶ? ትፈልጥዎም ግለፁ:: ኣብዚ መዳይ ተመያየጡ::*

ተምሃሮ ምስ ምንቅስቓስ ህዝብን ቕልጡፍ ዕብየት ህዝብን ተኣሳሲሩ ዝመፅእ ዝተፈላለዩ ከተማታት ምጥያሽ ሓደ ተርእዮ'ዩ:: መንቀሊ ምኽንያት'ዚ ተርእዮ በዝሒ ህዝቢ፣ ኣሰፋፈራን ምንቅስቓስ ህዝብን እዩ:: ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝርአይ ተርእዮ ምኽታምነት ዝግለፅ ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምንቅስቓሶምን ምፍላሶምን ዝፍጠሩ'ዮም። እዚ ምንቅስቓስ ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምኽንያት ድልየት ትምህርቲ፣ ዕድል ስራሕ፣ ሓዱሽ ኣገባብ መነባብሮን ንግዳዊ ስራሕትን'ዩ::

ሃገራት ኣህጉር ኣፍሪካ ኣብ ዓለም ካብዘለዋ ሃገራት ብደረጃ ምኽታምነት ኣብ ትሑት ብርኪ'የን ዝርከባ፡፡ ብመሰረት መረዳእታ 2009 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማታት ኣፍሪካ ዝነብሩ ነበርቲ ዳርጋ ናብ 38% ዝፅጋዕ ጥራሕ'ዩ፡፡ ዋላ'ውን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እንተወሲድና ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ዝተሓተን ድሑር ዝኾነን ምኽታምነት ዝርአየለን እየን፡፡ ዳርጋ ናብ 22% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር፡፡ ነዚ መሰረት ገይርና ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት እንተሪእና ዋላ'ኳ ብዙሓት ሓደሽቲ ከተማታት ዝማዕበላ እንተሃለዋ ናብ 16.08% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ ክልልና ትግራይ እንተወሲድና ድማ ዋላ'ኳ ብዙሓት ሓደሽቲ ከተማታት ዝማዕበላ እንተሃለዋ ናብ 19.55% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር፡፡ ስለዚ ምስ ምንቅስቓስን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ተኣሳሲሩ እንትርአይ ምኽታምነት ብግልፂ ዝርአይ እንተኾነ'ውን ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝቢ ግና ብመጠንን ብበዝሕን ብዙሕ ለውጢ ዘለዎ ኣይኮነን፡፡

ምኽታምነት እንትበሃል ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባብያዊ ሓለዋን ፅርየት ምስ ፅባቐ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ሰለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፆ'ዩ፡፡ እዚ ከኑነታት ንመነባብሮ ምፍልላይ መንቀሊ ምኽንያት ይኸውን'ሎ ማለት'ዩ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.24

1 ተምሃሮ ንምንታይ'ዩ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ዝካየድ? ካብ ገጠር ናብ ከተማ ህዝቢ ንክፈልስ ዝደፍኡን ኣብ ከተማ ድማ ህዝቢ ካብ ገጠር ንክፈልስ ዝስሕቡን ባእታታት እንታይ'ዮም? ቅልጡፍን ስሉጥን ልምዓትን ዕብየትን ከተማታት ዝመፅእ ብኸመይ ኣገባብ'ዩ? ተመያየጡሉ፡፡

2 ንኣለሻ ስራሕን ዝሐሸ መነባብሮን እንትብሉ ናብ በብከባቢኡ ዝርከባ ከተማታት፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ናይሮቢን ደቡብ ኣፍሪካን፣ ሃገራት ኣዕራብ (ስዑዲ ዓረቢያ፣ የመን፣ ኩዌት፣ ዱባይ፣ ሕቡራት ዓረብ ኢሜሬት፣ ሶርያን ካልኦትን ሃገራት) ዝስደዱን ዝፈልሱን ወገናት ብዝምልከት ንምንታይ ነዚ ኣጋጣሚ ከምዝመርፅዎን ኣብመወዳእታ ድማ ሳዕቤናቶምን ብዝምልከት ተመያየጡ፡፡ ተኻትዑ፡፡

3 ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ሰሓብቲ ከምኡ'ውን ኣብ ገጠር ዝርአዩ ደፋእቲ ሓይሊሰብ ዝኾኑ ባእታታት ብዝርዝር እናገለፅኩም ምስ ከባቢኹም እናዛመድኩም ተመያየጡ። ንምንታይ ዝብል ሕቶ እናልኣልኩም ተኻትዑ፡፡

## 1.3 ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም

ተምሃሮ ቕልጡፍን ስሉጥን ልምዓትን ዕብየትን ከተማታት (ምኽታምነት) ዝመፅእ ብምኽንያት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ እዩ፡፡ ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ናብ ከተማታት ንክፈልስ (ክስደድ) ዝደፋፍእዎ ነገራት ኣለዉ፡፡ ኣብ ከተማታት ድማ ካብ ገጠር ብዙሕ ህዝቢ ንክፈልስ (ንክስደድ) ዝስሕቡ ነገራት ኣለዉ፡፡ እዞም ዝደፍኡን ዝስሕቡን ባእታታት ብዙሓት እዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ገጠር ንዘለዉ ሰባት ናብ ከተማ ንክስደዱን ክፈልሱን ዝደፍእዎም ኩነታት እንተሪእና ከም ስእነት ስራሕ፣ ሕፅረት ተሓራሳይ መሬት፣ ሕፅረት ንእንስሳት ዘቤት ዝኸውን ጋህፂ መሬት (መግሃጫ)፣ ምጉሕጓሕ ብርሰትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ከባብያዊ ኩነታትን፣ እኹል ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘይምህላዉ ናብራ ገጠር መሰልቸዊ ብምኻኑ ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከቡ፡፡ ብምኽንያት'ዚ ድማ ትሑት እቶት፣ ትሑት ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ፣ በዝሒ ነባራይ ህዝቢ፣ ሕፅረት ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን፣ ሕፅረት ቀረብ ማይ ዝጥቀሱ'ዮም፡፡

ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ሰሓብቲ ሃይሊሰብ ካብ ገጠራት እንትንርእይ ድማ ጠለብ ጉልበት ስራሕ፣ ዕድል ስራሕ፣ ንግዲ፣ ዝሓሸ ቀረብ ናውትን ማሕበራዊ ግልጋሎትን፣ ዝለዓለን ዝተረጋግአን እቶት፣ ዝሓሸ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮን፣ መሐደስን መዘናግዕታትን፣ ስሉጥ ቴክኖሎጂ መራኸቢ፣ ዕቡቕ ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን፣ ዝሐሸ ቀረብ ማይ ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ፋብሪካታትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም፡፡ ቕልጡፍ ዕብየት ከተማታትን ምኽታምነትን ኣብ ምልዋጥን ምምሕያሽን ኣግባብ መነባብሮ ህዝቢ ይኹን ከባብያዊ ህይወት መነባብሮ ህዝቢ ኣብዩ ተራ ኣለዎ፡፡ ምስ ምክታምነት ዝርአይ ምትሕውዋስን ምትሑምዝዛቕን ባህልን ልምድታትን ስለዝህልው ኣብ ከይዲ ለውጢ ይምዕብል'ዩ፡፡ ምኽታምነት ለውጥን ምዕባለን ባህሊ የስዕብ'ዩ፡፡ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈልሱ ሰባት ኣብ ከተማ ብዘሎ ባህሊ ይፅለዉ'ዮም፡፡ ኣብ ከተማ ዝነብር ሕብረተሰብ ምስ ካብ ገጠር ዝመፁ ብባህልን ልምድን ብቐሊሉ ዝተሓዋወስ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ከተማ ዝነብር ሕብረተሰብ ዘማዕበሎ ባህሊ ስልጡን'ዩ፡፡

ተምሃሮ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈልሱ ሰባት ኩሉ ነገር ምቹው ዝኾነሎም ዶ ይመስለኩም? ኣሰፋፍራን ምንቅስቓስን ህዝቢ ምስ መነባብሮን ከባብያዊ ህይወት ኣገናዚብኩም ዶ ትፈልጡ? ስሉጥ ምዕባለ ከተማታትን ምኽታምነትን ካብ ገጠር ናብ ከተማ ንዝፈልሱ (ንዝስደዱ) ሰባት እንታይ ዓይነት ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ ከምዝኽእል ምስ መሓዙትኩም ተመያየጡ፡፡ ዝርዝር ነጥብታት ኣብ ወረቐት ፀሓፉ። ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ወይድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማ እንትትግበር ሰባት ካብ ዝነበሩሉን ዝለመድዎን መንበሪ ገዝኦም ሪሕቖም'ዮም ዝኸዱ፡፡ ስለዚ ካብ መንበሪ ገዛ ሪሒቕካ ምንባር እንታይ ሳዕቤን ክህልዎ ከምዝኽእል ተመያየጡሉ፡፡ ምኽታምነት'ውን ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ክህልዎ ዝኽእል ሳዕቤን ግለፁ፡፡ ነዚኦን ሕቶታት ብዝምልከት ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ሓቲትኩም ዝርዝር መብርሂ ፅሓፉ፡፡




ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈለሱን ዝተሰደዱን ሰባት ኩሎም ፅቡቕ ኣይገጥሞምን። ዝተወሰኑ ሰባት ዝተደላደለን ምችውን ዝኾነ መንበሪ ገዛ፣ ንፁህ ዝስተይ ማይ፣ ፅቡቕ ክፍሊት ዘለዎ ስራሕ ኣብ ምርካብ ይፅገሙ። ስለዚ ምችው ዝኾነ ኩነታትን ስራሕን መንበሪን ብምስኣን ይሳቐዩ። ብምኽንያት ኣብ ገጠር ዝለመድዎን ዝዓበይሉን ባህሊ ኣግባብ መነባብሮ ምስ ኣብ ከተማ ዝርከብ ባህሊ ስርዓት መነባብሮ ስለዝጓነፅ'ውን ይሳቐዩ። ብምኽንያት'ዚ ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምፍላሶምን ምስዳዶምን ድማ ኣብ ከተማታት ዝህልው ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ግልጋሎት መጓዓዝያ፣ ቀረብ ማይን መንበሪ ኣባይትን ብዝምልከት ሕፅረትን ምፅባብን የጋጥም'ዩ። ብካሊእ መልክዑ ድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝመፁ ስዱዳት ፅቡቕ ዕድል ዝገጥሞም ኣለዉ። ብጣዕሚ ፅቡቕ መጠን ገንዘብ ዝረኸቡን ፅቡቕ ምችው መነባብሮን ዝመስረቱን'ውን ብዙሓት ኣለዉ። ስለዚ ምኽታምነትን ልምዓት ከተማታትን ኣዝዩ ዝነኣድን ዝሕፈስን ፀጋታት ሃፍቲ ከምዘለዎም ኹሉ ብተፃራሪኡ ድማ መስካሕከሓይ ዝኾነ ድኽነት'ውን ዘለዎም እዮም። እዚኦም ክልተ ተፃረርትን ተፃበእትን ተርእዮታት ዝፋረቑለን ብምኺነን ከተማታት ዝተፈላለዩ ሃገራት'ውን ካብዚ ሓቂ'ዚ ዝተፈለየ ተርእዮ ኣይህልወንን።

## 1.3.3 መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዓለም



### ንጥፈት 1.4

1 ብዛዕባ መነባብሮ ህዝቢ ኣብ 7ይ ኽፍሊ ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? ነዞም ዝስዕቡ መሰረታዊ ዝበሃሉ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት እስኪ ተመያየጡሎም፡፡ ብመሰረት'ዚ ድማ ልምዓት ሕርሻ፣ ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳ፣ ልምዓት ሃፍቲ ዓሳ፣ ፋብሪካታት (ንኣብነት እንዳ ዓለባ፣ ጨርቀ መርቂ፣ ምህርቲ ቆርቆሮን ምስማርን፣ ምህርቲ ሲሚንቶ፣ ምህርቲ መድሓኒት፣ ምህርቲ ውፅኢት ቆርበትን ዓንጋረን ወዘተ)፣ ዘፈር ኢንዱስትሪ፣ ዘፈር ንግዲ፣ ዘፈር ግልጋሎት (ሆቴል፣ ቱሪዝም ወዘተ)፣ ዘፈር ማሕበራውን ፐብሊክ ዘፈርን፣ ኢንቨስትመንትን ካልኦትን ዝመሳሰሉ መሰረታዊ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታትን ፍልፍል መነባብሮን ብዝርዝር ተመያየጡሎም፡፡

2 ብደረጃ ዓለም ዝርአዩን ልሙድ ዝኾኑን መሰረት መነባብሮ ህዝቢ ዝበሃሉን ኣብ ሰለስተ ብርኪ ተመቒሎም ዝርአዩን ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ዘርዝሩ፡፡

ተምሃሮ መነባብሮ ህዝቢ እንትብሃል ማእኸሉ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት እዩ፡፡ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ድማ ደቂ ሰባት ሃፍቲ መሬትን ካልኦት ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሃፍታትን መነባበርኦምን ህይወት ስድርኦምን ንምዕንጋልን ንምሕጋዝን ብከመይ ኣገባብ

ከምዝጥቀሙሉ'ም ዘመላኸቱ ፍፃመታትን ንጥፈታትን ብሓፈሽኡ ዘመላክት'ዩ። ኣፈፃፅማን ኣጠቓቕማን እዞም ሃፍቲ ተፈጥሮ ከከም ምዕባለን ዕብየትን ሃገራት ዘፈላለይ'ዩ፡፡ ብደረጃ ዓለም ዝርአዩን ልሙድ ዝኾኑን መሰረት መነባብሮ ህዝቢ ዝበሃሉ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ኣብ ሰለስተ ብርኪ ተመቒሎም ዝርአዩ'ዮም፡፡

- *ብቀዳማይ ብርኪ ዝርአዩ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት መነባብሮ ኣብ ምፍራይ ንምግብታት ዘድልዩ ምህርትታትን ጥረ ሃፍትታትን እዩ፡፡ እዚኦም ንውፅኢት ስራሕቲ ሃደን፣ ልምዓት ሕርሻ፣ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ፣ ልምዓት ዓሳ፣ ምእካብ ፍረምረ፣ ምክንኻን ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ምህርቲ ማእድናትን ወዘተ ዝምልከቱ'ዮም፡፡*
- *ብካልኣይ ብርኪ ዝርአዩ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት መነባብሮ ብቀዳማይ ብርኪ ንዝተረኸቡ ሃፍታት ናብ ውዱእ ምህርቲ ምልዋጥ ዝምልከት እዩ፡፡ ንኣብነት ብልምዓት ሕርሻ ዝርከብ ቀዳማይ ብርኪ ውፅኢት ምህርቲ ጡጥ ናብ ክይዲ ፍብረካ እንትእተው ንኣብነት ናብ ፈትልን ጨርቅን እንትልወጥ ዝርእየና ካልኣይ ብርኪ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈት'ዩ፡፡ ስለዚ ብምህርቲ ሕርሻን ማእድንን ዝተረኸቡ ውፅኢት ፍርያት ናብ ግልጋሎት ክውዕሉ ናብዝኽእሉ ብርኪ ዝግበር ክይዲ ፍብረካ ዝምልከት እዩ፡፡*
- *ብሳልሳይ ብርኪ ዝርአዩ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት መነባብሮ ኣብ ምሃብ ግልጋሎት ንዘድሃቡ ንጥፈታት ኢኮኖሚ ዝምልከት እዩ፡፡ ንኣብነት ትራንፖርትን መጓዓዝያን፣ ቱሪዝምን ሆቴልን፣ ስራሕቲ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ (ፀሓፍቲ፣ ክኢላታት፣ ድጋፍ ወሃብቲ፣ ቴክኒካል ሓይሊሰብ ...)፣ ምስላጥ ዘፈር ንግድን ግልጋሎታቱን ወዘተ ዝምልከት'ዩ፡፡ እዚ ዘፈር ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ሰራሕተኛታት ተቖፂሮም ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዝውዕሉን ብውልቀ ትካል ተጣይሾ'ውን ንመነባብሮ መሰረት ዝኾውን እቶት ብወርሓውን ብኮንትራትን ዝርከበሉ ዘፈር ኢኮኖሚ'ዩ፡፡*

ስለዚ ኣብዝተፈላለዩ ሃገራት ዝርከቡ ሰባት ኣብዝተፈላለዩ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ንጥፈታት ተዋፊሮም ዝርከቡ፡፡ መብዛሕትኦም ኣብ ዘፈር ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ እንስሳን ዝተዋፈሩ እንትኾኑ ብጣዕሚ ብዙሓት ህዝቢ ዓለም ድማ ኣብ ኢንዱስትሪያላውን ቴክኖሎጂካውን ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ከምኡ'ውን ኣብ ዘፈር ግልጋሎት ወሃባይነት ተዋፊሮም ይርከቡ፡፡ ኣብ ብጣዕሚ ዝማዕበሉ ሃገራት ዓለምና ንመብዛሕትኡ ህዝቢ ሃገራተን ዓንዲ ሑቖ ኾይኑ መሰረታዊ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈት ብምኳኑ ዝፍለጥ ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ብርኪ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ተዋፊሮም ዝርከቡ፡፡ ኣብ ዘይማዕበሉ ሃገራት ዓለምና መብዛሕትኡ ህዝቢ ብልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ እንስሳትን ከምኡ'ውን ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ተዋፊሮም መነባብረኦም ዝመርሑ፡፡

ንኣብነት ኢኮኖሚያዊ መሰረት ህዝቢ ምዕራባውያን ሃገራት እንተወሲድና ኣብ ፍብረካ ውፅኢታት ኢንዱስትሪን ቴክኖሎጂን ከምኡ'ውን ዘፈር ግልጋሎት ብዋናነት ተዋፊሮም መነባብረኦም ይመርሑ፡፡ መብዛሕትኦም ህዝቢ ኣህጉር ኣፍሪካ፣ ላቲን ኣመሪካን እስያን እንተወሲድና ድማ ኢኮኖሚያዊ መሰረት መነባብሮ ህዝቢ ዝተመስረተሉ ዓንዲ

ሑቖ ኣብ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ እንስሳን እዩ፡፡ ዋላ'ኳ መብዛሕትኦም ኣብ ከይዲ ምምዕባል ዝርከቡ ሃገራት ኣብ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈት ልምዓት ዘፈር ኢንዱስትሪን ቴክኖሎጂን ክንድዝከኣል እታወት እናማዕበሉ እንተመፁ'ውን ምስቲ ቕልጡፍ ዓለምለኻዊ ምዕባለ ክሳነዩ ብዘይምኽኣሎም ብዙሕ ርሕቐት ክኸዱ ኣይከኣሉን፡፡

ስለዚ ተምሃሮ መነባብሮ ህዝቢ ብመሰረት ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት፣ ባህሊ፣ ኣሰፋፍራን ዝርግሐን፣ ቀረብ ሃፍቲ ተፈጥሮን ብርኪ ዕብየትን ምዕባለን ህዝቢ ወይድማ ማሕበረሰብ ዝምስረት'ዩ፡፡ መነባብሮ ህዝቢ ኣብ እቶትን ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዝተመስረተ ከምዝኾነ ተረዲእኹም ዶ? ንኣብነት መነባብሮ ኣፍሪካውያንን ኣውስትርያውያንን ኣብ ሃደን ዝተመስረቱ ነይሮም፡፡ ብዙሓት ህዝቢ ኣብ ኣፍሪካ፣ ደሴታት፣ ኣውስትራልያን እስያን መነባብሮኦም ኣብ ምዝፋፍ ዓሳ ዝተመስረተ ነይሩ፡፡ መነባብሮ ጃፓናውያን፣ ቻይናውያን፣ ኮርያውያን፣ ኣመሪካውያንን ኣውሮፓውያንን ኣብ ቴክኖሎጂን ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ከምኡ'ውን ዘፈር ግልጋሎትን እዩ ተመስሪቱ፡፡ ኣብ ኣፍሪካ፣ እስያን ላቲን ኣመሪካን ዘመናዊ ልምዓት ሕርሻን ልምዓት ሃፍቲ እንስሳትን ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ መብዛሕትኦም ህዝብታቶም ዝተመስረተሎም እዮም፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.25

1 መሰረት መነባብሮ ህዝቢ ዝበሃሉ ሰለስተ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡ ነዚኦም ምስ ከባቢኹም ኣዛሚድኩም ግለፁ፡፡

2 መነባብሮ ህዝቢ ብመሰረት ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት፣ ባህሊ፣ ኣሰፋፍራን ዝርግሐን፣ ቀረብ ሃፍቲ ተፈጥሮን ብርኪ ዕብየትን ምዕባለን ህዝቢ ወይድማ ማሕበረሰብ ዝምስረት'ዩ ንዝብል ሓሳብ ምስ ከባቢኹም ኣዛሚድኩም ግለፁ፡፡

## መልመዲ 1.4

I *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡*

1 መጠን ዕብየት ህዝቢ እንትግበጥ ኣብ ግምት ዝውሰዱ ውልደትን ሞትን፣ ዝተሰደዱን ዝተመለሱን ከምኡ'ውን ብህይወት ዝንበረሉ ዕድመን እዮም፡፡

2 ቶማስ ኣልበርት ማልታስ ዝተብሃለ ፈላስፋ ምሁር ክሳብ ሎሚ ዘገልግል ፖሊሲን መትከላትን ስነ ህዝቢ ኣመልኪቱ ዘቕረበ'ዩ፡፡

3 ዝለዓለ መጠን ዓቕሚ ምውላድ እኖታት ዘለወን ሃገራት ካብ ውሽጢ ሓደ ሽሕ ናብ 15 - 20 ዝኾኑ መጠን ውልደት ህፃናት ይህልወን፡፡

4 ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ብማእኸላይ ዝንበረሉ ዕድመ 70 ዓመት እንትኸውን መጠን ሞት ድማ 10 ካብ 1000'ዩ፡፡

5 ኣብዚ ሕዚ እዋን ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዓመት ዝኾኑ ህፃናት 20% እንትኸውን ዕድሚኦም ልዕሊ 60 ዓመት ዝኾኑ ኣረጋውያን ድማ 22% እዩ፡፡

6 ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ዝውስኑ ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ባእታታት ኣለዉ፡፡

7 ኣብ ኩለን ኣህጉራት ብፍላይ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ መጠን ምውላድ እኖታት ብ2.0% ነክዩ'ዩ፡፡

8 ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈልሱ ሰባት ብምልኦም መነባብሮኦም ይምቾዎም'ዩ፡፡

9 ናብ ከተማታት ኣዲስ ኣበባ፣ ናይሮቢ፣ ደቡብ ኣፍሪካ፣ ሃገራት ኣዕራብ ሰባት ካብ ሃገርና ዝስደዱ ኣለኻ ስራሕን ዝሓሸ መነባብሮን እዩ፡፡

10 ዝርግሐ መስመር ሃዲድ ባቡር ንምኽታምነትን ሰለጤን ስራሕቲ ንግዲ ኣብ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ ከተማታት ርኡይ ለውጢ የምፅእ እዩ፡፡

11 ብደረጃ ሃገርና ኣብ ከተማታት ካብዝነብር መጠን በዝሒ ህዝቢ (ብሚኢታዊ እንትግበጥ) ኣብ ከተማታት ክልልና ዝነብር መጠን በዝሒ ህዝቢ (ብሚኢታዊ) ዝለዓለ እዩ፡፡

12 ኣብ ሃገርና ኣብ ከተማታት ካብዝነብር መጠን በዝሒ ህዝቢ ኣብ ከተማታት ኣፍሪካ ዝነብር መጠን በዝሒ ህዝቢ ዝለዓለ እዩ፡፡

13 ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ሃይቃትን ሩባታትን ዝርከቡ ህዝብታት ኣፍሪካ መነባብረኦም ኣብ ምዝፋፍ ዓሳ ዝተመስረተ እዩ፡፡

**II** *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግልፂ፣ ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾኑን ዘየማትኡን መልስታት ሃብ።*

14 ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣረድኡ፡፡

15 መነባብሮ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣረድኡ፡፡

16 ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ዝውስኑ ኣርባዕተ መሰረታዊ ተግባራት ዝበሃሉ ግለፁ፡፡

17 መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ዝውስኑ ክልተ መሰረታዊ ባእታታት ግለፁ፡፡

18 ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ዝፀልዉን ፅዕንቶ ዘሕድሩን ባእታታት ብዙሓት ኣለዉ፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ነቶም ሓሙሽተ ጥቐሱ፡፡

19 ምኽታምነት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣረድኡ፡፡

20 ኣብ ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝደፍኡን ኣብ ከተማታት ድማ ዝስሕቡን ነገራት እንታይ ከምዝኾኑ ኣረድኡ፡፡


## 1.3.4 ቀንዲ ሃይማኖታት ዓለም

*ተምሃሮ ኣብ 6ᵉን 7ᵉን ኽፍልታት ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት ክርስትናን እስልምናን ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? ንምኳኑ ክንደይ ዓይነት ሃይማኖታት ትፈልጡ?*

እምበኣርከስ ተምሃሮ ኣብ ዓለም ብጣዕሚ ብዙሓት ሃይማኖታት ኣለዉ፡፡

ካብዚኦም ውሽጢ ብጣዕሚ ጎሊሆም ዝፍለጡን ብዙሕ ሰዓብቲ ዘለውዎምን ሽዱሽተ ሃይማኖታት ብቐደም ሰዓብ ቐሪቦም'ለዉ፤

- ክርስትና፣
- እስልምና፣
- ሂንዱዚም፣
- ቡድሂዝም፣
- ኮንፊሽያኒዝም፣
- ጁዳይዝምን ካልኦትን ንረክብ፡፡




ስእሊ 1.17: ሽፋን ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት

ሃይማኖታት ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ዝጋፋሕ በቶም ሰዓብቲ ኾይኑ ብምኽንያት ስደትን ስብከትን'ዩ፡፡ተምሃሮ እስከ ነዚ ዝርግሐ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ዝምልከት ሪኢኹም ኣብ ከባቢኹም ብዛዕባ ዘለዉ ሃይማኖታትን ዝርግሐዖምን ተመያየጡ፡፡







ስእሊ 1.18: መፅሓፍ ቅዱስ

ኣብ ዓለም ካብዘለዉ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ብዙሕ ሰዓብትን ተኸተልትን ምእመናን ብምህላዎም ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ዝስራሕ ሃይማኖት ክርስትና እዩ፡፡ ሃይማኖት ክርስትና ናብ 2.1 ቢሊዮን ዝፅግዑ ሰዓብትን ተኸተልትን ምእመናን ኣብ ምሉእ ዓለም ኣብዝርከቡ ሃገራት ኣለዉ፡፡ ሃይማኖት ክርስትና ካብ ቀዳማይ ክፍለዘበን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ እናተጋፍሐ ዝመፀ ኾይኑ ኣብ 4ይን 5ይን ክፍለዘመናት ክሳብ ብምዕራብ ኣየርላንድ፣ ብደቡብ ምዕራብ ድማ ክሳብ ኢትዮጵያ በፂሑ'ዩ ነይሩ፡፡ ሰዓብትን ተኸተልትን ምእመናን ሃይማኖት ክርስትና ዝጥቀሙሉን ዝምርሑሉን ቅዱስ መፅሓፍ'ዩ መፅሓፍ ቅዱስ፡፡




ስእሊ 1.19: ካቴድራል

ተምሃሮ መፅሓፍ ቅዱስ ትፈልጡ ዶ? መፅሓፍ ቅዱስ ክልተ ክፋል ኣለዎ፤ ብሉይ ኪዳንን ሓዱሽ ኪዳንን ዝበሃሉ'ዮም። ሃይማኖት ክርስትና እምነቶም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሄር እዩ፣ ንዓና ንደቂ ሰባት ካብ ሓጢኣት ከውፅእ ተወሊዱ፣ ምእንተ ደቂ ሰባት ድማ ተሳቒዩን ተሰቒሉን እዩ ኣብ ዝብል ማእኸል ዝገበሩ እዮም፡፡ ሰዓብትን ተኸተልትን ሃይማኖት ክርስትና ፈጣሪ ኹሉ ዓለም ሓደ ኣምላኽ "እግዚኣብሄር" ጥራሕ እዩ ኢሎም'ዮም ዝኣምኑ፡፡ ኣስተምህሮን ስኑድ ቃላትን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ ሓዱሽ ኪዳን ኣብዝርከቡ ኣርባዕተ ወንጌላት ተፃሒፉ ይርከብ፡፡ እዞም ሰዓብትን ተኸተልትን ሃይማኖት ክርስትና ድማ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ተመሳሰልቲ ግና ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምድብ ሃይማኖትይምቀሉ፤

- *ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን፣*
- *ፕሮቲስታንት ክርስትናን*
- *ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሮም እዮም፡፡*

- *ኦርቶዶክስ ክርስትና፤ ሃይማኖት ጥንታዊ መሰረት ሃይማኖት ክርስትና ዘለዎ ኾይኑ ኣብዚ ለሚ እዋን ብጣዕሚ ብዙሓት ሰዓብትን ተኸተልትን ምእመናን ዝርከቡሉ ኣብ ሩስያ፣ ምብራቕ ኣውሮፓ፣ ባልካን ሃገራት፣ ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካ፣ ኣውስትራልያ፣ ምዕራብ ኣውሮፓ፣ ኣፍሪካን እስያን ሃገራት እዮም። ብሓፈሻኡ ናብ 300 ሚሊዮን ዝፅግኡ ሰዓብትን ተኸተልትን ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ክርስትና ኣብ ምሉእ ዓለም እንትህልዉ ካብዚኦም እቶም 18 ሚሊዮን ኣብ ግሪክ ዝርከቡ'ዮም፡፡ ኢትዮጵያ'ውን ካብ መበል 4ይ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ንሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ክርስትና ዝተቐበለት ብምኳና ክሳብ ለሚ ኣብ ሃገርና ካብዘለዉ ጥንታውያን ሃይማኖታት ዝምደብ'ዩ፡፡*





ስእሊ 1.20: ኣኽሱም ፅዮን ማርያም ቤተ ክርስትያን

- **ፕሮቲስታንት ክርስትና፣** ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘበን ኣብ ምዕራብ ኣውሮፓ ሃገራት ብዝተጀመረ ምንቅስቓስ ሃይማኖት ክርስትና ተጀሚሩ። ፕሮቲስታንት ክርስትና ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝሓወሰ'ዩ፣ ሉተራን (ኢቫንጀሊካል)፣ ካልቪኒስት፣ ኣናባፕቲስትን ኣንግሊካንን ዝበሃሉ'ዮም።



ስእሊ 1.21: ኣንግሊካን ቤተ ክርስትያን

- **ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሮም፣** እዚኦም ኣብ ሮም ብዝህልዉ ጳጳስ ዝምርሑን ብዕኡነቶም ዝኣምኑሎምን በብዘለዉዎ ካቴድራል ሰሪሖም ሃይማኖቶም ዝኽተሉ እዮም። ኣብ ዓለም ካብ 1.2 ቢልዮን ዘይንኣሱ ሰዓብትን ተኸተልትን እንትህልውዎም መብዛሕትኦም ድማ ኣብ ኣውሮፓን ላቲን ኣመሪካን ዝርከቡ'ዮም። እዚ እቲ ዝዓበየን ዝገዘፈን ሰዓብትን ተኸተልትን ዘለውዎ ሃይማኖት ክርስትና'ዩ።




ስእሊ 1.22: ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሮም



ስእሊ 1.23: ኣብ ከተማ ኣዲግራት ዝርከብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን

ካብ ሃይማኖት ክርስትና ቀጺሉ ብደረጃ ዓለም ብዙሕ ሰዓብትን ተኸተልትን ምእመናን ዘለዉዎ ሃይማኖት እስልምና'ዩ፡፡ ሃይማኖት እስልምና ከም ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ሓደ ፈጣሪ ኹሉ ዓለም "ኣላህ" እዮም ዝኣምኑ፡፡ እስላም ዝብል ዓረብኛ ቃል ትርጉሙ "ናብ እግዚኣብሄር ምሕዳር፣ መንፈስካን ኣካላዊ ሰውነትካን ንፍቓድ እግዚኣብሄር ምሉእ ብምሉእ ምሃብ" ማለት እዩ፡፡



ስእሊ 1.24: ቅዱስ ቁርዓን

ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ድማ ሙስሊም እዮም ዝበሃሉ፡፡ ሙስሊም ብዓረብኛ ትርጉሙ ድማ "ናብ እግዚኣብሄር ዝሓደረ፣ መንፈሱን ኣካላዊ ሰውነቱን ንፍቓድ እግዚኣብሄር ምሉእ ብምሉእ ዝሃበ" ማለት እዩ፡፡ ንፈጣሪ ኹሉ ዓለም ኣላህ እንትብልዎ እዚ ቃል ብዓረብኛ እግዚኣብሄር ማለት'ዩ፡፡ ሰዓብቲ እምነት እስልምና (ሙስሊም ዝበሃሉ) እግዚኣብሄር "ኣላህ" ኩሉ ዝፈልጥ፣ ዝደለዮ ዝፍፅምን ንዓለምና ዝፈጠረን ልዑል ሓይሊ ዘለዎ'ዩ ዝብል እምነት ኣለዎም፡፡



ስእሊ 1.25: ሚናረት - ዓብዪ መስጊድ - ሳማራ (848 - 852)

**ሃይማኖት እስልምና** ኣብ መበል 7ᵉ ክፍለዘመን ብኣስተምህሮ ነቢዩ መሓመድ ዝተጀመረ እንትኸውን መበቆል'ዚ ሃይማኖት ካብዝኾነ ስዑድ ዓረብያ ተበጊሱ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሚኢቲ ዓመታት ንኣንፈት ምዕራብ ክሳብ ግብጺ፣ ሰሜን ኣፍሪካን ስፔይንን ተስፋሕፊሑ። ድሕሪ 10ᵉ ክፍለዘመን ናብ ምሉእ ኣፍሪካን እስያን ሃገራት ከምኡ'ውን ኣውሮፓን ብገፊሑ ተስፋሕፊሑ ክሳብ ህንዲ፣ ኢራቅ፣ ኢራን፣ ሶሪያ፣ ሊባኖስ፣ ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ ፓኪስታን፣ ኣፍጋኒስታን፣ ባንግላዲሽ፣ ኢንዶኔሽያ ወዘተ በጺሑ፡፡



ስእሊ 1.26: ኣብ መካ፣ ስዑድ ዓረቢያ ዝርከብ መስጊድ ኣል-ሓራም

እቲ ሳልሳይ ሃይማኖት ዓለም መሰረቱ ኣብ ሃገረ እስራኤል ዝኾነ **ጁዳይዝም** ዝበሃል'ዩ። **ጁዳይዝም** ኣብ መሬት እስራኤላውያንን ፍልስጤማውያንን ዝቦቖለ'ዩ። ጅዳይዝም ብህዝቢ ጂውስ ብዝኾኑ ብእስራኤላውያን ዝእመነሉ ጥንታውን ባህላውን ሃይማኖት እንትኸውን ኣብዚ ሕዚ እዋን ናብ 13.2 ሚሊዮን ዝፅግዑ ሰዓብትን ተኸተልትን ኣለዉ። ብምኽንያት ስደትን ተገዲዶም ምስድዳን ህዝቢ ጁዊስ ኣብ ብምልኡ ዓለም'ዮም ዝርከቡ፡፡

ሰዓብቲ ሃይማኖት ጁዳይዝም ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ እንተኾነ'ውን ብፍላይ ድማ ኣብ ኣመሪካ 5.7 ሚሊዮን፣ ኣብ እስራኤል 4.8 ሚሊዮን፣ ኣብ ፈረንሳይ 530000 ከምኡ'ውን ኣብ ሶቭየት ሕብረት (ሩስያ) 438000 ይነብሩ'ለዉ፡፡ ካብዚኦም ብተወሳኺ ድማ ኣብ ካናዳ፣ እንግሊዝ፣ ኣርጀንቲናን ደቡብ ኣፍሪካን ብበዝሒ ይርከቡ'ዮም፡፡ ብመሰረት ጥንታዊ ሃይማኖት ጁዳይዝም ደቂ ኣንስትዮ ናብዝኾነ ዓይነት ፖለቲካውን ማሕበራውን ስራሕቲ መንግስቲ ክኣትዋ ኣይፍቀድን ነይሩ፡፡ ደሓር ግና ምምሕያሻት ስለተገብረ ብ1969 -1974 ጎልዳ ሜይር ቀዳማይ ሚኒስትር እስራኤል ኮይነን ንሰለጤን ለውጢ መሪሐን'የን፡፡ ብመሰረት ሃይማኖት ጁዳይዝም

ህፃናት ካብ 13 ዓመት ጀሚሮም ብስነ ስርዓት ሃይማኖቶም እናኮስኮሱ'ዮም ዘዕብይዎም፡፡ ኣብ እዋን በዓላት'ውን ሓቢሮም ብምብላዕን ተኣኪቦም ብምብዓልን ዝፍለጥ ድሙቕ ስነስርዓት ኣለዎም፡፡

**ቡድሂዝምን ሂንዱዝምን** ዝበሃሉ ክልተ ሃይማኖታት ኣብ ህንዲ ዝፍለጡ እዮም፡፡ ሰዓብትን ተኸተልትን ሃይማኖት ቡድሂዝም ብደረጃ ዓለም ካብ 150 — 300 ሚሊዮን ይበፅሑ'ዮም፡፡ እዚኦም ድማ ኣብ ህንዲ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ሲሪላንካ፣ ታይላንድ፣ ካምቦዲያ፣ በርማ፣ ላኦስ፣ ቻይና፣ ጃፓን፣ ታይዋን፣ ቲቤት፣ ኔፓል፣ ሞንጎልያ፣ ኮሪያን ቬትናምን ይርከቡ፡፡ ኣስተምህሮን ስብከትን ሃይማኖት ቡድሂዝም "ሲድሃርታ ጓታማ" ወይድማ ቡድሃ እናተብሃለ ዝፍለጥ ስም ስዒቡ ዝመፀ'ዩ፡፡

**ሂንዱዝም** ዝበሃል ሃይማኖት ኣብ ሃገረ ህንዲ ዝቦቖለ'ዩ፡፡ ሂንዱ ዝብል ቃል ካብ 'ሂንዱስ' ዝብል ስም ሩባ ዝተወሰደ ኾይኑ ኣብ መበል 6ይ ክፍለዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተጀመረ ልምድታትን ባህልን መሰረት ዝገበረ'ዩ፡፡ ኣብ መበል 19 ክፍለዘመን ናብ ክርስትና ወይድማ እስልምና ሃይማኖት ንዘይተቐየሩ ደቂ ዓዲ ህንዲ ዝምልከት ልሙድ መፀውዒ ወይድማ መፍለጢኦም ተገይሩ'ውን ይውሰድ ነይሩ፡፡ ሰዓብቲ ሃይማኖት ሂንዱዚም ኣብ ዓለም (መሬት) ፍትሒ ንኽንግሱን ወዲሰብ ከድሕኑን ካብዝብል መበገሲ ዝጥቀሙሎም ዓሰርተ መልእኽትታት ዘለዎ ሰነድ ስእላዊ ፅሑፍ ኣለዎም (Ten Incarnations of Vishnu)፡፡ እዞም ዓሰርተ ስእላዊ መግለፅታት ተኸተልተን ሰዓብትን ሂንዱዚም ክኾኑዎን ክክተልዎን ዝግብኦም መሰረታዊ ስነምግባር መነባብሮ ህይወት ተገይሮም ዝውሰዱ እዮም ነይሮም። ሂንዱዚም "ስርዓት ሞራል"፣ "መሰረታዊ ተግባራት"ን "ቅኑዕ ኣተሓሳስባን እምነት"ን ዝብሉ ሰለስተ መትከላት ሃይማኖት፣ እምነትን ዕለታዊ ተግባራት ባህሊ ተገይሮም ዝውሰዱ'ዮም፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.26

1. ካርታን ፓይ ቻርትን መሰረት ብምግባር ኣብ ዝርግሐ ቀንዲ ሃይማኖታት ዓለም ተመያየጡ፡፡
2. ብመሰረት ዘለዎም በዝሒ ሰዓብቲ ሃይማኖት ብቕደም ሰዓብ ኣቐምጡ፡፡
3. ንሰለስቲኦም ዓበይቲ ሃይማኖታት ክርስትናን እስልምናን ማእኸል ገይርኩምን ምስ ከባቢኹም ብምዝማድን ተመያየጡ፡፡
4. ብመሰረት ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተፅሓፈን ኣብ ክፍሊ ብዝተምሃርኩሞን ብዛዕባ ጁዳይዝም፣ ቡድሂዝምን ሂንዱዝምን ዝምልከት ተመያየጡ፡፡

## መልመዲ 1.5

**I ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክልንዘይኮኑ ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ።**

1 ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ክርስትና ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘበን ኣብ ከተማ ሮም ዝማዕበለ እዩ።
2 እምነታትን ኣስተምህሮታትን ሃይማኖት ክርስትና ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ዝተመስረተ'ዩ።
3 ብደረጃ ዓለም ካብዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ብዙሕ ተኸተልትን ሰዓብትን ዘለውዎ ሃይማኖት እስልምና እዩ።
4 እምነታትን ኣስተምህሮታትን ሃይማኖት እስልምና ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ቁርዓን ዝተመስረተ'ዩ።
5 ቡድሂዝምን ሂንዱዝምን ዝተብሃሉ ሃይማኖታት ስያመ ኣብ ሃገረ ህንዲ ካብዝርከቡ ስም ሩባታት ዝተወሰዱ እዮም።
6 ሰዓብቲ ሃይማኖታት ቡድሂዝምን ሂንዱዝምን ኣብ ሃገረ ህንዲ ጥራሕ'ዮም ዝርከቡ።
7 ጁዳይዝም ኣብ እስራኤልን ፍልስጤምን ዝርከብ ጥንታውነት ዘለዎ ሃይማኖት'ዩ።

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግልፂ፣ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾኑን ዘየማትኡን መልስታት ሃብ።**

1 ኣብ ዓለም ካብዘለዉ ሃይማኖታት ነቶምሓሙሽተ ዘርዝሩ።
2 ሰዓብቲ'ዞም ኣብ ሕቶ ቑፅሪ ሓደ ዝገለፅኩምዎም ሃይማኖታት ኣበይ ከባቢ ከምዝርከቡ ግለፁ።
3 ኣብ ሃይማኖት ክርስትና ዝምደቡ ሰለስተ ዓይነታት ሃይማኖት ግለፁ።
4 ሰዓብቲ'ዞም ኣብ ሕቶ ቑፅሪ ሰለስተ ዝገለፅኩምዎም ሃይማኖታት ክርስትና ኣበይ ከባቢ ከምዝርከቡን ክንደይ ዝኣክል ሰዓብቲ ከምዘለዉዎምን ግለፁ።
5 ኣብ ሃይማኖት ፕሮቲስታንት ክርስትና ዝምደቡ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሃይማኖታት ግለፁ።

# 1.4 ኢንዱስትሪያል ወያነን ሳዕቤናቱን (ውዕኢ.ቱን)



### ንጥፈት 1.5

ተምሃሮ ኢንዱስትሪያል ወያነ እንታይ ማለት'ዩ? ብዛዕባ ቀዳማይን ካልኣይን ኲናት ዓለም እንታይ ትፈልጡ? ነንርእስኹም ተመያየጡ'ሞ ዝበፃሕኹሞ ምርድዳእ ንመምህርኩም ግለፁ።

# 1.4.1 ኣጀማምራ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ

ቅድሚ 1750 ዓ.ም.ፈ ዝተፈላለዩ ነገራት ንምፍራይ ናውቲ ወዲሰብ ብሓይሊ ኢድን ብኢድ ዝንቀሳቐሱን መሳርሕታት እናተጠቐመ'ዩ ነይሩ። ጉልበት ስድራ እናተጠቐሙን ኣብ ቅፅረ ግቢ መንበሪኦም ኾይኖምን ምህርቲ የፍርዩ'ዮም ነይሮም። ካብ1750 ዓ.ም.ፈ ንደሓር ግና ኣብ ከይዲ ምፍራይ ናውቲ ዝተመሓየሸ ውፅኢት ንምፍጣር ዝሕግዙ መሳርሕታትን ቴክኖሎጂታትን ተማሂዞም ኣብ ስራሕ ውዒሎም። ናውቲ ንምፍራይ ወዲሰብ ይጥቀመሎም ዝነበሩ ብሓይሊ ኢድ ይንቀሳቐሱ ዝነበሩ ቀለልቲ መሳርሕታት በዚ እዋን ናብ ምጥቃም ዝተመሓየሹን ከቢድ ዓቕሚ ዘለዎምን ማሽን ቴክኖሎጂ ተሰጋጊሩ። ምህርቲ ኣብ ክንዲ ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛ ብውልቀ ሰራሕተኛታት ኣብ ፋብሪካታት ብስርዓት ክፈርዩ ጀሚሮም። ማሽን ቴክኖሎጂን ፋብሪካታትን ብምትእትታዎም ብዝቐለለ ኣገባብ፣ ብዝተሓተ ዋጋን ወፃእን፣ ብጣዕሚ ብዙሕን ዝበለፀ ጥንካረን ፅርየትን ዘለዎም ናውቲ ይፈርዩ ጀሚሮም።

እዚ እዋን ዝተመሓየሹ ዘመናዊ ማሽን ቴክኖሎጂ ተማሂዞም ንኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ልምዓትን ዘሳልጡ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት ዝተጣየሸሎም እዋን ስለዝነበሩ "ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ" ተባሂሉ ይፅዋዕ ጀሚሩ። ስለዚ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝበሃል ኣብ ዓለምና ንመጀመርታ ግዘ ዝተፈላለዩ ናውትን ሸቐጣትን ኣብ ክንዲ ብኢድን መሳርሕታት ኢድን ብሓይሊ ሞተር ብዘንቀሳቕሶም ማሽናት ምፍራይ ዝተራእየሉ መሰረታዊ ለውጢ'ዩ። መሰረታዊ ለውጢ ዝበሃለሉ ምኽንያት ብኢድ ይሰርሑ ዝነበሩ መሳርሕታት ተሪፎም ብሓይሊ ሞተርን ሃፋን ዝንቀሳቐሱ ግዜን ዋጋን ጉልበትን ዝቑጥቡ ማሽናት ቴክኖሎጂ ተማሂዞም ቦታ መፍረዪ ድማ ኣብ ክንዲ ኣብ መንበሪ ገዛ ውልቀሰባት ናብ ፋብሪካታት ዝዞረ ምዃኑ እዩ። ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ንፈለማ እዋን ኣብ ዓለም ዝተስፋሕፈሐ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ኣብ መበል መፋርቕ 18 ክፍለዘመን ነይሩ። ብድሕሪኡ ካብ ሃገረ እንግሊዝ ካብ እዋን ናብ እዋን እቲ ጥበብን ምህዞ ቴክኖሎጂ ማሽናትን ምጥያሽ ቴክኖሎጂ እናተጋፍሐ ናብ ካልኦት ሃገራት ዓለም'ውን ተዘርጊሑ። ኢንዱስትሪያል ወያነ ብድሕሪ ሃገረ እንግሊዝ ዝተጋፍሐሎም ሃገራት ናብ ምዕራብ ኣውሮፓን ሰሜን ኣመሪካን'ዮም ነይሮም።

ስለዚ ብኢድ ይንቀሳቐሱ ዝነበሩ መሳርሕታት ብማሽን ቴክኖሎጂ እንትትክኡ ንቅድም ፍልፍል ሓይሊ ኾይኑ ዝተምሃዘ ሃፋ ስለዝነበረ ብሃፋ ዝንቀሳቐሱ ሞተራት ኣብ ግልጋሎት ውዒሎም ነይሮም። ደሓር ፍልፍል ሓይሊ ካብ ማይን ሃፋን ናብ ፀሊም ፈሓም፣ ኤሌክትሪሲቲ፣ ዘይቲ፣ ነዳዲ፣ በብግዚኡ ተማሂዞም ኣብ ግልጋሎት ውዒሎም። ስለዚ በዚ እዋን ንቕድም ኣብ ከይዲ ወያናዊ ምስግጋር ዝኣተወ ምህርቲ ቴክኖሎጂ ጨርቃ ጨርቂ፣ ሓፂን መፂንን ፀሊም ፈሓምን ነይሮም። ንመንቀሊ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ መግለፂ ዝኾኑ ተርእዮታትን ምህዞታትን እንታይ ነይሮም? ዝተፈላለዩ ማሽናትን ምህዞታት ቴክኖሎጂን ኣብ ስራሕ ምህርትን ምፍራይን ስለዝወዓሉ ውፅኢት ምህርቲ

ቴክስታይል ጨርቃ ጨርቂ ብጣዕሚ ብዙሕን ፅርየት ዘለዎን ጥራሕ ዘይኮነስ ዋጋን ወፃእን ዝነከየን ነይሩ። እዚ ንተወሳኺ ምህዞታት መበገስን መበረታትዕን ነይሩ።

*ኢንዱስትሪያል ወያነ ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘመን ኣብ ኣውሮፓ ሃገረ እንግሊዝ ኣብ ኣግባብ ኣፈራርያ (ምፍራይ) ናውትን ሸቐጣትን ዝተርአየ ለውጢ ሰለጤንን ውፅኢታዊ ፅርየትን ዝምልከት እዩ። እዚ ማለት ብኢድን ብኢድ ብዝሰርሑ ብዙሕ ወፃእን ግዜን ጉልበትን ይሓቱን ዘይስልጡን ድንጉያትን ካብዝነበሩ ዝሑል ከይድታት ምፍራይ ናውትን ሸቐጣትን ናብ ስሉጥ፣ ቕልጡፍ፣ ውሑድ ወፃእን ግዜን ጉልበትን ዝሓትት፣ ብሓገዝ ማሽን ቴክኖሎጂ ይፈርዩ ናብዝነበሩ ውፅኢታዊ ለውጢ ምስግጋር ዝተርአየሉ እዋን እዩ ነይሩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ጉልበትካን ጉልበት ስድራን እናተጠቐምካ ኣብ መንበሪ ገዛን ከባብን ጥራሕ ይፈርይን ይምረትን ዝነበረ ኣግባብ ከይዲ ናብ ኣብ ፋብሪካታትን ብማሽናት ዝተሓገዘ ቴክኖሎጂን ኣግባብ ስርዓት ምህርትን ምፍራይን ዝተኣታተወሉ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ ኢንዱስትሪያል ወያነ ማለት ውፅኢት ምፍራይን ምምሃዝን ማሽን ቴክኖሎጂታት ኣብ ህይወት ወዲሰብ ሱርበቀስ ዝኾነ ዓብዪ ለውጢ መነባብሮ ንክመፅእ መሰጋገሪ በሪ ዝኸፈተ ታሪካዊ ተርእዮ እዩ።*



## ዕዮ ጉጅለ 1.27

1 እንዱስትሪያል ወያነ እንታይ ማለት'ዩ? ተመያየጡ። ግለፁ። ተንትኑ።

2 ኣጀማምራ ኢንዱስትሪያል ወያነ ብዝርዝር ግለፁ።

3 ዝተመሃዙ ማሽናት ቴክኖሎጂን ፍልፍል ሓይልን እንታይ ከምዝነበሩ ዘርዝሩ።

## ኣብ እዋን ኢንዱስትሪያል ወያነ ዝተርኣዩ ምህዞታት ማሽናት ቴክኖሎጅን ፍልፍል ሓይልን

1 **ቶማስ ኒውኮመን** ዝተብሃለ እንግሊዛዊ ብ1705 ዓ.ም.ፈ ብሓይሊ ሃፋ ትሰርሕ ሞተር (Steam Engine) ሰሪሑ። እዚ ድማ ማይ ካብ ውሽጢ ኳዕቲ ማእድናት ናብ ደገ ንምውፃእ ውዒሉ። ኣብ ስራሕቲ ኳዕትን ምውፃእን ማእድናት ዝለዓለ ተራ ዝነበሮ ምህዞ ነይሩ።

2 **ጀምስ ዋት** ዝተብሃለ ስኮትላንዳዊ ድማ ብቶማስ ኒውኮመን ኣቐዲሙ ተሰሪሑ ንዝነበረ ብሓይሊ ሃፋ ዝሰርሕ ሞተር ብዝበለፀ ዕባቐ፣ ፅርየትን ዓቕምን፣ ዝሐሸ ውፅኢታውን ስሉጥ ግልጋሎት ክህብ ዝኽእልን ብሓይሊ ሃፋ ዝሰርሕ ሞተር (ኢንጂን) ብ1769 ዓ.ም.ፈ (Modern Steam Engine) ሰሪሑ። ጀምስ ዋት ዘረጋገፆ ሓቂ "ዝበለፀን ዝፀበቐን ምህዞ ውፅኢት ብዙሓት ሰባት'ዩ" ዝብል ነይሩ። ጀምስ ዋት ዝመሃዞ ብሓይሊ ሃፋ ዝሰርሕ ዝተመሓየሸ ሞተር (ኢንጂን) ብ1785 ዓ.ም.ፈ ኣብ ቴክኖሎጂ ምፍራይ ጨርቃ ጨርቅን ቴክስታይልን ውዒሉ። ድሕሪ ቅሩብ እዋን ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታትን ግልጋሎት መጓዓዝያን ውዒሉ።

### 1.4 ኢንዱስትሪያል ወያነን ሳዕቤናቱን (ውፅኢቱን)

3 ሮበርት ፉልተን ዝተብሃለ ኣመሪካዊ ብ1807 ዓ.ም.ፈ. ብሓይሊ ሃፋ ሞተር ትንቀሳቐስ ጀልባ (Steam Boat) ሰሪሑ ኣብ ዓበይቲ ሩባታት፣ ገማግም ባሕርታት፣ ውቅያኖስን ከቋርፁ ዝገብር ምንቅስቓስ ገይሩ:: ስለዚ ብ1838 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ኣትላንቲክ ውቅያኖስ ን15 መዓልትታት ምንቅስቓስ ገይሩ::


4 ጆርጅ ስቴፈንሰን ዝተብሃለ እንግሊዛዊ ድማ ብ1814 ዓ.ም.ፈ. ብሓይሊ ሃፋ ሞተር ትንቀሳቐስ ባቡር ምድሪ (Steam Locomotive) ሰሪሑ:: ብ1830 ዓ.ም.ፈ እዛ ብሓይሊ ሃፋ ትሰርሕ ባቡር ምድሪ ብሰዓት 29 ማይል ትንቀሳቐስ ክኢላ::

5 ሄንሪይ በስሜር ዝተብሃለ እንግሊዛዊ'ውን ብ1856 ዓ.ም.ፈ. ንሓፂን መፂን ዘፃርይን ዘቕልጥን (ዘምክኽን) (Refining melting iron into steel) መሳርሒ ምሂዙ ናብ ስራሕ ኣውዒልዎ:: ዝተፃረየ ምህርቲ ሓፂን ምጥራይ ተኻኢሉ::

6 ሚካኤል ፋራዳይ ዝተብሃለ እንግሊዛዊ ብዘካየዶ ሳይንሳዊ መፅናዕትን ምርምርን ብ1831 ዓ.ም.ፈ. ብሓይሊ ኤሌክትሪክ ትሰርሕ ዲናሞ (Dynamo) ብምስራሕ መካኒካል ኢነርጂይ ናብ ኤሌክትሪሲቲይ ክልውጥ ክኢሉ'ዩ::

7 ዝተፈላለዩ ሰባት ብዙሓት ምህዞታት ናብ ቴክኖሎጂ ዓለም የምፅኡ ጀሚሮም። ንኣብነት ሳሙኤል ሞርስ ዝተብሃለ ኣመሪካዊ ብ1844 ዓ.ም.ፈ ቴሌግራፍ ሰሪሑ። ኣሌክሳንደር ግራሃም ቤል ዝተብሃለ ኣመሪካዊ ብ1876 ዓ.ም.ፈ ቴሌፎን ሰሪሑ። ቶማስ ኤዲሶን ዝተብሃለ ኣመሪካዊ ብ1879 ዓ.ም.ፈ. ኤሌክትሪክ ብርሃን ትህብ ኣምፑል ሰሪሑ:: ኤድዊን ድራክ ዝተብሃለ ኣመሪካው ብ1859 ዓ.ም.ፈ. ዘይቲ ንመለስለስን ብርሃን መፍጠርን ምስአውዓሎ ድሕሪ ቁሩብ እዋን ድማ ናብ ካልኦት ግልጋሎት ክውዕል ተገይሩ::

## ምህዞታት ኢንዱስትሪያል ወያነ




ስእሊ 1.27: ኣብ እዋን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝነበሩ ምህዞታት

8 **ጎትሊይብ ዳይመለር** ዝተብሃለ ጀርመናዊ ብ1880 ዓ.ም.ፈ. ብጋዝ ዘይቲ (ናፍጣ) ዝሰርሕ ሞተር (ኢንጂን) ሰሪሑ ብኣርባዕተ ጎማታ ንዝንቀሳቐሳ መካይን ከምዝውዕል ገይሩ:: ደሓር ሩዶልፍ ዲዜል ዝተብሃለ ጀርመናዊ ብ1892 ዓ.ም.ፈ. ብዝተመሓየሸ መንገዲ ብናፍጣ ዝሰርሕ ዲዚል ሞተር (Diesel Internal Combustion Engine) ሰሪሑ ንግልጋሎት ተሸከርከርቲ ከምዝውዕል ገይሩ::

9 **ዊልበርን ኦርቪሌ ራይት** ዝተብሃሉ ክልተ ኣሕዋት ብ1903 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ኣየር ንሓፂር እዋን ዝተንቀሳቐሰት ኣውሮፕላን ሰሪሖም

እሞ ተምሃሮ እዞም ዝተፈላለዩ ምህዞታትን ይህብዎ ዝነበሩ ግልጋሎታትን ክተመዛዝኑ ክኢልኩም ዶ? ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ብዙሓት ምህዞታት ስለዝነበሩ ነቲ ዝነበረ ኣግባብ ከይዲ ምፍራይን ምምራትን ብማሽናት ቴክኖሎጂን ዘመናዊ ጥበብን ስለተለወጠ'ዩ ዓለም ናብ ሓዱሽ ኢንዱስትሪያላዊ ምንቅስቓስ ዝኣተወት:: እምበኣርከስ ተምሃሮ ኣዎንታዊ ሳዕቤንን ፅልዋን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ብፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን መዳዩ ርሑቕ ዝኣመተ እዩ ነይሩ:: ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ብሓፈሽኡ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ሃገራት ዓለም ናብ ፍፁም ካፒታሊስታዊ ስርዓት ዘሰጋገረ ጅማሮ ዝተርኣየሉ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ ነይሩ:: ዓለም ናብ ሓዱሽ ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጂ ዝላ ገይራ:: ኣብዚ ሕዚ እዋን ዓለም በፂሓቶ ዘላ ብርኪ ዕብየትን ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጅን እንትንርእይ ውፅኢት'ዚ ወያነ'ዩ:: መሰረታዊ ለውጢ ምህዞታት ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጅን ኣግባብ ኣፈራርያን'ዩ::



### ዕዮ ጉጅለ 1.28

1 ኢንዱስትሪያል ወያነ ከመይ ትገልፅዎ? ኣብ እዋን ኢንዱስትሪያል ወያነ ዝነበሩ ፍሉጣት መሃዝቲ ቴክኖሎጂ ጥቐሱ:: ዘርዝርዎም:: ተመያየጡሎም::

2 ኣብ እዋን ኢንዱስትሪያል ወያነ ፈለምቲ ምህዞታት ቴክኖሎጂ ዝነበሩ ብዝርዝር ግለፁ:: እንታይ ረብሓ ከምዝነበሮም'ውን ኣረድኡ:: ተመያየጡሎም::

## 1.4.2 ውፅኢት (ሳዕቤን) ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ (ብሄረተኝነት፣ ባዕዳዊ መግዛእትን ምኽታምነትን)

### ሓፈሻዊ መግለፂ ውፅኢታት ኢንዱስትሪያል ወያነ

ተምሃሮ ኣዎንታዊ ሳዕቤንን ፅልዋን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ብፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን መዳዩ ርሑቕ ዝኣመተ እዩ ነይሩ:: ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ሰለስተ ብርኪ

ዕብየት ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ካብ መበል 1700 ክሳብ 1850ዓ.ም.ፈ ዝነበረ ሓደ ሚኢቲ ዓመት እንትኸውን ኣብዚ እዋን ፈለምቲ ምህዞታት ኢንዱስትሪ፣ ፋብሪካታት፣ ማእድናትን መጓዓዝያን ይርአየሉ ዝነበረ እዋን እዩ። እቲ ካልኣይ ብርኪ ካብ 1850 - 1950 ዓ.ም.ፈ ዝነበረ ሓደ ሚኢቲ ዓመት እንትኸውን ውፅኢት ምህዞታት ናብ ግብሪ ዝውዓሉሉን ምንቅስቓስ ኢንዱስትሪያል ቴክኖሎጂ ንኢኮኖሚያዊ ስርዓት ዓለም ናብ ዝለዓለ ብርኪ ካፒታሊዝም ዝተሰጋገረሉ ብርኪ'ዩ። እቲ ሳልሳይ ብርኪ ድማ ካብ 1950 ዓ.ም.ፈ ክሳብ ሎሚ ዘሎ እዋን ዝሸፍን ኾይኑ ዝተመሓየሸን ዝተሳለጠን ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ስርዓት ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ ይርአየሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

ስለዝኾነ ድማ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ብሓፈሽኡ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ሃገራት ዓለም ናብ ፍፁም ካፒታሊስታዊ ስርዓት ዘሰጋገረ ጅማሮ ዝተርኣየሉ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ ነይሩ። ዓለም ናብ ሓዱሽ ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጂ ዝላ ገይራ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ዓለም በፂሓቶ ዘላ ብርኪ ዕብየትን ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጅን እንትንርእይ ውፅኢት'ዚ ወያነ'ዩ። መሰረታዊ ለውጢ ምህዞታት ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጅን ኣግባብ ኣፈራርያን ማዕቢሉ። ብምኽንያት ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኢኮኖሚያዊ ስርዓት ዓለም ካብ ሕርሻ ናብ ኢንዱስትሪ፣ ቴክኖሎጂን ፋብሪካታትን ኣንፈት ተለዊጡ። ልምዓት ሕርሻ'ውን ንባዕሉ ኢንዱስትሪያላዊ ማቴርያላት ብምጥቃም ኣዝዩ ማዕቢሉ። ኽተማታት እናዓበያ፣ እናተጋፍሓ፣ እናተስፋሕፈሓን እናበዝሓን መፂአን። ብምድሪ፣ ብባሕርን ብኣየርን ዝንቀሳቐሱ ቅልጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት ዝህቡ ቴክኖሎጂ መጓዓዝያ ማዕቢሎም። ኣብ ኳዕቲ ማእድናት'ውን ካብ እዋን ናብ እዋን ምምሕያሻት ቴክኖሎጂን ምህዞታትን እናማዕበሉ መፂኦም። ፋብሪካታት ብበዝሒ እናተጣየሹ ብመሃያ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ድማ እናተቖፀሩ ብምምፅኦም ኣብ ከይዲ ስርዓት ኢንዳስትሪያል ካፒታሊዝም ማዕቢሉ። ብምኽንያት'ዚ ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ካፒታሊዝም ክልተ ብባህርይኦም ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ደርብታት ተፈጢሮም። ወነንቲ ኢንዱስትሪያል ትካላትን ፋብሪካታትን ዝኾኑ ደርብታትን (ቡርዥዋ) ከምኡ'ውን ብርሃዖም ሰሪሖም ዝሓድሩ ደርብታት (ሰራሕተኛታት) ዝበሃሉን ነይሮም።

ኢንዱስትሪያል ወያነ ኣዝዮም ዝድነቑ ብዙሓት ምህዞታትን ውፅኢት ስራሕ ዘሳልጡ ቴክኖሎጂታትን ዘምፀአ ብምኧኑ ዝነኣድ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ ዝበሃል እንተኾነ'ውን ብተፃራሪኡ ድማ ብዙሓት ፀገማት ዓስዒቡ'ዩ። ኣብ ፈላማይ ብርኪ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ሰራሕተኛ ደርቢ ኣብ ፋብሪካታት፣ ኳዕቲ ማእድናትን መጓዓዝያን ወዘተ ኣዝዩ መስካሕከሓይ ዝኾኑ ፀገማት ይበፅሖም ነይሩ። ስለዚ

- *ትሑት ክፍሊት ስራሕ፣*
- *ነዊሕ ሰዓት ስራሕ (ክሳብ 16 ሰዓት ክሰርሑ ይግደዱ ነይሮም)፣*
- *ልዑል ምዝበራ ጉልበት ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን፣*
- *መፀገማይ ኩነታት ስራሕ፣*
- *ስእነት ስራሕን*

ኣብ ስራሕ ንዝበፅሑ ሓደጋን ጉድኣትን ካሕሳ ዘይነበሮ ምንባሩን ወዘተ ዝጥቀሱ ነይሮም፡፡ ከምዚ ዓይነት ዝመረረ ናብራን ኩነታት ስራሕን ስለዝነበረ ሰራሕተኛታት ብማሕበር ተወዲቦም ነዚ ብምኽንያት ኢንዱስትሪያል ወያነ እናማዕበለ ዝመፀ ጨቋኒ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ስርዓት ቡርዥዋ ክቃለስዎ ጀሚሮም፡፡

## ሀ. ብሄረተኝነት፣

ብሄሬተኝነት ሃገራዊ ስምዒትን ፍቕርን'ዩ፡፡ ደቂ ሰባት ኣብዝነብሩሉ ሃገርን ምድርን ክህልወሎም ዝግብኡ ነገራት ከም ዕጥቂ ሰኒቖም ንሃገሮም ዝህልዎም ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላውን ማሕበራውን ኣተሓሳስባታት ኣሐዱሉ ዝግደሰሎምን ሓቦ ዝብለሎምን እንገልፀሉ ስምዒት'ዩ ብሄረተኝነት፡፡ ንሃገርና ንዓድና ንሩባና … ዝብል መንፈስን ስምዒትን ዝምልከት'ዩ፡፡ ዜጋታት ሃገር ሓደ ዓይነት ጋዜጣን መፅሄትን የንብቡን ብሬድዮን ብቴሌቪዥንን ሓደ ዓይነት ሃገራዊ ፕሮግራም የትሕዙን ዝብል መንፈስ ኣብ ብሄረተኝነት ጎሊሁ ዝርአ'ዩ፡፡ ንኣብነት ብጣዕሚ ዝተሳለጠን ዝተመሓየሸን ግልጋሎት መጓዓዝያ ምህላዉ ዜጋታት ብዝነኣሰ ወፃኢ ሃገሮም ክጉብንይዋን ፍቕሪ ከሕድሩን ኣብ ምግባር ሓጋዝነት ኣለዎ፡፡ ስለዚ ኢንዱስትሪያል ወያነ ኣብ ኣውሮፓ ብሄረተኝነት ስምዒት አዐርዩ ክዓብይ ሓጊዙ'ዩ፡፡ ብዙሓት ዜጋታት ንዓዶም ተገደስቲ ምኺኖምን ፍቕሪ ሃገር ኣሕዲሮም'ውን ንሓድነትን ሕብረትን ሃገራዊ ወነ ሰኒቖም፡፡

ንኣብነት ኣብ ካልኣይ ፍርቂ መበል 19 ክፍለ ዘበን ንምውህሃድ ጣልያንን ጀርመንን ዝተገብረ ብርቱዕ ምንቅስቓስ ውፅኢት ብሄረተኝነት ዝዓብለሎ ስምዒት'ዩ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ብሄረተኝነት ስምዒት ፅቡቕ ምኺኑ እንተተኣመነሉ'ውን ምስ ምዕባለ ኢኮኖሚያዊ ስርዓት ኢንዱስትርያል ቴክኖሎጂ ዝመፀ ኢምፔሪያሊዝም ግና "ንሕና ስልጡናትን ሃፋትምን ኢና" ዝብል ስምዒት ዝነበሮም ትዕቢታዊ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚያዊ ኣተሓሳስባ ንዕብየት ሕብረተሰብ ጎዳኢ ነይሩ፡፡ ኢንዱስትሪያል ወያነ ብዘምፀኦም ፀጋታት ምዕባለ ቴክኖሎጂ ፋብሪካታትን ኳዕቲ ማእድናትን ብዙሕ ሓይሊሰብ ምጥላቡ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዙሕ ሃፍቲ ተፈጥሮ'ውን ይሓትት ብምንባሩ ኣውሮፓውያን ድልየቶምን ጠለቦምን ብውነ ናብ ሃገራት ኣፍሪካን ካልኦትን ኮይኑ፡፡ እዚ ጠለብን ድልየትን መበገሲ ጉዕዞ ባዕዳዊ መግዛእትነት ክኸውን ክኢሉ፡፡

## ለ. ባዕዳዊ መግዛእቲ፣

ብምኽንያት ኢንዱስትሪያል ወያነ ምኽታምነት፣ ባዕዳዊ መግዛእትን ብሄረተኝነትን እናማዕበሉ ዝመፁ መግለፂ ባህርያት ካፒታሊዝም (ርእሰ ማልነት)ን ኢምፔሪያሊዝም (ሃፀያውነት)ን እዩ፡፡ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣብ ኣውሮፓ ዝለዓለ ሃፍትን ፖለቲካዊ ስልጣንን ክዓብይ ገይሩ'ዩ፡፡ ብምኺኑ'ውን ኣብ ፋብሪካታት ንዝፈርዩ ውፅኢታትን ምህርትን ዘድልዩ ተፈጥሯዊ ጥረኣቕሓ (ጥረሃፍቲ) ብብዙሕ መጠን ይደልዩ ነይሮም፡፡ ሃፍቲ ተፈጥሯዊ ጥረኣቕሓ ካብ ካሊእ ሃገራት ከምፅኡ ተገዲዶም፡፡ ብምኽንያት'ዚ ጠለብ

ኣውሮፓውያን ብኢንዱስትሪ ምስ ማዕበሉ ጥረኣቕሓ ንኸምፅኡ ካብ ሃገሮም ወጺኦም ናብ ካልኦት ሃገራት ክወፈሩን ክዘምቱን ማእኸል ዝገበረ ኣተሓሳስባ ኢምፔሪያሊዝምን ኰናት ባዕዳዊ መግዛእትን ይጠልቡ ጀሚሮም። ተምሃሮ ብዛዕባ ወፍሪ ምግፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ሃገራት ኣፍሪካን ካልኦትን ብዝምልከት እንታይ ትርድኡ? ኣብ ሞንጎኹም ተመያየጡ።

ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝጀመረን ደሓር ናብ ሃገራት ኣውሮፓ ዝተጋፍሐን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣብ ምትብባዕ፣ ምግፋሕን ምስፍሕፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ከም መንቀሊ ተገይሩ ዝውሰድ ዓብዪ ተራ ነይርዎ። ብፍላይ ኣውሮፓውያን ንፋብሪካታቶምን ኢንዱስትሪታቶምን ዘድልዩ ተፈጥሯዊ ጥረ ሃፍቲ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ጥራሕ ክንድዝደልይዎ ምሉእ ብምሉእ ክረኽቡ ብዘይምኽኣሎም ካብ ሃገሮም ወፃኢ ነዚ ዝድለይ ጥረሃፍቲ ክረኽቡ'ዮም ዝፅዕሩ። ንኣብነት ኢንዱስትሪያል ወያነ ፈለማ እንትጅምር ይጣየሹ ዝነበሩ ፋብሪካታት ብበዝሕን ብሃፋ ዝሰርሑ ሞተር ናብ ግብሪ እንትውዕል ኣቐዲሙ ምንቅስቓስ ዝጀመረ ኣብ ፋብሪካ ዓለባ (ቴክስታይልን ጨርቃ ጨርቅን) ነይሩ። ነዚ ፋብሪካ ብመሰረታዊ መልክዑ ዘድልይ ጥረ ሃፍቲ ድማ ጡጥ እዩ። ጡጥ ኣብ ኣውሮፓ ዝቦቅልን ዝርከብን ስለዘይነበረ ድማ እዘን ኣብ ፋብሪካ ዓለባ ይዋስኡ ዘለዉ ሃገራት ኣውሮፓ ጡጥ ናብዝረኽቡሉ ሃገራት ወፍሪ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምትላም ተቐዳሚ ስርሖም ነይሩ። ስለዚ ሓደ መንቀሊ ምኽንያት ምግፋሕን ምስፍሕፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ እንትንርእዩ ንፋብሪካታት ኣውሮፓውያን ዘድልዩ ጥረ ሃፍቲ ምእላሽ ዝጥቀስ እዩ (ኣለሻ ጥረ ሃፍቲ ፋብሪካታት)። ተምሃሮ ምስዚ ተኣሳሲሩ ንምግፋሕን ምስፍሕፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ መንቀሊ ምኽንያት ዝኾውን እንታይ ትሓስቡ?

ውፅኢት ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝኾና ዝተፈላለዩ ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪያላትን ኣብ ዝሓፀረ እዋን ብዙሕን ዝሐሸ ፅርየት ዘለወንን ምህርቲ የፍርያ ከምዝነበራ ሪእና ኢና። እዘን ኣብ ትካላት ኢንዱስትሪን ፋብሪካታትን ብበዝሒ የፍርይወን ዘለዉ ብዙሓት ፍርያትን ምህርትን ንምሻጥ ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራሕ ዕዳጋ ዝርከበሎም ኣይነበረን። ዝተመሓየሸን ብትሑት ዋጋ ውፅኢት ፍርያትን ምህርትን ፋብሪካ ኣውሮፓ ሃገራት ናብ ዕዳጋ ንምብፃሕ መማረፅታት ምእላሽ ግድን ነይሩ። ፍርያትን ምህርትን ሸቐጣት ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪን ንምሻጥ ዓብይ ዕዳጋ ምእላሽ ኣድላይ ነይሩ። ስለዚ ሃገራት ኣውሮፓ ዝተፈላለዩ ጥረ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ሕርሻን ማእድንን ከምኡ'ውን ገፊሕ ዕዳጋ ንምርካብ ንመላእ ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቶም ከእትውዋ ምውሳን ከም ዘይሕለፍ መማረፂ ገይሮም ወሲዶምዎ። ነዚ ዕላምኦምን ጠለቦምን ዘሳልጡሉ መንገዲ ብምእላሽ ከም ብሕታዊ መማረፂ ዝተወሰደ ካብ ወደባት ሃገሮም ናብ ማእኸል ሃገሮም ዝወስዱ መስመር ሃዲድ ባቡር ምህናፅ ነይሩ። መጓዓዝያ መንገዲ ባቡር ተሳሊጦም።

ስለዚ ሃገራት ኣውሮፓ ንሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቶም ንምእታውን ንምምቓልን ብጣዕሚ ምትያይ ነይሩ። ብመሰረት'ዚ ድማ ኣብ መወዳእታ መበል 19 ክፍለ ዘበን ኣብ ኣፍሪካ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝሓዙ ሃገራት ኣውሮፓ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣

ጀርመን፣ ፖርቱጋል፣ ስፓኝ፣ ጣልያንን ቤልጅየምን ነይሮም። ንኣብነት ሃገራት ኣፍሪካ ከም ግብጺ፣ ጋና፣ ናይጀሪያ፣ ኬንያ፣ ሱዳንን ወዘተ ዝመሳሰሉ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ወዲቖም። ሃገራት ኣልጀሪያ፣ ቱኒዝያ፣ ቻድ፣ ካሜሩን፣ ሴነጋል፣ ኮትዲቯር፣ ማዳጋስካርን ጂቡቲን ዝመሳሰሉ ድማ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ወዲቖም። ሃገራት ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲ፣ ናሚቢያ፣ ቶጎን ወዘተ ዝመሳሰሉ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጀርመን ወዲቖም። ኮንጎ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቤልጂየም ወዲቓ። እዘን ሃገራት ኣውሮፓ መቕረብቲ ጥረኣቑሑትን መራገፍቲ ሸቐጣት ኣውሮፓውያንን ክኾና ተገዲደን። ስለዚ ኢንዱስትሪያል ወያነ ኣብ ኣፍሪካን ካልኦት ሃገራትን ባዕዳዊ መግዛእቲ ንክነግስ በሪ ዝኸፈተ'ዩ። ባዕዳዊ መግዛእቲ ድማ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላውን ማሕበራውን ፀቕጥታት ዝነበርዎ'ዩ።

ተምሃሮ ካብቶም ብዙሓት ውፅኢታትን ሳዕቤናትን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝኾነ እቲ ሓደ ምጥያሽ ዘመናዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ከምዝኾነ ተረዲእኹም ዶ? ብምኽንያት ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝተረአየ ዕብየት ካፒታሊዝም (ርእሰማልነት) ንሃገራት ኣውሮፓ ኣብ ዓለም ዓብለልቲ፣ ወሰንትን መረሕትን ክኾኑ ኣኽኢልዎም'ዩ። እዚ ካብዝኾነሎም ምኽንያታት ውሽጢ እቲ ዋና ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለ ንሓይሊ መከላኸሊን (ውትህድርና) ዓቕሚ ፋይናንስን ምጥንኻር ዝለዓለ እጃም ነይርዎ። ብምኽንያት ኢንዱስትሪያል ወያነ ዝተርአየ ምዕባለ ኢኮኖሚያዊ ካፒታሊዝም ንኣውሮፓውያን ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራትን ደሴታትን ባዕዳዊ መግዛእቲ ከፃዓንወን ኣኽኢልዎም። ስለዚ ብ1914 ዓ.ም.ፈ ሸውዓተ ሃገራት ኣውሮፓ ን115 ሃገራትን ደሴታትን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቶም ኣእቲዮሞም። ጥምር ኣቢልና እንትንሪኦ ሃገራት ኣውሮፓ ንምግፋሕን ምስፍሕፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝደለይሉ ምኽንያት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

- *ፍልፍል ጥረ ኣቑሑት (ጥረ ሃፍቲ)*
- *ዕዳጋ ንዘፍረይዎን ንዘምረትዎን ኢንዱስትሪያላዊ ውፅኢታት*
- *ንኢንቨስትመንት (ኣብ መዳይ ሕርሻ፣ ማእደን ኣለሻ፣ ፋብሪካታት)*
- *ብተወሰነ መልክዑ ንዜጋታቶም ንስራሕን ኢንቨስትመንትን ከስፍርዎም ብምድላይ*

## ሐ. ምኽታምነት፤

ምኽታምነት ካሊእ ውፅኢት ኢንዱስትሪያል ወያነ'ዩ። ብምኽንያት ኢንዱስትሪያል ወያነ ብዙሓት ከተማታት ተጣይሸን'የን። ሓደሽቲ ከተማታት ተጣይሸን ጥራሕ ዘይኮነስ እተን ዝነበራ ከተማታት ድማ ኣዐርየን ተጋፊሐንን ማዕቢለንን። ኣብ ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪታትን ንኽቑፀሩ ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ክስደዱ ጀሚሮም። እዚኦም ድሕሪ ግዘ ድማ ነበርቲ ከተማ ኾይኖም። ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪታትን ይጣየሹ ኣብዝነበሩሉ እዋን እንተይተሓሰበ ከተማታት ብብዙሕ ነበርቲ ይምላኣ ነይረን። እዚ ድማ ሃንደበታዊ በዝሒ ነበርቲ ከተማ ብምኳኑ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ፀቕጥታት

ይፈጥሩ ነይሮም። ከተማታት ነቲ በዝሑ እናወሰኸ ዝኸደ ነባሪ ከተኣናግድ ዘኽእል ዓቕሚ፣ ናውቲ ግልጋሎትን መሰረተ ልምዓትን ኣይነበረንን። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ኣብ ላዕሊ ዝተሓበረ ፀገማት ስራሕን ኢኮኖሚያዊ መነባብሮን'ውን ጎሊሆም ዝርአዩ ነይሮም።

## መ. ምጅማር ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት፤

ውፅኢት ኢንዱስትሪያል ወያነ ተገይሩ ዝውሰድ ካሊእ መሰረታዊ ቁምነገር ምስ ምጅማር (ምጥጣፅ) ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ምትእስሳሩ'ዩ። ንኣብነት ሊበራሊዝም፣ ተኸኣኢልካ ብሓባር ምንባር፣ ዲሞክራሲ፣ ስርዓት ብዙሃን ፓርቲታት ወዘተ ዝመሳሰሉ ዝጥቀሱ'ዮም። ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘበን መወዳእታ ዲሞክራሲ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ሃገራት ኣውሮፓ ልሙድ ነይሩ። ዲሞክራሲ ዝብል ቃል ካብ ግሪክ ዝተወርሰ ውህብቶ እንትኸውን "ህዝባዊ ምምሕዳር" ዝብል ትርጉም ዝነበሮ'ዩ። ግሪካውያን ስርዓት ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ኣጣይሾም ነይሮም። ኣብ ኣቴንስ "ቀጥታዊ ስርዓት ዲሞክራሲ" እዩ ዝፍለጥ ነይሩ። ህዝቢ ኣቴንስ ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ተኣኪቡ ሕጊ የውፅእን ብሓባር ዝተረዳዱኡሎም ውሳነታት እውን የሕልፉን ኣፈፃፀመኦም ድማ ይከታተሉን ነይሮም። መንግስታዊ ስርዓት ካብ ህዝቢ፣ ንህዝቢ፣ ብህዝቢ ይምረፅ ዝብል መትከል ይኽተሉ ነይሮም። መንግስታዊ ስርዓት ፍትሓውን ብመረፃን ዝምስረት ነይሩ። ድሕሪ ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣብ ሃገራት ኣውሮፓ ብዛዕባ ዘመናዊ ውክልና ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ክምረፅ ዝብል ኣተሓሳስባ ዝነበረ እንትኸውን መሰል ክትምረፅን ክትመርፅን ዝብል ኣተሓሳስባ እናሓየለ መፂኡ።

ስለዚ ብፍላይ ድሕሪ 1850 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛታትን ቡርዥዋታትን ብተደጋጋሚ ይለዓል ዝነበረ ዘይምቅድዳው ኣስተምህሮ ካርል ማርክስ ብዛዕባ ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን መሰላት ሰራሕተኛታትን እናጉለሀ መፂኡ። ብዛዕባ ምዝመዛን ምዝበራን ዝነበረ ኣስተምህሮ ኣብ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ክምስረትን እዚ ድማ ብሕጊ ክግዛእ፣ ልዑልነት ሕጊ ክረጋገፅ፣ ነፃን ፍትሓዊ መረፃ፣ ዕድል ምምራፅ ንኩሉ ብማዕረ፣ ሰብኣውን ዲሞክራሲያዊ መሰላት ወዘተ ዝብሉ እናሓየሉ መፂኦም። ብምኽንያት'ዚ ኣተሓሳስባ እናሓየለ ምምፅኡ ድማ መሰል ምዝራብ፣ ምፅሓፍ፣ ምውቃስን ምህያስን፣ እምነትን ሃይማኖትን፣ ከምኡ'ውን ዜጋታት ንመንግስቲ ንኽቆፃፀርዎ ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ኣተሓሳስባታት እናሓየሉ መፂኦም። እዚኦም ኣተሓሳስባታት ሊበራሊዝም ዝበሃሉ እንትኾኑ ንቕድም ነዞም ኣተሓሳስባታት ዝገለፆም ጆን ስቱኣርት ሚል ዝበሃል ካብ 1806 - 1873 ዓ.ም.ፈ ዝነበረ'ዩ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ መበገሲ ተገይሩ'ዩ ደሓር ብዛዕባ ዲሞክራሲን ስርዓት ብዙሃን ፖለቲካ ውድባትን እናሓየለ መፂኡ።

ኣተሓሳስባ ሊበራሊዝም እናሓየለ ዝኸደሉ እዋን ድሕሪ ፍርቂ መበል 19 ክፍለ ዘመን እዩ ነይሩ። ምስዚኦም ኣተሓሳስባታት ተኣሳሲሩ ስርዓት ብዙሓን ፖለቲካዊ ውድባት

ምህላው (ፕሉራሊዝም) ዝብልʻውን መማረፂ ፖለቲካዊ ስርዓት ዝጠልብʻዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገር ዝርከቡ ማሕበረሰባት ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባታት ዘለዎም ውድባትን እምነታትን ክምኡʻውን ሃይማኖታት፣ ብሄር ብሄረሰባትን ዓሌታትን ኣብ መንግስታዊ ስርዓት ክሳተፉ ዝጠልብ ኣተሓሳስባ እዩ ነይሩ። እዚኦም ብምልኦም ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ድሕሪ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝማዕበሉ እዮም። ተምሃሮ ውፅኢትን ሳዕቤንን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ክሳብ ክንደየናይ ዓሙቕ ከምዝነበረ ተረዲኣኹም ዶ?



## ዕዮ ጉጅለ 1.29

1 ሓፈሻዊ ውፅኢታት ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ብዝርዝር ተመያየጡ።

2 ብዛዕባ ብሄረተኛነት፣ ባዕዳዊ መግዛእትን ምኽታምን ብዝምልከት ብዝርዝር ተመያየጡ። ግለፁ። ተንትኑ። ኣብርሁ።

3 ምጅማር ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት፣ ሊበራሊዝም፣ ተከኣኢልካ ብሓባር ምንባርን ዲሞክራሲን ውፅኢታት ምዕባለ ኢንዱስትሪያል ወያነ ምዃኖም ብዝርዝር ተመያየጡ። ኣረድኡ። ዘርዝሩ።

# 1.4.3 ቀዳማይን ካልኣይን ኲናት ዓለም

## ሀ. ቀዳማይ ኲናት ዓለም (1914 – 1918 ዓ.ም.ፈ.)


ተምሃሮ ብዛዕባ ቀዳማይ ኲናት ዓለም እንታይ ሰሚዕኹም ትፈልጡ? ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝበሃል ካብ 1914 - 1918 ዓ.ም.ፈ. ብዙሓት ሃገራት ኣውሮፓ፣ ሩስያን ኣመሪካን ዝተሳተፉሉʻዩ። እዚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ኣውሮፓ ጀሚሩ። ኲናት ዓለም ዝተብሃለሉ ምኽንያት ንሃገራት ኣውሮፓ፣ እስያ፣ ኣመሪካን ኣፍሪካን ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን ብመዳይ ኢኮኖሚ ዝሓሰየን ፖለቲካዊ ሳዕቤናትʻውን ስለዝነበሮʻዩ። ኣብዚ ኲናት ዓለም ዝተሳተፋ ሃገራት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት ተመቒሎምʻዮም ናብ ኲናት ኣትዮም። እዞም ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት ተሳተፍቲʻዚ ቀዳማይ ኲናት ዝነበሩ "ሓይልታት ማእኸል"ን "ሓይልታት ምሕዝነትን"ን ይበሃሉ ነይሮም።



## ንጥፈት 1.6

ተምሃሮ ንምኳኑ እዞም ሓይልታት ማእኸልን ሓይልታት ምሕዝነትን ዝበሃሉ እንመን እዮም? ኣብ ዝቕፅል ገፅ ዘሎ ካርታ መሰረት ብምግባር ሃገራት ኣውስትሪያ - ሃንጋሪ፣ ጀርመን፣ ሰርቢያ፣ ሞንቴኔግሮን ፈረንሳይን ኣበይ ከምዝርከቡ ፍለዩ።

እዚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝተብሃሉ ከምዚ ዓይነት ንምሉእ ዓለም ዘናወፀን ብዙሕ ሃገራት ዝተሳተፋሉን ካብዚ ሓሊፉ'ውን ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ቅልውላው ዘስዓበን ዓለምለኻዊ ኲናት እንትካየድ ፈለማይ ስለዝነበረ'ዩ። ኣዝዩ ዝለዓለ በዝሒ ዘለውዎ ምዉታትን ቁሱላትን (ጉዱኣት) ኣብ ልዕሊ ምንባሩ ኣብ ትካላትን ህዝብን'ውን ብምድርን ብኣየርን ብርቱዕ ደብዳብ ዝነበሮ'ዩ። ኣብቲ ኲናት ተሳተፍቲ ዘይነበራ ግና ኣብትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እተን ናብ ኲናት ዝኣተዋ ሃገራት ኣውሮፓ ዝነበራ'ውን እቲ ጉድኣት ለኪምወን እዩ።




ካርታ 1.17: ኣውሮፓ ቅድሚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም (1912 ዓ.ም.ፈ)

## መንቀሊ ምኽንያታት ቀዳማይ ኲናት ዓለም

ተምሃሮ ብዛዕባ መንቀሊ ምኽንያታት ቀዳማይ ኲናት ዓለም እንታይ ትፈልጡ? ትፈልጥዎም ዘሰማዕኹምዎን እንተሃልዩ ንመምህርኩም ግለፁሎም። እምበኣርከስ መንቀሊ ምኽንያታት ቀዳማይ ኲናት ዓለም ከምዝስዕብ ብዝርዝር ተገሊፁ'ሎ።

- ✶ ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ፤ ኣብ መወዳእታ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት መበል 19 ክፍለ ዘመንን ኣብ መጀመርታ መበል 20 ክፍለ ዘመንን ሃገራት ኣውሮፓ ንምስፍሕፋሕን ምግፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ዓብዪ ሃንቀውታ ስለዝነበሮም ምጉያይን ምቅርማትን ነይሩ እዩ። ብምኽንያት'ዚ ድማ ኣብ ከይዲ እዘን ሃገራት ኣውሮፓ ንሕድሕዳአን ዝተጓነፃሉ ብብዙሕ መልክዑ ይርአይ ነይሩ።

  - *ፈረንሳይን ጀርመንን ኣብ ጉዳይ ሞሮኮ ክልተ ግዘ (ብ1905ን 1911ን) ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ተጓኒያም።*

- ሩስያን ኣውስትሮ-ሃንጋሪን ኣብ ጉዳይ ሃገራት ባልካን ነንጥቕመን እንትብላ ኣብ ንሕንሕ ነይረን፡፡
- እንግሊዝን ጀርመንን ክልቲኣን ኣብ ኣውሮፓ ብኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለኣን ዝፍለጣ ሃገራት ኣብ ጉዳይ ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪካ፣ ማእከላይ ምብራቕን ዓለምለኻ ዕዳጋን ብዝምልከት ተነሓናሕቲ ነይሮም፡፡

ስለዚ እዘን ሓያላት ዝበሃላ ሃገራት ኣውሮፓ ጥቕመን ንምሕላውን ሃገራዊ ድልየተን ንምርዋይን ካብዝነበረን ፅላማ ተበጊሰን ብሓደ መልክዕ ባዕዳዊ ግዝኣት የስፋሕፍሓ ነይረን ብካሊእ መልክዑ ድማ ወተሃደራዊ ሓይለንን ዓቕመንን እናጎልበታን እናሐየላን መፂአን፡፡ ብመሰረት'ዚ ጀርመን ዝነበራ ሓይሊ ባሕሪ ክተጠናኽር ዓብዪ ፅማም ገይራ ሒዛቶ፡፡ እንግሊዝ ብሓይሊ ባሕሪ ዝሓየለት ሃገር ስለዝነበረት እዚ ምጥንኻር ሓይሊ ባሕሪ ጀርመን ብፅቡቕ ኣይረአየቶን፡፡ ዓብዪ ስግኣት ኣሕዲሩላ፡፡ ብተመሳሳሊ መንገዲ ድማ ሩሲያ ሓዱሽ ሰራዊት ብዘመናዊ መልክዑ ክተጠናኽር ጀሚራ፡፡ በዚ ስጉምቲ ሩስያ ድማ ጀርመን ሕጉስቲ ኣይነበረትን፡፡ ብምኽንያት ምሕያልን ምጥንኻርን ወተሃደራዊ ሓይልታት ባሕርን ምድርን ኣብ ሞንጎ እዘን ሓየልቲ ዝበሃላ ሃገራት ስኒት ኣይፈጠረን፡፡ ስለዚ ምጉልባትን ምሕያልን ወተሃደራዊ ሓይሊ ብሓደ መልክዑ ብካሊእ ወገን ድማ ምስፍሕፋሕን ምግፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ንምውላዕ ቀዳማይ ኩናት ዓለም መንቀሊ ምኽንያታት ነይሮም'ዮም፡፡

- ህንፀት ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪን ምስረታ ወተሃደራዊ ምሕዝነት፣ እዋን ዘመናዊ ስልጠና ወተሃደራት ምንዋሕ ዓብዪ ስራሕ ነይሩ፡፡ ወተሃደራት ብዘመናዊ ኣፅዋር ኩናት ምሉእ ብምሉእ ተዓጢቖም፡፡ ኩለን ሃገራት ኣውሮፓ ንወተሃደራዊ ልዕልና ይጓየዩ ነይሮም፡፡ ጀርመን ህንፀት ውትድርና ከም ባህሊ ገይሮም ወሲዶምዎ'ዮም፡፡ ስለዚ ጀርመን መፍረዪ ኣፅዋር ኩናት ዝኾነ ክሩፕ ኢንዳስትሪ ዝበሃል፣ ፈረንሳይ ድማ ሽነይደር ኢንዳስትሪ ዝበሃል ነይርዎም፡፡ ንምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ፣ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ንምሕላውን ወተሃደራዊ ዓቕሚ ንምጉልባትን ብዝብል ምስምስን መሰረታዊ ፅላማ ኣውሮፓውያን ይገብርዎ ብዝነበሩ ምጉያያት ንባዕሉ ኣብ ሞንጎኦም ዝፈጠርዎም ስግኣታትን ምጥርጣራትን ነዞም ሓይልታት ኣውሮፓ ኣብ ክልተ ዓበይትን ተፃበእትን ወተሃደራዊ ጉጅለታት ንኽጣየሹ ኣበጊስዎም። ብመሰረት'ዚ ታሪካዊ ፍፃመ ፈለማ ሰለስተ ሃገራት ማለት ኣውስትሮ - ሃንጋሪ፣ ጀርመንን ጣልያንን ኣብ እዋን ውግእ ንኽተሓጋገዛ ዘኽእለን "ስሉስ ኪዳን" ዝበሃል ጉጅለ ብ1882 ዓ.ም.ፈ. መስሪተን ውዕል ተፈራሪመን፡፡ ነዚ ውዕል "ስሉስ ኪዳን" (Triple Alliance) ብጥርጣረ ዝረአይኦ መንግስታት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይን ሩስያን ድማ "ስሉስ ምሕዝነት" (Triple Entente) ዝበሃል ሕብረት ወተሃደራዊ ጉጅለ ብ1907 ዓ.ም.ፈ. መስሪተን፡፡ እዚ ምስረታ ወተሃደራዊ ጉጅለታት ኣብ ሞንጎ ሃገራት ጀርመን ምስ ሩስያን ፈረንሳይን ከምኡ'ውን ጣልያን ምስ ፈረንሳይ ዝነበረ ውጥረት ብዝበለፀ ንኽተርርን ስግኣት ክነግስን ገይሮም፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.30

1 ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብከመይ ኣገባብን ኩነታትን ንቀዳማይ ኲናት ዓለም መንቀሊ ምኽንያት ክኸውን ከምዝኸኣለ ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡

2 ንምስፍሕፋሕን ምግፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ብዝነበሮም ዓብዪ ሃንቀውታን ባህግን ነንሕድሕዲኦም ዝተጓነፁ ሃገራት ኣውሮፓ ብዝርዝር ግለፁ፡፡

3 ሓያላት ዝበሃላ ሃገራት ኣውሮፓ ጥቕመን ንምሕላውን ሃገራዊ ድልየተን ንምርዋይን ካብዝነበረን ዕላማ ተበጊሰን ወተሃደራዊ ሓይለንን ዓቕመንን እናጎልበታን እናሐየላን መፂአን ንዝብል ኣገላልፃ ኣብርሁ፣ ኣረድኡ፡፡

4 ህንፀት ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪን ምስረታ ወተሃደራዊ ምሕዝነትን ብከመይ ኣገባብን ኩነታትን ንቀዳማይ ኲናት ዓለም መንቀሊ ምኽንያት ክኸውን ከምዝኸኣለ ብዝርዝር ተመያየጡ፣ ግለፁ፣ ተንትኑ፣ ኣብርሁ፣ ኣረድኡ፡፡

* **ምንቅስቓስ ሃገራውነት፤** ምንቅስቓስ ሃገራውነትን ብሄረተኝነትን እናሓየለ ዝኸደሉ እዋን ነይሩ፡፡ ዝተወሰና ሃገራት ኣውሮፓ ኣብ ትሕቲኦም ይገዝእዎምን የመሓድርዎምን ካብዝነበሩ ውሽጢ ኣውሮፓውያን ዝኾኑ ነይሮም'ዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣውስትሪያ - ሃንጋሪ ዝነበሩ ህዝብታት ዩጎዝላቭ፣ ስላቭ፣ ቼክ፣ ሩማንያ፣ ኢጣልያ፣ ፖላንዳውያን ወዘተ ካብ 1912 - 1913 ዓ.ም.ፈ ብዘካየድዎም ቓልስታት ስምዒት ሃገራውነቶምን ድልየት ነፃነቶምን ይገልፁ ነይሮም፡፡ ሰርቢያ ድማ ኣብ ትሕቲ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ግዝኣት ውሽጢ ብዩጎዝላቭ ተታሒዙ ዝነበረ ትደልይ ነይራ፡፡ ኣብ ሰርቢያን ኣውስትሮ-ሃንጋሪን ውሽጢ ዝርከቡ ሰርቢያውያን ኣብ ሓደ ብሄራዊ መንግስቲ ክጥመሩ ነዊሕ ግዘ ዝፀንሐ ምንቅስቓስ ይገብሩ ነይሮም፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ኦቶማን ቱርክ ዝነበሩ ህዝብታት ኣልባናውያን፣ ሩማናውያን፣ ግሪካውያን፣ ቡልጋራውያን፣ ግብፃውያን፣ ኣዕራብን ካልኦትን ነፃነቶም ይሓቱ ነይሮም። ፈረንሳይ'ውን ነተን ኣብ 1871 ዓ.ም.ፈ ብመንግስቲ ጀርመን ዝተወሰዳላ ክልተ ግዝኣታት (ኣልሳስን ሎረይንን ዝበሃላ ማለት'ዩ) ክምለሳላ ትደልይ ነይራ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ከም ሰርቢያን ሩስያን ብሓደ ወገን ከምኡ'ውን ጀርመንን ኣውስትሪያ-ሃንጋሪን ድማ ብኻሊእ ወገን ተጎጃጂሎም ነቶም ደለይቲ ነፃነቶም ዝነበሩ ህዝብታት ዝድግፉሉን ዝቃወሙሉን ኩነታት ፈጢሩ፡፡ ስለዚ እዚ ምስ ብሄረተኝነትን ሃገራውነትን ዝተኣሳሰረ ሕቶ ነፃነትን ሉዓላውነትን ምቕባልን ዘይምቕባልን ከምኡ'ውን ምድጋፍን ዘይምድጋፍን ተርእዮታት ንመንቀሊ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ኣስተዋፅኦ ገይሩ'ዩ፡፡

* **ኣውስትሮ - ሃንጋሪ ኣብ ልዕሊ ሰርቢያ ዝወለዐቶ ኹናት፤** ልኡል ፍራንሲስ ፈርዲናንድ ወራሲ ስልጣን ኣውስትሮ - ሃንጋሪ ዝነበረ መስፍን'ዩ፡፡ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ኣብ ትሕቲኣ ብዙሓት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ጠሚራ

እትገዝእ ሃገር'ያ ነይራ፡፡ ኣብ ትሕቲ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ዝነበሩ ሰርቢያውያን ምስ ሰርቢያ ብሓባር ኾይኖም ከም ሓደ ብሄር ንኽመሓደሩ ምንቅስቓስ ብሄረተኝነት የካይዱ ነይሮም፡፡ ካብዞም ስምዒት ሃገራውነትን ብሄረተኝነትን ዝነበሮም ሰርቢያውያን ውሽጢ ሓደ ብዝተኮሳ ጥይት ልኡል ኣውስትሮ - ሃንጋሪ ተቐቲሉ፡፡ ስለዚ ዕለት 28 ወርሒ ሰነ 1914 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሳራጀቮ ቅትለት ልኡል ፍራንሲስ ፈርዲናንድ ተፈፂሙ፡፡ እዚ ቅትለት ዝተፈፀመሉ ሳራጀቮ ዝበሃል ኣብ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ግዝኣት ሰርባውያን ብሄራትን ብሄረተኛታትን ብበዝሒ ኣብዝነብሩሉን ዝርከቡሉን ቦታ እዩ ተፈፂሙ፡፡ ሰበስልጣን ሰርቢያ'ውን ነዚ ቅትለት ይፈልጥዎ ነይሮም፡፡ እዙይ ዘኾረያ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ኣብ ልዕሊ ሰርቢያ ሰለስተ ትእዛዛት ኣውፂኣ፡፡ እዞም ንሰርቢያ ዝቐረቡ ትእዛዛት ዝስዕቡ እዮም፤

- *ፀረ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ዘካይድዎ ፕሮፖጋንዳ ፅልኣት ጠጠው ክብሉ*
- *ኣንፃር ኣውስትሮ-ሃንጋሪ መንግስቲ ዝንቀሳቐሱ ሰበስልጣናት ክባርሩ*
- *መንግስቲ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ንዝተኻየደ ቅትለት ልኡል ኣብ ሰርቢያ ኣትዩም ክምርምሩ ምፍቃድ*


ነዞም ዝቐረቡ መስገደዲ ትእዛዛዊ ሕቶታት ብወገን ሰርቢያ ተቐባልነት ብዘይምርካቡ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ ኣብ ልዕሊ ሰርቢያ ኩናት ኣዊጃ፡፡ ሩስያ ድማ ንሰርቢያ ክትሕግዝ ተለዓለት፡፡ ጀርመን ድማ ንኣውስትሮ-ሃንጋሪ ንምድጋፍ ወሰነት፡፡ ነዙይ ኩነታት ወተሃደራዊ ኣሰላልፋ ዝተዓዘባ መንግስታት ፈረንሳይን እንግሊዝን ምስ ሩስያ ተፀንቢረን፡፡ ጀርመን ኣብ ልዕሊ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይን ሩስያን ኩናት ኣዊጃ፡፡ እንግሊዝን ፈረንሳይን ኣብ ልዕሊ ጀርመን ዕላዊ ኩናት ኣዊጀን፡፡ ስለዚ ኣብ ክልቲኡ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ጉጅለ ተመዲበን ዝነበራ ሃገራት ብቀጥታ ናብ ኩናት ዝኣትዋሉ ኩነታት ተፈጢሩ፡፡ ኣብ ከይዲ'ዚ ኩናት ኣሰላልፋ ሓይልታት ለውጢ ነይርዎ፣ ተጠናኺሩ'ውን፡፡ ብ1914 ዓ.ም.ፈ ኦቶማን ቱርክ ምስ ሓይልታት ማእኸል እንትትፅምበር ጃፓን ድማ ምስ ሓይልታት ምሕዝነት ተፀምቢራ፡፡ ቡልጋሪያ ድማ ብ1915 ዓ.ም.ፈ ምስ ሓይልታት ማእኸል ወጊና ናብዚ ኩናት ብዕሊ ኣትያ፡፡ ጣልያን ምስ ሓይልታት ማእኸል ግንባር ፈጢራ ዝነበረት እንተኾነት'ውን እዚ ኩናት ተወሊዑ ምስተወዓዋየ ግና ኣብ ግንቦት 1915 ዓ.ም.ፈ ምስ ሓይልታት ምሕዝነት ተፀምቢራ፡፡

ቀዳማይ ኩናት ዓለም ብኸምዚ ዓይነት ኩነታት ኣብ ማእኸል ኣውሮፓ ሃገራት ተጀሚሩ፡፡ ሃገራት ቤልጂየም፣ ሰርቢያን ሞንቴኔግሮን ድማ ምስ ሓይልታት ምሕዝነት ወጊነን ናብዚ ኩናት ኣትየን እየን፡፡ ኣመሪካ ንልዕሊ ክልተ ዓመታትን መንፈቅን ገለልተኛ ኾይና ምስ ክልቲኦም ጉጅለታት ዘይወገነት እንተነበረት'ውን ደሓር ግና ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1917 ዓ.ም.ፈ ምስ 'ሓይልታት ምሕዝነት' ወጊና ናብዚ ኩናት ብዕሊ ተሓዊሳ፡፡



# ንጥፈት 1.7

ኣብ ሞንጎ ካርታ ሃገራት ኣውሮፓ ቅድሚ ቀዳማይ ኲናት ዓለምን ድሕሪኡን ዝነበሩ ኣፈላላይ ንክልቲኦም ካርታታት እናረኣይኩም ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡ ተኻትዑ፡፡




ካርታ 1.18: ኣውሮፓ ድሕሪ ቀዳማይ ኲናት ዓለም (1919 — 1939)

ኣብ ከይዲ ኲናት ቀዳማይ ዓለም ብሓፈሽኡ 32 ሃገራት ዝተሳተፋ እንትኸውን ካብዚኦም እቶም ኣርባዕተ ሃገራት ምስ ሓይልታት ማእኸል ዝወገኑ እቶም ዝተረፉ 28 ሃገራት ድማ ምስ ሓይልታት ምሕዝነት ዝወገኑ'ዮም ነይሮም፡፡ ምስ ጉጅለ "ሓይልታት ማእኸል" ኾይኖም ኣብዚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝተሓወሱ ሃገራት ጀርመን፣ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ፣ ኦቶማን ቱርክን ቡልጋርያን እዮም ነይሮም፡፡ ምስ ጉጅለ "ሓይልታት ምሕዝነትን" ኾይኖም ኣብዚ ኲናት ዝተሳተፉ ሃገራት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያ፣ ጃፓን፣ ቤልጅየም፣ ጣልያን፣ ሰርቢያ፣ ሞንቴኔግሮን ኣመሪካን ዝርከብዎም ነይሮም፡፡ ኣብ መወዳእታ'ዚ ኲናት 'ሓይልታት ማእኸል' ተሳዒሮም፡፡ በዚ ኲናት ልዕሊ ዓሰርተ ሚሊዮን ህዝቢ ሞይቶም፡፡ ልዕሊ 20 ሚሊዮን ድማ ቆሲሎም፡፡ ልዑል ብርሰት ነይሩ፡፡ ጀርመን ኩሎን ባዕዳዊ ግዝኣታ ስኢናን ንሓይልታት ምሕዝነት ካሕሳ ክትከፍልን ተወሲኑላ፡፡ ሊግ ሕብረት መንግስታት ዓለም ድማ ሰላምን ደሕንነትን ሃገራት ንክሕልውን ክረጋግፅን ብዕሊ ተጣይሹ፡፡ ውዕል ቨርሳይለስ ዝበሃል ብምፍርራም ጀርመንን ኣውስትርያ ሃንጋርን ብዙሕ ግዝኣት ስኢነን፡፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካርታ ብዝርዝር ምርኣይ ይከኣል፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.31

1 ምንቅስቓስ ሃገራውነት ብኸመይ ኣገባብን ኩነታትን ንቀዳማይ ኲናት ዓለም መንቀሊ ምኽንት ከምዝነበረ ብዝርዝር ተመያየጡ። ኣብነታት ጥቐሱ።

2 ኣብ ሳራጀቮ ዝተፈፀመ ቅትለት ልኡል ፍራንሲስ ፈርዲናንድ ብከመይ ኣገባብን ኩነታትን ንቀደማይ ኲናት ዓለም መንቀሊ ምኽንያት ከምዝነበረ ብዝርዝር ተመያየጡ። ኣብነታት እናጠቐስኩም ብዝርዝር ግለፁ። ኣረድኡ። ተንትኑ።

3 ስሉስ ኪዳንን ስሉስ ምሕዝነትን ዝበሃሉን ሓይልታት ማእኸልን ሓይልታት ምሕዝነትን ዝበሃሉን ብዝርዝር ኣረድኡ። ኣመሰራርታ'ዞም ጥምረታት'ውን ግለፁ፣ ኣረድኡ፣ ዘርዝሩ፣ ተንትኑ። ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ መልሲ ኣቕርቡ።

## ለ. ካልኣይ ኲናት ዓለም (1939 - 1945 ዓ.ም.ፈ)

ተምሃሮ ብዛዕባ ካልኣይ ኲናት ዓለም እንታይ ትፈልጡ? ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ተሳተፍቲ ዝነበራ ሃገራት እንመን ከምዝነበራ ትፈልጡ ዶ? እምበኣርከስ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ማእከላይን ምብራቕን ኣውሮፓን ርሑቕ ምብራቕ እስያን ካብ 1939 - 1945 ዓ.ም.ፈ ንሽዱሽተ ዓመታት ዝተኻየደ ነዊሕ፣ መሪርን መስካሕከሓይን ዓለምለኻዊ ትሕዝቶ ዝነበሮ'ዩ። ኣብዚ ካልኣይ ኲናት ዓለም ሃገራት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ሓይልታት ተወዲበን'የን ተሳተፍቲ ዝነበራ። እቲ ሓደ "ሓይልታት ኣክሲስ" ዝበሃል ብሃገራት ጀርመን፣ ጣልያንን ጃፓንን ይምራሕ ዝነበረ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ "ሓይልታት ምሕዝነት" ዝበሃል ብሃገራት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሶቭየት ሕብረትን ኣመሪካን ይምራሕ ዝነበረ እዩ። ጀመርትን ቀስቀስትን'ዚ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝነበራ ሃገራት ኣብ "ሓይልታት ኣክሲስ" ዝነበራ እየን። ብፍላይ ጀርመን ኣብ ኣውሮፓ ዝነበረት ቀስቃሲት ካልኣይ ኲናት ዓለም እያ። ተምሃሮ ሓይልታት ኣክሲስን ምሕዝነትን ዝበሃሉ ሃገራት ኣለልይወን።

- ሓይልታት ኣክሲስ፤ ጀርመን፣ ጣልያንን ጃፓንን ዝምራሕ
- ሓይልታት ምሕዝነት፣ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሶቭየት ሕብረትን ኣመሪካን ዝምራሕ

*እሞ ተምሃሮ ካልኣይ ኲናት ዓለም ንምንታይ ተጀሚሩ? መንቀሊ ምክንያታት እዚ ኲናት እንታይ ይመስለኩም?*

## መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም፤

መንቀሊ ምክንያታት ምጅማር ካልኣይ ኲናት ዓለም ጥምር ኣቢልና እንትንርእዩ ልዑል ድልየት ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእትን መሪሕ ሓያል ወተሃደራዊ ሓይሊ ዓለም ንምኳን ብውነ ዝተርኣየ ዓብዪ ንሕንሕ'ዩም ነይሮም። ድሕሪ ምዝዛም ቀዳማይ ኲናት

ዓለም ንሰላምን ርግዓትን ዝጠቕሙን ንኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ሃገራት ዝረብሑን ስለስተ ዓበይቲ ፍፃመታት ነይሮም። እዚኦም ንምጥቃስ ዝኣክል፤

- ውዕል ቨርሳይለስ ዝበሃል ኣብ 1919 ንሓዱሽ ካርታ ኣውሮፓ ምርድዳእ ዝተበፅሓሉ
- ምምስራት ሊግ ውድብ ሃገራት ዓለም (ኵናት፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራዊ ፀገማት ንምእላይ ወዘተ)
- ዓለምለኻዊ ውዕላት (ኣብ ዋሽንግተን ጉባኤ ዝተኣሰረ ውዕል ትሽዓተ ሓይልታት፣ ውዕል ሎካርኖ፣ ምርድዳእ ኬሎግ ብሪያንድ ዝመሳሰሉ

ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ መወዳእታ 1920ን ኣብ መጀመርታ 1930 ብደረጃ ዓለም ንብዙሓት ሃገራት ዘስካሕክሐ ዓለምለኻዊ ቅልውላው ኢኮኖሚ ብርኡይ ዝተርአየሉ እዋን ነይሩ። ጃፓን፣ ጀርመንን ጣልያንን ድማ ብዕሊ ዝተፈለጡ ፋሽስታውን ወተሃደራውን ስርዓት ይመርሑ ነይሮም።

- ኣብ ሃገረ ጣልያን ብቤኒቶ ሙሶሊኒ ዝምራሕ ፋሽስታዊ መንግስቲ ተመስሪቱ ስለዝነበረ ኣብ ኣውሮፓን ከም ኢትዮጵያ ኣብዝመሳሰላ ሃገራት ኣፍሪካ ወተሃደራዊ ወፍሪ ብምክያድ ነቲ ኣብ ሃገሩ ዝነበረ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ንምፍታሕ ወሲኑ፡፡



ስእሊ 1.28: ቤኒቶ ሙሶሊኒን ኣዶልፍ ሂትለርን (1937)

- ኣብ ሃገረ ጀርመን ድማ ብኣዶልፍ ሂትለር ዝምራሕ "ናዚ" ዝተብሃለ ፋሽስታዊ ስርዓት መንግስቲ ተመስሪቱ ስለዝነበረ ምሉእ ዓለም ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ብምእታው ነቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ንምፍታሕ ተሓንቀቐ፡፡ ኣዶልፍ ሂትለር ንሕና ጀርመናውያን ብጣዕሚ ፍሉያት፣ ሃፍ ታምን ዝበለፅና ኢና ዝብል ኣተሓሳስባ ናዚ ይመርሕ ነይሩ፡፡
- ጃፓን ብወገና ንኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለታታ ዝሕግዙ ጥረ ኣቕሓ (ጥረ ሃፍቲ) ንምቕራብ ዘኽእላ እኹል ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድናትን ስለዘይነበራ ንሃገራት ምብራቕ እስያ ብሕልፊ ድማ ንቻይና ብምውራር ፀገማታ ክትፈትሕ ወሲና።
- ኣብ ስፔይን (ስፓኝ) ብመንግስቲ ጀርመንን ጣልያንን ዝተሓገዘን ብጀነራል ፍራንሲስኮ ፍራንኮን ዝምራሕ ፋሽስታዊ መንግስቲ ነይሩ።

ቀንዲ መለለዪ እዞም ፋሽስታዊ መንግስታት እንትርአይ ፀረ-ዲሞክራሲ፣ ዓሌታውነት፣ ወራር፣ ባዕዳዊ መግዛእትን ኲናትን እዮም። ሰለስቲኦም ፋሽስታዊ መንግስታት ድሕሪ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ንዝነበሩ ውዕላት ዓለምለኸ ስምምዕነት ሰላም ተፃብዕቲ ኾይኖም። ካብ ኣባልነት ሊግ ሕብረት መንግስታት ዓለም ወፂኦም። ስሉስ ሕብረት ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሞንጎ ሮም - በርሊን - ቶክዮ መስሪቶም። እዚ ድማ ሓይልታት ኣክሲስ ክምስርቱ ኣኽኢልዎም። ስለዚ ጃፓን ኣብ ሰሜናዊ ቻይና ትርከብ ግዝኣት ማንቹሪያ ብ1931 ዓ.ም.ፈ ወሪራ። ጣልያን ብ1935 ዓ.ም.ፈ ንኢትዮጵያ ወሪራ። ሂትለር ጀርመን ኣብ ምዕራብ ጀርመን እትርከብ ራይንላድ ትበሃል ሃገር ወተሃደራት ኣስፈሩላ። ጃፓን ብ1937 ዓ.ም.ፈ ንቻይና ብዕሊ ወሪሮም። ቻይና'ውን ካብ እንግሊዝን ኣመሪካን ሓገዝ ረኺባ። ሂትለር ብ1938 ዓ.ም.ፈ ንኣውስትሪያ ወሪሩ። ድልየት ሂትለር ዝነበረ ጀርመንኛ ተዛረብቲ ዝኾኑ ኣውስትሪያን ምስ ጀርመን ንክሕወሱን ሓደ ንክኾኑን ነይሩ። ካብዚ ብተወሳኺ ሂትለር ኣብ ቼኮዝላቫኪያ እትርከብን ጀርመንኛ ቋንቋ ተዛረብቲ ዝነብሩላን 'ሱደተንላንድ' ንምሕዋስ ድልየት ኣርኢዩ። ብ1939 ዓ.ም.ፈ ጣልያን ንኣልባኒያ ወሪራ። ብ1939 ዓ.ም.ፈ ሂትለር ኣብ ሞንጎ ፖላንድን ጀርመንን ዝርከብ ብተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመንኛ ዝንበረሉም ከባብታት ፖሊሽ ኮሪደርን ዳንዚግን ዝበሃሉ ንጀርመን ክምዝግብሉ ሓቲቱ።

ብድሕሪ'ዚ ሂትለር ብቐሊሉ ድልየቱ ከምዘይዓግብን በዚ ጥራሕ'ውን ከምዘይምለስን ዝተረድኡ እንግሊዝን ፈረንሳይን ወተሃደራዊ ሕብረትን ምሕዝነት ሓይልን መስሪተን። ብመሰረት'ዚ ድማ ጀርመን ናብ ፖላንድ ወተሃደራዊ ወፍሪ እንተካይዳ ወረራ እንተፈፂማን ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ ከምዝገበረላ ተሰማሚዖም። ኣብ መወዳእታ ወተሃደራት ጀርመን ኣብ ልዕሊ ፖላንድ ብዕለት 1 መስከረም 1939 ዓ.ም.ፈ በርቃዊ መጥቃዕቲ ከፊቶም ሰፊሕ ወረራ ኣካይዶም። ድሕሪ ክልተ መዓልትታት ዕለት 3 መስከረም 1939 ዓ.ም.ፈ እንግሊዝን ፈረንሳይን ንፖላንድ ንምሕዋይ ኣብ ልዕሊ ጀርመን ኲናት ኣዊጀም። በዚ መልክዑ ካልኣይ ኲናት ዓለም ተጀሚሩ። ጀርመን ብኣየርን ብምድርን ፅዑቕ ደብዳብ ብምክያድ ንፖላንድ ኣብ 1939 ዓ.ም.ፈ ምስተቖፃፀረት ብምቕፃል ብ1940 ዓ.ም.ፈ ንቤልጂየም፣ ሆላንድ፣ ላክሰምበርግ፣ ፈረንሳይን ምሉእ ብምሉእ ብወረራ ተቖፃፀረት። ንእንግሊዝ'ውን ብነፈርቲ ሓያል ደብዳብ ኣካየደትላ። ስለዚ ኣብ 1941 ዓ.ም.ፈ ንግሪክ ምስተቖፃፀረት ብዘይካ እንግሊዝን ሶቭየት ሕብረትን ንምሉእ ኣውሮፓ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ምምሕዳራ ኣእተወቶም። ፋሽስታዊ ጃፓን'ውን ኣብ ርሑቕ ምብራቕ እስያ ብጣዕሚ ሰፊሕ ቦታታት እናተቖፃፀረት ከይዳ። ኣብ ርሑቕ ምብራቕ ሃገራት እስያ ብዙሕ ወተሃደራዊ ወራር ዘካየደት ጃፓን ኣብ 1941 ዓ.ም.ፈ ኣብ ውቅያኖስ ፓስፊክ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ነቑጣ ኣመሪካ ኣብዝነበረ "ፒልር ሃርቦር" ዝተብሃለ ወደብ መጥቃዕቲ ፈፂማ። ጃፓን ኣብዚ ወደብ ሓያል መጥቃዕትን ደብዳብን ብምፍፃማ ንኣመሪካ ናብዚ ኲናት ንምእታው ዘገድድ ኩነታት ተፈጢሩ። ስለዚ ኣመሪካ ንመጀመርታ ግዜ ምስ ሓይልታት ምሕዝነት ተሰሊፋ ኣንፃር ሓይልታት ኣክሲስ ናብ ኲናት ኣትያ ማለት'ዩ። ተምሃሮ "ደርሆስያ ፅሒራ ... ፅሒራ ... ኣውፅአት መሕረዲኣ ካራ" እንትብሃል ትፈልጡ ዶ? ተመያየጡሉ።

### 1.4 ኢንዱስትሪያል ወያነን ሳዕቤናቱን (ውፅኢቱን)

ካብ 1942 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ንደሓር ግና ኣንፈት ዓወታት ኲናት ካብ ሓይልታት ኣክሲስ ናብ ሓይልታት ምሕዝነት ዘይሩ። ኣመሪካ ናብዚ ኲናት ምእታዋ ነቲ ሚዛን ሓይሊ ኲናት ለዊጣቶ። ሶቭየት ሕብረት ኣብ ምብራቕ ኣውሮፓ ዝጀመረቶ ዳግመ መጥቃዕቲ'ውን ውፅኢታዊ ክኸውን ጀሚሩ። ኣመሪካ ነቲ ወተሃደራዊ በርቃዊ መጥቃዕቲ ካብ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ንእንግሊዝን ፈረንሳይን ብምሕጋዝ ሓዱሽ ሓይሊ ሚዛን ዘለዎ ዳግመ መጥቃዕቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል እንትትገብር ኣብ ርሑቕ ምብራቕ እስያ ድማ ምሉእ ብምሉእ መሪሓቶ። ጃፓን ወተሃደራዊ ሓይላ ተዳኺሙ እናሃለወ ካብ ኲናት ክትወፅእ ብዘይምፍቃዳ ብዕለት 6 ነሓሰ 1945 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሂሮሺማ ከምኡ'ውን ብዕለት 9 ነሓሰ 1945 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ናጋሳኪ ደብዳብ ኣቶሚክ ቦምብ ብኣመሪካ ተፈፂሙ። ኣብ መወዳእታ ሓይልታት ኣክሲስ ፍፁም ተሳዒሮም።

ስለዚ መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም እንትንርእይ ዝስዕቡ እዮም፤

- *ንዓለምለኸ ሰላምን ውሕስና ደሕንነት ዝተሓስበ ፃዕሪ ዕዉት ብዘይምኻኑ*
- *ፋሽስታዊ ስርዓት መንግስቲ ኣብ ጣልያን፣ ጀርመንን ጃፓንን ብምሕያሉ*
- *ሓይልታት ኣክሲስ ወተሃደራዊ ሕብረትን ሓድነትን ምምስራቶም*
- *ጀርመን ኣብ ምብራቕን ደቡብ ምብራቕን ሃገራት ኣውሮፓ ወራር ምክያዳ*
- *ጃፓን ኣብ ርሑቕ ምብራቕ እስያ ዓምደ ሰፊሕ ምስፍሕፋሕ ግዝኣት ምክያዳ*
- *ፍፁማዊ ሓይልታት ኣክሲስ ኣንፃር ዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ምስንምም*
- *ወተሃደራዊ ዓቕምን ሓይልን ሃገራት ኣክሲስ ብምሕያል ኅስንስ ኲናት ምክያድ*
- *ንሕና ዝበል ልዑል ትምክሕታዊ መንፈስ ዝዓበለሎ ብሄረተኝነት*
- *ሃገራት ኣብትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንምእታውን ወራርን ዝዓለመ ሃፀያውነት*
- *ትሑት እምነት ኣብ ጥሙር ሕብረት ሃገራት ኣውሮፓን ገለልተኝነት ኣመሪካን*

ስለዚ ሓይልታት ኣክሲስ ብዕሊ ተሳዒሮም። ካብ ሓይልታት ኣክሲስ ንቅድም ኣብ ኲናት ዝተሳዕረት ጣልያን እያ። ሰራዊት ኣመሪካን እንግሊዝን ናብ ሰሜን ኣፍሪካ ብዘካየድዎ ወፍሪ ኣብኡ ዝነበሩ ሰራዊት ጀርመንን ጣልያንን ተደምሲሶም። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ቀርኒ ኣፍሪካን ብፍላይ ድማ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ሰራዊት ጣልያን ብ1941 ዓ.ም.ፈ ብሕብረት ሓርበኛታት ውሽጢ ዓድን ሰራዊት እንግሊዝን ተዳዒኑ ካብ መሬት ኢትዮጵያ ብስዕረት ወፂኡ። ሰራዊት እንግሊዝን ኣመሪካን ካብ ሰሜን ኣመሪካ ናብ መሬት ጣልያን ሰጊሮም ብምእታው ብ1943 ዓ.ም.ፈ ጣልያን ብፍፁም ስዕረትን ውርደትን ካብ ፀወታ ኲናት ወፂኣ። ሰራዊት ጀርመን ድማ ብኣንፈት ምዕራብ ብሓይልታት ኣመሪካን እንግሊዝን ብኣንፈት ምብራቕ ድማ ብሰራዊት ሶቭየት ሕብረት ብኽልተ ወገን ከቢድ ኲናት ተኸፊቱሉ ስለዝነበረ ነዚ ከይዳ ኲናት ክፃወሮ ኣይከኣለን። ብወርሒ ሚያዝያ 1945 ዓ.ም.ፈ ሰራዊት ሶቭየት ሕብረት ንበርሊን ርእሰ ከተማ ጀርመን ተቖፃፂሮምዋ። ሂትለር ዓርሰ ቅትለት ፈፂሙ። ድሕሪ ቀሩብ መዓልትታት

ጀርመን ብስዕረትን ብድልየታን የሻል ኢላ ካብ ዓውዲ ኵናት ወፂኣ፡፡ ምሉእ ብምሉእ ተሳዒራ ኢድ ሂባ ማለት'ዩ፡፡

ስለዚ ጃፓን ድማ ድሕሪ ብኣቶሚክ ቦምብ ኣብ ክልተ ከተማታታ ዝበፅሐ ብርቱዕን መሰክሕን ደብዳብ ብዘይ ቅድመ ኲነት ብስዕረት የሻል ኢላ ካብ ዓውደ ኲናት ወፂኣ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ውፅኢት'ዚ ኲናት እንትርአይ ልዕሊ 22 ሚሊዮን ህዝቢ ብኲናት ሞይቶም፣ ልዕሊ 34 ሚሊዮን ድማ ቆሲሎም'ዮም፡፡ ድሕሪ'ዚ ኲናት ኣመሪካን ሶቭየት ሕብረትን ክልተ ዓበይቲ ሓያላን መንግስታት ዓለም ኾይነን ወፂአን፡፡ ዓለምለኸ ሰላምን ምርግጋእን ንክዓስል ድማ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብ1945 ዓ.ም.ፈ ተጣይሹ፡፡ ጀርመን ምብራቕን ምዕራብን ብዝብል ኣብ ክልተ ተመቒላ፡፡ ምብራቕ ጀርመን ብሶቭየት ሕብረት ምዕራብ ጀርመን ድማ ብኣመሪካ ክመሓደሩ ጀሚሮም፡፡ ጃፓን'ውን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ኣመሪካ ወዲቓ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.32

1 ሓይልታት ምሕዝነትን ሓይልታት ኣክሲስን ዝነበሮም ወተሃደራዊ ኣሰላልፋ ሃገራት ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡
2 ቀንዲ መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣረድኡ፡፡ ኣብ ዝርዝር መብርሂ'ውን ተመያየጡ፡፡ ብኣብነት እናደገፍኩም ግለፁ፡፡
3 ከይዲ ካልኣይ ኲናት ዓለምን ውፅኢቱን ብዝምልከት ተመያየጡ፡፡

## መልመዲ 1.6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ “ሓቂ” ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ “ሓሶት” እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡*

1 ኣብ ዓለም ንፈለማ እዋን ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝተስፋሕፈሐ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ኣብ መበል መፋርቕ 18 ክፍለዘመን ነይሩ፡፡
2 ቅድሚ 1750 ዓ.ም.ፈ ዝተፈላለዩ ናውቲ ንምፍራይ ብሓይሊ ኢድን ብኢድ ዝንቀሳቐሱን መሳርሕታት ምስ ጉልበት ስድራ እናተጠቐሙን ኣብ ቅፅረ ግቢ መንበሪኦም ኾይኖምን ምህርቲ የፍርዩ'ዮም ነይሮም፡፡
3 ቶማስ ኒውኮመን ዝተብሃለ እንግሊዛዊ ብ1705 ዓ.ም.ፈ ብሓይሊ ሃፋ ትሰርሕ ሞተር (Steam Engine) ንፈለማ ብምስርሑ ማይ ካብ ውሽጢ ኺዕቲ ማእድናት ናብ ደገ ንምውፃእ ውዒሉ፡፡
4 ጀምስ ዋት ዝተብሃለ ስኮትላንዳዊ ድማ ብቶማስ ኒውኮመን ተሰሪሑ ንዝነበረ ብሓይሊ ሃፋ ዝሰርሕ ሞተር ብዝበለፀ ዕባቸ፣ ዕርየትን ዓቕምን፣ ዝሓሸ ውፅኢታውን ስሉጥ ግልጋሎት ክህብ ዝኽእልን ኣመሓይሹ ብ1769 ዓ.ም.ፈ (Modern Steam Engine) ስለዝሰርሐ ኣብ ቴክኖሎጂ ምፍራይ ጨርቃ ጨርቅን ቴክስታይልን ውዒሉ፡፡

5 ጀምስ ዋት "ዝበለፀን ዝፀበቐን ምህዞ ውፅኢት ብዙሓት ሰባት'ዩ" ዝብል ኣተሓሳስባ ሓቂ ምዃኑ ኣመስኪሩ።

6 ጆርጅ ስቴፈንሰን ዝተብሃለ እንግሊዛዊ ድማ ብ1814 ዓ.ም.ፈ ብሓይሊ ሃፋ ሞተር ትንቀሳቐስ ባቡር ምድሪ (Steam Locomotive) ሰሪሑ።

7 ብሄሬተኘነት ሃገራዊ ስምዒትን ፍቕርን'ዩ።

8 ኣብ ካልኣይ ፍርቂ መበል 19 ክፍለ ዘበን ንምውህሃድ ጣልያንን ጀርመንን ዝተገብረ ብርቱዕ ምንቅስቓስ ውፅኢት ብሄረተኘነት ዝዓብለሎ ስምዒት'ዩ።

9 ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝበሃል ካብ 1914 - 1918 ዓ.ም.ፈ ንሃገራት ኣውሮፓ፣ ሩስያን ኣመሪካን ሓዊሱ ዓሰርተ ክልተ ሃገራት ጥራሕ ዝተሳተፉሉ'ዩ።

10 ፈረንሳይን እንግሊዝን ኣብ ጉዳይ ሞሮኮ ክልተ ግዜ (ብ1905ን 1911ን) ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ተጓኒያም።

11 ኣውስትሮ - ሃንጋሪ፣ ጀርመንን ጣልያንን ኣብ እዋን ውግእ ንኽተሓጋገዙ ዘኽእሎም "ሰለስ ኪዳን" ዝበሃል ጉጅለ ብ1882 ዓ.ም.ፈ መስሪቶም ውዕል'ውን ተፈራሪሞም።

12 እንግሊዝ፣ ፈረንሳይን ሩስያን ድማ "ሰለስ ምሕዝነት" (Triple Entente) ዝበሃል ሕብረት ወተሃደራዊ ጉጅለ ብ1907 ዓ.ም.ፈ መስሪተን።

13 ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣውስትሪያ - ሃንጋሪ ዝነበሩ ህዝብታት ዩጎዝላቭ፣ ስላቭ፣ ቼክ፣ ሩማንያ፣ ኢጣልያ፣ ፖላንዳውያን ወዘተ ካብ 1912 - 1913 ዓ.ም.ፈ ብዘካየድዎም ቓልስታት ስምዒት ሃገራውነቶምን ድልየት ነፃነቶምን ይገልፁ ነይሮም።

14 ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ኦቶማን ቱርክ ዝነበሩ ህዝብታት ኣልባናውያን፣ ሩማናውያን፣ ግሪካውያን፣ ቡልጋራውያን፣ ግብፃውያን፣ ኣዕራብን ካልኦትን ነፃነቶም ይሓቱ ነይሮም።

15 ዕለት 28 ወርሒ ሰነ 1914 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሳራጀቮ ቅትለት ልኡል ፍራንሲስ ፈርዲናንድ ተፈፂሙ።

16 ኣመሪካ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1914 ዓ.ም.ፈ ምስ 'ሓይልታት ምሕዝነት' ወጊና ናብ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ብዕሊ ተሓዊሳ።

17 ምስ ጉጅለ "ሓይልታት ምሕዝነት" ኾይኖም ኣብ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝተሓወሱ ሃገራት ጀርመን፣ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ፣ ኦቶማን ቱርክን ቡልጋርያን ነይሮም።

18 ምስ ጉጅለ "ሓይልታት ማእኸል" ኾይኖም ኣብዚ ኲናት ዝተሳተፉ ሃገራት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያ፣ ጃፓን፣ ቤልጅየም፣ ጣልያን፣ ሰርቢያ፣ ሞንቴኔግሮን ኣመሪካን ዝርከብዎም ነይሮም።


19 ብምኽንያት ቀዳማይ ኲናት ዓለም ልዕሊ ዓሰርተ ሚሊዮን ህዝቢ ሞይቶምን ልዕሊ 20 ሚሊዮን ድማ ቆሲሎምን እዮም።

20 ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ተሳተፍቲ ዝነበራ ሃገራት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ሓይልታት (ኣክሲስን ምሕዝነትን) ተወዲበን ነይረን።

21 “ሓይልታት ኣክሲስ” ብሃገራት ጀርመን፣ ጣልያንን ጃፓንን ይምራሕ ዝነበረ እዩ፡፡
22 “ሓይልታት ምሕዝነት” ብሃገራት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሶቭየት ሕብረትን ኣመሪካን ይምራሕ ዝነበረ እዩ፡፡
23 ኣብ ሃገረ ጣልያን ብቤኒቶ ሙሶሌኒ ዝምራሕ ፋሽስታዊ መንግስቲ ነይሩ፡፡
24 ኣብ ሃገረ ጀርመን ድማ ብኣዶልፍ ሂትለር ዝምራሕ “ናዚ” ዝተብሃለ ፋሽስታዊ ስርዓት መንግስቲ ነይሩ፡፡
25 ብስፔይን (ስፓኝ) ብመንግስቲ ጀርመንን ጣልያንን ዝተሓገዘን ብጀነራል ፍራንሲስኮ ፍራንኮን ዝምራሕ ፋሽስታዊ መንግስቲ ነይሩ፡፡
26 ጃፓን ኣብ ሰሜናዊ ቻይና ትርከብ ግዝኣት ማንቹሪያ ብ1931 ዓ.ም.ፈ ወሪራ፡፡
27 ጣልያን ብ1935 ዓ.ም.ፈ ንኢትዮጵያ ወሪራ፡፡
28 ሂትለር ጀርመን ኣብ ምዕራብ ጀርመን እትርከብ ራይንላድ ትበሃል ሃገር ወተሃደራት ኣስፊሩላ፡፡ ብ1938 ዓ.ም.ፈ ድማ ንኣውስትሪያ ወሪሩ፡፡
29 ጃፓን ብ1937 ዓ.ም.ፈ ንቻይና ብዕሊ ወሪሮም፡፡ ቻይና'ውን ካብ እንግሊዝን ኣመሪካን ሓገዝ ረኺባ፡፡
30 ወተሃደራት ሶቭየት ሕብረት ኣብ ልዕሊ ፖላንድ ብዕለት 1 መስከረም 1939 ዓ.ም.ፈ በርቃዊ መጥቃዕቲ ከፊቶም ሰፊሕ ወረራ ኣካይዶም፡፡
31 ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ጀርመን ምብራቕን ምዕራብን ብዝብል ኣብ ክልተ እንትትምቀል ምብራቕ ጀርመን ብኣመሪካ ምዕራብ ጀርመን ድማ ብሶቭየት ሕብረት ክመሓደሩ ተገይሩ፡፡
32 ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ጃፓን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ኣመሪካ ወዲቓ፡፡
33 ብምኽንያት ካልኣይ ኲናት ዓለም ልዕሊ 22 ሚሊዮን ህዝቢ ሞይቶምን ልዕሊ 34 ሚሊዮን ድማ ቆሲሎምን'ዮም፡፡
34 ክልቲኦም ኲናታት ዓለም ብምኽንያት ጀርመን ዝተቐስቐሱን ዝተጎሃሃሩን እዮም፡፡
35 ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ዘይወደቓ ክልተ ሃገራት ኣፍሪካ ኢትዮጵያን ሊብያን ነይረን፡፡

## 1.4.4 ኣፍሪካውያን ኣንፃር ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛዕቲ ዘካየድዎ ተጋድሎ

ኣብ መብዛሕትኡ ክፋል ኣፍሪካ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንትስፋሕፋሕ ሓያል ተቓውሞ የጋጥም ነይሩ፡፡ ንነፃነቱ ዘይተቓለሰን ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኣሜን ኢሉ ዝተቐበለን ህዝቢ ኣፍሪካ ኣይነበረን፡፡ ኮይኑ ግና መብዛሕትኦም ቓልስታት ኣፍሪካውያን ጥንኩር ውዳበን ዘመናዊ ኣፅዋርን ዘነበሮም ኣይኮኑን፡፡ ብምኽንያት'ዚ ድማ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተገበሩ ቓልስታት መብዛሕትኦም ዕዉታት ኣይነበሩን፡፡ ኣብ ኣፍሪካ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንምክልኻል ካብ ዝተገብሩ ዕዉታትን ዘይዕዉታትን ቓልስታት ይርከቡዎም፡፡




ካርታ 1.19: **ኣፍሪካ ብ1914 ዓ.ም.ፈ.**



## ንጥፈት 1.8

**ተምሃሮ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካርታ ብመሰረት ሕዚ ዘሎ ካርታ ኣፍሪካ እናነፃፀርኩም ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ፣ እንግሊዝ፣ ጣልያን፣ ጀርመንን ፖርቱጋልን ዝነበራ ሃገራት ኣነፅሩ:: መልስኹም ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ::**

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ብህዝብታት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን እቲ ዘለዓለ ኣድናቖትን ዓወትን ዝረኸበ እዩ ነይሩ:: ኢትዮጵያውያን ብ1896 ዓ.ም.ፈ ኣብ ኲናት ዓድዋ ብዝረኸብዎ ዓወት ንሰራዊት ጣልያን ብምድምሳስ ኢትዮጵያ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነፃ ኾይና ክትነብር ኣኽኢልዋ:: ፈተነ ወተሃደራዊ ወራር ሰራዊት ጣልያን ኣብ ኲናት ዓድዋ ፈሺሉ:: ኢትዮጵያውያን ኮሪኦምን ተሓቢኖምን ጣልያናውያን ድማ ሓፊሮም:: ኣብ ኬንያ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዛውያን ብህዝቢ ኪኪዩ ተወሊዑ ብዝተጠናኸረ መልክዑ ተኻይዱ ነይሩ:: ኪኪዩ እቶም ኣብ ኬንያ ዓብለልቲ ዓሌትን ኣብ ሕርሻ መነባብረኦም ዝተመስረተን ተዛረብቲ ቋንቋ ባንቱ ዝኾኑ ህዝቢ እዮም:: ኪኪዩ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ብምቅዋም ዘካየድዎ ውዕወዕ ምንቅስቓስ ህዝቢ "ማው ማዎ" ዝበሃል እንትኸውን ነዚ ምንቅስቓስ ዝመርሑ ድማ ጆሞ ኬንያታ ይበሃሉ::

ኣብ ታንጋኒካ (ታንዛንያ) ድማ ማጂ - ማጂ ዝበሃል ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ጀርመናውያን ዝዓለመ ውዳብ ቃልሲ ንሰለስተ ዓመታት ተኻይዱ፡፡ ታንጋኒካውያን ብዘካየድዎ ቃልሲ ማጂ - ማጂ ንጀርመናውያን መኪቶም ክሳብ ምብራር በፂሖም ነይሮም፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ነቲ ቃልሲ ታነጋኒካውያን ሓያል ምኧኑ ዝተዓዘበ መንግስቲ ጀርመን ተወሳኺ ሰራዊትን ኣፅዋርን ብምልኣኹ ነቲ ተዋዓዊዑ ዝነበረ ጥንኩር ቓልሲ ማጂ - ማጂ ታንጋኒካውያን ኣፍሺልዎ፡፡ ኣብ ሱዳን'ውን ማህዲዝም እናተብሃለ ዝፍለጥ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣንግሎ ግብፃውያን ብርቱዕ ቃልሲ የካይድ ዝነበረ ውድብ ንነዊሕ ዓመታት ፀኒሑ'ዩ፡፡ እዚ ንብዙሕ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ሱዳን ዝፀንሐ ምንቅስቓስ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዕዉት ኣይኮነን፡፡ ስለዝኾነ'ውን ሱዳን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ክትፀንሕ ክኢላ፡፡

ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዝነበሩ ዙሉ ዝተብሃሉ ህዝብታት መሬቶም ካብ ኣውሮፓ ሃገረ ሆላንድ ተሰዲዶም ብዝመፁ "ቦኣርስ" ዝበሃሉ ብምትሓዙ ክጥቀሙሉ ብዘይምኽኣሎም በዚ ዝተማረሩ ደቂ ዓዲ ኣንፃር እዞም ቦኣርስ ዝተብሃለ ቃልሲ ጀሚሮም፡፡ ብህዝቢ ዙሉ ኣንፃር ቦኣርስ ዝተጀመረ ቃልሲ ተጠናኺሩ ኣይቀፀለን፡፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዝነበሩ እንግሊዛውያን'ውን ንባዕልም መግዛእቶም የስፋሕፍሑን ትሕዝቶ ባዕዳዊ መግዛእቲ የጎልብቱን ስለዝነበሩ ንቦኣርስ ዝተብሃሉ ደቂ ሆላንድ ብምሕጋዞም ቃልሲ ህዝቢ ዙሉ ክዕወት ኣይከኣለን፡፡ ስለዚ ብ1879 ዓ.ም.ፈ ምሉእ ብምሉእ ተሳዒሩ፡፡ ካብ 1899 - 1902 ድማ ኣብ ሞንጎ ቦኣርስን እንግሊዛውያንን ኲናት ተኻይዱ፡፡ እንግሊዛውያን ንደቡብ ኣፍሪካ ምሉእ ብምሉእ ተቖፃፂሮም ብድሕሪኡ ስርዓት ኣፓርታይድ እናሓየለ ተኣታትዩ፡፡

እዚ ምንቅስቓስ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ'ውን ነይሩ'ዩ፡፡ ኣብዚ ብዙሓት ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ማእኸል ዝገበሩ ምንቅስቓሳት ነይሮም፡፡ ብሕልፊ ሳሞሬ ቱሬ (1830 - 1900) ዝተብሃለ ወዲ ጊኒ ይመርሖ ዝነበረ ቓልሲ ካብ 1876 ጀሚሩ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ዝገበሮ ቓልሲ ዝጥቀስ እዩ፡፡ ሳሞሬ ቱሬ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ነፃ ዝኾነት ኣፍሪካዊት ኢምፓየር ንምምስራት ዓብዩ ዕላማ ነይርዎ፡፡ ሳሞሬ ቱሬ ዝነበሮ ኣግባብ ቃልሲ ንቕድም ብዲፕሎማሲን ብልዝብ ምዝርራብን ምርድዳእን ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ንምውጋድ ሓሲቡ እንተነበረ'ውን እዚ ክኸውን ብዘይምኽኣሉ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ዝሰገረን ሰራዊቱ ሑዙ ኣብ ጊኒ፣ ጋና፣ ኮትዲቯር፣ ጋቦን፣ ማሊ፣ ሴኔጋልን ኒጀርን ይንቀሳቐስ ዝነበረ'ዩ፡፡ ሳሞሬ ቱሬ ብዝገበሮ ቃልሲ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ብዙሕ ኣይተዓወተን፡፡ ስለዚ ሳሞሬ ቱሬ ብ1898 ዓ.ም.ፈ ብፈረንሳይ ተታሒዙ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እናሃለወ ድሕሪ ክልተ ዓመት ሞይቱ፡፡ ፕሬዚደንት ጊኒ ዝነበረ ሴኩ ቱሬ ሳልሳይ ወለዶ ወዲ ሳሞሬ ቱሬ እዩ፡፡

ስለዚ ተምሃሮ ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን መወዳእታ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ቃልሲ ይገብሩ ከምዝነበሩ ተረዲእኹም ዶ? ይኹን ደኣ'ምበር

ብዘይካ ኣንፃር ወተሃደራዊ ወረራ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ዝተኻየደ ጥንኩርን ህዝባዊ መሰረት ዝነበሮን ተጋድሎ ህዝብታት ኢትዮጵያ እቶም መብዛሕትኦም ቃልስታት ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ዕዉታት ኣይነበሩን፡፡ ነዚ ከም ቀንዲ ምኽንያታት ተገይሮም ዝውሰዱ ኣፍሪካውያን ባዕሎም ሕድሕዲኦም ብዓሌትን ሃይማኖትን ዝተኸፋፈሉን ኣዐርዮም ይገራጨዉ ብምንባሮም ጥንኩር ሕብረት ኣይነበሮምን፡፡ ትርጉም ሕብረትን ሓድነትን ንዓወት ቃልሲ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ዝነበሮ ዓብዪ ረብሓ ካብ ዝተሓፍሰ ዓወት ኲናት ዓድዋ ምርዳእ ይከኣል'ዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ'ውን ኣውሮፓውያን ብሕልፊ ኣብ 1880 - 1900 ይዋግኡሎም ዝነበሩ ኣፅዋራት ኲናት ከም መዳፍዕን ካልኦት ዘመናዊ ኣፅዋራት ዝመሳሰሉ ብምልኦም እቶም ኣፍሪካውያን ስለዘይተዓጠቕዎም ክምክትዎም ኣይከኣሉን፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.33

1 ካርታ ኣፍሪካ ኣብ 1914 ዓ.ም.ፈ መሰረት ብምግባር ኣውሮፓውያን ንኣፍሪካ ብከመይ ኩነታትን ኣገባብን ከምተመቓቐልዋ ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡ ግለፁ፡፡

2 ኣብ ኣፍሪካ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንምክልኻል ካብዝተገብሩ ዕዉታትን ዘይዕዉታትን ቓልስታት እናፈለኹም ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

3 ኲናት ዓድዋ፣ ምንቅስቓ ማው ማው፣ ማጂ ማጂ ኣብነት ገይኩም ተመያየጡ፡፡

4 ሳሞሬ ቱሬ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘካየዶ መሪር ቃልሲ ብዝርዝር ኣብርሁ፡፡

5 ብዘይካ ኣንፃር ወተሃደራዊ ወረራ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ዝተኻየደ ጥንኩርን ህዝባዊ መሰረት ዝነበሮን ተጋድሎ ህዝብታት ኢትዮጵያ እቶም መብዛሕትኦም ቃልስታት ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ዕዉታት ኣይነበሩን ንዝብል ኣበሃህላ ተመያየጡሉ፡፡ ተኻትዑሉ፡፡ መልሲ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

## 1.4.5 ተጋድሎ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ሕግታት ባዕዳዊ መግዛእቲ

ዝተፈላለዩ ባዕዳዊ ገዛእቲ ኣውሮፓውያን ኣብ ኣፍሪካ ዝተፈላለየ መልክዕን ትሕዝቶን ዘለዎ ስርዓት ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ ተጠቒሞምዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ምስ ርክብ ንግዲ ዝነበሮም ምትእስሳር ክቕዕል ብምግባር ካብ ቀረፅን ግብርን ኣዝዩ ልዑል ሃፍቲ የተኣኻኽቡ ነይሮም፡፡ ኣብ ምብራቕን ማእኸላይ ምብራቕን ድማ ነቶም ኣውሮፓውያን ፀዓዱ ሰፈርቲ ኣብ ልሙዕ መሬት ክሰፍሩ ምግባርን ምውናን መሬትን ዝተመስረተ'ዩ ነይሩ፡፡ ብመሰረት'ዚ ፖሊሲታት ባዕዳዊ ምምሕዳር ነቶም ኣብቲ ንጥዕና ዝሰማማዕን ልሙዕን መሬት ዝነበሩ ኣፍሪካውያን ክባረሩ ብምግባር ኣብ ክንድኦም ፀዓዱ ኣውሮፓውያን ሰፊሮም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ'ውን እቶም ካብ መሬቶም ዝተፈናቐሉ ኣፍሪካውያን ብነፃ ወይድማ ብትሑት ዋጋ ነቶም ኣውሮፓውያን ከገልግሉን ጉልበቶም ክፍስሱን ይገብሩ ነይሮም፡፡ ካሊእ ኣብ ባህርያት ምምሕዳር ባዕዳዊ መግዛእቲ ይርአይ

ዝነበረ ኣፈላላይ ብሕልፊ ኣብ ፖሊሲታት ምምሕዳር ፈረንሳይን እንግሊዝን ይርአይ ዝነበረ'ዩ።

**ፖሊሲ ባዕዳዊ ምምሕዳር ፈረንሳይ፤** ፈረንሳይ ኣብ ባዕዳዊ ግዝኣታታ ትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ባዕዳዊ ምምሕዳር "**ቐጥታዊ ምምሕዳር**" ተባሂሉ ዝፍለጥ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኩሎም ሕግታትን ደንብታትን ሃገር ፈረንሳይ ተደንጊጎም ምስወፁ ብቐጥታ ኣብተን ባዕዳዊ ግዝኣታታ ይትግበሩ። ብተወሳኺ ኣመሓደርቲ እዘን ግዝኣታት ካብ ፈረንሳይ'ዮም ዝለኣኹ ነይሮም። እዚ ኣገባብ ምምሕዳር ባዕዳዊ ገዛእቲ ንኣፍሪካውያን ኣብቲ ምምሕዳር ክሳተፉ ኣይፈቅድን ነይሩ። ፖሊሲ ቐጥታዊ ምምሕዳር ኩሎም ህዝብታት ኣፍሪካ ቀስ ብቐስ ፈረንሳውያን ክኾኑ ንምግባር ዝዓለመ'ውን እዩ ነይሩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኣፍሪካውያን ቋንቋን ባህልን ፈረንሳውያን ተማሂሮም ምስ ወረስዎ ዜግነት ፈረንሳይ ክረኽቡ ይግበር ነይሩ። ብዜግነቶም ፈረንሳውያን ምስኮኑ ድማ ቋንቋኦምን ባህሎምን ረሲዖም ንነፃነቶም ኣይቃለሱን ዝብል ግምት ዝነበሮ ፖሊሲ እዩ። እዚ ዓይነት ባህርይ ምምሕዳር ባዕዳዊ መግዛእቲ መንግስታት ቤልጅየም፣ ፖርቹጋልን ጀርመን'ውን ይኽተልዎ ዝነበረ'ዩ። ተምሃሮ መንግስቲ እንግሊዝ "ዘይቀጥታዊ ምምሕዳር" ዝመረፀሉ ምኽንያታት እንታይ ይመስለኩም?

**ፖሊሲ ባዕዳዊ ምምሕዳር እንግሊዝ፤** እንግሊዝ ኣብ ባዕዳዊ ግዝኣታታ ትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ምምሕዳር "**ዘይቐጥታዊ ምምሕዳር**" ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ። ነዚ ፖሊሲ ኣርክቴክት ኾይኑ ዝቐረፀ እንግሊዛዊ ሎርድ ፍረደሪክ ሉጋርድ ዝበሃል ኣብ ናይጀርያን ኡጋንዳን ኣመሓደሪ ዝነበረ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኣፍሪካውያን ብናይባዕልቶም ኣመሓደርቲ ይመሓዳደሩ ነይሮም ግና ዝመሓዳደሩሉ ሕግን ደንብን ወፂኡ ዝወሃቦም ካብቲ ላዕለዋይ ኣመሓዳደሪ ዝኾነ እንግሊዛዊ እዩ ነይሩ። መንግስቲ እንግሊዝ ነዚ ፖሊሲ ምምሕዳር ኣፍሪካውያን ብኣፍሪካውያን እቲ "መቓቐልካ ግዛእ" ዝብል ዓብዩ ፖሊሲ ንምትግባር ይጥቀመሉ ነይሩ። ንኣፍሪካውያን ብቋንቋ፣ ብባህሊ፣ ብዘርኢ፣ ብብሄር ብሄረሰብ፣ ብሃይማኖት ወዘተ ክመቓቐሉ ብምግባር ንሕድሕዶም ከይሳነዩን ከይሓብሩን ብምኽንያት ድማ ንነፃነቶም ሓቢሮም ተዋዲዶም ከይቃለሱን ዝግበር ፖሊሲ እዩ ነይሩ። እሞ ተምሃሮ መንግስቲ እንግሊዝ "ዘይቀጥታዊ ምምሕዳር" ዝመረፀሉ ምኽንያታት እንታይ ይመስለኩም? መንግስቲ እንግሊዝ ብኸምዚ ኣገባብ ንኽመሓደር ካብ ዝመረፀሉ ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ ክልተ ኣገደስቲ ምጥቃስ ይከኣል'ዩ፤

- *ኣፍሪካውያን ብናይባዕሎም ሰባት ይመሓደሩ ከምዘለዉ ንኽስመዖምን ኣብ ልዕሊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝነበሮም ፅልኣት ንኽቕንሱን ተቓውሞ ንኸየልዕሉን ስለዝገብር፣*
- *እንግሊዝ ኣብ ዓለም ኣዝዩ ሰፊሕን ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ዝኾነን ግዝኣት ስለዝነበራ ንኹሉ ግዝኣታታ ከመሓድሩን ክቆፃፀሩን ዝኽእሉ እንግሊዛውያን ክትምድብ ስለዘፀገመላን እዩ።*

እሞ ተምሃሮ ኣፍሪካውያን ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታት ምምሕዳር ባዕዳዊ መግዛእቲ ብኸመይ ኣገባብ ተቐቢሎሞም? ኣፍሪካ ካብ 1880ታት ክሳብ

1960ታት ንስማንያ ዓመታት ዝኣክል ኣብትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ወዲቓ ከምፀንሐት ተረዲእኹም ዶ? ርግፅ'ዩ ኣፍሪካ ንስማንያ ዓመታት ዝኣክል ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፀኒሓ'ያ፡፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣውሮፓውያን ኣብ ልዕሊ ኣፍሪካውያን ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ምዝመዛን ፀቕጥታትን ኣብፂሖም'ዮም፡፡ ኣፍሪካውያን ነዚ ስቓይ ዝመልኦ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣሜን ኢሎም ዝተቐበሉ ህዝብታት ኣይነበሩን፡፡ ይንኣስ ይዕበይ ክንድዝከኣሎም ተቓሊሶም እዮም፡፡ ካብ 1920ታት ጀሚሩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ተቓውሞታት ኣፍሪካውያን ሓይሉ ይገጥሞም ነይሩ፡፡ መጀመሪያ ፓን-ኣፍሪካኒዝም (ኣፍሪካውነት) ዝተባህለ ምንቅስቓስ ነፃነት ህዝብታት ኣፍሪካ እናሓየለ ተራእዩ፡፡ ኣብ ጉባኤታት ፓን ኣፍሪካኒዝም ብምስታፍ ንነፃነት ኣፍሪካ ይቃለሱ ካብዝነበሩ መራሕቲ ኣፍሪካውያን ውሽጢ ኵዋሜ ኒክሩማህ ዝተባህለ መራሒ ጋና፣ ጆሞ ኬንያታ ዝተብሃለ ወዲ ኬንያ (መራሒ ምንቅስቓስ ማው ማው)፣ ፒተር ኣብርሃም ዝተብሃለ ካብ ደቡብ ኣፍሪካ ይርከብዎም፡፡ ፓን ኣፍሪካኒዝም ንመጀመርታ ግዘ ሕቶ ነፃነት ኣፍሪካ ኣልዒሉ ጉባኤ ዘካየደ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝርከብ ማንቸስተር ዝተብሃለ ከተማ እዩ፡፡ ብድሕሪ'ዚ ኣብ ካልኦት ሃገራት ጉባኤታት ብምክያድ ሰፊሕ ምንቅስቓስ ነፃነት ኣፍሪካ ኣካይዱ'ዩ፡፡

ይኹን ደኣ'ምበር ኣፍሪካውያን ይገብርዎ ዝነበሩ ምንቅስቓስ ብሄራዊ (ሃገራዊ) መልክዕ ዝሓዘን በብሃገሩ ተወዲቡ ክካየድ ዝጀመረን ድሕሪ ካልኣይ ኵናት ዓለም እዩ፡፡ ኣብ ምንቅስቓስ ነፃነት ኣፍሪካ ምዝዛም ካልኣይ ኵናት ዓለም ዓብዩ እጃም ነይርዎ፡፡ ምኽንያቱም ከም እንግሊዝን ፈረንሳይን ዝመሳሰላ ባዕዳዊ ገዛእቲ ብኹሉ መዳያት እናተዳኸማ ስለዝኸዳን ብኣንፃሩ ድማ ሩስያን ኣመሪካን ሓያላት ሃገራት ዓለም ኮይነን ንሓርነትን ነፃነትን ኣፍሪካ ይድግፋ ስለዝነበራን እዩ፡፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኣፍሪካ ክልተ መልክዕ ነይርዎ፡፡ ገለገሊኡ ምንቅስቓሳት ደም ብዘፋሰሰ ዕጥቃዊ ቃልሲ እንተካይዱ እቶም ካልኦት ድማ ብሰላማዊ መንገዲ ዝተኻየዱ'ዮም፡፡ ብሓፈሻ ምንቅስቓሳት ነፃነት ኣፍሪካ እንታይ መልክዕ ከምዝነበሮምን ብኸመይ መንገዲ ይካየዱ ከምዝነበሩን ንምርኣይ ኣብ ልዕሊ ነፍስወከፍ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ኣውሮፓ ዝነበሩ ቃልስታት አሕፅር ኣቢልና ንርአይ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.34


1 ብዛዕባ ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ፖሊሲ ምምሕዳር ባዕዳዊ ገዛእቲ ኣብ ኣፍሪካ ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡ እንታይ ማለት ከምዝነበረ'ውን ግለፁ፡፡

2 ፖሊሲ ባዕዳዊ ምምሕዳር ፈረንሳይ ኣብ ኣፍሪካ እንታይ ዓይነት ነይሩ? ንምንታይ?

3 ፖሊሲ ባዕዳዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ኣፍሪካ እንታይ ዓይነት ነይሩ? ንምንታይ?

4 ብዛዕባ ፓን ኣፍሪካኒዝም ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡ መልሲ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

## ሀ. ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ፤



ስእሊ 1.29: ሴኮ ቱሬ (ጊኒ)

ፈረንሳይ ኣብ ኣፍሪካ ዝነበራ ባዕዳዊ መግዛእቲ ለቒቓ ክትወፅእ ድልየት ስለዘይነበራ ይለዓሉ ንዝነበሩ ቃልስታት ነፃነት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክትዳኽሞ ትፍትን ነይራ። መጀመሪያ ኣብ ሞሮኮ ብ1950 ዓ.ም.ፈ ተጀሚሩ ይባራዕ ዝነበረ ምንቅስቓስ ነፃነት ኣብ ትሕቲ ውድብ ግንባር ሓርነት ሞሮኮ ኾይኑ ብዘካየዶ መጠነ ሰፊሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ 1956 ዓ.ም.ፈ ሞሮኮ ነፃነታ ክትረክብ ክኢላ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ቱኒዝያ ኣብ 1952 ዓ.ም.ፈ ዝጀመረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብ1956 ዓ.ም.ፈ ቱኒዝያ ነፃነታ ክትጎናፀፍ ገይርዋ እዩ። ኣብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ዝለዓለ ደም ዘፋሰሰ ቃልሲ ዝተኻየደ ኣብ ኣልጀሪያ እዩ። ኣልጀሪያውያን ኣብ ትሕቲ "ብሄራዊ ግንባር ነፃነት" ዝበሃል ውድቦም ተወዲቦም ብዘካየድዎ ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ 1954 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ክሳብ 1958 ዓ.ም.ፈ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ፈረንሳይ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ብምፍናው ዓበይቲ ዓወታት ዓቲሩ እዩ። መንግስቲ ፈረንሳይ ወተሃደራዊ ዕጥቁ ኣጠናኺሩ እንተተቀሳቐሰ'ኳ ንቃልሲ ኣልጀርያውያን ክንበርክኾ ኣይከኣሉን። ኣብ መወዳእታ ድማ ብ1962 ዓ.ም.ፈ ኣልጀሪያ ምሉእ ብምሉእ ነፃነታ ክትረክብ ክኢላ።



ስእሊ 1.30: ዶ/ር ኩዋሚ ንክሩማህ

ፈረንሳይ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ንዝነበረ ምንቅስቓስ ነፃነት ንምድፋን እትኽተሎ ዝነበረት ሜላ ፍልይ ዝበለ እዩ ነይሩ። ብመሰረት'ዚ ኣብ 1958 ዓ.ም.ፈ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ዝነበራ ኩለን ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ ነፃ ክወፃ ወይድማ ኣብ ትሕቲ ፈረንሳይ ንክፀንሓ ምርጫ ተዋሂቡወን ሪፈረንደም (ህዝበ ውሳነ) ንኸካይዳ ተገይሩ። ምስዙይ ሪፈረንደም ኣተሓሒዙ መንግስቲ ፈረንሳይ ብመሰረት ዘውፀኦ መምርሒ "ነፃነት" ዝመርፃ ሃገራት ካብ መንግስቲ ፈረንሳይ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ከምዘይረኽባ እተን ምስ ፈረንሳይ ንኽፀንሓ ዘድምፃ ግና ኣብ ከይዲ ነፃነት ከምዝወሃበንን ምሉእ ቑጠባዊ ሓገዝ ከምዝግበረለንን ተገሊፁ። ብዝተገብረ ሪፈረንደም (ህዝበ ውሳነ) ብዘይካ ጊኒ ኩለን ሃገራት ኣብ ትሕቲ ፈረንሳይ ክፀንሓ መሪፀን። ኣብ ጊኒ ግና ምንቅስቓስ ነፃነት ተጀሚሩ። ነዚ ዘጠናኽር ድማ ኣብ 1958 ዓ.ም.ፈ ዴሞክራሲያዊ ፓርቲ ጊኒ ዝተብሃለ ውድብ'ውን ተመስሪቱ። ነዚ ውድብ ዝመርሕ ሴኮ ቱሬ ዝተባህለ ተቓላሳይ ነፃነት እዩ ነይሩ። ሴኩ ቱሬን ውድቡን ብዘካይድዎ ቃልሲ ህዝቢ ጊኒ ነፃነቱ ተጎናፂፉ። ጊኒ ድሕሪ ነፃነት ብዘርእየቶ ምዕባለ ካልኦት ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ ነፃነተን ክጎናፀፋ ክኢለን'የን። ብኽምዚ መንገዲ ከም በዓል ማውሪታንያ፣ ኣይቮሪኮስት፣ ቶጎ፣ ቤኒን፣ ኒጀር፣ ቡርኪ

ናፋሶ፣ ማሊ፣ ቻድ ወዘተ ነፃነተን ተጎናፂፈን። ኣብ ኣፍሪካ መወዳእታ ነፃነታ ዝተጎናፀፈት ባዕዳዊ ግዝኣት ፈረንሳይ ዝነበረት ጂቡቲ እያ። እዚኣ ፈረንሳዊት ሶማሊያ ተባሂላ ትፅዋዕ ዝነበረት ኣብ 1977 ዓ.ም.ፈ ጂቡቲ ተባሂላ ነፃ ሃገር ኮይና።

## ለ. ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ፤

ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ነፃነት ኣፍሪካ ዘይተርፍ ምዃኑ ኣቐዲማ ዝተረድአት እንግሊዝ እያ ነይራ። ስለዚ ድሕሪ ነፃነት ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ጥቕምን ረብሓን እንግሊዝ ዘይትንከፍ ኩነታት ንኽፍጠር ድልየት ነይሩዋ። ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብ ኣፍሪካ ክልተ ምምሕዳራዊ መልክዕ ስለዝነበሮ እቲ ምንቅስቓስ ነፃነት'ውን ክልተ መልክዕ ነይርዎ። እቲ ቀዳማይ ዓይነት ምምሕዳር ብሕልፊ ኣብ ከባብታት ምብራቕ ደቡብን ኣፍሪካ ይርኣይ ዝነበረ ፀዓዱ ኣብ ሰፋሕቲ ቦታታት ሰፊሮም ባዕላቶም'ውን ኣመሓደርቲ ዝኾኑሉ ኩነታት'ዩ ነይሩ። ብምኽንያት'ዚ እቶም ፀዓዱ ሃገራት ኣፍሪካ ነፃነተን ከጎናፅፋ ድልየትን ፍቓደኛነትን ኣይነበሮምን። ስለዚ ኣብዘን ሃገራት ይካየድ ዝነበረ ምንቅስቓስ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ መብዛሕትኡ ኣብ ብረታዊ ዕጥቅን ደም ምፍሳስን ዝተደረኸ እዩ ነይሩ።


ስእሊ 1.31: ጁሊየስ ኒሬሬ

እቲ ካልኣይ ዓይነት ባዕዳዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ዝነበረ ኾይኑ ፀዓዱ ሰፈርቲ ዘይነበሩሉን ኣፍሪካውያን ባዕልቶም ንባዕልቶም ኣብ ምምሕዳር ብተወሰነ ደረጃ ዝሳተፉሉን ዝመሓዳደሩሉን ኩነታት እዩ ነይሩ። ስለዚ ኣብዞም ሃገራት ይካየድ ዝነበረ ምንቅስቓስ ነፃነት ሰላማውን ብቐሊሉን ዝተፈፀመን እዩ ነይሩ። ብከምዚ ዓይነት ሰላማዊ መንገዲ ነፃነት ዝረኸበት ፈላሚት ሃገር ጋና እያ። ጋና ኣብ 1957 ዓ.ም.ፈ ብሰላማዊ ቃልሲ ነፃነት ክትረክብ ዘብቅዓ ዶክተር ኩዋሜ ንክሩማህ ዝተብሃለ መራሒ እዩ። ነፃነት ጋና ብቐሊሉ ዝተረኸበ ዘይኮነስ ብዙሕ ዓመታት ዝወሰደን ሕልኽላኻት ዝበዝሖን ቃልሲ እዩ ነይሩ። ቀፂለን ኣብ 1960 ዓ.ም.ፈ ነፃነተን ዝተጎናፀፋ ከም በዓል ናይጀሪያ፣ ሴራሊዮን፣ ጋምቢያ ወዘተ እየን። ኣብ ናይጀሪያ ብ1944 ዓ.ም.ፈ ዝተመስረተን ብሄራዊ ቤት ምኽሪ ናይጀሪያ ዝተብሃለን ውድብ'ዩ ምንቅስቓስ ነፃነት ናይጀሪያ ይመርሖ ዝነበረ። እዚ ውድብ ምስ መንግስቲ እንግሊዝ የካየዶ ብዝነበረ ስምምዕነትን ምይይጥን'ዩ ነፃነት ናይጀሪያ ብሰላማዊ መንገዲ ክረጋገፅ ዝበቕዐ።


ስእሊ 3.1: ጆሞ ኬንያታ

ኣብ ምብራቓውን ማእኸላይን ኣፍሪካ ብሕልፊ ኣብ ኬንያ፣ ታንጋኒካን ሮደሽያን ዝተኻየዱ ምንቅስቓሳት ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ዝተደረኹ'ዮም ነይሮም። ኣብዞም ግዝኣታት እቶም ቀንዲ ፀዓዱ ዝሰፈሩሎም ሰፋሕቲ ቦታታት ስለዝነበሩን እቶም ኣመሓደርቲ ባዕልቶም እቶም ሰፈርቲ ስለዝነበሩን ንነፃነት ኣፍሪካውያን ኣትሪሮም ይቃወሙ ነይሮም። ኣብ ኬንያ ብ1952 ዓ.ም.ፈ በቶም ኪኪዩ ዝተብሃሉ ህዝቢ ይካየድ ዝነበረ ቃልሲ ነፃነት ብዙሕ ህይወት

ዝጠፍኦ'ዩ ነይሩ፡፡ ምንቅስቓስ ነፃነት ህዝብታት ኬንያ ኣብ ልዕሊ ፀዓዱ ሰፈርቲ ዘካየዶ ቃልሲ ካብ መንግስቲ እንግሊዝ መጠነ ሰፊሕ ደብዳብ ኣውሮፕላን ስለዝበፅሖ ብዙሓት ከተማታትን ገጠራትን ዓንየን እየን፡፡ ኣዝዮም ብዙሓት ደቂ ኪኪዩ'ውን ሞይቶም እዮም፡፡ ኮይኑ ግና እቲ ቃልሲ ኣይዓነወን፡፡ ኣይተንፀፀን፡፡ እቲ ቃልሲ ኣብ 1960 ዓ.ም.ፈ ዝተመስረተ ኸይኑ "ካኑ" ብዝተብሃለ ፓርቲ (ውድብ) እናተመርሐ ቐፂሉ ብ1963 ዓ.ም.ፈ ኬንያ ምሉእ ነፃነታ ክትጎናፀፍ ገይሩ'ዩ፡፡ መራሒ ካኑ ፓርቲ (ውድብ) ዝነበረ ድማ ጆሞ ኬንያታ እንትኸውን ድሕሪ ነፃነት ፈላማይ ፕሬዚደንት'ዩ ነይሩ፡፡

ታንጋኒካ መጀመርታ ኣብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጀርመን እያ ነይራ፡፡ ጀርመን ኣብ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ምስተሰዓረት ታንጋኒካ ብእንግሊዝ ክትመሓደር ጀሚራ፡፡ ታንጋኒካውያን ንነፃነቶም ምቅላስ ምስ ጀመሩ ብ1954 ዓ.ም.ፈ ነቲ ቃልሲ ኣተሓባቢሩ ዝመርሕ "ታኑ" ዝተብሃለ ውድብ ተተኺሉ፡፡ ናይዚ ፖለቲካዊ ውድብ መራሒ ጁሊየስ ኒሬሬ ዝበሃል'ዩ፡፡ ቃልሲ ነፃነት ሽትኡ ወቂዑ ብ1961 ዓ.ም.ፈ ታንጋኒካ ነፃነት ረኺባ፡፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ውቅያኖስ ህንዲ ትርከብ ደሴት ዛንዚባር ናይ ዓርሳ መንግስቲ ኣጣይሻ ነይራ፡፡ ብ1964 ዓ.ም ብዝተገብረ ስምምዕነት መሰረት 'ታንጋኒካ'ን 'ዛንዚባር'ን ሓቢረን ካብ ክልቲኦን ሃገራት ናይ መጀመርታ ክልተ ፊደላት ተወሲደን ብሓባር 'ታንዛንያ' ተባሂለን መንግስቲ መስሪተን፡፡

ኣብ ደቡባውን ማእከላይ ኣፍሪካ ሮደሽያን ኒያሳላንድን ዝተብሃላ ክልቲኦን ባዕዳዊ ግዝኣታት እንግሊዝ ነይረን፡፡ ኣብ ክልቲኦን ግዝኣታት ፀዓዱ ሰፈርቲ ይነብሩለን ስለዝነበሩ እዞም ሰፈርቲ ብመንግስቲ እንግሊዝ እናተሓገዙ ስልጣን ክጭብጡ ክኢሎም፡፡ እዚ ኩነታት ድማ ምንቅስቓስ ነፃነት ኣፍሪካውያን ሕልኽልኻት ክበዝሕዎ ገይሩ፡፡ መንግስቲ እንግሊዝ ነዚኦን ክልተ ግዝኣታት ተቖፃፂሩ ንምግዛእ ኽጥዕሞ ኢሉ ፌደረሽን ሮዴሽያን ኒያሳላንድን ኢሉ ኣብ ሓደ ጠርኒፉወን፡፡ ኮይኑ ግና ምንቅስቓስ ነፃነት ኣፍሪካውያን እናተጠናኸረ ምስከደ እቲ ብ1953 ዓ.ም.ፈ ዝተመስረተ ፌደረሽን ብ1963 ዓ.ም.ፈ ፈሪሱ፡፡

ብድሕሪ'ዚ ሮደሽያ ትበሃል ዝነበረት ሃገር ሰሜን ሮደሽያን ደቡብ ሮደሽያን ብዝብል ስያመ ኣብ ክልተ ሃገራት ተመቒላ፡፡ ደቡብ ሮደሽያ እቶም ልዑል በዝሒ ዝነበሮም ፀዓዱ ሰፈርቲ ብዝመስረትዎ መንግስቲ ክትመሓዳደር ጀሚራ፡፡ እዚ መንግስቲ ፀዓዱ ካብ መንግስቲ እንግሊዝ ነፃ ዝኾነ፣ ዓሌታዊ ስርዓት ዝኽተልን 'ኢያን ስሚዝ' ብዝተብሃለ ዝምራሕን መንግስቲ ፀዓዱ እዩ ነይሩ፡፡ እዚ ፖለቲካዊ ኩነታት ንምንቅስቓስ ነፃነት ፀለምቲ ሮደሽያውያን ብመጠኑ ስለዘዳኸሞ ኣብ ሓፂር እዋን ነፃነት ክርከብ ኣይተኻኣለን፡፡ ብምኽንያት'ዚ ድማ 'ዛኑ' ዝተብሃለ ፓርቲ ብመሪሕነት 'ሮበርት ሙጋቤ' ተመስሪቱ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብምጥንኻር ሮደሽያ ዝነበረት ሃገር ዚምባብዌ ተባሂላ ነፃነታ ተዓዊታ፡፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ብ1912 ዓ.ም.ፈ ዝተመስረተ ብሄራዊ ኮንግረስ ኣፍሪካ፣ ኣብ ግብፂ ዝነበረ ዋፍድ ዝበሃል ህዝባዊ ምንቅስቓስ፣ ኣብ ኬንያ ዝነበረ ማው ማው ምንቅስቓስ፣ ኣብ ታንጋኒካ ዝነበረ ማጂ-ማጂ ምንቅስቓስ ወዘተ ብምልኦም ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተወልዑ'ዮም፡፡

### 1.4 ኢንዱስትሪያል ወያነን ሳዕቤናቱን (ውፅኢቱን)

## ሐ. ባዕዳዊ መግዛእቲ ቤልጅየም፤

ተምሃሮ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቤልጅየም ክንደይ ሃገራት ኣፍሪካ ነይረን? ጥቐሱወን፡፡ ካብ 1908 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቤልጅየም ወዲቓ ዝነበረት ሰፋሕ ኣፍሪካዊት ሃገር ኮንጎ ኪንሻሳ እያ ትበሃል፡፡ ህዝብታት ኮንጎ ካብ 1956 ዓ.ም.ፈ ጀሚሮም ብዘካየድዎ ሰላማዊ ቃልሲ ተጠናኺሮም ብ1960 ዓ.ም.ፈ ኮንጎ ብዙሕ ደም እንተይተፋሰሰ ነፃነታ ክትረክብ ክኢላ'ያ፡፡

## መ. ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን፤

ኣብ ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ወዲቐን ብዙሕ ግፍዕን ፀቕጥን ይበፅሐን ዝነበራ ሰለስተ ሃገራት ሊብያ፣ ኤርትራን ሶማልያን እየን ነይረን፡፡ ኣብዘን ሃገራት ሸሕኳ ዘይተጠናኸሩ እንተነበሩ ብረታዊ ምንቅስቓሳት ነፃነት ይካየዱ ነይሮም፡፡ ኮይኑ ግና ጣልያን ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ምስተስዓረት እዘን ሰለስተ ሃገራት ንግዚኡ ብሓደራ መልክዕ ንኻልኦት መንግስታት ተዋሂበን ምስፀንሓ ነፃነተን ክጎናፀፋ ክኢለን እየን፡፡

## ሰ. ባዕዳዊ መግዛእቲ ፖርቱጋል፤

መንግስቲ ፖርቱጋል ኣብ ትሕቲኡ ንዝነበራ ባዕዳዊ ግዝኣታት ነፃነት ኣይሀብን'የ ብማለት ንብዙሕ ዓመታት ፀኒሑ'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ነዚ ፖሊሲ ይኽተል ዝነበረ 'ስላዛር' ዝተብሃለ ፋሽስታዊ መራሒ ፖርቱጋል ካብ ስልጣን ምስተወገደ ናይዘን ሃገራት ነፃነት ዘጎናፅፍ ምቹው ኩነታት እናተፈጠረ ኸይዱ፡፡ ስለዚ ንነዊሕ ዓመታት ብረታዊ ቃልስታት ነፃነት ዘካይዳ ዝነበራ ሃገራት ኣንጎላን ሞዛምቢክን ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፖርቱጋል ተናጊፈን ኣብ 1975 ዓ.ም.ፈ ነፃነተን ክዓትራ ኽኢለን፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 1.35

1 ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ዝነበሩ ቃልስታት ግለፁ፡፡

2 ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ዝነበሩ ቃልስታት ዝምልከት ተመያየጡ፡፡

3 እንግሊዝ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተኸተለቶም ክልተ መልክዕ ዘለዎም ባዕዳዊ ምምሕዳር ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡ ኣብ ከባቢ ክምተጠቐሙሎም ግለፁ፡፡

4 ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ ምምሕዳር ፈረንሳይ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ መወዳእታ 1950ታት ዝተውሃበን ሪፈረንደምን ውፅኢቱን ብዝምልከት ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡ እንታይ ትሕዝቶ ከምዝነበሮ'ውን ኣረድኡ፡፡

# መጠቓለሊ

ኣብዚ ምዕራፍ ኣቐዲምኩም ዝተምሃርክምዎ ብዛዕባ ክፍለዓለማት እዩ፡፡ ኣብዛ እንነብረላ ዓለም ሸውዓተ ክፍለዓለማት ኣለዋ፡፡ እዚኣን ድማ እስያ፣ ኣፍሪካ፣ ሰሜን ኣመሪካ፣ ደቡብ ኣመሪካ፣ ኣንታርክቲካ፣ ኣውሮፓን ኣውስትራልያን ዝበሃላ'የን፡፡ ካብዚኣን እታ ኣዐርያ ገፉሕን ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረላን ክፍለዓለም እስያ ትበሃል'ያ፡፡ ብካልኣይ ደረጃ ዓባይ ትበሃል ድማ ንሕና እንነብረላ ክፍለዓለም ኣፍሪካ'ያ፡፡ ዝተሓተ መጠን ረስኒ ዘለዋን ሰብ ዘይነብረላን ኣብ ደቡባዊ ዋልታ እትርከብ ክፍለዓለም ድማ ኣንታርክቲካ ትበሃል፡፡ ኩለን ክፍለዓለማት ብውቅያኖስ ዝተኸበባ'የን፡፡ ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት እንነብረላ ዓለም እቲ 70% ብማያዊ ኣካል ዝተሸፈነ እንትኸውን እቲ ዝተረፈ 30% ድማ ብመሬት ክፍለዓለማት ዝተሸፈነ'ዩ፡፡ ኣብ ዓለምና ዝለዓለ ብራኽ ዘለዎ እምባ ኣብ ክፍለዓለም እስያ ዝርከብ እምባ ኤቨረስት እንትኸውን እቲ ዝተሓተ ድማ ኣብ ኣፍሪካ ዝርከብ ቃላይ ኣሳል ዝበሃል'ዩ፡፡ ተምሃሮ ኣብ ዓለምና ዘለዉ ነወሕትን ገፋሕትን ሩባታት'ውን ተማሂርኩም ኢኹም፡፡ ኣብ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ዝርከቡ ሩባ ናይልን ሩባ ኮንጎን ከምኡ'ውን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝርከብ ሩባ ሚሲሲፒን ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ዝርከብ ሩባ ኣማዞን ካብቶም ብዋናነት ዝጥቀሱ ሩባታት'ዮም፡፡

ኣብ ዓለምና ገፊሕ ሽፋን ዘለዎምን ተቐባልነት ዝረኸቡን ዓሰርተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ፡፡ እዞም ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለምና ዝበሃሉ ኢንዶ - ዩሮፕያን፣ ዩራሊክ፣ ካውካሲዮን፣ ሲኖ - ቲበታን፣ ኣውስትሮ - ኤሽያቲክ ኣልታይክ፣ ኣውስትሮሲያን (ማለዮ-ፖሊኔስያን)፣ ኣፍሮ ኤሽያቲክ፣ ኒጀር ኮንጎን ኒሎ ሰሃራውን (ኣባይ ሰሃራዊ) እዮም፡፡ ካብዚኦም ዝተወሰኑ ንምርኣይ ዝኣክል ንኣብነት

- *ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኢንዶ - ዩሮፕያን ብገፊሑ ኣብ ኣውሮፓ ዝርከቡ ሃገራትን ኣመሪካን ብዙሓት ዝዛረቡሎም ቋንቋታት ዝሓቖፈ`ዩ፡፡ ብተወሳኺ ካብ ምዕራብ ኣውሮፓ ጀሚሩ ክሳብ ሰሜናዊ ህንዲ ኣብዘለዉ ኣዝዮም ብዙሓት ሃገራት ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝሓቖፈ`ዩ፡፡ ኣብ ዓለምና ብዝርከቡ ህዝብታት ብብገፊሑ ዝዝረበሎም ስለዝኾኑ ካብ 1.6 ቢሊዮን ንላዕሊ ተዛረብቲ`ዚ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ፡፡*
- *ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዩራሊክ ኣብ ሰሜናዊ ኣውሮፓን ክሳብ ሰሜናዊ ምዕራብ እስያን ኣብዝርከቡ ሃገራት ዝተዘርግሐ ቋንቋታት ዝሓቖፈ እዩ፡፡ ኣብ ማእኸላይ ኣውሮፓ ግና ቋንቋ ሃንጋሪያውያን ጥራሕ ኣብ ትሕቲ`ዚ ቋንቋ ተመዲቡ ይርከብ፡፡*
- *ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ሲኖ - ቲበታን ካብ ኢንዶ-ዩሮፕያን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ቀጺሉ ኣብ ዓለም ብዘለዉዎ በዝሒ ተዛረብቲ ህዝቢ ካልኣይ ደረጃ ዝርከብ`ዩ፡፡ እዚ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣብ መብዛሕትኡ ቻይና፣ መብዛሕትኦም ሂማላውያን፣ ደቡባዊ ምብራቕን ደቡባዊ ማእኸልን እስያ ብብዙሓት ተዛረብቲ ዝውነኑ ቋንቋታት ዝሓቖፈ እዩ፡፡*
- *ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣልታይክ፤ ካብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣውሮፓ ጀሚሩን ማእኸላይ እስያ ሓዊሱ ክሳብ ርሑቕ ምብራቕ እስያ ኣብ ዘለዉ ተዛረብቲ ተዘርጊሖም ዝርከቡ ቋንቋታት ዝጠመረ`ዩ፡፡*

- *ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣውስትሮኔሽያን (ማላዮ-ፖሊኔሲያን)፤ እዚ ብመንፅር በዝሒ ቋንቋታትን ሽፋንን ገፀ መሬታዊ ዝርግሐን እንትርኣይ ኣብ ዓለም ካብዝርከቡ ዓበይቲ ዝበሃሉ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደብ እዩ። ዝርግሐኡ እንትርኣይ ብምዕራብ ካብ ማዳጋስካር ጀሚሩ ክሳብ ብምብራቕ ሃዋይን ደሴት ዝሸፍን`ዩ። እዚ ንህንድን ሰላማዊ ውቅያኖሳትን ከምኡ`ውን ምብራቓዊ ደሴታት የጠቓልል`ዩ።*

ኣብ ዓለም ካብዘለዉ ቋንቋታት ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎን ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕን ቋንቋ ማንዳሪን ዝበሃል ኣብ ሃገረ ቻይና ዝዝረበሉ`ዩ። ብኻልኣይ ደረጃ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ ዓረብኛ እንትኸውን እዚ ኣብ ብዙሕ ሃገራት ማእኸላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪካን ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ`ዩ። ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ ዓለምና ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ ሂንዱ እንትኸውን እዚ ኣብ ሃገረ ህንዲ ዝዝረብ`ዩ። ብራብዓይ ደረጃ ዝተሰርዐ ቋንቋ እንግሊዝኛ እንትኸውን ኣብ ሃገራት እንግሊዝ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ካናዳ፣ ኣውስትራሊያ፣ ኒውዚላንድ፣ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብዝነበራ ሃገራት ከም ህንዲ፣ ናይጀሪያ፣ ፓኪስታንን ደቡብ ኣፍሪካን ዝዝረብ`ዩ። ይኹን ደኣ`ምበር ቋንቋ እንግሊዝኛ ብካልኣይ ደረጃ ንግልጋሎት ስራሕ ዝጥቀሙሉ ሃገራት ናብ ግምት እንተኣትዩ ናብ ካልኣይ ደረጃ ክስራዕ ዝኽእል`ዩ።

ተምሃሮ ጥንታዊ ስልጣነ ማለት ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ። ስልጣነ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩ ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበለ ዝመፀ ኣገባብ መነባብሮ ደቂ ሰባት ጥራሕ ኣይኮነን። ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ምምዕባል መንግስታት፣ ምዕባለ ንግድን እደ ጥበብን፣ ምዕባለ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ምዕባለ ስነ ቕርፃ ቕርፂ፣ ምዕባለ ሕርሻ፣ ኣብ ደርብታት ምምቃል ሕብረተሰብ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምስ መነባብሮ ከተማ ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ስልጣነ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ዝማዕበለ ፅሑፍ፣ ኣብ ፅኑዕ ውዳበ ዝተመስረተ መንግስቲ፣ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ሓፂን መፂንን፣ ስርፀት ስነ ጥበብ ቕርፃ ቕርፅን፣ ኣብ ተግባር ዝውዓለ ሳይንስን ሒሳብን፣ ምትእትታው ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ ይጥቀሱ።

ስለዚ ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ጎሊሁ ክረአ ዝጀመረ ኣብ ከባቢ 3500 ዓመተ ዓለም እዩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ስልጣነ ብቐፃልነት እናማዕበለ ዝመፀ ታሪካዊ ተርእዮ`ዩ። ብምኺኑ`ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ እንትኸውን እቶም ቀንዲ መበገሲ ጥንታዊ ስልጣነ ዓለምና ዝበሃሉ፤

- *ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ግብፂ፣ ኑብያ፣ ኩሽ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን፣*
- *ኣብ እስያ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ሜሶፖታሚያ፣ ህንድን ቻይናን፣*
- *ኣብ ኣውሮፓ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪክን ሮማን፣*
- *ኣብ ኣመሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ኢንካ፣ ማያን ኣዝቴክን ይርከብዎም።*

ህዝቢ ማለት ኣብ ሓደ ከባቢ ንኣብነት ኣህጉር፣ ሃገር፣ ክልል፣ ዞባ፣ ኣውራጃ፣ ከተማ፣ ወረዳ፣ ጣቢያ፣ ቀጠና ወይድማ ቁሸት ወዘተ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ እዋን ነባራይ ዝኾነ ተቐማጣይ ወዲዓዲ ዝግለፀሉ መረዳድኢ ኣምር'ዩ። ብዛዕባ ህዝቢ ዝምልከት ዝርዝር መፅናዕቲ ዝግበረሉ ሳይንስ ዲሞግራፊ (ስነ ህዝቢ) ተባሂሉ ይፍለጥ። ስነ ህዝቢ ከም ሓደ ዘፈር ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ብዛዕባ በዝሒ ህዝቢ፣ ተዋፅኦ፣ ዝርግሐ፣ ኩነታት መጠን ዝውለዱ ህፃናት ምስ መጠን ሞትን ስደትን ብዝምልከት ዘለዉ ለውጥታት ኣመልኪቱ ብስታቲስቲካዊ ፀብፃብ እናተሓገዘ ሳይንሳዊ ትንተና ዝግበረሉ'ዩ። ስነ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ለውጥታትን ምምሕያሻትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ትልሚ ልምዓት ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን እናገናዘበ ንመንግስቲ ዝጠቕሙ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝህብ'ዩ።

ብዛዕባ ህዝብን ስነ ህዝብን መፅናዕቲ ኣካይዱ መትከላትን ፖሊሲታትን ስነ ህዝቢ ኣመልኪቱ ብ1789 ዓ.ም.ፈ ፅሑፍ ፍልስፍና ብምቕራቡ ዝፍለጥን ክሳብ ሎሚ በዚ ስርሑ ዝዝከርን ካብ 1766 - 1834 ዝነበረ ምሁር ፈላስፋ 'ቶማስ ኣልበርት ማልታስ' ዝበሃል'ዩ። ስነ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ለውጥታትን ምምሕያሻትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ትልሚ ልምዓት ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን እናገናዘበ ንመንግስቲ ዝጠቕሙ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝህብ'ዩ። ብስነ ህዝቢ ዝርከብ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ድማ መንግስቲ ኣብ መዳይ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ስነ ኣባይቲ፣ ማሕበራዊ ውሕስናን ድሕንነትን፣ ዕድል ስራሕ፣ ምሕብሓብ ከባብን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝምልከቱ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ይህብ'ዩ። ከምዚኦም ዝመሰሉ መረዳእታታትን ሓበሬታታትን ድማ መንግስቲ ንኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዕብየትን ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ደህንነትን ውሕስነትን ዝጥምቱ ብጣዕሚ ወሰንቲ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕብየት ንክሕንፀፅን ሓበርቲ ኣንፈታት ንኸውፅእን ብወሳናይ መልክዑ ይጥቀመሉም።

ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ማለት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታን ከባብታትን ከተማን ገጠርን፣ ደጉዓን ከበሳን መታሕትን ቆላን፣ ውሽጢ ሃገርን ገማግም ባሕርታትን ወዘተ ዘሎ በዝሒ ህዝብን ስርዓት ኣዘረጋግሐኦም ዘመልክት'ዩ። ሰባት ብኸመይ ኣገባብ ኣብዝተፈላለዩ ከባብታት መሬት ዓለም ተዘርጊሖም ይነብሩ ከምዘለዉ ዘርእየና'ዩ። ፃዕቅን ፀቕጥን ህዝቢ ድማ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜትር ውሽጢ ዝህልዉ በዝሒ ሰባት ተፀብፂቡ ንረኽቦ ውፅኢት እዩ። ኣብ ከተማታት፣ ገማግም ባሕርታትን ጥቓ ዓበይቲ ሩባታትን ብጣዕሚ ዝለዓለ ቑፅሪ ዘለዎ በዝሒ ህዝቢ ይነብሩ። ጥምር ኣቢልካ እንትርአይ ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ወሰንቲ ዝኾኑ ቑልፊ ባእታታት ዝበሃሉ (1) ነባሪ ኣየር፣ ኩነታት ጠባይ ኣየር፣ (2) ኣቀማምጣ ገፀ ምድሪ፣ (3) ፀቕጢ ህዝቢ፣ (4) ቀረብ ማይን ፅሩይ ማይን፣ (5) ዓይነታት ሓመድን ልሙዕነት መሬትን፣ (6) እፅዋት፣ ሓምላዊ ቐፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ ሓምልታት፣ ፍረምረ፣ ተኽልታትን ኣግራብን፣ (7) ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን፣ ባልዕ ዘራእቲ ዝኾኑ ኣንበጣን በርናስን፣ (8) ኩነታት ፖለቲካ፣ (9) ኩነታት ኢኮኖሚ፣ (10) ርክባትን ዝምድናታትን ከምኡ'ውን (11) ፀጋታትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ይርከብዎም።

መጠቓለሊ

ስለዚ ተምሃሮ ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ሓደ ሃገርን ሓደ ከባብን ዝፀልዉን ዕዕንቶ ዘሕደሩን ባእታታት ብዙሓት ኣለዉ። ካብዚኦም ውሽጢ (1) ምችውን ዝሰማማዕ ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየር፣ ኩነታት ተፈጥሮኣዊ ገፀ ምድሪ፣ (2) ልሙዕነት ሓመድ፣ ቀረብ ፅሩይ ማይ፣ ፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድንን (3) ምኽታምነትን ዕብየት መሰረተ ልምዓትን (4) ምችዉነት ንግድን ኢንቨስትመንትን ምንቅስቓስን ስደትን (ፍልሰት) ህዝቢ፣ (5) ምስ ኩነታት ፀጥታትን ድሕንነትን ዝዛመዱ ሳዕቤና ኩናትን ቅልውላውን፣ (6) ምዕባለ መስመራት መጓዓዝያ መኻይንን ሓዲድ ባቡርን፣ (7) ምዕባለ ፋብሪካታት፣ ኢንዱስትሪን ልምዓት ቴክኖሎጂን (8) ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ኢንቨስትመንት ልምዓት ሕርሻ፣ (9) ቀረብ ዕድል ስራሕን ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን እቶም ቀንዲ ዝጥቀሱ እዮም።

ተምሃሮ ኣብ ዓለም ብጣዕሚ ብዙሓት ሃይማኖት ከምዘለዉ ተማሂርኩም ኢኹም። ካብዚኦም ውሽጢ ብጣዕሚ ጎሊሆም ዝፍለጡን ብዙሕ ሰዓብቲ ዘለውዎምን ሽዱሽተ ሃይማኖታት ብቐደም ሰዓብ እንትርእዩ፤ክርስትና፣ እስልምና፣ ሂንዱዚም፣ ቡድሂዝም፣ ኮንፊሹያኒዝም፣ ጁዳይዝምን ካልኦትን ይርከቡ።

ቅድሚ 1750 ዓ.ም.ፈ ዝተፈላለዩ ነገራት ንምፍራይ ናውቲ ወዲሰብ ብሓይሊ ኢድን ብኢድ ዝንቀሳቐሱን መሳርሕታት እናተጠቐመ'ዩ ነይሩ። ጉልበት ስድራ እናተጠቐሙን ኣብ ቅፅረ ግቢ መንበሪኦምን ኾይኖም ምህርቲ የፍርዩ'ዮም ነይሮም። ካብ 1750 ዓ.ም.ፈ ንደሓር ግና ኣብ ከይዲ ምፍራይ ናውቲ ዝተመሓየሸ ውፅኢት ንምፍጣር ዝሕግዙ መሳርሕታትን ቴክኖሎጂታትን ተማሂዞም ኣብ ስራሕ ውዒሎም። ናውቲ ንምፍራይ ወዲሰብ ይጥቀመሉም ዝነበሩ ብሓይሊ ኢድ ይንቀሳቐሱ ዝነበሩ ቀለልቲ መሳርሕታት በዚ እዋን ናብ ምጥቃም ዝተመሓየሹን ከቢድ ዓቕሚ ዘለዎምን ማሽን ቴክኖሎጂ ተሰጋጊሩ። ምህርቲ ኣብ ክንዲ ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛ ብውልቀ ሰራሕተኛታት ኣብ ፋብሪካታት ብስርዓት ክፈርዩ ጀሚሮም። ማሽን ቴክኖሎጂን ፋብሪካታትን ብምትእትታዎም ብዝቐለለ ኣገባብ፣ ብዝተሓተ ዋጋን ወፃእን፣ ብጣዕሚ ብዙሕን ዝበለፀ ጥንካረን ዕርየትን ዘለዎም ናውቲ ይፈርዩ ጀሚሮም።

እዚ እዋን ዝተመሓየሹ ዘመናዊ ማሽን ቴክኖሎጂ ተማሂዞም ንኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ልምዓትን ዘሳልጡ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት ዝተጣየሽሎም እዋን ስለዝነበሩ "ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ" ተባሂሉ ይፅዋዕ ጀሚሩ።

ኢንዱስትሪያል ወያነ ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘመን ኣብ ኣውሮፓ ሃገረ እንግሊዝ ኣብ ኣግባብ ኣፈራርያ (ምፍራይ) ናውትን ሸቐጣትን ዝተርአየ ለውጢ ሰለጤንን ውፅኢታዊ ዕርየትን ዝምልከት እዩ። እዚ ማለት ብኢድን ብኢድ ብዝሰርሑ ብዙሕ ወፃእን ግዜን ጉልበትን ይሓቱን ዘይስልጡን ድንጉያትን ካብዝነበሩ ዝሑል ከይድታት ምፍራይ ናውትን ሸቐጣትን ናብ ስሉጥ፣ ቕልጡፍ፣ ውሑድ ወፃእን ግዜን ጉልበትን ዝሓትት፣ ብሓገዝ ማሽን ቴክኖሎጂ ይፈርዩ ናብዝነበሩ ውፅኢታዊ ለውጢ ምስግጋር ዝተርኣየሉ እዋን ነይሩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ጉልበትካን ጉልበት ስድራን እናተጠቐምካ ኣብ መንበሪ ገዛን ከባብን ጥራሕ ይፈርይን ይምረትን ዝነበረ ኣግባብ ከይዲ ናብ ኣብ ፋብሪካታትን ብማሽናት ዝተሓገዘ ቴክኖሎጂን ኣግባብ ስርዓት ምህርትን ምፍራይን

ዝተኣታተወሉ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ ኢንዱስትሪያል ወያነ ማለት ውፅኢት ምፍራይን ምምሃዝን ማሽን ቴክኖሎጂታት ኣብ ህይወት ወዲሰብ ሱርቦቀስ ዝኾነ ዓብዪ ለውጢ መነባብሮ ንክመፅእ መሰጋገሪ በሪ ዝኸፈተ ታሪኻዊ ተርእዮ እዩ።

ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝበሃል ካብ 1914 - 1918 ዓ.ም.ፈ ብዙሓት ሃገራት ኣውሮፓ፣ ሩስያን ኣመሪካን ዝተሳተፉሉ'ዩ። እዚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ኣውሮፓ ጀሚሩ። ኲናት ዓለም ዝተብሃለሉ ምኽንያት ንሃገራት ኣውሮፓ፣ እስያ፣ ኣመሪካን ኣፍሪካን ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን ብመዳይ ኢኮኖሚ ዝሓሰየን ፖለቲካዊ ሳዕቤናት'ውን ስለዝነበሮ'ዩ። ኣብዚ ኲናት ዓለም ዝተሳተፉ ሃገራት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት ተመቒሎም'ዮም ናብ ኲናት ኣትዮም። እዞም ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት ተሳተፍቲ'ዚ ቀዳማይ ኲናት ዝነበሩ "ሓይልታት ማእኸል"ን "ሓይልታት ምሕዝነትን"ን ይበሃሉ ነይሮም። ብሓፈሽኡ 32 ሃገራት ተሳተፍቲ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ነይሮም።

ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ማእከላይን ምብራቕን ኣውሮፓን ርሑቕ ምብራቕ እስያን ካብ 1939 - 1945 ዓ.ም.ፈ ንሽዱሽተ ዓመታት ዝተኻየደ ነዊሕ፣ መሪርን መስካሕከሓይን ዓለምለኻዊ ትሕዝቶ ዝነበሮ'ዩ። ኣብዚ ካልኣይ ኲናት ዓለም ሃገራት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ሓይልታት ተወዲበን'የን ተሳተፍቲ ዝነበራ። እቲ ሓደ "ሓይልታት ኣክሲስ" ዝበሃል ብሃገራት ጀርመን፣ ጣልያንን ጃፓንን ይምራሕ ዝነበረ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ "ሓይልታት ምሕዝነት" ዝበሃል ብሃገራት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሶቭየት ሕብረትን ኣመሪካን ይምራሕ ዘነበረ እዩ። ጀመርትን ቀስቀስትን'ዚ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝነበራ ሃገራት ኣብ "ሓይልታት ኣክሲስ" ዝነበራ እየን። ብፍላይ ጀርመን ኣብ ኣውሮፓ ዝነበረት ቀስቓሲት ካልኣይ ኲናት ዓለም እያ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ሂሮሺማን ናጋሳኪን ብዝተፈፀመ ደብዳብ ነተጉቲ ነሓሰ 1945 ዓ.ም.ፈ ተዛዚሙ። ድሕሪ ምዝዛም ቀዳማይ ኲናት ዓለም ሊግ መንግስታት ተጣይሹ ዝነበረ እንትኸውን ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ድማ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብ1945 ዓ.ም.ፈ ተጣይሹ። ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ክሳብ ሎሚ ኣብ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ዓበይቲ ዓለምለኻዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ውራያት ሃገራትን ህዝብታትን እናነጠፈ ዝርከብ'ዩ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ ኣርባዕተ ተመልከቱ።

# ማህደረ ቃላት

**ክፍለዓለም** – *ኣዝዩ ዝሰፍሐ መሬት ክፋል ዓለምና። ኣህጉር እናተብሃለ'ውን ዝፍለጥ ማለት'ዩ።*

**ባሕሪ ሜዲተራንያን** – *ማእኸላይ ባሕሪ፣ ኣብ መንጎ ኣፍሪካን ኣውሮፓን ዝርከብ ባሕሪ።*

**እምባ ኤቨረስት** – *ኣብ ዓለም ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎ ጫፍ እምባ።*

**ቤተሰብ ቋንቋታት** – *ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዝህልዎም ምትእስሳርን ዝምድናን ኣብ ሓደ ጉጅለ ይምደቡ'ዮም። ንኣብነት ቋንቋታት ትግርኛ፣ ኣምሓርኛ፣ ጉራግኛ፣ ዓረብኛ ወዘተ ሴማዊ ቋንቋታት'ዮም ዝበሃሉ። ቋንቋታት ኦሮምኛ፣ ሶማልኛ፣ ዓፋርኛ፣ ኣገውኛ፣ ሲዳምኛ፣ ሃድይኛ፣ ከምባትኛ ወዘተ ኩሻዊ ቋንቋታት'ዮም ዝበሃሉ። ሴማዊ፣ ኩሻዊ፣ ኦሞቲክን ቻድን ዝጠምርዎም ቋንቋታት ብምልኦም ድማ ቋንቋታት ቤተሰብ ኣፍሮ ኤሽያቲክ እዮም።*

**ጥንታዊ ስልጣነ** – ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ።

ምምዕባል መንግስታት፣ ምዕባለ ንግድን እደ ጥበብን፣ ምዕባለ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ምዕባለ ስነ ቕርፃ ቕርፂ፣ ምዕባለ ሕርሻ፣ ኣብ ደርብታት ምምቃል ሕብረተሰብ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም።

**ፓርቲኖን** – ካብ ስነ ህንፃ ጥንታውያን ግሪካውያን ሓደ ዝኾነ ብዘመነ ፐሪክለስ ዝተሃንፀን ኣብ ኣቴንስ ዝርከብ ቀንዲ ህንፃ ቤተ ፀሎትን ብግዚኡ ኣብ ዓለም ዝወዳደሮ ዘይነበሮ እዩ።

**ሆሜር** – ዓይነ ስውርን ውሩይ ገጣሚ ተውኔትን ዝነበረ፣ ኢሊያድን ኦዲሴይን ብዝበሃሉ ኽልተ ፅሑፋቱ'ውን ዝፍለጥ ነይሩ።

**ሄሮዶቱስ** – ካብ 484 - 424 ዓ.ዓ. ዝነበረን`ኣቦ ታሪክ` ተባሂሉ ዝፍለጥን እንትኾውን ብዛዕባ ወራር ፋርሳውያን ንግሪክ ኣመልኪቱ ብዝርዝር ዝፀሓፈ`ዩ።

**ዲሞክራሲ** – ዲሞን ክራሲን ዲሞክራሲ ካብዝብሉ ክልተ ቃላት ግሪክ ዝተወሰደ'ዩ። ዲሞ ዝብል ቃል ግሪክ ትርጉሙ ህዝቢ ማለት እንትኾውን ክራሲ ዝብል ቃል ግሪክ ድማ ትርጉሙ ኣገዛዝኣ ማለት`ዩ። ስለዚ ዲሞክራሲ ዝብል ቃል ግሪክ ህዝባዊ ምምሕዳር ማለት`ዩ።

**ፕቶሎሚ** – ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ተመራማሪ ሳይንቲስት ህዋን ጠፈርን ዝነበረን ብዙሕ ኣስተምህሮ ይህብ ዝነበረን'ዩ። ንኣብነት ዓለምና (መሬት) ኣብ ማእኸል ንነብረሉ ዘለና ሕዋ (ዩኒቨርስ) ከምትርከብን ፀሓይ ድማ ኣብ ዙሪያ መሬት ከምትዘውርን ዝገልፀሉ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ስለዝነበሮ ነዚ የስተምህር ነይሩ።

**ኮፐርኒከስ** – ብፕቶሎሚ ይቐርብ ዝነበረ ክልስ ሓሳብ ደሓር ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ዘመሓይሸ`ዩ። ፀሓይ ኣብ ዙሪያ መሬት ትዘውር ዘይኮነትስ ብግልባጡ መሬት'ያ ኣብ ዙሪያ ፀሓይ ትዘውር ዝብል ኣስተምህሮ ዝፈልሰፈ ሳይንቲስት'ዩ።

**ዓብዪ መንደቕ ቻይናውያን** – ንውሓቱ 2400 ሜትሮ ወይድማ 1.5 ማይልስ ዝኾነ ኣብ ሰሜናዊ ቻይና ዝርከብ ካብ ወራር ወፃእተኛታት ንምክልኻል ተባሂሉ ዝተሃንፀ'ዩ።

**ኮምፓስ** – ቻይናውያን ንፈለማ ዝመሃዝዎ ኣንፈት ሓባሪ ዝኾነ መሳርሒ

**ህዝቢ** – ኣብ ሓደ ከባቢ ሃገር፣ ክልል፣ ዞባ፣ ኣውራጃ፣ ከተማ፣ ወረዳ፣ ጣቢያ፣ ቀጠና ወይድማ ቁሸት ወዘተ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ እዋን ነባሪ (ተቐማጣይ ወዲዓዲ) ምኻኑ ዝግለፀሉ መረዳድኢ ኣምር'ዩ።

**ስነ ህዝቢ (ዲሞግራፊ)** – ብዛዕባ በዝሒ ህዝቢ፣ ተዋፅኦ፣ ዝርግሐ፣ ኩነታት መጠን ዝውለዱ ህፃናት ምስ መጠን ሞትን ስደትን ብዝምልከት ዘለዉ ለውጥታት ኣመልኪቱ ብስታቲስቲካዊ ፀብፃብ እናተሓገዘ ሳይንሳዊ ትንተና ዝግበረሉ'ዩ። ስነ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ለውጥታትን ምምሕያሻትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ትልሚ ልምዓት ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን እናገናዘበ ንመንግስቲ ዝጠቕሙ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝህብ ሓደ ዘፈር ሳይንሳዊ መፅናዕቲ'ዩ።

**ቶማስ ኣልበርት ማልታስ** – ካብ 1766 - 1834 ዝነበረ ምሁር ፈላስፋ እንትኸውን ብዛዕባ ህዝብን ስነ ህዝብን መፅናዕቲ ኣካይዱ መትከላትን ፖሊሲታትን ስነ ህዝቢ ኣመልኪቱ ብ1789 ዓ.ም.ፈ ፅሑፍ ፍልስፍና ብምቕራቡ ዝፍለጥን ክሳብ ሎሚ በዚ ስርሑ ዝዝከርን እዩ።

**ተፈጥሯዊ ባእታታት** – ከም ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየር፣ ክሊማ፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ እምባታት፣ ግድምታት፣ ደጉዓ፣ ከበሳ፣ ብራኸ፣ መታሕት፣ ቆላ፣ ሃሩር፣ ምድረበዳነት፣ ሳዕሪ መሬት፣ ልምዑነት መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባብያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርክቦ፣ ኣግራባትን ተኽልታትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ዝሓወሰ'ዩ።

**ሰብኣዊ ባእታታት** – ማእኸል ምምሕዳር፣ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን፣ ማሕበራዊ መሰረተ ልምዓት ወዘተ ዝመሳሰሉ'ዮም።

**ፍልሰት ህዝቢ** – ምንቅስቓስ ህዝቢ ማለት'ዩ። ብተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ዝነበሩሉ ትውልዲ ዓደም ናብ ካልእ ካባቢ ምስዳድን ምንቅስቓስን እዩ። ብምኽንያት ድርቂ ምግብን ማይን ኣለሻ ህዝብታት ካብ ከባቢኦም ናብ ካሊእ ቦታ ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ።

**በዝሒ ህዝቢ** – ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖፂሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለፂ'ዩ።

**ምኽታምነት** – ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባብያዊ ሓለዋን ፅርየት ምስ ፅባቐ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ስለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፅ'ዩ።

**ኣሰፋፍራ ህዝቢ** – ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኦም ንምክያድ ተኣኪቦም ነናይባዕሎም መንበሪ ሰሪሖም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣግባብ ዝግለፀሉ ኣምርን ክልስ ሓሳብን'ዩ። ኣሰፋፈራ ህዝቢ ምስ ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ከባቢ፣ ስነ መሬታዊ ኣቀማምጣ፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ባህልን መነባብሮን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ትካላት ምህላዎም ወዘተ ዝመሳሰሉ ጉዳያት ዝውስንዎ ስርዓት'ዩ። ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብምኽንያት ጠለብ፣ ደጉዓን ቆላን፣ ብራኸን መታሕትን፣ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት'ውን ኣብ ግምት ብምእታው ኣፈላላይ ይግበር'ዩ።

**ከበሳ** – ኣብ ዝለዓለ ብራኸ ከባብታት ደጉዓ ዝርከብ

**መታሕት** – ኣብ ዝተሓተ ብራኸ ከባብታት ቆላ ዝርከብ

**ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ** – ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታን ከባብታትን ከተማን ገጠርን፣ ደጉዓን ከበሳን መታሕትን ቆላን፣ ውሽጢ ሃገርን ገማግም ባሕርታትን ወዘተ ዘሎ በዝሒ ህዝብን ስርዓት ኣዘራጋግሓኦም ዘመልክት'ዩ። ሰባት ብኸመይ ኣገባብ ኣብዝተፈላለዩ ከባብታት መሬት ዓለም ተዘርጊሖም ይነብሩ ከምዘለዉ ዘርእየና'ዩ።

**ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ** – ካብ 1750 ዓ.ም.ፈ ንደሓር ግና ኣብ ከይዲ ምፍራይ ናውቲ ዝተመሓየሸ ውፅኢት ንምፍጣር ዝሕግዙ መሳርሕታትን ቴክኖሎጂታትን ተማሂዞም ኣብ ስራሕ ውዒሎም። ናውቲ ንምፍራይ ወዲሰብ ይጥቀመሎም ዝነበሩ ብሓይሊ ኢድ ይንቀሳቐሱ ዝነበሩ ቀለልቲ መሳርሕታት በዚ እዋን ናብ ምጥቃም ዝተመሓየሹን ከቢድ ዓቕሚ ዘለዎምን ማሽን ቴክኖሎጂ ተሰጋጊሩ። እዚ እዋን ዝተመሓየሹ ዘመናዊ ማሽን ቴክኖሎጂ ተማሂዞም ንኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ልምዓትን ዘሳልጡ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት ዝተጣየሸሉም እዋን ስለዝነበሩ "ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ" ተባሂሉ ይፅዋዕ።

**ብሄረተኝነት** – ሃገራዊ ስምዒትን ፍቕርን'ዩ። ደቂ ሰባት ኣብዝነብሩሉ ሃገርን ምድርን ክህልወሎም ዝግብኡ ነገራት ከም ዕጥቂ ሰኒቕም ንሃገሮም ዝህልዎም ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላውን ማሕበራውን ኣተሓሳስባታት ኣሐዱሉ ዝግደሰሎምን ሓቦ ዝብለሎምን እንገልፀሉ ስምዒት'ዩ። ንሃገርና ንዓድና ንሩባና ... ዝብል መንፈስን ስምዒትን ዝምልከት'ዩ።

**ስሉስ ኪዳን** – ብ1882 ዓ.ም.ፈ ኣውስትሮ - ሃንጋሪ፣ ጀርመንን ጣልያንን ኣብ እዋን ውግእ ንኽተሓጋገዙ ዝመስረትዎ (Triple Alliance ወተሃደራዊ ሕብረትን ምትሕግጋዝን ዝጠመተ ውዕል'ዩ።

**ስሉስ ምሕዝነት** – ብ1907 ዓ.ም.ፈ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይን ሩስያን ዝተፈራረሙሉን ዝመስረትዎን (Triple Entente) ወተሃደራዊ ሕብረትን ምሕዝነትን እዩ።

**ሓይልታት ማእኸል** – ኣብ እዋን ቀዳማይ ኲናት ዓለም ጀርመን፣ ኣውስትሮ-ሃንጋሪ፣ ኦቶማን ቱርክን ቡልጋርያን ዝነበርዎ ወተሃደራዊ ሕብረት'ቲ ኲናት'ዩ።

**ሓይልታት ምሕዝነትን** – ኣብ እዋን ቀዳማይ ኲናት ዓለም ሃገራት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያ፣ ጃፓን፣ ቤልጅየም፣ ጣልያን፣ ሰርቢያ፣ ሞንቴኔግሮን ኣመሪካን ወዘተ ብሓፈሻኡ 28 ሃገራት ዝርከብዎ ወተሃደራዊ ሕብረት'ቲ ኲናት'ዩ።

**ቀዳማይ ኲናት ዓለም** – ካብ 1914 — 1918 ዓ.ም.ፈ ንምሉእ ዓለም ዘናወፀን 32 ሃገራት ዝተሳተፉሉን ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ቅልውላው ዘስዓበን ዓለምለኻዊ ኲናት'ዩ። እዚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ኣውሮፓ ጀሚሩ። ኲናት ዓለም ዝተብሃለሉ ምኽንያት ንሃገራት ኣውሮፓ፣ እስያ፣ ኣመሪካን ኣፍሪካን ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን ብመዳይ ኢኮኖሚ ዝሓሰየን ፖለቲካዊ ሳዕቤናት'ውን ስለዝነበሮ'ዩ።

**ፋሺዝም** – ቅድሚ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ሃገራት ጀርመን፣ ጣልያንን ስፔይንን (ስፓኝ) ዝነበረ መንግስታውን ፖለቲካውን ስርዓት።

**ማጂ - ማጂ** – ኣብ ታንጋኒካ (ታንዛንያ) ዝነበረ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ጀርመናውያን ዝዓለመ ውዳበ ቃልሲ እንትኸውን ንሰለስተ ዓመታት ተኻይዱ'ዩ።

**ማው ማዎ** – ኣብ ኬንያ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዛውያን ብህዝቢ ኪኪዩ ተወሊዑ ብዝተጠናኸረ መልክዑ ተኻይዱ ነይሩ። ኪኪዩ እቶም ኣብ ኬንያ ዓብለልቲ ዓሌትን ኣብ ሕርሻ መነባብረኦም ዝተመስረተን ተዛረብቲ ቋንቋ ባንቱ ዝኾኑ ህዝቢ እዮም። ኪኪዩ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ብምቅዋም ዘካየድዎ ውዕዉዕ ምንቅስቓስ ህዝቢ እንትኸውን ነዚ ምንቅስቓስ ዝመርሐ ጆሞ ኬንያታ ይበሃሉ።

**ሳሞሬ ቱሬ** – ካብ 1830 - 1900 ዓ.ም.ፈ ዝነበረን ወዲ ጊኒ እንትኸውንን ካብ 1876 ጀሚሩ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ቓልሲ ዝጀመረ'ዩ። ሳሞሬ ቱሬ ምዕራብ ኣፍሪካ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ብምንጋፍ 'ነፃ ዝኾነት ኣፍሪካዊት ኢምፓየር' ንምምስራት ዓብዪ ዕላማ ነይርዎ። ነዚ ንምዕዋት ዝነበሮ ኣግባብ ቃልሲ ንቕድም ብዲፕሎማሲን ብልዝብ ምዝርራብን ምርድዳእን ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ንምውጋድ ሓሲቡ እንተነበረ'ውን እዚ ክኸውን ብዘይምኽኣሉ ደሓር ናብ ብረታዊ ቃልሲ ዝሰገረን ሰራዊቱ ሒዙ ኣብ ጊኒ፣ ጋና፣ ኮትዲቭዋር፣ ጋቦን፣ ማሊ፣ ሴኔጋልን ኒጀርን ይንቀሳቐስ ዝነበረ'ዩ።

**ዘይቐጥታዊ ምምሕዳር** – እንግሊዝ ኣብ ባዕዳዊ ግዝኣታታ ትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ምምሕዳር እዩ። ነዚ ፖሊሲ ኣርክቴክት ኾይኑ ዝቐረፀ እንግሊዛዊ ሎርድ ፍረደሪክ ሉጋርድ ዝበሃል ኣብ ናይጀርያን ኡጋንዳን ኣመሓደሪ ዝነበረ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኣፍሪካውያን ብናይባዕልቶም ኣመሓዳርቲ ይመሓዳደሩ ነይሮም ግና ዝመሓዳደሩሉ ሕግን ደንብን ወዒኡ ዝወሃቦም ካብቲ ላዕለዋይ ኣመሓዳደሪ ዝኾነ እንግሊዛዊ እዩ ነይሩ። መንግስቲ እንግሊዝ ነዚ ፖሊሲ ምምሕዳር ኣፍሪካውያን ብኣፍሪካውያን እቲ "መቓቒልካ ግዛእ" ዝብል ዓብዪ ፖሊሲ ንምትግባር ይጥቀመሉ ነይሩ። ንኣፍሪካውያን ብቋንቋ፣ ብባህሊ፣ ብዘርኢ፣ ብብሄር ብሄረሰብ፣ ብሃይማኖት ወዘተ ክመቓቕሉ ብምግባር ንሕድሕዶም ከይሳነዩን ከይሓብሩን ብምኽንያት ድማ ንነፃነቶም ሓቢሮም ተዋዲዶም ከይቃለሱን ዝግበር ፖሊሲ እዩ ነይሩ።

**ቐጥታዊ ምምሕዳር** – ፈረንሳይ ኣብ ባዕዳዊ ግዝኣታታ ትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ባዕዳዊ ምምሕዳር'ዩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኩሎም ሕግታትን ደንብታትን ሃገር ፈረንሳይ ተደንጊጎም ምስወፁ ብቐጥታ ኣብተን ባዕዳዊ ግዝኣታታ ይትግበሩ። ብተወሳኺ ኣመሓዳርቲ እዘን ግዝኣታት ካብ ፈረንሳይ'ዮም ዝለኣኹ ነይሮም። እዚ ኣገባብ ምምሕዳር ባዕዳዊ ገዛእቲ ንኣፍሪካውያን ኣብቲ ምምሕዳር ክሳተፉ ኣይፈቅድን ነይሩ። ፖሊሲ ቐጥታዊ ምምሕዳር ኩሎም ህዝብታት ኣፍሪካ ቀስ ብቐስ ፈረንሳውያን ክኾኑ ንምግባር ዝዓለመ'ውን እዩ ነይሩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኣፍሪካውያን ቋንቋን ባህልን ፈረንሳውያን ተማሂሮም ምስ ወረስዎ ዜግነት ፈረንሳይ ክረኽቡ ይግበር ነይሩ። ብዜግነቶም ፈረንሳውያን ምስኮኑ ድማ ቋንቆኦምን ባህሎምን ረሲዖም ንነፃነቶም ኣይቃለሱን ዝብል ግምት ዝነበሮ ፖሊሲ እዩ። እዚ ዓይነት ባህርይ ምምሕዳር ባዕዳዊ መግዛእቲ መንግስታት ቤልጅየም፣ ፖርቱጋልን ጀርመን'ውን ይኽተልዎ ዝነበረ'ዩ።

# መጠቓለሊ ሕቶታት

**I** *ነዞም ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፂ መልስታት ውሽጢ ዝበለፀ ቅኑዕን ትኽክለኛን ንዝኾነ መሪፅኩም መልሱ።*

1 ብዙሓት ቋንቋታት ኣብ ትሕቲኡ ዘለውዎ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋ ዓለምና መን ይበሃል?

ሀ. ኢንዶ - ዩሮፕያን
ለ. ሲኖ ቲበታን
ሐ. ኣውስትሮ ኤሽያቲክ
መ. ኒሎ ኮንጎ
ሰ. መልሲ የለን

2 ብዙሓት ተዛረብቲ ቋንቋ ኣብ ትሕቲኡ ዘለውዎ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋ ዓለምና መን ይበሃል?

ሀ. ኢንዶ - ዩሮፕያን
ለ. ሲኖ ቲበታን
ሐ. ኣውስትሮ ኤሽያቲክ
መ. ኒሎ ኮንጎ
ሰ. መልሲ የለን

3 ኣብ ዓለምና ብዙሕ ተዛረብቲ ካብዘለውዎም ቋንቋታት ውሽጢ ካብ 1ይ - 5ይ ደረጃ ዘይምደብ ኣየናይ`ዩ?

ሀ. ጀርመንኛ
ለ. ስፓኝ
ሐ. ዓረብኛ
መ. ሂንዱ
ሰ. መልሲ ኣይተውሃበን፡፡

4 ካብዞም ዝስዕቡ ኣብ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ጥራሕ ዘይርከብ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ኣፍሮ ኤሽያቲክ
ለ. ኒሎ ሰሃራዊ
ሐ. ኒሎ ኮንጎ
መ. ኮይሳን
ሰ. መልሲ የለን

5 ብቋንቋ ግሪክ ዲሞክራሲ እንታይ ማለት እዩ?

ሀ. ፍልስፍና
ለ. ሰላማዊ ሰልፍን መረፃን
ሐ. ህዝባዊ ምምሕዳር
መ. ስነ ፅሑፍ

6 ጥንታውያን ፈላስፋታት ግሪክ ተባሂሎም ዝፍለጡ እንመን ነይሮም?

ሀ. ሄሮዱተስ፣ ሂፖክራተስን ዲሞክሪተስን
ለ. ሶቅራጦስ፡ ፕሉቶን ኣሪስጣጣሊስን
መ. ሆሜር፣ ጁሊየስን ኣውጉስተስን
ሐ. ላኦ-ፀን ኮንፉሺዩስን
ሰ. መልሲ ኣይተውሃበን

7 ኣብ ዘመነ ስልጣነ ጥንታዊ ሮማ ፍሉጣት ዝነበሩ ፃሓፍትን ተመራመርትን ታሪክ

ሀ. ሊቪይ፣ ፕሉታርክን ታሲተስን
ለ. ሲሰሮ፣ ሲኔካ፣ ቨርጂልን ሆራክን
ሐ. ጋላን፣ ፕቶሎሚን ኮፐርኒከስን
መ. ኩሎም መልሲ እዮም

8 ካብዞም ዝስዕቡ መግለፂ ጥንታዊ ስልጣነ ሮም ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ፊደል ላቲን መሰረት ቋንቋታት ሮማውያን ምኳኑ
ለ. ጥንኩር ሰራዊት ነይሩ
ሐ. ብባሕርን ብምድርን ዝተጠናኸረ ምንቅስቓሳት ስራሕቲ ንግድን ሸቐጣትን ነይሮም
መ. ፅፉፍን ጥንኩርን ስርዓት ስነ ህንፃን ቅርፃ ቕርፅን ማፅቢሎም ነይሮም
ሰ. ምምሕዳርን ዝተፈላለዩ ሕግታትን ነይሮም
ሸ ኩሉ መልሲ እዩ፡፡

9 ውፅኢት መግለፂ ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ጥራሕ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ዓብዪ መንደቕ፣ ስራሕቲ ወረቐትን ሕትመትን
ለ. መሐበሪ ኣንፈት ዝኾነ ኮምፓስ
ሐ. ነሓስን መዳብን ዝተሰርሑ ሳናቲም
መ. መዐቀንታት ክብደትን ርሕቐትን
ሰ. ራዕዲ መሬት ዝፈልይ መሳርሒ
ሸ. ኩሉ መልሲ እዩ

10 ዘመነ መዳብ ቻይና ተባሂሉ ይፍለጥ ዝነበረ እዋን ኣበየናይ ስርወ መንግስቲ ነይሩ?

ሀ. ህሲያ
ለ. ሻንግ
ሐ. ገሮዩ (ቾዩ)
መ. ቺን (ኲን)
ሰ. ሃን

11 ቀንዲ መንደቕ ቻይና ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣበየናይ ስርወ መንግስቲ ተሃኒፁ?

ሀ. ህሲያ
ለ. ሻንግ
ሐ. ገሮዩ (ቾዩ)
መ. ቺን (ኲን)
ሰ. ሃን

12 ጥንታውያን ቻይናውያን ንግዲ ዓለባ ሃሪ ናብ ወፃኢ ሃገራት ይወስዱሉ ዝነበረ ኣበየናይ ስርወ መንግስቲ እዩ?

ሀ. ህሲያ
ለ. ሻንግ
ሐ. ገሮዩ (ቾዩ)
መ. ቺን (ኲን)
ሰ. ሃን

13 ኣብ ከባቢ ቺሌን ፔሩን ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ዘማዕበልዎ እንመን ነይሮም?

ሀ. ማያውያን
ለ. ኢንካውያን
ሐ. ኣዝቴካውያን
መ. ኩሉ መልሲ`ዩ

14 ኣብ ማእኸላይ ኣመሪካ ዝርከባ ሃገራት ጓቴማላን ኤልሳልቫዶርን ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ዘማዕበልዎ እንመን ነይሮም?

ሀ. ማያውያን
ለ. ኢንካውያን
ሐ. ኣዝቴካውያን
መ. ኩሉ መልሲ`ዩ

15 ማእኸሎም ኣብ ቴኖችቲቶን ብምግባር ኣብ ሜክሲኮን ከባቢኡን ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ዘማዕበልዎ እንመን ነይሮም?

ሀ. ማያውያን
ለ. ኢንካውያን
ሐ. ኣዝቴካውያን
መ. ኩሉ መልሲ`ዩ

**II** *ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም "ሓቂ" እናበልኩም፣ ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ።*

16 ኢንዱስትሪያል ወያነ ንመጀመርታ ግዘ ዝተርኣየን ዝማዕበለን ኣብ ሃገረ እንግሊዝ እንትኸውን ቀጺሉ ዝተስፋሕፍሐሎም ግና ናብ ኣውሮፓን ሰሜን ኣመሪካን እዩ፡፡

17 ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ንምስፍሕፋሕን ምግፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ መንቀሊ ምኽንያት ኾይኑ ኣገልጊሉ እዩ፡፡

18 ብ1882 ዓ.ም.ፈ ሃገራት እንግሊዝ፣ ፈረንሳይን ሩስያን "ስሉስ ኪዳን" ዝበሃል ጥምረት መስሪተን፡፡

19 ብ1907 ዓ.ም.ፈ ሃገራት ጀርመን፣ ኣውስትሮ - ሃንጋሪን ጣልያንን "ስሉስ ምሕዝነት" ዝበሃል ጥምረት መስሪተን፡፡

20 ብ1905ን 1911ን ዓ.ም.ፈ. ፈረንሳይን ጀርመንን ኣብ ጉዳይ ሃገረ ሞሮኮ ኣብ ኣፍሪካ ነንርእሰን ተጓኒፀን ነይረን፡፡

21 ቅድሚ ካልኣይ ኲናት ዓለም ምጅማሩ ሓይልታት ኣክሲስ ንብዙሓት ሃገራት ኣውሮፓን ቻይናን ይወሩ ነይሮም፡፡

22 ኣብ ታንጋኒካ "ማጂ ማጂ" ኣብ ኬንያ "ማው ማው" ዝበሃሉ ምንቅስቓሳት ኣንፃር ባዕዳዊ ግዛእቲ ዝተወልዑ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ኣፍሪካውያን እዮም ነይሮም፡፡

23 ኣብ ታንዛኒያ "ጁሊየስ ነሬሬ"፣ ኣብ ኬንያ "ጆሞ ኬንያታ"፣ ኣብ ጊኒ ድማ "ሳሞሬ ቱሬ" ድሕሪ ነፃነት መረሕቲ ሃገራቶም ዝነበሩ እዮም፡፡

24 ቅድሚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም እንግሊዝን ፈረንሳይን ብምኽንያት ህንፀት ሓይሊ ባሕሪ ይነሓነሓ ነይረን፡፡

25 ፈረንሳይ ግዝኣታት ኣልሳስን ሎሬይንን ዝበሃላ ካብ ጀርመን ክመለሳላ ትደልይ ነይራ፡፡

26 ጣልያን ምስ ስሉስ ኪዳን ዝነበራ ውዕል ገዲፋ ብ1915 ምስ ሓይልታት ምሕዝነት ወጊና ኣብ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ተሳታፊት ነይራ፡፡

III *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግልፂ፣ ቅኑዕን ትኽክለኛ መልሲ ሃቡ:: ብደንቢ ግለፅዎም::*

27 ብደረጃ ዓለም ዝርአዩን ልሙድ ዝኾኑን መሰረት መነባብሮ ህዝቢ ዝበሃሉ ሰለስተ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ግለፁ፡፡

28 ኢንዱስትሪያል ወያነ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣብርሁ፡፡

29 ሃገራት ኣውሮፓ ንምስፍሕፋሕን ምግፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ቀንዲ ዋኒኖም ገይሮም ዝወሰዱሉ ምኽንያት ግለፁ፡፡

30 መንቀሊ ምኽንያታት ቀዳማይ ኲናት ዓለም እንታይ'ዮም?

31 መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም ግለፁ፡፡

32 ካርታ ኣውሮፓ ቅድሚ ቀዳማይ ኲናት ዓለምን ድሕሪኡን (1919 - 1939) ዝነበሩ ብምንፅፃር ሓንቲ ሃገር ነይራ ኣብ ክልተ ዝተመቐለትን ሓደሽቲ ዝተፈጠራ ሃገራትን ብዝርዝር ግለፁ፡፡

33 ኣመሪካ ብ1945 ኣብ ጃፓን ዝፈፀመቶ ደብዳብ ኣቶሚክ ቦምብ ግለፁ፡፡

34 ኣብ ምዕራብን ምብራቕን ኣፍሪካ ዝነበሩ ፍሉጣት ሰለስተ ተጋድሎ ኣንፃር ባዕዳውያን ግዛእቲ ምስ ዝነበሩ መረሕቶም እናገናዘብኩም ግለፁ፡፡

35 ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ሕግታት ምምሕዳር ባዕዳዊ ግዛእቲ ኣፍሪካ ኣረድኡ፡፡

## IV ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዘለዉ ምስ ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ኣዛምዱ፡፡

| ሀ | | ለ | |
|---|---|---|---|
| 36 | ቶማስ ኒውኮመን | ሀ. | ብ1879 ኤሌክትሪክ ኣምፑል ምሂዙ |
| 37 | ጀምስ ዋት | ለ. | መራሒ ምንቅስቓስ ነፃነት ጋና |
| 38 | ሮበርት ፉልተን | ሐ. | ፖሊሲ ምምሕዳር እንግሊዝ |
| 39 | ጆርጅ ስቴፌንሰን | መ. | ፖሊሲ ምምሕዳር ፈረንሳይ |
| 40 | ሚካኤል ፋራዳይ | ሰ. | ብ1892 ብናፍጣ ዝሰርሕ ዲዚል ሞተር ምሂዙ |
| 41 | ሳሙኤል ሞርስ | ረ. | ምንቅስቓስ ነፃነት ኣፍሪካ |
| 42 | ኣሌክሳንደር ግራሃም ቤል | ሸ. | ኣተሓሳስባ ሊበራሊዝም ዝገለፀ |
| 43 | ቶማስ ኤዲሶን | ቀ. | ብ1903 ኣውሮፕላን ዝሰርሑ ኣሕዋት |
| 44 | ሩዶልፍ ዲዜል | በ. | ዝበለፀን ዝፀበቐን ምህዞ ውፅኢት ብዙሓት ሰባት'ዩ ዝበለ |
| 45 | ዊልበርን ኦርቪለ ራይትስ | ተ. | ብ1807 ብሓይሊ ሃፋ ትንቀሳቐስ ጀልባ |
| 46 | ጆን ስቱኣርት ሚል | ቸ. | ብሓይሊ ሃፋ ዝሰርሕ ሞተር ብ1705 ንፈለማ ምሂዙ |
| 47 | ቀጥታዊ ምምሕዳር | ነ. | ብ1814 ብሓይሊ ሃፋ ትንቀሳቐስ ባቡር ምድሪ ዝሰርሐ |
| 48 | ዘይቀጥታዊ ምምሕዳር | ኘ. | ብ1831 ብሓይሊ ኤሌክትሪክ ትሰርሕ ዲናሞ ዝመሃዘ |
| 49 | ፓን ኣፍሪካኒዝም | አ. | ብ1844 ቴሌግራፍ ፈለማ ዝመሃዘ |
| 50 | ዶክተር ኩዋሜ ኑክሩማህ | ከ. | ብ1876 ቴሌፎን ንመጀመርታ ግዜ ዝመሃዘ |

# ምዕራፍ ክልተ

# ገፀ መሬት ዝልውጡ ሓይልታት



## ውፅኢት እዚ ምዕራፍ

***ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም፥***

- ገፀ መሬት ዝልውጡ ሓይልታትን ሳዕቤናቶምን ተብርሁ፡፡
- ኣብ ካርታ ስፍሓትን ርሕቐትን ቦታታት ትዕቅኑ፡፡

## ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'የ-ም

***ተምሃሮ ነዚይ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ተማዕብሉ፥***

- ገፀ መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ትገልፁ፡፡
- ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ኣብ ገፀ መሬት ዘለዎም ሳዕቤን ትገልፁ፡፡
- ገፀ መሬት ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታት ትገልፁ፡፡
- ውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ኣብ ገፀ - መሬትን ህይወት ደቂ ሰብን ዘለዎም ሳዕቤናት ትገልፁ፡፡
- እንታይነት ሚዛን ካርታ ትገልፁ፡፡
- ዝተፈላለዩ መግለፂ ሜላታት /መንገድታት/ መስመራዊ ሚዛን ካርታ ትፀርሑ፡፡
- ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ትግብጡ፡፡
- ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታን ስፍሓት ስሩዕ ቕርፂ ዘለዎም ቦታታትን /ስእልታትን/ ተስልሑ፡፡

# መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ካልኣይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ብዛዕባ ገፀ መሬት ዝልውጡ ሓይልታት ዝምልከት እንትኸውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ርእስታት ዝሓዘ'ዩ። ንሳቶም ድማ ኣብቶም ንገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ክልተ ዓበይቲ ሓይልታትን ከምኡ'ውን ኣብ ትምህርቲ ካርታን ዝተደረኹ'ዮም። እቶም ንገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ዝምልከት ትሕዝቶ ትምህርቲ ብዝበለፀ ኣብ ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ዝጠመተ'ዩ። እቶም ንገፀ ምድሪ ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታት ዝምልከት ትሕዝቶ ድማ ብቐንዱ ኣብ እሳተ ጎሞራ፣ ርእደ ምድሪ፣ ምንቃዕ መሬትን ምትዕፅፃፍ መሬትን ዝጠመተ'ዩ። እቲ ቐፂሉ ዝመፅእ ካልኣይ ዓብዪ ትሕዝቶ ድማ ተምሃሮ ኣብ ካርታ ርሕቐትን ስፍሓትን ከመይ ክትዕቅኑ ከምእትኽእሉ እትመሃሩሉን ብዛዕባ ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ክእለት እተማዕብልሉን'ዩ። ስለዚ እዚ ምዕራፍ ኣዝዮም ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ንተምሃሮ ዘተባብዕ'ዮም፡፡ ነዚ ምዕራፍ ኣዝዩ ሰሓባይ ንምግባር ዝተፈላለዩ መግለፅታትን መህንቀውታት ስእላዊ መግለፅታትን ኣለዉ'ዮም፡፡ እሞ ተምሃሮ እናተመያየጥኩምን እናሓተትኩምን ምስ መምህርኩም ፅቡቕ ከምትረዳድኡ ትፅቢት ንገብር፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 2.1

ተምሃሮ ብጉጀለ ተመዲብኩም ካብ ቤት ትምህርትኹም፣ ውፅእ ኢልኩም፣ ከባቢኹም ብምዕዛብን ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምይይጥ ብምክያድን ንክፍልኹም ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

1 እንታይ ዓይነታት ገፀ - መሬት ትፈልጡ? እስቲ ዘርዝርዎም?

2 ካብቶም ዝዘርዘርኩምዎም ዓይነታት ገፀ መሬት ብዝተፈላለዩ ሓይልታት ዓይነቶምን ቕርፆምን ተለዊጦም እዮም እትብልዎም ኸትገልፁ ትኽእሉዶ? እስቲ ግለፁ?

3 እቲ ዝተለወጠ ገፀ መሬት ብምንታይ ሓይሊ ዝተለወጠ ይመስለኩም?

4 ብሓፈሻ እንትርእይዎ እስቲ ኣብ ዓለምና ገፀ መሬት ክልውጡ ዝኽእሉ ሓይልታት ተፈጥሮ ዘርዝሩ?

ተምሃሮ እቶም ብጉጀለ ኮይንኩም ዘለለኹምዎም ዓይነታት ገፀ ምድሪ በብእዋኑ እናተለወጡ ዝመፁ እዮም፡፡ እቶም እምባታት፣ ጎቦታት፣ ኸበሳ፣ መታሕት፣ ሜዳታት፣ ሽንጥሮታት፣ ጉህምታት፣ ፀድፍታት ወዘተ ብዝተፈላለዩ ሓይልታት ተፈጥሮ ዝተሰርሑ እዮም፡፡ ሕድሕድ ገፀ መሬት ሓንሳብ ምስ ተፈጠረ ከምኡ ኢሉ ዝነብር ኣይኮነን፡፡ እምባ ዝነበር ሜዳ ክኾን ይኽእል፣ ሜዳ ዝነበረ ሽንጥሮ ክኾን ይኽእል፣ ጎቦ ዝነበረ ናብ ጉህሚ ኽልወጥ ይኽእል፡፡ ከምዚ ዓይነት ለውጢ

ግና መብዛሕትኡ ግዘ ብሚልዮናት ወይ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ዓመታት ዝወስድ እዩ። ንገፀ መሬት ዝልውጡ ሓይልታት ተፈጥሮ ብዙሓት እዮም። ተምሃሮ እስኺ ሓደ ሓደ ኣብነታት ዘርዝሩ?

ገፀ - መሬት ዝልወጡ ሓይልታት ብሓፈሻ እንትርኣዩ ኣብ ክልተ ይምደቡ። ንሳቶም ድማ ደጋዊ ሓይልታትን ውሽጣዊ ሓይልታትን እዮም።

# 2.1 ደጋዊ ሓይልታትን ኣብ ቅርፀ መሬትን ህይወት ደቂ ሰባትን ዘለዎም ሳዕቤንን



## ንጥፈት 2.1

ተምሃሮ እስኺ በብኽልተ ኮይንኩም ነቲ ጠርጴዛ ድፍእዎ? ነቲ ወንበር ሳሓብዎ? ሕዚ ድማ እስኺ ጥርሙስ ማይ መሊእኹም ካብ ላዕሊ ኣብ ርእሲ ሓመድ ድፍእዎ? ጠረጴዛ፣ ወንበርን ሓመድን ኩሎም ተንቀሳቒሶምዶ? ንምንታይ?

እቲ ጠረጴዛ፣ መንበር ወይድማ ሓመድ ንዝተወሰነ ርሕቐት ዝተንቀሳቐሰን ቦትኡ ዝለወጠን ድማ ኣብ ልዕሊኡ ደጋዊ ሓይሊ ስለ ዝዓረፎ እዩ። ብኽምዚ ዓይነት መንገዲ'ውን ኣብ ልዕሊ ላዕለዋይ ኣካል ምድሪ ዝርከቡ ገፀ-መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ኣለዉ'ዮም።

ገፀ-መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት እቲ መሬት ብራኽኡ ክውስኽ ወይ ክንኪ ዝገብሩ'ዮም። እዚ ማለት እምባ ዝነበረ ሜዳ ወይ መታሕት ክኾን ይገብርዎ ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ሓደ እዋን መታሕት ወይ ሜዳ ዝነበረ እምባ ወይድማ ኽበሳ ይኸውን ማለት'ዩ።

## 2.1.1 ለውጢ ገፀ-መሬት ብደጋዊ ሓይልታት ብኸመይ ይፍፀም?

ኩሎም ገፀ-መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ብሓፈሻ እንትረኣዩ ብክልተ ኣገባባት ዝካየዱ እዮም። ንሳቶም ድማ ፊዚካላዊ ወይድማ ቕርፃዊ ኣገባብን ኬሚካላዊ ወይድማ ቕመማዊ ኣገባብን እዮም።

### ሀ. ፊዚካላዊ ወይድማ ቕርፃዊ ኣገባብ

*ተምሃሮ! ሓደ ተምሃራይ መጀመርያ ዝገዝኦ እርሳሱን ድሕሪ ነዊሕ እዋን እናተጠቐመሉ ምስ ፀንሐን ኣብቲ እርሳስ እንታይ ዓይነት ለውጢ ይርአ? እንታይ ዓይነት ደጋዊ ሓይሊ ስለ ዝዓረፎ እዩ ቕርፁ ተለዊጡ? እስኺ ተመያየጥሉ?*


ብፊዚካላዊ ኣገባብ ዝልወጥ ገፀ-መሬት ልክዕ ከምቲ እርሳስ እናተሰባበረን እናደቀቐን ዝኸይድ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ቅርፁ ጥራይ እዩ ዝልውጥ እምበር ውሽጣዊ ትሕዝቶኡን ባህርያቱን ዝልወጥ ኣይኮነን፡፡ ከውሒታት ሰባቢሮምን ኣድቂቖምን በዚ ድማ ገፀ-መሬት ክልወጥ ዝገበሩን ስለስተ ሓይልታት ኣለዉ፡፡ ንሳቶም ድማ ምቅይያር መጠን ረስኒ፣ በረድን ከምኡ እውን ኣፅዋትን እንስሳትን እዮም፡፡ እስቲ ሰለስቲኦም በብሓደ ንርኣዮምለ:

1 **ምቅይያር መጠን ረስኒ፤** ተምሃሮ! ኣብ ከባቢኹም ኣብ መንጎ ለይትን ቐትርን ዘሎ መጠን ኣፈላላይ ረስኒ ኸመይ እዩ? ኣብ ሓደሓደ ቦታታት ብሕልፊ ኣብ ምድርበዳን ሓውሲ ምድርበዳን ዘሎ ምቅይያር መጠን ረስኒ ኣዝዩ ልዑል ስለ ዝኾነ ኣብ ምልዋጥ ገፀ-መሬት ዓብይ ተራ ኣለዎ እዩ፡፡ ኣብዚይ ኸባቢ ቀትሪ ቀትሪ መጠን ረስኒ ኣዝዩ ልዑል ስለዝኾነ ከውሒታት ቀልጢፎም ይረስኑ በዚ ድማ ይንፍሑን ይዝርግሑን፡፡ በኣንፃሩ ድማ ለይቲ ለይቲ ኣዝዩ ዝሑል ኩነታት ኣየር ስለ ዝህሉ ከውሒታት ቐልጢፎም ይዝሕሉን ይጭበጡን፡፡ ብምኽንያት ምዝርጋሕን ምጭባጥን ድማ ኸውሒታት ይነቕዑ በዚይ ድማ ይፈነጫጨሉን ይሰባበሩን፡፡ ብኸምዙይ መንገዲ ንብዙሕ ዓመታት በብመዓልቱ እንትነቕዑን እንትሰባበሩን ድማ ገፀ-መሬት ይልወጥ፡፡



ስእሊ 2.1: ምቅይያር ረስንን ከውሒታትን

2 **በረድ፤** ተምሃሮ ማይ ኣዝዩ እንትዝሕል ናብ በረድ ከምዝልወጥ ትፈልጡ ኢኹም። ብትሕዝቶኽ ኣየንኡ ዝሰፍሐ ቦታ ይሕዝ? ኣብ እምባ፣ ጎቦ፣ ሜዳ፣ ሸንጥሮ ወዘተ ነቓዕ መሬት ኣሎ እዩ፡፡ ማይ ኣብ ከምዚይ ዓይነት ነቓዕ ከውሒ ኣትዩ እንትዝሕልን ናብ በረድ እንትልወጥን ብትሕዝቶኡ ስፍሕ ስለዝብል ዝሰፍሐ ቦታ ይሕዝ፡፡ በዚይ ኣቢሉ ድማ እቲ ነቃዕ ይሰፍሕን ይዓሙቕን፡፡ እዚይ ንነዊሕ እዋን እንትቕፅል እቲ ከውሒ ቐስብቐስ እናተሰባበረን እናተፈንጨለን ይኸይድ፡፡ በዚይ ኣቢሉ ድማ ብምኽንያት በረድ እቲ ገፀ-መሬት ይልወጥ፡፡




ስእሊ 2.2: በረድ ኣብ ነቓዕ ከውሒ

3 **እፀዋትን እንስሳትን፣** ዓበይቲ እፀዋት ሱሮም ናብ ውሽጢ መሬት እናሰንጠቑ እንትኣትዉ ነቶም ኸውሕታት የንቅዕዎም፣ ቐስ ብቐስ ድማ ይሰባብርዎም። ከምኡ እውን ዓበይትን ኣናእሽቱን እንስሳት ኣብ ዝነብሩሉ መሬት ብዘካይድዎ ዕለታዊ ተግባራት መሬት ይጉሕጉሕን ከምኡ እውን ከውሕታት ይሰባበሩን እዮም። እዙይ ከይዲ ንነዊሕ እዋን እንትቕፀል ገፀ-መሬት ናይቲ ኸባቢ ይልወጥ። ወድሰብ'ውን ንስራሕቲ ሕርሻ፣ መዓድን፣ መንበሪ ቦታታት፣ መንገዲ፣ ወዘተ ኢሉ ኣብ ዝገብሮ ናይ ነዊሕ እዋን ምንቅስቓስ ኣብ ምልዋጥ ገፀ-መሬት ዓብዩ ግደ ይፃወት እዩ። ካብ ዓቐን ንላዕሊ እንስሳት ዝተዋፈርሉ ጎልጎል'ውን ሓመዱ ክወፅእ ብምግባር መሬቱ ክጉሕጉሕ ይኽእል እዩ።



ስእሊ 2.3: ገፀ-መሬት ዝልውጡ ሰራውር-ኣግራብ

## ለ. ኬሚካላዊ ወይድማ ቕመማዊ ኣገባብ



### ዕዮ ጉጅለ 2.2

ተምሃሮ! እስቲ ኣብ ከባቢኹም ስራሕቲ ህንፃ ኣብ ዝካየደሉ ቦታ ብምኻድ ወይ ካብ ካልእ ቦታ ኣሊሽኩም እምኒ-ኖራ ናብ ክፍሊ ኣምፅኡ፡፡ ምስ መምህርኩም ብምትሕብባር ተጠንቂቕኩም ነቲ እምኒ ኖራ ናብ ማይ ዝመልአ ብርጭቆ /ኩባያ/ ኣእትውዎ፡፡ እንታይ ዓይነት ለውጢ ተዓዚብኩም? ተመያየጥሉ፡፡ ተምሃሮ ገፀ-መሬት ብኬሚካላዊ ወይድማ ቕመማዊ ኣገባብ ዝልወጥ ከመይ ኢሉ እዩ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጥሉ?

እዚ ኣገባብ ከውሕታት ብውሽጣዊ ትሕዝቶኦም ተቐይሮም ገፀ-መሬት ዝልውጥሉ ኸይዲ እዩ፡፡ ከውሕታት ኬሚካላዊ ወይድማ ቕመማዊ ትሕዝቶኦም ዝልውጡ ብኸልተ ሓይልታት እዩ፡፡ ንሳቶም ድማ

- ማይ ን
- እፅዋትን እንስሳትን እዮም፡፡

1 **ማይ፦** ከውሕታት ኬሚካላዊ ወይድማ ቅመማዊ ትሕዝትኦም ንኽልወጥ ካብ ዝገብሩ ሓይልታት እቲ ቐንዲ ዝናብ እዩ፡፡ ዝናብ እንትዘንብ ኣብ ከባቢ ኣየር ዘሎ ኦክሲጅንን ካርቦን ዳይኦሳይድን ሓዊሱ ስለዝዘንብ ፅሩይ ኣይኮነን፡፡ ከምዚይ ዓይነት ኦክስጅን ዘለዎ ማይ ዘኒቡ ናብ ኸውሕታት እንትኣቱ ኣብ ልዕሊ'ቶም መዓድናት ኬሚካዊ ለውጢ የምፅእ፡፡ እቶም መዓድናት እናሐቐቁ ምስ ዝኸዱ እቶም ከውሕታት ጥንካረኦም ይንኪ፣ ፎኽስቲ ይኾኑን ይሽራረፉን፡፡ ንኣብነት ነቲ ሓፂን ዘለዎ ኸውሒ እቲ ሓፂን ንኽምርት ይገብሮ፣ ዝመረተ ሓፂን ዝሓዘ ከውሒ ድማ ፎኺሱ ይሰባበር ብድሕሪዙይ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ እቲ ገፀ-መሬት ድማ ፈፂሙ ይቕየር፡፡

ኬሚካላዊ ወይድማ ቕመማዊ ኣገባብ ንገፀ-መሬት ብዝበለፀ ዝልውጦ ብሕልፊ እቲ ኸውሒ ናይቲ ገፀ-መሬት ኖራ /ላይምስቶን/ እንተኸይኑ እዩ፡፡ ማይ ብቐፀላታት እምኒ-ኖራ ኣቢሉ እንትፈስስ ነቶም ኸውሕታት ባሕጉጉ ጉድጓድ ዝመስል ክፍተት ይፈጥር፡፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን እቲ ጉዳጓድ እናሰፍሐ ኸይዱ በዓቲ ይኸውን፡፡ ናይቲ በዓቲ ናሕሲ /ቦሎፎን/ እውን ፍሉይ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ብዘለዎም ዝተንጠልጠሉ ኖራታት ይምላእ፡፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን እቶም ዝተንጠልጠሉ ኖራታት ኣብ ባይታ እቲ በዓቲ እናተኣከቡ ይኸዱ፡፡ ኣብ መወዳእታ እውን እቶም ናይ ባይታ ምስቶም ናይ ናሕሲ ተራኺቦም ዓንዲታት ይሰርሑ፡፡ ብኸምዙይ ዓይነት መንገዲ ድማ ትሕዝቶ ገፀ-መሬት ይልወጥ፡፡



ስእሊ 2.4: ዝተንጠልጠሉ እምኒ-ኖራ ኣብ በዓቲ

2 **እፀዋትን እንስሳትን፣** ኣብ ሓመድ ዝርከቡ ባክተርያን ካልኦት ሓሳኹን ነቶም ማዕድናት-ሓመድ ክሰባበሩን ኽፈረኻከሱን ይገብሩ እዮም። ዝተፈላለዩ እፀዋት እውን ኣብ ሓመድ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ማዕድናት ብምግብነት ይጥቀሙ እዮም። ከምኡ እውን ዝበሰበሱ እፅዋትን እንስሳታትን ኣብ ውሽጢ እቲ ሓመድ ኣሲድን ካልኦት ቕመማትን ክፍጠር ይገብሩ እዮም።

እዞም ኩሎም ተግባራት እፀዋትን እንስሳታትን ኬሚካዊ ትሕዝቶ ኸውሕታት ኣዝዩ ኽልወጥ ዝገብሩ እዮም። በዙይ ድማ እቶም ኸውሕታት ኣብ ጥንካረኦም፣ ሕብሮም፣ መዓድናዊ ትሕዝቶኦምን ዝመሰሳሉን ዓብዪ ለውጢ የርእዩ። ከምዙይ ኣቢሎም ድማ ገፀ መሬት ይልውጡ።

## 2.1.2 ፍግረ መሬትን ምውህላል ሓመድን ሳዕቤናቶምን



### ዕዮ ጉጅለ 2.3

ተምሃሮ! በብጉጅለኹም ኣብዞም ዝስዕቡ ዛዕባታት ተመያይጥኩም ፀብፃብኩም ንኽፍሊ ኣቕርቡ?

1 ፍግረ መሬት እንታይ ማለት እዩ? ምውህላል /ምንባር/ ሓመድ ከ?

2 ፍግረ መሬትን ምውህላል ሓመድን ዝፈጥሩ ሓይልታት ዘርዝሩ?

3 ፍግረ መሬት ኣብ ምልዋጥ ገፀ መሬትን ኣብ ህይወት ደቂ ሰባትን እንታይ ዓይነት ሳዕቤናት ኣለውዎ?

4 ምውህላል መሬት ገፀ-መሬት ኣብ ምልዋጥ ይኹን ኣብ ህይወት ደቅሰባት እንታይ ዓይነት ሳዕቤናት የምፅእ?
5 ኣብ ከባቢ'ኹም ፍግረ መሬት ብግልፂ ዝረአየሉ ቦታ ኣለልዩ? መንቀሊኡ እንታይ ከምዝኾነ ተገንዚብኩም ግለፁ?
6 ተኽልታቱ ካብ ዝበርስዎ ፀድፍን ጎቦን ምስቲ ብተኽልታት ዝተሸፈነ መሬት እንትነፃፀሩ ዝለዓለ ፍግረ መሬት ዘለዎ ኣየንኡ እዩ? ምኽንያቱ'ኸ?

## ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድን ኹውሕታትን ብደጋዊ ሓይልታት እናተባሕጎገ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ እንትንቐሳቀሱ ፍግረ መሬት ይበሃል፡፡ ብኣንፃሩ ድማ እቲ ብፍግረ መሬት ተባሕጒጉ ዝተጓዓዘ ሓመድን ኹውሕን ኣብ ሓደ ቦታ ተነባቢሩ ወይ ተደራሪቡ እንትእከብ ምውህላል መሬት ይባሃል፡፡

ተምሃሮ! እዞም ደጋዊ ሓይልታት እንታይ እንታይ እዮም? ሓይልታት ፍግረ-መሬትን ምውህላል መሬትን ዝበሃሉ ከም ወሓዚ ማይ /ሩባ/ ፣ ማዕበል ባሕሪ፣ በረድ፣ ንፋስ፣ ግራቪቲ /ስሕበት መሬት/ ደቅሰባትን እዮም፡፡ እቶም ቐንዲ ገፀ-መሬት ዝልውጡ ሓይልታት ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ግና ማይን /ሩባ/ ንፋስን እዮም፡፡ ተምሃሮ ብሩባ ዝፍጠር ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን እንታይ ሳዕቤናት የምፅእ?

### ሀ. ብሩባ ዝፍጠር ፍግረ መሬትን ምውህላል ሓመድን ሳዕቤናቶምን

ካብ ኩሎም ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት እቲ ዝለዓለ ለውጢ ዘምፅእ ሩባ እዩ። ብሓፈሻ እንትርአ ኣብ ቁልቁለትን ብእፀዋት ኣብ ዘይተሸፈኑ ቦታታትን ብሩባ ዝፍጠር ፍግረ መሬት ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ፡፡

ናይዙይ ቐንዲ ምኽንያት ድማ ኣብዞም ቦታታት ፍጥነት ሩባ ልዑል ስለ ዝኾነ ዝብሕጎገ ሓመድ እውን ልዑል ስለ ዝኾነ እዩ፡፡ ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ሜዳታትን ታሕተዋይ ክፋል መንገዲ ሩባን ዝውህለል መሬት ድማ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ፡፡ ናይዙይ ምኽንያት ድማ ኣብዙይ ቦታ ፍጥነት ሩባ ኣዝዩ ትሑት ስለ ዝኾነ እቲ ካብ ላዕሊ እናተጓዓዘ ዝመፀ ደለል ሓመድ ኣብ ርእሲ-ርእሲ እናተነባበረ ወይ እናተደራረበ ስለ ዝውህለል እዩ፡፡

ተምሃሮ ብሩባ ዝፍጠር ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬት ኣብ ገፅ-ምድሪ ይኹን ኣብ መነባብሮ ደቂ ሰባት እንታይ ዓይነት ሳዕቤናት ይህልዎ ትብሉ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ተምሃሮ ኣብ መጀመርያ ክፋል ናይዙይ ምዕራፍ ከምዝተመሃርኩምዎ ቐንዲ ሳዕቤን እቶም ገፀ-መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ብራኽ መሬት ክንኪ ወይ ክውስኽ

ምግባር እዩ፡፡ ብሩባ ብዝፍጠር ፍግረ መሬትን ብምውህላል ሓመድን ካብ ዝፍጠሩ ዓይነታት ገፀ-መሬት እዞም ዝስዕቡ እቶም ቐንድታት እዮም፡፡

1 **ጉህሚ፤** ሓያል ፍጥነት ዘለዎ ሩባ ብእፀዋት ኣብ ዘይተሸፈነ ቦታ እንትውሕዝ ነቲ መሬት ብምብሕጓግ ኣዝዩ ሰፊሕ ጉድጓድ ዝመስል ዓሚቕ ገፀ መሬት /ጉህሚ/ ይፈጥር። ጉህሚ ስለ ዘይሕረስ ፍርያት ሕርሻ ይጎኪ፡፡ ጉህሚ ብሕልፊ ዋሕዲ ዝሕረስ መሬት ኣብ ዘለዎ ኸባቢ ዝነበሩ ሓረስቶት ውሕሰነት ምግቢ ኸይረጋገፅ ይገብር እዩ፡፡



ስእሊ 2.5: ጉህሚ

2 **ምግህማስ መሬት፤** ብማይ ዝናብ ይኹን ብሩባ ንነዊሕ ግዜ ዝለስለሰ እምባ፣ ጎቦ ወይ ከበሳ ብግራቪቲ /ስሕበት-መሬት/ ካብቲ ዝነበሮ በሪኽ ቦታ ተጋህሚሱ ንታሕቲ እንትፀድፍ እቲ ዝነበረ ገፀ-መሬት ምሉእ ብምሉእ ይልወጥ፡፡ መንገድታት ክዕፀዉን መንበሪ ገዛውቲ ክዓንዉን ይገብር እዩ፡፡



ስእሊ 2.6: ምግህማስ መሬት

3 **መንጫዕጫዕታ፤** ተምሃሮ! ኣብ ከባቢኹም መንጫዕጫዕታ ዘለዎ ቦታ ትፈልጡዶ? ከመይ ተፈጢሩ? ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መንገዲ-ሩባ ኩሉግዜ ፍጥነት ሩባን መጠን ፍግረ መሬትን ኣዝዩ ልዑል እዩ፡፡ እዚውይ ስለዝኾነ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ናይ እንግሊዝኛ ፊደል ቪ ወይ ዩ ዝመስል ቕርፂ መሬት ዘለዎ ሽንጥሮ ይፍጠር እዩ፡፡ በዚውይ ዝሓልፍ ሩባ ድማ መንጫዕጫዕታ ማይ ይፈጥር፡፡ ደቅሰባት ካብ መንጫዕጫዕታ ሃይድሮ ኤለክትሪክ ከፈልፍሉ (ከመንጭዉ) ስለ ዘኽእሎም ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ልዑል ኣስተዋፀኦ ይህልዎ፡፡ ተምሃሮ ኣብ ሩባ ኣባይ ኤለክትሪክ ዝፍልፍሉ (ዝምንጭወሉ) መንጫዕጫዕታ ስሙ እንታይ ይበሃል? ግድብ ህዳሴ ዝበሃል ኣበየናይ ሩባ ዝተገደበ ፍልፍል ሃይድሮ ኤሌክትሪክ እዩ?





ስእሊ 2.7: ካብ መንጫዕጫዕታት ሃገርና

4 **ሚያንደር፤** ሩባ ኣብ ሰጣሕ ሜዳ እንትጓዓዝ ፍጥነቱ ስለዝንኪ ከም ተመን ለመም እናበለ እንትጓዓዝ ዝፍጠር ቅርፂ መሬት ሚያንደር ይባሃል፡፡ ሚያንደር ማለት ሩባ እንትጓዓዝ ከም ሽንተ ብዕራይ እናተጠዋወየ ዝኸይድ እዩ፡፡ ሓድሓደ ግዜ ገለ ክፋል ሚያንደር ካብቲ ሩባ ተገንጺሉ ንኡሽቶይ ቓላይ ይፈጥር እዩ፡፡ እዚውይ ቓላይ ድማ ቅርፂ ሽኾና ብዕራይ ሒዙ ስለ ዝፍጠር ቃላይ ቓራቕሮ ይባሃል፡፡ **ቓላይ ቓራቅሮ** ይኹን ሚያንደር ንእንስሳት ማይን ንመስኖ ሕርሻን ጠቓምቲ እዮም፡፡



ስእሊ 2.8: ሚያንደርን ቓላይ ቃራቕሮን

5 **ዴልታ፤** ዴልታ ኣብ ታሕተዋይን ከባቢ መወዳእታን መንገዲ ሩባ ዝፍጠር ቕርፂ መሬት እዩ። ሓደ ሩባ ካብ ዝተፈላለዩ ኸባብታት ሓመድ እናባሕጎገን እናጓዓዓዘን ምስ መፀ ኣብ ኣፍ ሩባ ቅድሚ ምብፅሑ ብዙሓት ጨናፍራት ፈጢሩ ይጓዓዝ። ኣብ ጉዕዞኡ ድማ ነቲ ሓመድን ከውሕን ኣብቲ ሰጣሕ ሜዳ የዋህልሎ። እዙይ ዝተዋህለለ ትሪያንግላዊ መሬት ድማ ዴልታ ይባሃል። ዴልታ ኣዝዩ ልሙዕን ጠሊ ዘለዎን ቅርፂ መሬት ስለዝኾነ ምህርቲ ሕርሻ ንኽስስን ልዑል ኣስተዋፅኦ ዘለዎ እዩ።




ስእሊ 2.9: ዴልታ ናይል


## ለ. ብንፋስ ዝፍጠር ፍግረ መሬትን ምውህላል ሓመድን ሳዕቤናቶምን

*ተምሃሮ! ኣብ ከባቢኹም ሓያል ንፋስ እንትነፍስ ኣብ መሬት እንታይ ዓይነት ሳዕቤናት ወይድማ ተርእዮታት ትዕዘቡ?*

ንፋስ ገፀ-መሬት ካብ ዝልውጡ ግዳማዊ ሓይልታት ሓደ እዩ። ንፋስ ዋላኳ ካብ ሩባ ብዝነኣሰ መልክዑ ይኹን እምበር ሓመድን እምንን ኣብ ምብሕጓግ፣ ምጉዕዓዝን ምውህላልን ዓብዩ ግደ ኣለዎ እዩ። ብሓይሊ ንፋስ ዝልወጥ ገፀ-መሬት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ከባብታት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን እዩ ጎሊሁ ዝረአ። ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ዝናብ ዘይብሉ፣ ደረቕን ብእፀዋት ዘይተሸፈነን እዩ። እዙይ ድማ እቲ ወትሩ ዝለዓል ሓያል ንፋስ ምስ ኸውሕታት እንትላተም ይብሕጉጎ። ኣብ ሜዳታት ምድረበዳ እንትነፍስ እውን ነቲ ሓመድ ብመልክዕ ዶሮና ተሸኪሙ ናብ ካልእ ቦታ የንብሮ። በዙይ ሓያል ፍግረ መሬት ዝተጓዓዓዘ ሓመድን ከውሕን ድማ ኣብ ሓደ ኻልእ ቦታ ይወህለል። እዙይ ኸይዱ ንብዙሕ ዓመታት እንትፍፀም ገፀ መሬት ይልወጥ። ብንፋስ ካብ ዝፍጠሩ ዓይነታት ገፀ-መሬት ኩምራ ሑፃ ዝተባሃለን ከምኡ'ውን ሎስ ዝተበሃለን ዓይነታት ቅርፂ ምድሪ ይርከቡዎም።


ስእሊ 2.10: ብንፋስ ዝተፈጠረ ገፀመሬት

ኩምራ ሑፃ ኣብ ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ልሙዳት ዓይነታት ቅርፂ መሬት እዮም። እዞም ብንፋስ ተበሕጉጎም ዝተጓዓዙ ዓይነታት ሑፃ ኣብ ሓደ ቦታ ተኾሚሮም እንትውህለሉ ኣናእሽተ ጎቦታት ሑፃ ኾይኖም ደው ይብሉ። በዚይ ኣቢሉ ድማ ብንፋስ ሓዱሽ ገፀ መሬት ይፍጠር። ካልእ ብንፋስ ዝፍጠር ገፀ መሬት ሎስ ዝበሃል ብምውህላል ዝፍጠር ገፀ መሬት እዩ። ሎስ ዝተፈላለዩ መዓድናት ዝሓዘ ብንፋስ ተባሕጕጉን ተጓዓዒዙን ኣብ ሓደ ሰፊሕ ሜዳ ዝተዋህለለ ልሙዕ ሓመድ እዩ። ሎስ ብሕልፊ ጠሊ እንትረክብ ምህርቲ ሕርሻ ኣብ ምስሳን ዓብይ ግደ ኣለዎ። ካብቶም ብሓይሊ ንፋስ ዝፍጠሩ ዓይነታት ቕርፀ-መሬት ሓደ እውን ዓንዲ መሬት እዩ። ተምሃሮ ዓንዲ-መሬት እንታይ እዩ? ዓብይ እምባ ወይ ጎቦ ንኣሽሓት ዓመታት ብፍግረ መሬት እናተባሕጎገ ሓመዱ ምስተወደአ እቲ ጥንኩር ከውሒ ይተርፍ። እቲ ከውሒ እውን ብንፋስ እናተፈናጨለን እናተሰባበረን እንትኸይድ ጥራይ ዝባኑ ይተርፍ። በዚይ መንገዲ ኣቢሎም ድማ ከም ዓንዲ ደው ዝበሉ ብዙሓት እምባታትን ጎቦታትን ይፍጠሩ፣ እቲ ዝፍጠር ገፀ-መሬት ድማ ዓንዲ መሬት ይበሃል።



ስእሊ 2.11: ካብ ሳዕቤናት ንፋስ

# መልመዲ 2.1

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1 ብፊዚካላዊ ኣገባብ ገፀ መሬት ንኽልወጥ ዝገብሩ ሰለስተ ሓይልታት ዘርዝሩ?

2 ብኬሚካላዊ ወይድማ ቅመማዊ ኣገባብ ገፀ መሬት ዝልውጡ ክልተ ሓይልታት ዘርዝሩ?

3 ፍግረ መሬት እንታይ ማለት እዩ?

4 ምውህላል ሓመድ እንታይ ማለት እዩ?

5 ካብ ኩሎም ገፀመሬት ዝልውጡ ሓይልታት እቶም ክልተ ቐንዲ ሓይልታት እንመን እዮም?

# 2.2 ውሽጣዊ ሓይልታትን ኣብ ቅርፀ መሬትን መነባብሮ ወድሰብን ዘለዎም ሳዕቤንን

ተምሃሮ! ኣብ 7ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብርተሰብ ብዛዕባ ኣወቓቕራ ምድሪ ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? ቐፀላታት ምድሪ ክንደይ እዮም? እስቲ እቶም ኣብ ውሽጦም ዘለዉ ዘፍታዊ ሽውሒ፣ ከውሒ እሳተ ጎመራን ልውጥ ከውሕን ኣፈጣጥረኦም ከመይ ከምዝኾነ ተመያየጥሉ?

**ውሽጣዊ ሓይልታት** ዝበሃሉ ኣብ ውሽጣዊ ቐፀላታት ምድሪ ብዝገብርዎ ምንቅስቓሳት ገፀ መሬት ዝልውጡ ተፈጥሮኣዊ ሓይልታት እዮም፡፡ በዞም ሓይልታት ምኽንያት ገፀ መሬት ብራኽኡ ይውስኽ፣ ይንኪ፣ ይተዓፃፀፍ፣ ይሰባበር ይነቅዕ፣ ይጭበጥ፣ ይዝርጋሕ፣ ይሃምም ወዘተ፡፡ ብሓፈሻ እንትረአ ብውሽጣዊ ሓይልታታ ዝፍጠሩ ዓይነታት ቕርፂ መሬት ኣብ ኣርባዕተ ይምደቡ፡፡ ንሳቶም ድማ፡

- ምትዕፅፃፍ መሬት
- ምህማም መሬት
- ርእደ - ምድሪ
- እሳተ ጎመራ እዮም፡፡

ሀ. **ምትዕፅፃፍ መሬት፤** ተምሃሮ እስቲ ደብተርኩም ወይ መፅሓፍኩም ብየማናይን ፀጋማይን ጎኑ ብኽልተ ኢድኩም ሓይሊ ኣዕርፍሉ? ተዓፃፂፉዶ? ንላዕሊ ወይስ ንታሕቲ ገፁ? ተመያየጥሉ፡፡

ብምኽንያት ምንቅስቓስ ውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ዝተፈላለዩ ቐፀላታት ሽውሒ ብኽልተ ተፃራሪ ኣንፈታት እንትድፍኡ ምትዕፅፃፍ መሬት ይፍጠር፡፡ ተምሃሮ መሬት እንትተዓፃፀፍ ልክዕ ከምቲ ኣብ ደፍተርኩም ዝረኣይኩምዎ ገለ ኽፋሉ ንላዕሊ እንትዕፀፍ እቲ ኻልእ ክፍሉ ድማ ንታሕቲ ይዕፀፍ፡፡ ተምሃሮ ካብ ስእሊ 2.12 እንታይ ተዓዚብኩም?




ስእሊ 2.12: ምትዕፅፃፍ መሬት

ተምሃሮ ድሕሪ ሚልዮናት ዓመታት ብምኽንያት ምትዕፅፋፍ መሬት ዝፍጠሩ ዓበይቲ እምባታት ኣለዉ እዮም፡፡ ካብዚኣቶም ኣብ ዓለምና እቲ ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎ ኣብ እስያ ዝርከብ እምባ ኤቨረስት፣ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከብ እምባ ሮኪ፣ ኣብ ሰሜን ኣፍሪካ ዝርከብ እምባ ኣትላስን ካልኦትን ይርከቡዎም፡፡ ከምዚኦም ዝመሰሉ እምባታት እንትፍጠሩ ኣብ ነባሪ ኣየር ብሕልፊ ድማ ኣብ መጠን ረስንን ዝናብን ዓብዩ ለውጢ ስለ ዘምፅኡ ኣብ መነባብሮ ህዝብታት እውን ፅልዋ የሕድሩ እዮም፡፡


ለ. **ምህማም መሬት፤** ኣብ ውሽጢ መሬት ብዝፍጠሩ ሓይልታት ደጋዊ መሬት ክጭበጥን ክውጠርን ይኽእል እዩ፡፡ እዙይ ምጭባጥን ውጥረትን መሬት ድማ ምንቃዕ መሬት የስዕብ፡፡ ኣብ ገለገሊኦም ተመዓደውቲ ኣብ ካልኦት ድማ ዘይተመዓደወቲ ነቓዓት ይፍጠሩ እዮም፡፡

ድሕሪ ነዊሕ እዋን እቲ ኣብ መንጎ ክልተ ነቓዓት ዝርከብ መሬት ንታሕቲ እንትንቆልቆል ምህማም መሬት ይኸሰት፡፡ ዝሃመመ መሬት ኣብ መንጎ ክልተ በረኽቲ ቦታታት ስለዝርከብ እቲ ዝፍጠር ሓዱሽ ገፀ መሬት ሽንጥሮ ይበሃል፡፡





ስእሊ 2.13: ኣፈጣጥራ ሽንጥሮ

ተምሃሮ መሬት ብውሽጣዊ ሓይልታት እንትሰሓብ/እንትውጠር/ ወይ እንትጭበጥ ምህማም መሬት ጥራይ ኣይኮነን ዝፍጠር፡፡ ኣብ መንጎ ክልተ ነቓዓት ዝርከብ መሬት እውን ብውሽጣዊ ሓይልታት ተደፊኡ ንላዕሊ ክብ ይብል እዩ፡፡ እዚ ክብ ዝበለ መሬት ድማ ኀቦ መረባዕ /ሆርስት/ ይበሃል፡፡





ስእሊ 2.14: ኀቦ መረባዕ /ሆርስት/

ብምህማም መሬት ዝተፈጠረን ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ኣፍሪካ ዝርከብን ሓደ ጎሊሁ ዝርአ ቕርፂ መሬት ኣሎ። ንሱ ድማ ዓብዩ ሓንፍ ሽንጥሮ ይበሃል። እዚ ይ ልዕሊ 6 ሽሕ ኪሎ ሜትር ቁመት ዘለዎ ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ብደቡብ ካብ ሞዛምቢክ ተለዒሉ ብሃገራት ኬንያ፣ ኢትዮጵያን ካልኦትን ኣቢሉ ብቐይሕ ባሕሪ ሰንጢቑ ክሳብ ሶርያ ዝበፅሕ እዩ። ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ውሽጡ ብዙሓት ቓላያት ስለ ዝሓዘ ደቅሰባት ንምርባሕ ዓሳን ንመጎዓዝያን ይጥቀምሉ። ከምኡ እውን ንፍርያት ሕርሻ፣ መዓድን፣ ሓይሊ ጂኦቴርማልን ካልእን ምችው እዩ።




ስእሊ 2.15: ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ

ሐ. **ርእደ ምድሪ፣** ተምሃሮ ኣብ ናይ 7ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ኽውሕታት ዝተመሃርኩዎም ትዝክሩ ዶ? ዝመኽኽ ከውሒ ካብ ኣስኳል መሬት ብሓይሊ ተደፊኡ ናብ ላዕሊ ከምዝወፅእ፣ ማግማን እሳተ ጎመራን እንታይ ከም ዝኾኑን ዝመሳሰሉን ተማሂርኩም ኔርኩም። እስቲ ተመያየጥሉ?




ስእሊ 2.16: ዝርግሓ ርእደ ምድሪ ዓለም

ርእደ-ምድሪ ኣብ ውሽጢ ቐፀላታት ምድሪ ብዝፍጠር ሓያልን ሃንደበታውን ምንቅስቓሳት ዝፍጠር ምንቅጥቃጥ ምድሪ እዩ፡፡ ተምሃሮ ሓደ እምባ ብዝኾነ ደጋዊ ሓይሊ ተደፊኡ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ክንቀሳቓስ ይኽእልዶ? ብውሽጣዊ ምንቅስቓሳት ብዝፍጠር ርእደ ምድሪ ግን ኣብ ሓፂር ግዜ ኽዓንው ይኽእል እዩ፡፡ ንኣብነት ማግማ ኣብ ውሽጢ ቐፀላታት መሬት ብዝልዓሉ ሓይልታት ገንፊሉ ናብ ላዕለዋይ ቐፀላታት እንትንቀሳቐስ ሓያል ማዕበል ስለ ዝፈጥር ርእደ መሬት ይኸሰት፡፡ እቲ ነዚ ዓይነት ምንቅጥቃጥ መሬት መበገሲ ዝኾነ ዝሓየለ ማዕበል ዝተፈጠረሉ መበቆል ወይ ፍልፍል ቦታ ድማ ማእኸል ናቒጣ ርእደ ምድሪ ይባሃል፡፡ ካብ ማእኸል ናቑጣ ርእደ-ምድሪ እናረሓቐ ኣብ ዝርከብ ቦታ ሓይሊ ማዕበል እቲ ርእደ ምድሪ እናንከየ ይኸይድ፡፡ ሳዕቤኑ እውን ብኡ መጠን እናንከየ እዩ ዝኸይድ፡፡ ብሓፈሻ እንትረአ ርእደ ምድሪ ኣብ ገፀ- መሬት ይኹን ኣብ ህይወት ደቅሰባት ዘለዎ ፅልዋ ልዑል እዩ፡፡ ብቐንዱ ድማ ሳዕቤኑ ምዝባዕን ዕንወትን ጥራይ እዩ፡፡ መጠን ናይቲ ዝዓኑን ካብ ቦትኡ ዝዛባዕን መሬት ይኹን ህንፃ ዝውሰን ብመጠን ሓይሊ እቲ ማዕበል ርእደ ምድሪ እዩ፡፡ መጠንን ሓይልን ርእደ ምድሪ ዝዕቅን መሰርሒ ሴስሞ ግራፍ ይበሃል፡፡ ኣሃዱ መለኪዑኡ ድማ ሚዛን ሬክተር ይበሃል፡፡ እቲ ዝተሓተ ምንቅጥቃጥ መሬት ብሚዛን ሬክተር እንትልካዕ ካብ ሓደ እንትጅምር እቲ ዝሓየለ ርእደ መሬት ድማ ክሳብ ትሽዓተ ይበፅሕ፡፡ ክሳብ ሕዚ ኣብ ዓለምና ብሚዛን ሬክተር ካብ ዝተመዝገበ ርእደ ምድሪ እቲ ዝለዓለ 8.9 እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ሃገር ጃፓን ኣብ መጋቢት 2, 2003 ዓ.ም. ዝተኸሰተ እዩ።

መብዛሕትኡ ግዘ ሚዛን ሬክተር ኣስታት 5 ዝኾነ ርእደ ምድሪ ኣብ ገፀ መሬት ዘስዕቦ ለውጢ ምድርማስ መሬት፣ ምንቃዕ መሬት ዝመሳሰሉን እዩ፡፡ ልዕሊ 6 ዝኾነ ርእደ መሬት ብሕልፊ ልዑል ፃዕቂ ህዝብን ዓበይቲ ህንፃታትን ኣብ ዝርከቡሉ ቦታታት ከቢድ ናይ ሞት፣ ዕንወትን ምፍርራስን ሓደጋ የስዕብ፡፡

ተምሃሮ ርእደ ምድሪ ብተደጋጋሚ ካብ ዝረኣየሎም ከባብታት ዓለም እስቲ ሓደ ኽልተ ዘርዝሩ? ርእደ ምድሪ ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት እንታይ ዓይነት ሳዕቤናት ከምዘምፅእ ዘርዚርኩም፣ ተመያየጥሉ፡፡ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብሕልፊ ኣብ ከባብታት ሃጓፍ ሽንጥሮ ወትሩ ትሕቲ 5 ሚዛን ሬክተር ይምዝገብ እዩ፡፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ 1952 ኣብ ሃጓፍ ሽንጥሮ ከባቢ ቓላይ ሻላ 6 ሚዛን ሬክተር ዝዓቐኑ ከምኡ እውን ኣብ ወርሒ ሰነ 1953 ኣብ ከባቢ ካራቆሬ ተመሳሳሊ ርእደ ምድሪ ኣብ ንብረትን ህይወትን ብዙሕ ጉድኣት ኣብፂሑም እዮም፡፡

ተምሃሮ እስቲ ኣብ ካርታ ዓለም ኣብ ኸባቢ ማእኸላይ ኣሜሪካ ካብ ዝርከባ ደሴታት ካሪብያን ሃይቲ እትባሃል ሃገር ኣለልዩ? ርእሰ ከተማኣ እንታይ ትበሃል? ኣብ ሃይቲ ርእደ መሬት ዘብፀሖ ጉድኣት ትፈልጡዶ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ኣብ ወርሒ ጥሪ 2002 ዓ/ም ኣብታ ርእሰ ከተማ ሃይቲ ዝኾነት ፖርቶ ኣው ኘሪንስ ብሚዛን ሬክተር 7 ዝዓቐኑ ርእደ መሬት ተኸሲቱ፡፡ብዙሓት ዓበይቲ ህንፃታት፣ ዝነበሩ

መንበሪ ገዛውቲ፣ መንገድታት፣ መዓርፎ ነፈርቲ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ሆስፒታላት ወዘተ ከምዘይነበሩ ኾይኖም ፈራሪሶም ዓንዮም'ዮም። ኣብ ውሽጢ እዞም ዝፈረሱ ህንፃታት ዝነበሩ ልዕሊ 170,000 ሰባት ሞይቶም ብዙሓት ቆሲሎም። ልዕሊ ሓደ ሚልዮንን ፈረቓን ዝኾኑ ሰባት ብዘይ መንበሪ ተሪፎም። ኣብ ጎደናታትን ኣብ ዳስን ክነብሩ ተገዲዶም። ኣብቲ እዋን ምግቢ ይኹን ማይ ተሳኢኑ ሰባት ንጥሜትን ፃምእን ተቓሊዖም እዮም። ፓርቶ ኣው ኘሪንስ ዳግም ንምህናፅ ዓሰርተታት ዓመታት ከም ዝወስድ ተገሚቱ።




ስእሊ 2.17: ካብ ሳዕቤናት ርእደ ምድሪ ሃይቲ

መ. **እሳተ ጎመራ፣** እሳተ ጎመራ ገፀ መሬት ካብ ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ሓደ እዩ፡፡ ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ትምርትኹም ብዛዕባ ዝመኸኸ ከውሒ፣ ማግማ፣ ላቫ፣ ነቃዕ መሬት ወዘተ ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? እስቲ ተመያየጥሉ?

እሳተ ጎመራ ማለት ዝመኸኹ ውሻጣዊ ከውሕታት መሬት ምስ ካልኦት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጋዝን ደረቕ ነገራትን ብውሽጣዊ ሓይሊ ንዓቐብ ተተፊኡ ኣብ ልዕሊ መሬት ገንፊሉ ዝወፅእ እዩ። ብኽምዙይ ዓይነት መንገዲ ተተፊኡ ኣብ ልዕሊ መሬት ምስ ፈሰሰ ትፋእ **እሳተ ጎመራ** ይበሃል። እዙይ ትፋእ ኣብ ልዕሊ መሬት ንብዙሕ እዋን እናተኣከበን ብራኸኡ እናወሰኸን እንትኸይድ ዝፍጠር ገፀ መሬት **እሳተ ጎመራዊ እምባ** ይባሃል። ካብ ውሽጢ ቐስ እናበለ ዝተተፈአ ማግማ ኣብ ሰፊሕ ቦታ መሬት እንትዝርጋሕ ዝፍጠር ገፀ መሬት እሳተ ጎመራዊ ከበሳ /ኘላቶ/ ይባሃል። ብምኽንያት እሳተ ጎመራ ካብ ዝፍጠሩ ካልኦት ዓይነታት ገፀ መሬት ኣፍ ጎመራን ቃላይ ጎመራን ይርከቡዎም። ማግማ ካብ ውሽጣዊ ቐፀላታት መሬት ብብርቱዕ ሓይሊ ተደፊኡ ናብ ልዕሊ መሬት እንትትፋእ ዝፈጥሮ ጉድጓድ **ኣፍ ጎመራ** ይበሃል። ኣፍ ጎመራ ኣብ ጫፍ እምባ እሳተ ጎመራ ዝርከብ ሰፊሕ ጉድጓድ እዩ። እዙይ ጉድጓድ ብማይ እንትምላእ ዝፍጠር ቓላይ ድማ

**ቓላይ ጎመራ ይበሃል**። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ጥቓ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ እሳተ ጎመራዊ እምባ ዝቖላ ቓላይ ጎመራ ካብ ዘለዎም እምባታት ሓደ እዩ።



ስእሊ 2.18: እሳተ ጎመራ

ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ እምባ ቅድስቲ ሄለና (Helena) ዝነቶገ እሳተ ጎመራ ናይቲ እምባ ብራኸ ብ390 ሜትር ክንኪ ጌሩዎ እዩ፡፡ ብተወሳኺ'ውን ሰፊሕ ኣፍ ጎመራ ክፍጠር ጌሩ እዩ፡፡ ኣብ ቁጠባ እቲ ኸባቢ ዓበይ ግደ ዝነበሮ ብኣግራብ ዝተሸፈነ ጫካ /ደኒ/ በሪሱ እዩ፡፡ እዚ ልዕሊ 25 ኪሎ ሜትር ሬድያስ ዝነበሮን በዝሒም ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ዝኾን ኣግራባት በሪሶም ከምዘይነበሩ ኾይኖም እዮም፡፡

## መልመዲ 2.2

**I** *ነዞም ዝስዕብ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ 'ሓቂ' ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሱ፡፡*

1 ነባሪ ኣየር ካብ ዓይነታት ገፀ መድሪ ሓደ እዩ፡፡
2 ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት መሬት ብራኸኡ ክውሰኽ እምበር ክንኪ ኣይገብሩን፡፡
3 ብኬሚካዊ ኣገባብ ዝተለወጠ ገፀ መሬት ናይ ቕርፂ ለውጢ ጥራይ እዩ ዝገብር፡፡
4 እምባ ወይ ሸንጥሮ ወይ ዝኾነ ዓይነት ገፀ-ምድሪ ሓንሳብ ምስ ተፈጠረ ከምኡ ኢሉ ኽይተለወጠ እዩ ዝነብር፡፡
5 ብፊዚካዊ ኣገባብ ዝልወጥ ገፀ-መሬት ውሽጣዊ ቕርፁ እምበር ትሕዝቶኡን ባህርያቱን ዝልወጥ ኣይኮነን፡፡
6 ኣብ ከባብታት ምድርበዳን ሓወሲ ምድረ በዳን ገፀ-መሬት ካብ ዝልውጡ ሓይልታት እቲ ቐንዲ ምቅይያር መጠን ረስኒ ቐትርን ለይትን እዩ፡፡
7 ሓመድ ኣብ ሓደ ቦታ እንትውህለል ፍግረ መሬት ይባሃል፡፡

8 ኣብ ቁልቁለት ዝፍጠር ፍግረ መሬት ካብቲ ብእፀዋት ዝተሸፈነ ሰጣሕ ሜዳ ዝሓየለ እዩ፡፡

9 ብንፋስ ዝፍጠር ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ብዝበለፀ ዝረአ ኣብ ከባብታት ምድረበዳ እዩ፡፡

10 ሓጓፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ልዕሊ ሽዱሽተ ሽሕ ኪሎ ሜትር ንውሓት ኣለዎ፡፡

## II ንሕድሕድ ሕቶ ካብ ዝተወሃቡ ኣማራፅታት ነቲ ዝበለፀ ትኽክለኛን ቅኑዕን መልሲ ምረፁ።

11 ከውሕታት ተሳባቢሮም፣ ደቒቕምን በዙይ ድማ ገፀ መሬት ክልወጥ ዝገብር ሓይሊ ኣየንኡ እዩ?

ሀ. በረድ
ለ. ምቅይያር መጠን ረስኒ
ሐ. እፀዋትን እንስሳትን
መ. ኩሉ መልሲ እዩ

12 ካብዞም ዝስዕቡ ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት እቲ ከውሕታት ቕመማዊ ትሕዝቶኦም ክልወጥ ዝገብር ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ኬሚካዊ ኣገባብ
ለ. ፊዚካዊ ኣገባብ
ሐ. ቅርፃዊ ኣገባብ
መ. ኩሎም

13 ካብዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ገፀ መሬት ዝለዓለ ምውህላል መሬት ዝረኣየሉ ኣየንኡ እዩ?

ሀ. መንጫዕጫዕታ
ለ. ዴልታ
ሐ. ጉህሚ
መ. ምግህማስ መሬት

14 ካብዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ገፀ መሬት ንምዕባለ ኤለክትሪክ ክውዕል ዝኽእል ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ዴልታ
ለ. ጉህሚ
ሐ. ምግህማስ መሬት
መ. መንጫዕጫዕታ

15 ብንፋስ ካብ ዝፍጠሩ ዓይነታት ገፀ መሬት ሓደ ዘይኮነ ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ሎስ
ለ. ዓንዲ መሬት
ሐ. ኩምራ ሑፃ
መ. ዴልታ

16 ካብዞም ዝስዕቡ ብደጋዊ ሓይልታት ዘይፍጠር ገፀ መሬት ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ርእደ ምድሪ
ለ. ፍግረ መሬት
ሐ. ምውህላል መሬት
መ. ሚያንደር

17 ብሩባ ዝተባሕጎገ መሬት ዝውህለሉ ቦታ ኣበይ እዩ?

ሀ. ታሕተዋይ ክፋል መንገዲ ሩባ
ለ. ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መንገዲ ሩባ
ሐ. መንጮዕጫዕታ ኣብ ዘለዎም መንገዲ ሩባ
መ. ኣብ ኩሉ

18 ሃገራዊ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ንኽፍጠር ቀንዲ ምኽንያት ዝኾነ
- ሀ. ምትዕፅፋፍ መሬት እዩ
- ሐ. ምህማም መሬት እዩ
- ለ. ርእደ ምድሪ እዩ
- መ. እሳተ ጎመራ እዩ፡፡

19 ኣብ መነባብሮ ደቂ ሰባት ዝኾነ ዓይነት ኣወንታዊ ኣስተዋፅኦ ክህልዎ ዘይኽእል ኣየንኡ እዩ?
- ሀ. ሆርስት
- ሐ. መንጫዕጫዕታ
- ለ. ሓጓፍ ሽንጥሮ
- መ. ርእደ ምድሪ

20 ብውሽጣዊ ሓይልታት ዝመኽኽ ከውሒ ማግማ ኮይኑ ንዓቐብ ተተፊኡ እንትወፅእ እንታይ ይባሃል?
- ሀ. እሳተ ጎመራ
- ሐ. ቓላይ ጎመራ
- ለ. ምህማም መሬት
- መ. ሆርሰት

# 2.3 ኣብ ካርታ ርሕቐትን ስፍሓትን ምዕቃን

## 2.3.1 ትርጉም ሚዛን ካርታ

*ተምሃሮ ኣብ 7ᵉ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ምዕራፍ ክልተ ብዛዕባ ምጥቃም ካርታ ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? መረዳእታ ሕዳግ ካርታ እንታይ እንታይ ዝሓዘ እዩ፣ እስቲ ዘርዚርኩም ተመያየጥሉ?*

ኣብ ሕዳግ ካርታ ካብ ዘለዉ ሓበሬታታት ሓደ ሚዛን ካርታ እዩ፡፡ ተምሃሮ ትርጉም ሚዛን ካርታ እንታይ እዩ? እስቲ ምስ መምህርኩምን መማህርትኹምን ተመያየጥሉ?

ሚዛን ካርታ ኣብ ዝኾነ ካርታ ዝርከብ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ቦታታት ዝህሉ ርሕቐት ዘመላኽት ሓበሬታ እዩ፡፡ ሚዛን ካርታ ኣብ መንጎ ቦታታት ኣብ ካርታ ዘሎ ርሕቐት ምስቲ ኣብ መንጎኦም ኣብ ምድሪ ዘሎ ርሕቐት ዘዛምድ ወይ ዘሎ ርክብ ዝግለፀሉ መንገዲ እዩ፡፡

ንኣብነት ኣብ መንጎ ኣዲስ ኣበባን መቐለን ዘሎ ርሕቐት ክንደይ ኪሎ ሜትር ከምዝኾነ ንምፍላጥ እንታይ ንገብር? ኣብ ካርታ ኣብ መንጎ መቐለን ኣዲስ ኣበባን ዘሎ ርሕቐት ብሴንቲ ሜትር ዓቂንና ብመሰረት ሓበሬታ ሚዛን ካርታ ናብ ኪሎሜትር ብምቕያር ንግብጥ፡፡

ሚዛን ካርታ ዘድለየሉ ቐንዲ ምኽንያት ካርታ ኩሉ ግዜ ካብ ዝውክሎ ኣካል ምድሪ ኣዝዩ፣ ኣዝዩ ዝነኣሰ ስለዝኾነ'ዩ፡፡ ተምሃሮ ክንዲ ትግራይ ወይ ክንዲ ኣፍሪካ ስፍሓት ዘለዎ ካርታ ክህሉ ይኽእልዶ? ኣይከኣልን፡፡ ነዚ ፀገም ንምፍታሕ ልክዕ ስፍሓት ትግራይ ወይድማ ኣፍሪካ ዝውክል ካርታ ሚዛን ካርታ ተጠቒምካ ክስራሕ ኣለዎ ማለት እዩ፡፡ ብሓፂሩ ሚዛን ካርታ ዘርእየና እቲ ኣብ ካርታ ዘሎ ርሕቐት ካብቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ተመሳሳሊ ቦታ ክሳብ ክንደይ ንኢሱ ከምዝተሰኣለ ዘርእየና ሚዛን እዩ፡፡

ንኣብነት ኣብ ካርታ ትግራይ እቲ ሚዛን ካርታ 1:1,000,000 ዝብል እንተኾይኑ እቲ ኣብ ካርታ ዘሎ ብሓደ ሚልዮን ንኢሱ ዝተወከለ ምኳኑ እዩ፡፡ ሓደ ሴንቲ ሜትር ንዓሰርተ ኪሎ ሚትር ዝብል ሚዛን ካርታ እውን ኣብ ካርታ ሓደ ሴንቲሜትር ዘለዎ ርሕቐት ኣብ መሬት ዓሰርተ ኪሎሜትር ርሕቐት ንዘለዎ መሬት ዝውክል ምኳኑ እዩ፡፡

## 2.3.2 ዓይነታት ሚዛን ካርታ

ተምሃሮ ክንደይ ዓይነታት ሚዛን ካርታ ትፈልጡ? እስቲ ዘርዝርዎም፡፡

ዓይነታት ሚዛን ካርታ ሰለስተ እዮም፡፡ ንሳቶም ድማ

- ✶ ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ
- ✶ ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ
- ✶ ሚዛን ካርታ ግራፍ /መስመራዊ ሚዛን ካርታ/ እዮም፡፡

ኣብ ሓደ ካርታ ሰለስቲኦም ዓይነታት ሚዛን ካርታ ዝርከቡሉ ኣሎ፡፡ ኣብ ገሊኡ ክልቲኦም ወይ ሓደ ጥራይ ይቐመጡ፡፡ እቲ ርሕቐት ክረክብ ዝደሊ ሰብ ሓደ መሪፁ ብምጥቃም ርሕቐት ይግብጥ፡፡


ሀ. **ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ፤** ተምሃሮ ዝኾነ ዓይነት ካርታ ብምርኣይ ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ ከመይ ከምዝፀሓፍ ኣለልዩ? ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ ብቓላት፣ ርሕቐት ብዝገልፅ ቑፅርን ብኣሃድ ርሕቐትን ዝግልፅ ሚዛን እዩ፡፡ ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ በዚኦም ኣቢሉ ኣብ መንጎ እቲ ኣብ ካርታ ዘሎ ርሕቐትን ኣብ መሬት ዘሎ ተመሳሳሊ ርሕቐትን ርክብ ወይድማ ዝምድና ዝግለፀሉ ሜላ እዩ፡፡ እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ እዮም፡፡

- *ሓደ ሴንቲ ሜትር ንሓሙሽተ ኪሎ ሜትር፡፡ ተምሃሮ እዙይ እንታይ ማለት'ዩ?*
- *ክልተ ሴንቲ ሜትር ንሓሙሽተ ኪሎሜትር።*
- *1 ሴንቲሜትር ን100 ኪሎሜትር።*

ለ. **ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ፤** ተምሃሮ ካብ ካርታ ሓደ ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ ከመይ ኢሉ ከምዝተፃሕፈ እስቲ ኣለልዩ? እንታይ ትርጉም ሂቡኩም? ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ ኣብ መንጎ እቲ ኣብ ካርታ ዘሎ ርሕቐትን ኣብ መሬት ዘሎ ርሕቐትን ዝህሉ ዝምድና ብመልክዕ ጉዚ ወይ ሬሽዮ ዝግለፀሉ ሚዛን እዩ። ተምሃሮ ኣብ ካርታ ከም ዝተመልከትኩምዎ ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ ዝኾነ ዓይነት ኣሃድ ዝሓዘ ኣይኮነን። ሬሽዮ ወይ ጉዚ ጥራሕ እዩ። መለክዒ ኣሃድ ዝመርፅ እቲ ካብ ካርታ ርሕቐት ክዕቅን ዝደሊ ሰብ እዩ። ኣብ ዝመርፀሉ እዋን ግና ቑፃርን ረቋሕን ተመሳሳሊ ዓይነት ኣሃድ ርሕቐት ክጥቀም ኣለዎ። ንኣብነት 1:100,000 እንታይ ማለት'ዩ? እዙይ ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ ዘርእየና ሓደ ኣሃድ ርሕቐት ኣብ ካርታ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ተመሳሳሊ ኣሃድ ርሕቐት ኣብ መሬት ከምዝውክል እዩ። እቲ

ዝዕቅን ሰብ ሴንቲ ሜትር እንተመሪፁ እዚ ማለት ሓደ ሴንቲ ሜትር ኣብ ካርታ 100,000 ሴንቲ ሜትር ኣብ መሬት ይውክል ማለት'ዩ። ቐፂሉ ናብ ሜትር ወይ ኪሎሜትር ወይ ናብ ዝለዓለ ኣሃድ ክልውጦ ይኽእል እዩ። ተምሃሮ እስቲ ካልእ ኣሃድ ርሕቐት መሪፅኩም ነቲ ወካላይ ጉዚ ብመልክዕ ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ ኣቐምጥዎ?

ሐ. **ሚዛን ካርታ ግራፍ ወይ መስመራዊ ሚዛን ካርታ፤** ተምሃሮ እስቲ ካብ ዝኾነ ካርታ ብመስመር ዝግለፅ ሚዛን ካርታ ኣለልዩ? ሓደ ሚዛን ካርታ-ግራፍ ወይ መስመራዊ ሚዛን ካርታ ብሰለስተ ነገራት ዝተቐመጠ እዩ። ንሳቶም ድማ ሓደ ንጋድም ዝተሰመረ **ሕንፃፅ** ኣሎ፣ ነቲ ሕንፃፅ ብማዕረ ዝመቐልዎ **ቑፅርታት** እውን ኣለዉ። ናይቶም ቁፅርታት መግለፂ ዝኾነ **ኣሃዱ ርሕቐትን** ድማ ኣሎ። ተምሃሮ እስቲ ካብዚ ዝስዕብ ሚዛን ካርታ ነዞም ሰለስተ ኣለልዩ?





ስእሊ 2.19: ሚዛን ካርታ ግራፍ

መብዛሕትኡ ግዜ ሚዛን ኮርታ-ግራፍ /መስመራዊ/ ብሴንትሜተር ተኸፋፊሉ ኣብ መወዳእታ ኪሎ ሜትር ዝብል ዝተፀሓፎ እዩ።

## መግለፂ መንገድታት መስመራዊ ሚዛን ካርታ /ግራፍ/


መስመራዊ /ግራፋዊ/ ሚዛን ካርታ ብዝተፈላለዩ ሜላታት /መንገድታት/ ይግለፅ። ንኣብነት እዚ ዝስዕብ መስመራዊ ሚዛን ካርታ ረኣዩ።




ስእሊ 2.20: ርሕቐት ምልካዕ

ኣብ መሬት ኣብ መንጎ ቦታታት ሀን ለን ዘሎ ርሕቐት ንምርካብ እዚ ዝስዕብ ንፍፀም፦ መስመር ወይ ኮምፓስ ተጠቒምና ኣብ መንጎ እዞም ቦታታት ኣብ ካርታ ዘሎ ርሕቐት ንዕቅን። ነቲ መስመር ወይ ኮምፓስ ከየነቓነቕና ብቐጥታ እቲ ሓደ ጫፍ ኣብቲ ሚዛን

ካርታ ዘሎ ዜሮ ዝብል ቑፅሪ ሚዛን ነቐምጦ:: እቲ ካልኣይ ድማ ኣብቲ ዝቐፅል ቑፅሪ ይዓርፍ:: እቲ ካልኣይ ቁፅሪ ኣብ መሬት ዘሎ ርሕቐት የርእየና:: ተምሃሮ እስቲ በዚይ መሰረት ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ ቦታታት ሀን ለን ዘሎ ርሕቐት ለክዑ? ኣብ መንጎ ክልተ ቑፅርታት ዘሎ ንኡስ ኣሃዱ ርሕቐት ባዕልኹም ገምቱ:: ንኣብነት 25$\frac{1}{2}$ ኪ.ሜ 37.8 ኪ.ሜ ወዘተ ምባል ይካኣል እዩ:: ሓደሓደ መስመራዊ ሚዛን ካርታታት ግና ቅድሚ ዜሮ ኽፍልፋላት ብምቕማጥ ርሕቐት ዝደሊ ሰብ ምግማት ከየድለዮ ርሕቐት ብኽፍልፋል ክረክብ ይገብሩ እዮም:: ተምሃሮ ንኣብነት እዚ ዝስዕብ ካርታ ረኣዩ:: እስቲ ኽፍልፋላት ተጠቒምኩም ኣብ መሬት ኣብ መንጎ ሐን መን ዘሎ ርሕቐት ኣልሹ?




ስእሊ 2.21: ርሕቐት ብኽፋልፋላት ምልካዕ

## ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ

*ተምሃሮ ሕዚ ሰለስተ ዓይነታት ሚዛን ካርታ ከምዘለዉ ተገንዚብኩም ኣለኹም? ካብዞም ሰለስቲኦም ትኽክለኛ ርሕቐት ንምርካብ እንትትደልዩ ኣየንኦም ይምችወኩም? ንኣብነት ኣብቲ እትጥቀምሉ ካርታ እቲ ዘመችወኩም ሚዛን ካርታ እንተዘይሃልዩ እንታይ ምገበርኩም?*

ሓደ ዓይነት ሚዛን ካርታ ናብቲ ኻልእ ዓይነት ምልዋጥ ይከኣል እዩ። ኾይኑ ግና ንናይ ባዕላቶም መንገድታት ስለዘለዎም በዚይ ጥራይ እዩ ኽልወጥ ዝኽእል። እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ብዝግባእ ተገንዘቡ።

### 1. ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ ናብ ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ ንምልዋጥ

- *መጀመርያ ዝምችወና ኣሃዱ መሪፅና ንረቋሕን ቐፃርን ሓደ ዓይነት ኣሃዱ ተጠቒምና ነንብቦ::*
- *ብምቕፃል ነቲ ረቋሒ ናብ ዝለዓለ ኣሃዱ /ኪሎ ሜትር፣ሜትር ወዘተ/ ንልውጦ::*
- *በዚይ መሰረት ነቲ ጉዚ ናብ ምሉእ ሓሳብ ሚዛን ካርታ ለዊጥና ነቐምጦ::*

**ኣብነት:** 1:1,000,000 ዝብል ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ ናብ ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ ንምልዋጥ እዞም ዝስዕቡ መንገድታት ተጠቒምና ንግብጥ፡

- *መጀመርያ ሴንቲ ሜትር ዝብል ኣሃዱ ብምምራፅ ነቲ ጉዚ ብኣሃዱ ነንብቦ። በዚይ መሰረት ሓደ ሴንቲ ሜትር ንሓደ ሚልዮን ሴንትሜትር ኢልና ነቐምጥ። ብሓፂሩ ድማ ናብ ሚዛን ካርታ ለዊጥናዮ ማለት እዩ::*

- ብምቕፃል ነቲ ሓደ ሚልዮን ዝብል ረቋሒ ሴንቲ ሜትር ናብ ኪሎ ሜትር ንቐይሮ:: ተምሃሮ ኣብ ሒሳብ ዝተመሃርኩምዎ ፎርሙላ ሓደ ኪ.ሜትር 100,000 ሴንትሜትር ከም ዝኾነ ትዝክሩዶ? ስለዚ 1,000,000ን 100,000 እንትምቀል 10 ኪሎ ሜትር ይኸውን::

በዚ መሰረት ሓደ ሴንቲ ሜትር ንዓሰርተ ኪሎ ሜትር ብምባል ናብ ሚዛን ካርታ ምሉእ ሓሳብ ንልውጦ::




## ዕዮ ጉጅለ 2.4

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ብምግባጥ መልሱ::

1 “ሓደ ሴንቲ ሜትር 200 ኪሎ ሜትር” ዝብል ምሉእ ሓሳብ ሚዛን ካርታ ናብ ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚ ለውጥዎ?

2 “1:300,000” ዝብል ወካሊ ሚዛን ካርታ ናብ መስመራዊ /ግራፋዊ/ ሚዛን ካርታ ለውጥዎ?

3 ነዙይ መስመራዊ /ግራፋዊ/ ሚዛን ካርታ ናብ ወካሊ ጉዚ ሚዛን ካርታ ለውጥዎ?





ስእሊ 2.22: መስመራዊ(ግራፋዊ) ካርታ



## ንጥፈት 2.2

**ስፍሓት ስሩዕ ቅርፅታት ምርካብ፡**
ተምሃሮ እስቲ ስሩዕ ኞርፅታት ካብ ዝባሃሉ ገለገለ ዘርዝሩ? ናይ ሕድሕድ ፎርሙላ ስፍሓት እውን ኣቐምጡ? ተምሃሮ ነዚ ዝስዕብ ሚዛን ካርታ ተጠቒምኩም ኣብ ባይታ ኣብ መንጎ ከተማታት ቀ,ን በ,ን ዘሎ ርሕቐት ኣልሹ?




ስእሊ 2.23: ርሕቐት ባይታ ምልካዕ

ተምሃሮ ብኸምዙይ ዓይነት መንገዲ ኣብ ባይታ ዘሎ ርሕቐት ምግባጥ እንተተኻኢሉ ስፍሓት ስሩዕ ቅርፅታት ምግባጥ ዝኸብድ ኣይኮነን:: ንኣብነት ኣብ ስእሊ 2.23 ዘሎ ሬክታንግላዊ ቅርፂ ዘለዎ ቓላይ ስፍሓቱ ንምርካብ እዚ

ዝስዕብ ንገብር፥

- ንቕድም ኣብቲ ካርታ ዘሎ ጎንን ቁመትን ናይቲ ቓላይ ብሴንት ሜትር ንዕቅን፡፡
- ብምቕፃል ነቲ ርሕቐት ብመሰረት ካርታ ሚዛን ካርታ ተጠቒምና ናብ ርሕቐት ባይታ ንቕይሮ፡፡
- ኣብ መወዳእታ ፎርሙላ ስፍሓት ሬክታንግል ተጠቒምና ስፍሓት ቓላይ ንረክብ፡፡

*ተምሃሮ በዙይ መሰረት ኣብ ስእሊ 2.23 ዘሎ ቓላይ ስፍሓቱ ክንደይ ትርብዒት ኪሎሜትር መፂኡልኩም?*

## መጠቓለሊ

ኣብ ዓለምና ዘለዉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገፀ-ምድሪ ብዝተፈላለዩ ሓይልታት ገፀ-ምድሪ ዝተፈጠሩ እዮም፡፡ እዞም ንገፀመሬት ዝለውጡ ሓይልታት ብሓፈሻ ደጋዊ ሓይልታትን ውሽጣዊ ሓይልታትን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ፡፡

ገፀ-መሬት ዝለውጡ ደጋዊ ሓይልታት እቲ መሬት ብራኹ ክውስኽ ወይ ክንኪ ዝገብሩ እዮም፡፡ እዚ ማለት እምባ ዝነበረ ሜዳ ወይ መታሕት ክኾን ይገብርዎ ማለት እዩ፡፡ ከምኡ እውን ኣብ ሓደ እዋን መታሕት ወይ ሜዳ ዝነበረ እምባ ወይ ኾበሳ ይኾውን ማለት እዩ፡፡ ውሽጣዊ ሓይልታት ዝበሃሉ ኣብ ውሽጣዊ ቐፀላታት ምድሪ ብዝገብርዎ ምንቅስቓሳት ገፀ መሬት ዝለውጡ ተፈጥሮኣዊ ሓይልታት እዮም፡፡ በዞም ሓይልታት ምኽንያት ገፀ መሬት ብራኹ ይውስኽ፣ ይንኪ፣ ይተዓፃፀፍ፣ ይሰባበር ይነቅዕ፣ ይጭበጥ፣ ይዝርጋሕ፣ ይሃምም ወዘተ፡፡ ብሓፈሻ እንትረአ ብውሽጣዊ ሓይልታት ዝፍጠሩ ዓይነታት ቕርፂ መሬት ኣብ ኣርባዕተ ይምደቡ፡፡ ንሳቶም ድማ፡-

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ምትዕፅፃፍ መሬት | ሐ. | ርእደ - ምድሪ |
| ለ. | ምህማም መሬት | መ. | እሳተ ጎመራ እዮም፡፡ |

ሚዛን ካርታ ኣብ መንጎ ቦታታት ካርታ ዘሎ ርሐቐት ምስቲ ኣብ ተመሳሰልቲ ቦታታት መሬት ዘሎ ራሐቒ ዘዛምድ ወይ ዘሎ ርክብ ዝግለፀሉ መንገዲ እዩ።

ሰለስተ ዓይነታት ሚዛን ካርታ ኣለዉ፣ ሳቶም ድማ ሚዛናት ካርታ ምሉእ ሓሳብ፣ ወካሊ ጉዚ፣ ግራፍ ወይ መስመራዊ ሚዛን ካርታ ይበሃሉ። ቐንዲ ረብሓ ናይዚኦም ድማ ርሕቐትን ስፍሓትን ንምርካብ እዩ። ኣብ ካርታ ብመስመር ዓቒንና ብመሰረት ሚዛን ካርታ ገቢጥና ኣብ መሬት ዘሎ ርሐቐት ንረክብ። ኣብ ባይታ ዘሎ ርሕቐት ምግባጥ እንትተኻኢሉ ስፍሓት ስሩዕ ቕርፅታት ምግባጥ ቀሊል እዩ። እቲ ዘድሊ ነገር ፎረሙላ ስፍሓት ናይቶም ስሩዕ ቅርፅታት ፈሊጥካ ብኡ መሰረት ምግባጥ እዩ።

# ማህደረ ቃላት

**ፊዚካዊ ኣገባብ ለውጢ ገፀመሬት** – ውሽጣዊ ትሕዝቶኡን ባህርያቱን እንተይለወጠ ቕርፁ ጥራይ ዝልወጠሉ ኣገባብ ለውጢ ገፀ መሬት።

**ኬሚካላዊ ኣገባብ ለውጢ ገፀ መሬት** – ከውሕታት ውሽጣዊ ቕመማዊ ትሕዝቶኦም ምስተለወጡ ዝፍጠር ኣገባብ ለውጢ ገፀ መሬት።

**ላይምስቶን** – ኖራ።

**ፍግረ መሬት** – ዝተፈላለዩ ዓይነታት ከውሕታትን ሓመድን ብደጋዊ ሓይልታት እናተባሕጎጉ ዝንዓዙሉ ከይዲ።

**ምውህላል መሬት** – ብፍግረ መሬት ተንዒዙ ኣብ ሓደ ቦታ ዝተኣከበ (ዝተዋህለለ) ሓመድን ከውሕን።

**ጉህሚ** – ብምጉሕንሕ መሬት ዝፍጠር ሰፊሕ ጉድንድ ዝመስል ዓሚቕ ገፀ መሬት

**ምግህማስ መሬት** – ብግራቪቲ ተሳሒቡ ናብ ታሕቲ ዝፀደፈ እምባ ወይ ጎቦ።

**ግራቪቲ** – ስሕበት መሬት።

**ሚያንደር** – ሩባ ኣብ ሰጣሕ መሬት እንትጓዓዝ ከም ሸንቲ ብዕራይ እናተጠዋወየን ለመም እናበለን እንትፈስስ ዝፍጠር ገፀ መሬት።

**ቓላይ ቐራቕሮ** – ክፋል ሚያንደር ዝነበረን ካብቲ ሩባ ተገንፂሉ ዝፍጠርን ቃላይ።

**ዴልታ** – ኣብ መወዳእታ መንገዲ ሩባ ብዝፍጠሩ ጨናፍራት ሩባ ዝፍጠር ትርያንግላዊ ቅርፂ ዘለዎ መሬት።

**ትርያንግል** – ሰለስ ኩርናዕ።

**ዓንዲ መሬት** – ብፍግረ መሬት ተባሕጕጉ ጥራሕ ዝባኑ ዝተረፈ እምባ ወይድማ ጎቦ።

**ምትዕፅፋፍ መሬት** – መሬት ብኸልተ ተፃረርቲ ኣንፈታት ተደፊኡ ንታሕቲ ወይ ንላዕሊ ዝዕፀፈሉ መንገዲ።

**ምህማም መሬት** – ኣብ ሞንጎ ክልተ ነቓዓት-መሬት ዝርከብ ዝነበረ መሬት ንታሕቲ እንተንቆልቁል።

**ሓጓፍ ሸንጥሮ** – ኣብ ሞንጎ ክልተ በረኸቲ ቦታታት ዝፍጠር ዝሃመመ መሬት መታሕት።

**ሆርስት** – ጎቦ መረባዕ፣ ብውሽጣዊ ሓይልታት ተደፊኡ ንላዕሊ ክብ ዝበለ ጎቦ ወይ እምባ።

**ሓይሊ ጀኦተርማል** – ኣብ ከርሰ ምድሪ ብዘሎ ሓያል መጠን ረስኒ ካብ ዝፈልሐ ማይ ብመልክዕ ሃፋ ዝርከብ ሓይሊ ኤለክትሪክ።

**ርእደ መሬት** – ኣብ ውሽጢ ቐፀላታት ምድሪ ብዝፍጠር ሓያልን ሃንደበታውን ምንቅስቓስ ዝፍፀር ምንቅጥቃጥ መሬት።

# መጠቓለሊ ሕቶታት

**I** *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ 'ሓቂ' ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ 'ሓሶት/ጌጋ' እናበልኩም መልሱ።*

1 ገፀ መሬት ዝልውጡ ሓይልታት ንቕርፂ መሬት ዝልውጡ በብወርሑ ወይ በብዓመቱ እዩ።

2 ከውሕታት ኬሚካላዊ ትሕዝትኦም ንኽልወጥ ካብ ዝገብሩ ሓይልታት እቲ ቐንዲ ዝናብ እዩ።

3 ተባሕጒጉ ዝተጎዓዓዘ ሓመድን ከውሕን ኣብ ሓደ ቦታ ተነባቢሩ ወይ ተደራሪቡ እንትእከብ ፍግረ-መሬት ይበሃል።

4 ኣብ ቁልቁለት ብእፀዋት ኣብ ዘይተሸፈነ መሬት ብሩባ ዝፍጠር ፍግረመሬት ካብቲ ብእፀዋት ዝተሸፈነ መሬት ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ'።

5 ካብ ሰለስቲም ዓይነታት ሚዛን ካርታ ዝኾነ ዓይነት ኣሃዱ ርሕቐት ዘይጥቀም

**II** *ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ዘለዉ ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ መልሲ ብምቕማጥ ምልኡዎም።*

6 ገፅ መሬት ዝልውጡ ሓይልታት ________ ሓይልታትን ________ ሓይልታትን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ።

7 ኩሎም ገፅ መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ብሓፈሻ እንትረዩ ብኣገባብ ________ ን ኣገባብ ________ ዝካየዱ እዮም።

8 ንከውሕታት ሰባቢሮምን ኣድቂቖምን በዙይ ድማ ገፀ መሬት ክልወጥ ዝገብሩን ሰለስተ ሓይልታት ________፣________ ን ________ ን እዮም።

9 ከውሕታት ብውሽጣዊ ትሕዝቶኦም ተቐይሮምገፀ መሬት ዝልውጥሉ ኽይዲ ________ ወይ ________ ኣገባብ ይብሃል።

10 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድን ከውሕታትን ብደጋዊ ሓይልታት እናተባሕጎጉ ካብ ሓደ በታ ናብ ካልእ ቦታ እንትንቀሳቐሱ ________ ይበሃል።

11 ኣብ ሩባ ኣባይ ኤለክትሪክ ዝፍልፍለሉ ተፈጥሮኣዊ መንጫዕጫዕታ ________ ይበሃል።

12 ሩባ ኣብ ሰጣሕ መሬት ፍጥነቱ ነኪዩን ከም ተመን ለመም እናበለን እንትጓዓዝ ________ ይበሃል።

13 ኣብ መንጎ ክልተ ነቓዓት ዝርከብ መሬት ንታሕቲ ምስ ሃመመ ዝፍጠር ሓዱሽ ገፀ መሬት ________ ይበሃል።

14 ኣብ መንጎ ክልተ ነቓዐት ዝርከብ መሬት ብውሽጣዊ ሓይልታት ተደፊኡ ንላዕሊ ክብ እንትብል ዝፍጠር ገፀ መሬት ________ ይበሃል።

15 ዝሓየለ ማዕበል ዝፍጠረሉን መበገሲ ወይድማ ፍልፍል ርእደ መሬት ዝኾነን ቦታ ________ ይበሃል።

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ኢ.ድ ኣእታውነት ደቂ ሰብ ኣብ ስርዓተ ምህዳር



## ውፅኢት እዚ ምዕራፍ

***ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፥***

- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ትገልፁ፡፡
- ቀንዲ በከልትን መከላኸሊ ተግባራትን ተለልዩ፡፡
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም ትርድኡ፡፡

## ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም፤

***ተምሃሮ ነዙይ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ተማዕብሉ፥***

- ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር ዘምፅእዎ ሳዕቤናት ትትንትኑ፡፡
- ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝግበሩ ንጥፈታት ዕቀባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ትሳተፉ፡፡
- ቀንዲ በከልቲ ማይን ኣየርን ትፀርሑ፡፡

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ሳልሳይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኢ.ድ ኣታውነት ደቂ ሰብ ኣብ ስርዓተ ምህዳር ዝምልከት እንትኸውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ኣርእስታት ዝሓዘ'ዩ፡፡ ተምሃሮ እዙይ ምዕራፍ ኣካል ናይቲ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ስርዓተ-ምህዳር ዝተመሃርክምዎ ኾይኑ ጠመትኡ ኣብ ኢ.ድ ኣእታውነት ደቂ ሰብ ኣብ ስርዓተ ምህዳር እዩ። ኣብዙይ ምዕራፍ ደቂ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሃፍትታት ተፈጥሮ ብሕልፊ ድማ ኣብ ልዕሊ እፀዋት፤ ማይ፤ ኣየርን ሓመድን ዘብፅሕዎ ጉድኣትን ብርሰትን ብዝርዝር ቐሪቦም ኣለዉ። ምስዙይ ብምትሕሓዝ'ውን ብኽለት ኣየርን ማይን መፍትሕታቱን ዝምልከት ትሕዝቶ እውን ኣትዩ'ዩ።

ከምኡ'ውን መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ድማ ብዛዕባ ምሽንቛር ኦዞን፤ ምምካኽ በረድ፤ ዝናብ ኣሲድን ሓደጋታት ውሕጅን ዝምልከቱ ቁምነገራት እትመሃሩሉ ምዕራፍ'ዩ። ስለዚ ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር ዘምፅእዎ ሳዕቤናት ትትንትኑ፣ ኣብ ከባቢኹም ኣብዝግበሩ ንጥፈታት ዕቀባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ትሳተፉ፣ ቀንዲ በከልቲ ማይን ኣየርን'ውን ትፀርሑ ዝብሉ ኣገደስቲ ዕላማታት ዘለዉዎ ምዕራፍ'ዩ። እዚ ምዕራፍ ኣዝዮም ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ንተምሃሮ ዘተባብዑ'ዮም። ነዚ ምዕራፍ ኣዝዩ ሰሓባይ ንምግባር ዝተፈላለዩ መግለፅታትን ሰሓብትን ስእላዊ መግለፅታትን ኣለዉዎ'ዮም። እሞ ተምሃሮ እናተመያየጥኩምን እናሓተትኩምን ምስ መምህርኩም ፅቡቕ ከምትረዳድኡ ትፅቢት ንገብር።



## ዕዮ ጉጅለ 3.1

ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ምዕራፍ ሰለስተ ኣብ ትሕቲ ዓብይ ርእሲ "ስርዓተ ምህዳርን ፈተናታቱን" ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? ስርዓተ-ምህዳር እንታይ ማለት እዩ? ቐንዲ ፈተናታት ስርዓተ-ምህዳር እንታይ እዮም? ደቂ ሰብ ኣብ ሰርዓተ ምህዳር እንታይ ዓይነት ፅዕንቶ የሕድሩ? ብጉጅለ ተመያይጥኩም ቐንዲ ነጥብታቶም ንክፍሊ ኣቕርቡ።

# 3.1 ወዲሰብ ኣብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘሕድሮ ፅዕንቶ

ስርዓተ ምህዳር ሰፊሕ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝሓቖፈ እዩ። ኾይኑ ግና እዙይ ንኡስ ምዕራፍ ኢድ-ኣእታውነት ደቂ ሰብ ኣብ ዝተወሰኑ ሃፍትታት ተፈጥሮ እፅዋት፣ ማይ፣ ኣየርን ሓመድን ዘተኮረ እዩ። ወዲሰብ ብዛዕባ ጉድኣት ሰርዓተ ምህዳር ብቑዕ ፍልጠት ኣለዎ እዩ። ኮይኑ ግና ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለለዩ ሃፍትታት ተፈጥሮ ባዕሉ ብርሰትን ዕንወትን ብምብፃሕ ኣብ ምዝባዕ ስርዓተ-ምህዳር ዓብይ ግደ ዘለዎ ወዲ ሰብ እዩ። ወዲሰብ ሚዛን ስርዓተ-ምህዳር ንኽዛባዕን ንኽልወጥን በብእዋኑ ካብ ኢድ ኣእታውነት ተቖጢቡ ኣይፈልጥን። ወዲሰብ ንዕለታዊ ጥቕሙን መነባብሮኡን ጥራይ ብምሕሳብ እንትንቀሳቐስ ብዛዕባ ዕቀባ ስርዓተ-ምህዳር ዘርእዮ ተገዳስነት ኣዝዩ ትሑት እዩ።

ርግፅ'ዩ ወዲሰብ ኮነ ኢሉ ኣይኮነን ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር ጉድኣት ዘብፅሕ። ይኹን ደኣ'ምበር ሚዛን ስርዓተ-ምህዳር ንኽይዛባዕ ብምሕሳብ ድማ ኮነ ኢሉ ዝኸፍሎ መስዋእቲ የለን። ብዛዕባ ምጥፋእ በዝሃ-ህይወት ጠመተ ጌሩ ኣይነጥፍን። ኢድ ኣእታውነት ወዲ ሰብ ኣብ ስርዓተ-ምህዳር ንዓለምና ኣብ ኣዝዩ ዘስግእን ዘተሓሳስብን ኩነታት ኸትወድቕ ጌሩዋ'ዩ።

ንኣብነት ካብ በዝሃ ህይወት ዓለምና ኣብዚ ሕዚ እዋን ክሳብ 30% ዝኾኑ ዓሌታት እፀዋትን እንስሳትን እናተመናመኑን ካብ ገፀ ምድሪ እናጠፍኡን ይርከቡ ኣለዉ፡፡

ወዲሰብ ኣብ ኩሎም ዓይነታት ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዘብፀሖ ጉድኣት እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ዓበይቲ ፀገማት ይኸሰቱ እዮም፡፡

- *መንበሪ ኩሎም ዓይነታት ህይወታውያን ይበርስን ይዛባዕን፡፡*
- *ለውጢ ነባሪ ኣየር ይኸሰት፡፡*
- *ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብኽለት ይስፋሕፍሖ፡፡*
- *ሃፍትታት ተፈጥሮ ብዘይ መተካእታ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ ስለዘለዉ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ ይስፋሕፋሕ፡፡*

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ድማ ኣብ ልዕሊ ስርዓት-ምህዳር ዝለዓለ ፀገማት ብምፍጣር በዝሃ-ህይወት ክንክይን ክጠፍእን ይገብሩ ኣለዉ፡፡

## 3.1.1 ፅዕንቶ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮ



### ዕዮ ጉጅለ 3.2

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮ ኣንታይ ዓይነት ፅዕንቶ የሕድር ኣሎ? ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ሽሕ ዓመታት ወዲ ሰብ እንታይ ዓይነት ፅዕንቶ ከምዝበፀሐ ክትግምቱ ትኽእሉዶ? እዚይ ብኣኻትኩም እውን ክቕፅል ኣለዎዶ? ኣብ ከባቢኹም ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ እፅዋት ከመይ ክትሳተፉ ኣለኩም? መጀመርያ ብጉጅለ ሰፊሕ ምይይጥ ምስ ኣካየድኩም ናይ ጉጅለኹም ርእይቶ ንክፍልኹም ኣቕርቡ፡፡

ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘሕድሮ ፅዕንቶ ቐንዲ መግለፂኡ ብርሰት ኣግራብን ካልኦት ኣፅዋትን እዩ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዓለምና ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰከንድ ኣስታት ሓደ ሄክታር ስፍሓት ዘለዎ ጫካ ይበርስ ኣሎ፡፡ ወዲሰብ ኣግራብ ዘብርስን ጫካታት ንኽመናመኑ ዝገብርን በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት እዩ፡፡

- *ወዲ ሰብ ንኢንዱስትሪታት ጥረ ኣቕሓ፣ ንመስርሒ መንበሪ ኣባይቲ፣ ንምስፍሕፋሕ ከተማታት፣ ንነዳዲ ዕንፀይቲ፣ ንኣቑሑት ገዛ ወዘተ እናበለ ኣብ ልዕሊ ኣግራባትን ካልኦት እፅዋት ተፈጥሮን ዓብዪ ብርሰት የብፅሕ፡፡*
- *በብእዋኑ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ በዝሒ ህዝቢ ዓለምና ጠለብ መሬት ሕርሻ ክተዓፃፀፍ ጌሩዎ እዩ፡፡ ወዲ ሰብ ድማ ነዚይ ጠለብ ዝሕረስ መሬት ንምምላእ እናበለ ኣብ ልዕሊ ኣግራባትን ካልኦት እፅዋት ተፈጥሮን ዓብዪ ብርሰት የብፅሕ፡፡*

- *ወዲ ሰብ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምፍላጥን በዘይ ምፍላጥን ዘልዕሎ ባርዕ ሓዊ ኣሎ እዩ:: እዙይ ድማ ኣብ ሓፂር እዋን ኣብ ልዕሊ ሰፊሕ ቦታታት ኣግራብን ካልኦት እፅዋት ተፈጥሮን ዘብፅሖ ብርሰት ኣብ ስርዓተ ምህዳር ዓብይ ፅዕንቶ ዘሕድር እዩ::*
- *ናይ ዓለምና ህፁፅ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ጠለብ ከፍትታትን ካልኦት እንስሳትን እውን ብኡ መጠን ክዓቢ ገይርዎ እዩ:: እዙይ ድማ ሕፅረት መገሃጫ ኣስዒቡ:: ወዲ ሰብ ነዙይ ሕፅረት መጋሃጫ ንምፍታሕ ኣግራባት ክበርሱን እቲ ዘሎ መጋሃጫ እውን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ክገሃፅን ብምግባር ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮ ዓብይ ፅዕንቶ ይገብር::*

ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትኹም ስርዓተ-ምህዳር እንታይ ማለት ከምዝኾነ ዝተመሃርኩምዎ ብምዝካር ምስ መምህርኩም ተመያየጥሉ:: እዙይ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ፅዕንቶ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮ ኣብ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ እውን ቐጥታውን ዘይቐጥታውን ፅዕንቶ የብፅሕ እዩ:: ንኣብነት እፅዋት ተፈጥሮ እንትበርሱ ሓመድ ይብሕጎግ፣ ዝናብ ይንኪ፣ መጠን ረስኒ ይውስኽ፣ ድርቅን ውሕጅን ዝለዓለ ዕንወት የብፅሑ ወዘተ:: ኣብ ልዕሊ መንበሪ ደቀቕትን ዓበይትን እንስሳታት ብዝበፅሕ ብርሰት ድማ ምጥፋእ በዝሀ-ህይወት ይኸሰት:: ስለዙይ ብሓፈሻ እንትረአ ብርሰት ሃፍትታት እፅዋት ተፈጥሮ ኣብ ስርዓተ-ምህዳር ዘለዎ ፅዕንቶ ዓብይ እዩ::





ስእሊ 3.2: ብርሰት ኣግራብ

# 3.1.2 ፅዕንቶ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ማይ

*ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ረብሓ ማይ ዝምልከት ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? ኣብ እትነብርሉ ኸባቢ ፅሩይ ዝስተ ማይ ብቐሊሉ ይርከብዶ ወይስ ፀገም ኣለዎ እዩ? ናይቲ ፀገም ምኽንያት እንታይ እዩ? እስቲ ተመያየጥሉ?*

ማይ ህይወት'ዩ:: ኩሎም ህይወታውያን ብዘይ ማይ ኣይነብሩን:: ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ ማይ ፅዕንቶ እንተብፅሕ ኣብ ልዕሊ ኩሎም እንስሳት፣ ተኽልታትን ዳቂ ሰባትን ጉድኣት የብፅሕ'ሎ ማለት'ዩ:: እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር ፅዕንቶ የሕድር::

ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ ማይ ዘብፀሖ ፅዕንቶ ብሓፈሻ እንትረአ ቐንዲ ሳዕቤኑ ሕፅረትን ብኽለትን ማይ እዩ።

ወዲሰብ ንፋብሪካታት፣ ንሕርሻ መስኖ፣ ንመሕፀቢ ዝተፈላለዩ ነገራትን ካልኦትን እናበለ ማይ ውሕሉል ብዘይኾነ መንገዲን ብሸለልትነትን ከባኽን ይርአ'ዩ። እዚ ድማ ሕፅረት ማይ የስዕብ። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ ብዘብፅሖ ጉድኣት ሕፅረት ዝናብ የስዕብ፣ እዚ ድማ ንሓደጋ ድርቂ የቃልዕ። ካልእ ሳዕቤን ፅዕንቶ ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ ማይ ድማ ብኽለት ማይ እዩ። ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ትምህርትኹም ብዛዕባ መንቀልታት ፀገም ዝስተ ማይ ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? ካብቶም ፀገማት ሓደ እቲ ዝስተ ማይ ፅሬቱ ትሑት ምኳን'ዩ። ዝተበከለ ማይ ፅሬቱ ትሑትን ሕማቕ ሽታ ዘለዎን ስለዝኾነ ንመስተ ይኹን ንኻልእ ነገራት ኣይውዕልን። ንጥዕና ደቂ ሰባትን እንስሳትን እውን ዓብይ ጠንቂ ጥዕና'ዩ። ንሞት እውን ዝዳርግ'ዩ። ወዲሰብ ካብ ፋብሪካታትን መንበሪ ገዛውትን ዝወፁ ዝተፈላለዩ ርስሓትን ዝተመረዘ ኬሚካላትን ናብ ዝተፈላለዩ ማያዊ ኣካላት ክኣትዉ ብምግባር ብኽለት ማይ የስዕብ። ብኽለት ማይ ድማ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እንስሳት፣ ደቂ ሰብን እፅዋትን ጉድኣት ስለ ዘብፅሕ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር ቐሊል ዘይብሃል ፅዕንቶ የሕድር'ዩ።

## 3.1.3 ፅዕንቶ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ኣየር

*ተምሃሮ ኣየር እንታይ ረብሓ ኣለዎ? ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ ኣየር እንታይ ዓይነት ፅዕንቶ የሕድር? እዚ ኸ ኣብ ስርዓተ ምህዳር ከመይ ፅዕንቶ የሕድር? እስቲ ተመያየጥሉ?*

ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ ኣየር ዘብፅሖ ጉድኣት ነቲ ኣየር ስለ ዝብክሎ እዩ። ኣየር ዝብከል ድማ ካብቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ተስፋሕፊሖም ዘለዉ መኻይን፣ መራኽብ፣ ነፈርቲ፣ መንበሪ ገዛ፣ ፋብሪካታት ካልኦትን ብመልክዕ ትኪ ዝውፅእ ካርቦን ዳይኦክሳይድ፣ ካርቦን ሞኖኦክሳይድን ካልኦት በከልቲ ጋዛትን እዩ። ወዲ ሰብ ናብ ሰፋሕቲ ቦታታት ሕርሻ ዝብትኖ ፀረ-ባልዕ ኬሚካላት ብዙሓት እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ልዕሊ ኣግራባትን ካልኦት እፅዋትን በብእዋኑ ባርዕ ሓዊ የልዕል እዩ። በዚኦም ኣቢሉ እዩ ድማ ወዲ ሰብ ንእነተንፍሶ ኣየር ዝብክል። ብኽለት ኣየር ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ከም ካንሰር፣ ኣዝማ፣ ሕማም መተንፈሲ ኣካላትን ካልኦት ሰንክታት ጥዕናን ዘብፅሕ እዩ። ኣብ ልዕሊ እንስሳት እውን ዓብይ ጉድኣት የብፅሕ እዩ። በዙይ ኣቢሉ ድማ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር ጉድኣት የብፅሕ።



ስእሊ 3.3: ብኽለት ኣየር

## 3.1.4 ፅዕንቶ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሓመድ

ኣብ መሬት ዘለዉ ኩሎም ሂወታውያን ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ህልውናኦም ኣብ ሓመድ ዝተመሰረተ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ ሓመድ ብዘሕድሮ ፅዕንቶ ኣብ ስርዓተ ምህዳር እውን ፅዕንቶ የሕድር እዩ፡፡

ወዲ ሰብ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ሓመድ ክጉሕጓሕ፣ ፍግረ መሬት ክስፋሕፋሕን ማእድናዊ ትሕዝቶ ሓመድ ክንክይን ብምግባር ኣብ ልዕሊ ሓመድ ዓብይ ፅዕንቶ የሕድር እዩ፡፡

እዚ ድማ ኣግራብ ብምብራስ፣ መጋሃጫ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ክገሃፅ ብምግባር፣ ዘይውሕሉል ኣገባብ ሕርሻ ብምኽያድን ዕቀባ ሓመድ ብዘይምኽያድን ዝፍፀሞ እዩ። ተምሃሮ ብዙም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ፅዕንቶታት ወዲሰብን ካልኦትን ካብ ሃገርና ኢትዮጵያ ጥራይኳ በብዓመቱ ኣስታት 20 ቢልዮን ኩንታል ሓመድ ብፍግረ መሬት ናብ ካልኦት ሃገራት ይኅዓዝ። ስለዙይ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሓመድ ብዘሕድሮ ፅዕንቶ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ እውን ስለዝጉድኡ ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር እውን ፅዕንቶ የሕድር እዩ፡፡

# ብክለት ማይን ኣየርን መፍትሕታቱን



## ዕዮ ጉጅለ 3.3

ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ማይን ኣየርን ዘብፅሖ ጉድኣት ብቐንዱ ብኽለት እዩ። ስለዙይ ብክለት ማይን ኣየርን እንታይ እዩ መፍትሒኡ? ኣብ ከባቢኹም እቶም ቀንዲ በከልቲ ማይን ኣየርን እንታይ እዮም? ሕብረተሰብ ከባቢኹም ከመይ ጌሩ ፀገም ብኽለት ኣየርን ማይን ክፈትሕ ይኽእል? ዝፈልጡ ሰባት ሓቲትኩምን ብጉጀለ ተመያይጥኩም ርእይቶኹም ንክፍሊ ኣቕርቡ።

## መፍትሕታት ብክለት ኣየር

ተምሃሮ ሕዚ እቶም ቀንዲ በከልቲ ኣየር ዘርዚርኩምዎም ኣለኹም፡፡ በዙይ መሰረት ድማ ኣብ ልዕሊኦም ዘድሊ ስጉምትን ጥንቃቐታትን ብምውሳድ ጥራይ እዩ ፀገም ብኽለት ኣየር ክፍታሕ ዝኽእል፡፡ ካብዞም መፍትሕታት እዞም ዝስዕቡ እቶም ቐንድታት እዮም፡

- ካብ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት ንዝወፅእ ኣየር ዝብክል ጋዝ ዘፃሪ መሳርሒ ኣብ መውፅኢ ትኪ ፋብሪካታት ምግጣም፡፡
- ትካላት ፍልፍል (መመንጪዊ) ኤሌክትሪክ ኣብ ክንዲ ብነዳዲ ዝሰርሑ ብሃይድሮ /ማይ/ ኤሌክትሪክ፣ ብሓይሊ ፀሓይ፣ ንፋስን ሃፋ ክርሰ ምድርን ክሰርሑ ምግባር፡፡
- ኣብ ክንዲ ብነዳዲ ብሓይሊ ፀሓይን ማይን ዝንቀሳቐሳ ተሽከርከርቲ ምስራሕ።
- ኣብ ኩሎም ዓይነታት ጓሓፍ ዳግመ ዑደት /ሪሳይክል/ ብምክያድ ዳግም ንዝተፈላለዩ ግልጋሎታት ክውዕሉ ምግባር፡፡ እዙይ እንተዘይተኻኢሉ ድማ ጓሓፍ ኣብ ክንዲ ምቕፃልን ኣብ ሜዳ ምድርባይን ኣብ ጉድጓድ ምቕባር፡፡
- ኣግራባትን ካልኦት እፅዋትን ካብ ባርዕ ሓዊ ምክልኻል፡፡
- ብኽለት ኣየር ዘስዕቡ መርዛም ኬሚካላትን ኣፅዋር ውግኣትን ካብ ምፍራይ ምቑጣብ፡፡
- ብክለት ኣየር ዝከላኸል ዕኑዕ ሕጊ ምድንጋግ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 3.4

ተምሃሮ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ መፍትሕታት ብኽለት ኣየር ውፅኢት ክህልዎ ዝክእል ውልቀሰባት፣ ሕብረተሰብ፣ ኩሎም መንግስታትን ሃገራትን ብሕብረትን ብውፍይነትን እንትነጥፉ ጥራሕ እዩ። ስለዙይ ንስኻትኩም እውን እጃምኩም ክተበርክቱ ኣለኩም።

## መፍትሒታት ብክለት ማይ



### ዕዮ ጉጅለ 3.5

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ማይ ካበይ ትረኽቡ? እቲ እትሰትይዎ ማይ ፅሩይ ድዩ? ዘይተበከለን ፅሩይን ንኽኾን እንታይ ክግበር ኣለዎ? ንስኻትኩምከ እንታይ ኣስተዋፅኦ ክትገብሩ ትኽእሉ? ብሓፈሻ እንትረኣኽ መፍትሒታት ብኽለት ማይ እንታይ እዮም? እስቲ ተመያይጥኩም ርእይቶኹም ንኽፍሊ ኣቕርቡ?

ካብ መፍትሒታት ብክለት ማይ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፡

- ናብ ሩባታት፣ ቓላያት፣ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ዝኾነ ዓይነት ጓሓፍ፣ ርስሓትን መርዛም ከሚካላትን ከይኣትው ምክልኻል፡፡
- ከም ክሎሪን፣ ውሃ-ኣጋርን ዝመሳሰሉን ፀረ-ታህዋስያን ከሚካላት ብምጥቃምን ኣፍሊሕኻ ጥራይ ማይ ብምስታይን ፅሬት ማይ ምሕላው፡፡
- ኣብ ክንክን ማይ ዝነጥፉ ትካላት መፃረይቲ ማይ ክስፋሕፍሑ ምግባር፡፡
- ናይ ከተማታት ርስሓት ማይ ቅድሚ ምብካሎም ኣቐዲምካ ዳግመ-ዑደት /ሪሳይክል/ ብምክያድ ናብ ነዳዲ፣ ዘበናዊ ድኹዒ፣ ኮምፖስትን ዝመሳሰሉን ምልዋጥ፡፡

# 3.2 መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም

*ተምሃሮ ምውዓይ ዓለም እንታይ ማለት'ዩ? መጠን ረስኒ ዓለም ብኽንደይ ደግሪ ሴንትግሬድ ይውስኽ ማለት'ዩ? መንቀሊ ምውዓይ ዓለም እንታይ'ዩ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጡሉ?*

ምውዓይ ዓለም ማለት ማእኸላይ መጠን ረስኒ ዓለምና ካብ ኣስታት ሓደ ዲግሪ ሴንትግሬድ ጀሚሩ ክብ እናበለ ዝኸደሉ ዘሎ ተርእዮ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ጀሚሩ ቅድሚኡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መንገዲ በብእዋኑ መጠን ረስኒ ዓለምና እናወሰኸ እዩ፡፡ እዙይ ድማ ሓደገኛ ተርእዮ'ዩ፡፡

## 3.2.1 መንቀልታት ምውዓይ ዓለም

ተምሃሮ ንዝሓለፉ ሚልዮናት ዓመታት ዓለምና ካብ ፀሓይ ብእትርኽቦ ሓይሊ ብርሃን እያ መጠን ረስና ሓልያ ትኽይድ ፀኒሓ፡፡ መጠን ረስኒ ዓለም ኣዝዩ ውዑይ ወይ ኣዝዩ ዝሑል ንኸይኾን ዝቆፃፀሩን ኣብ ከባቢ ኣየር ዝርከቡን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጋዝ ተፈጥሮ ኣለዉ እዮም፡፡ እዞም ጋዛት ድማ ጋዛት ግሪን ሃውስ ተባሂሎም ይፍለጡ፡፡ እዞም ጋዛት ግሪን ሃውስ ዓለምና ንሂወት ኣድላዩ ዝኾነ ሙቐት ንክህልዋ ዝገብሩ እዮም፡፡ ጋዛት ግሪን ሃውስ እንተዘይህልዉ ኔሮም ዓለምና ኣዝያ ዝሕልቲ ዓለም ምኾነት ነይራ፡፡ ስለዚ ድማ ዝኾነ ዓይነት ህይወት ዘለዎ ነገር ኣይምሃለወን፡፡

ተምሃሮ ጋዛት ግሪን ሃውስ ከመይ ጌሮም ሙቐት ዓለምና ይቆፃፃሩ? ጋዛት ግሪን ሃውስ ዝበሃሉ ብዙሓት እዮም። ካብኣቶም ኣብ ከባቢ ኣየር ብተፈጥሮ ዝርከቡ ሃፋ ማይ፣ ኦዞን፣ ካርቦዳይኦክሳይድን ሜተንን ዝተበሃሉ ይርከቡዎም። እስቲ መጀመርያ ዓለምና ከመይ ከምእትውዕይ ንርአ። ብርሃን ፀሓይ ብኸባቢ ኣየር ሓሊፉ ናብ ምድርና ምስ በፅሐ ዝተወሰነ ኽፋሉ ኣብ ምድሪ ተሪፉ ንዓለምና የውዕይ። እቲ ዝለዓለ ኽፋሉ ድማ ተመሊሱ ናብ ከባቢ ኣየር ይምለስ። እዙይ ተፈጥሮኣዊ ምውዓይ ዓለም እናሃለወ ግና ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ መጠን ረስኒ ዓለምና ብዝለዓለ ዝውስኽ ዘሎ መንቀሊኡ እንታይ እዩ? መንቀሊ ምውዓይ ዓለም ብቐንዱ ወዲ ሰብ እዩ።

ወዲሰብ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታቱ ናብ ከበቢ ኣየር ዝኣትዉ ገዛት ግሪን ሃውስ እናወሰኸ ክኸዱ ጌሩ እዩ። ይገብር ኣሎ'ውን። ዕንፀይቲ፣ ፈሓም፣ ነዳዲ ፔትሮልን ካልኦትን ብምቅፃልን ካብ ፋብሪካታት ብዝወፁ ጋዛትን እቲ ከባቢ ኣየርና ብካርቦን ዳይኦክሳይድ፣ ሜቴንን ካልኦት ጋዛትን ክሽፈን ጌሩ'ዩ። ክሎሮፍሎሮ ካርቦን ዝተበሃለ ጋዝ እውን ወዲ ሰብ ብነፈርቲ ንፀረ-ባልዕ ኢሉ ዝነፅጎ ከምኡ እውን ንመሳርሒ ፍሪጅ /መዝሐሊ/ ዘውዕሎ እዚ ጋዝ እውን ካልእ ሳዕቤን ምውዓይ ዓለም እዩ። ክሎሮፍሎሮካርቦን ካብ ካርቦን ዳይኦክሳይድን ካልኦትን ብዝለዓለ መንገዲ ከባቢ ኣየር ናይ ምውዓይ ሳዕቤን ኣለዎ። እዞም ብሰንኪ ወዲሰብ እናወሰኹ ዝኸዱ ዘለው ጋዛት ግሪን ሃውስ ነቲ ካብ መሬት ናብ ህዋ ክኸይድ ዝነበሮ ሙቐት ፀሓይ ከም መስትያት ተንፀባሪቑ ናብ ምድሪ ክምለስ ዝገብሩ'ዮም። እዙይ ብጋዛት ግሪን ሃውስ ተዓፊኑ ናብ መሬት ዝምለስ ሙቐት ፀሓይ እዩ ድማ ቐንዲ መንቀሊ ምውሳኽ መጠን ረስኒ ዓለምና።


ተምሃሮ ኣግራብ ካርቦንዳይኦክሳድ ዝእክቡ ምዃኖም ትፈልጡ ኢኹም። ኣግራባት እንትብርሱ እቲ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ናብ ከባቢ ኣየር ከይዱ ካልእ መንቀሊ ምውዓይ ዓለም ይኸውን'ዩ።



## ንጥፈት 3.1

### ትምህርታዊ ዑደት

ተምሃሮ መንቀሊ ምውዓይ ዓለም ብዝበለፀ ንኽትግንዘቡ ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከብ ዓብይ ትካል መፍረይ ፈልስታት ወይ ዕምባባታት ትምህርታዊ ጉዕዞ ኣካይዱ። ናብኡ ምስ በፃሕኹም እቲ ግሪን ሃውስ ዝበሃል ኣየናይ እዩ? ንምንታይ ብመስትያት ተሓፂሩ? ብርሃን ፀሓይ ናብ ከባቢ ኣየር ከይምለስ ዝተደለየሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ዝብሉን ካልኦትን ሕቶታት ኣቕርቡሎም። ዝረኸብኩምዎም መልስታት መዝጊብኩም ጋዛት ግሪን ሃውስ መንቀሊ ምውዓይ ዓለምና ዝኾነሉ ምኽንያት ብዝርዝር ንክፍሊ ኣቕርቡ?




ስእሊ 3.4: ፈልስታት ኣብ ግሪን ሃውስ


## 3.2.2 ሳዕቤናት ምውዓይ ዓለም

*ተምሃሮ እዚ ምውዓይ ዓለምና ሓደገኛ እዩ ዝበሃል ንምንታይ እዩ? እንታይ ሳዕቤናት ኣለውዎ? እስቲ ተመያየጥሉ?*

ማእኸላይ መጠን ረስኒ ብዝተወሰነ መልክዑ እውን እንተኾነ እንትውስኽ ኣብ ከባቢ ዓለምና ዘብፀሖ ሳዕቤን ዓብይን ሓደገኛን እዩ፡፡ ሳዕቤናት ምውዓይ ዓለም ብሓፈሻ እንትረኣዩ ኣብ ዘተፈላለዩ ፊዚካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ከምኡ እውን ኣብ ስርዓተ ምህዳርን ዘምፅኦ ለውጢ እዩ፡፡ እዞም ዝስዕቡ እቶም ቐንድታት ሳዕቤናት እዮም፡፡ ንሳቶም ድማ ምሽንቋር ኦዞን፣ ምምካኽ በረድ፣ ዝናብ ኣሲድን ውሕጅን እዮም፡፡

### ሀ. ምሽንቋር ኦዞን

ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ትምህርቲ ኬሚስትሪ ኦዞን ሞሌኩል በዓል ሰለስተ ኣቶም /$O_3$/ ኦክስጂን ከምዝኾነ ተማሂርኩም ኢኹም፡፡ ኣብ ከባቢ ኣየር ዝርከብ ሓደ ፅፍፃፍ ኦዞን ኣሎ እዩ፡፡ ቐፀላ ኦዞን ነቲ ካብ ፀሓይ ዝመፅእ ኣልትራቫዮሌት ዝተብሃለ ሓደገኛ ጨረር ናብ ዓለምና ኸይበፅሕ ዓጊቱ ዝሕዝ ጋዝ እዩ፡፡ ጨረር ኣልትራቫዮሌት ናብ ዓለምና እንተዝበፅሕ ኔሩ ኣብ ደቂ ሰባት ዓብይ ሕማም ካንሰርን ካልኦትን የስዕብ፡፡ ኣብ ልዕሊ እንስሳታትን ተኽልታትን እውን ዓብይ ጉድኣት ዘብፅሕ እዩ፡፡ ኩሉ ኣልትራቫዮሌት ናብ ዓለምና እንተዝበፅሕ ኣብ ዓለምና ህይወት ኣይምነበረን፡፡ ኮይኑ ግና ብሳላ ፅፍፃፍ ኦዞን ክሳብ ሕዚ ብዙሕ ጉድኣት ኣይበፀሐን፡፡ ሕዚ ግና ብምኽንያት ክሎሮፍሎሮካርቦንን ካልኦት ጋዛት ግሪን ሃውስን እዙይ ቐፀላ እናሰሓወን እናተሸንቆረን እዩ፡፡ በዚ ድማ ዓለምና እናወዓየት እያ፡፡ ብሰንኪ እዙይ ምሽንቋር ፅፍፃፍ ኦዞን ድማ ኣብ ጥዕና ሰባት ከም ካንሰርን ዓይነ ስውርነትን ይብፅሕ፣ ተኽልታትን እንስሳታትን ይጉድኡ ከምኡ እውን ኣብ ከባቢ ኣየር መጠን ካርቦን ዳይኦክሳይድ ክውስኽ ይገብር፡፡



ስእሊ 3.5: ዝተሸንቆረ ፅፍፃፍ ኦዞን

## ለ. ምምካኽ በረድ

### ተምሃሮ በረድ ንኸመክኽ እንታይ የድልዮ?

በረድ ምስ መኸኸ ናብ ምንታይ ይልወጥ? ኣብ ዓለምና ምሽንቋር ኦዞን ብዝለዓለ ብርኪ ዝረአ ኣብ ልዕሊ ኸባብታት ደቡባውን ሰሜናውን ዋልታ እዩ። እዚይ ሰፊሕ ቦታ ዝሓዘ ኸባቢ ኣርክቲክን ኣንታርክቲክን ብበረድ ዝተሸፈነ እዩ። ኾይኑ ግና ሕዚ ብምኽንያት ምውዓይ ዓለምና እዚይ በረድ እናመኸኸ እዩ። ብምኽንያት ምምኻኽ በረድ ድማ ትሕዝቶ ማይ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን እናወሰኸ እዩ። እዚይ ድማ ደሴታትን ኣብ ክፍለ ዓለማት ዝርከብ መሬት ገምገም ባሕርን ብማይ እናተሸፈነ እዩ። ብብዙሕ ሚልዮናት ዝቑፀር ህዝቢ እውን ካብ መንበሪኡ እናተፈናቐለ እዩ። እዚይ ሳዕቤን ምውዓይ ዓለም ዝኾነ ምምኻኽ በረድ መንበሪ እንስሳት ደቡባውን ሰሜናውን ዋልታ እናብረሰ ስለዝኾነ ከም ድቢ ዝመሳሰሉ ዝተፈላለዩ እንስሳት ዋልታ እናጠፍኡ እዮም። ብምኽንያት ምውዓይ ዓለም ኣብ እምባታት ዓለም ዝርከብ በረድ እውን እናመኸኸ ስለዝኾነ ተመሳሳሊ ሳዕቤናት እናበፅሑ እዮም። ንኣብነት ኣብ እምባታት ቻይና ዝመኸኸ በረድ ትሕዝቶ ማይ ሩባታት ንኽውስኽን ኣብ ህይወትን ንብረትን ሓደጋታት ውሕጅ ንኽፍጠሩን እናገበረ እዩ። ጫፍ እምባ ክሊማንጀሮ ንብዙሕ ዓመታት ብበረድ ተሸፊኑኳ እንተፀንሐ ሕዚ እናመኸኸ እቲ በረድ ኣዝዩ እናነከየ እዩ። እዚይ እውን ካልእ ሳዕቤን ምውዓይ ዓለም እዩ።

## ሐ. ዝናብ ኣሲድ

### ተምሃሮ ብኣሲድ ዝተመርዘ ዝናብ ከም ዝዘንብ ትፈልጡዶ?

ከባቢ ኣየር ብኣሞንየም፣ ካርቦን፣ ናይትሮጅን፣ ሰልፈርን ዝመሳሰሉን ጋዛት ግሪን ሃውስ እንትብከልን ምስ ሞሌኩላት ማይ እንትብልዕላዕን ኣሲድ ይፍጠር። በዚይ መንገዲ ብኣሲድ ዝተበከለ ደበና፣ ግመ፣ ዛዕዛዕታን ድማ ኣሲድ ዝናብ የዝንብ። እዚይ ድማ ናብ ዓለምና ወረዱ ዓብይ ጉድኣት የብፅሕ። እዚይ ሳዕቤን ምውዓይ ዓለም ዝኾነ ዝናብ ኣሲድ ሩባታትን ቃላያትን ይብክል። ኣብ ልዕሊ ጥዕና ደቂ ሰባትን እንስሳትን፣ ኣብ ልዕሊ ዝስተ ማይ፣ ሓመድን ካልኦትን ዓብይ ጉድኣት የብፅሕ። ብዝናብ ኣሲድ

ካብ ዝጥቃዓ ሃገራት ምብራቓዊ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ ሃገራት ምብራቕ ኣውሮፓ፣ ደቡባዊ ምብራቕ ካናዳ ቻይናን ታይዋንን እተን ቐንድታት እየን።



ስእሊ 3.6: ሳዕቤን ዝናብ ኣሲድ

## መ. ውሕጅ

ሓደ ካብ ሳዕቤናት ምውዓይ ዓለም ምዕልቕላቕ ውሕጅ እዩ። ብሰንኪ ምውዓይ ዓለም ኣግራባትን ካልኦት እፅዋት ተፈጥሮን እንትበርሱን መሬት እንትብሕጎግን ውሕጅ ክፍጠር ግድን እዩ። ብተወሳኺ እውን ምምካኽ በረድ ትሕዝቶ ማይ ሩባታት ክውስኽ ስለ ዝገብር ምዕልቕላቕ ውሕጅ ብዝበለፀ ክጠናኸር ይገብር እዩ። እዙይ ድማ ኣብ ህይወት ደቂ ሰባትን እንስሳትን፣ ኣብ ብርሰት እፅዋት፣ ብርሰት ንብረትን ሃፍትን፣ ምዕልቃላቕ ቦታታት ሕርሻን ከተማታትን ወዘተ ዘብፅሖ መጠን ጉድኣት ኣዝዩ ልዑል እዩ።

ተምሃሮ ንኣብነት ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ 2002 ዓ/ም ኣብ ሰሜን ምዕራብ ፓኪስታን ውሕጅ ዘብፀሖ ጉድኣት ትፈልጡዶ? ብሰንኪ እዚ ውሕጅ ኣስታት 2000 ሰባት ምይቶም ልዕሊ15 ሚልዮን ሰባት ብዘይ መንበሪ ተሪፎም ተፈናቒሎም፣ ህንፃታት መንገድታትን ከተማታትን ዓንዮም እዮም። ብተመሳሳሊ መንገዲ ብምኽንያት ምውዓይ ዓለም ኣብ ቻይና፣ ኣሜሪካ፣ ባንግላዴሽ፣ ኢንዶነዥያን ካልኦትን በብእዋኑ ምዕልቕላቕ ውሕጅ በዙሕ ጉድኣት የብፅሕ እዩ። ስለዙይ ተምሃሮ ምውዓይ ዓለም ኣብ ህዝቢ፣ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳትን ዘምፅኦ ሳዕቤን ኣዝዩ ልዑል እዩ። ህዝብታትን መንግስታትን ዓለም ብሓባር ኮይኖም ቐልጡፍ መፍትሒ እንተዘይረኺቦም ሳዕቤን ምውዓይ ዓለም ኣዝዩም ዝኸፍኡ ሓደገኛ ሳዕቤናት ከምዝስዕቡ ሳይንትስትታት እናተንበዩ እዮም።



ስእሊ 3.7: ሳዕቤን ውሕጅ

## ሳዕቤን ምውዓይ ዓለም

ተምሃሮ ካብቶም ዝተዘርዘሩ ቐንዲ ሳዕቤናት ምውዓይ ዓለም ኣብ ልዕሊ ጥዕናን ህይወትን ደቂ ሰባት፣ ኣብ ልዕሊ ምህርቲ ሕርሻ፣ ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ማይ፣ ኣብ ልዕሊ እንስሳትን ደቂ ሰባትን ዝመሳሰሉን ዝበፅሑ ሓደጋታት እቶም ጎሊሆም ዝረኣዩ እዮም፡፡ ብምኽንያት ምውዓይ ዓለም ነባሪ ኣየር በብእዋኑ እናተለዋወጠ እዩ፡፡ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ኣብ ፓኪስታን ሓደጋ ውሕጅ ኣብ ዝተኸሰተሉ ተመሳሳሊ እዋን መወዳእታ ወርሒ ሓምለ 2002 ዓ/ም ኣብ ሩስያ እንታይ ክስተት ከም ዝተፈጠረ ትዝክሩዶ? ካብ ፓኪስታን ንሰሜን ኣንፈት ኣብ እትርከብ ሩስያ መጠን ረስኒ ናብ ልዕሊ 40º ሴ በፂሑ ኔሩ፡፡ ካብዚ ልዑል መጠን ረስኒ ድማ ባርዕ ሓዊ ተላዒሉ፡፡ ኣብ ልዕሊ 350 ዝተፈላለዩ ቦታታት ዱር ብዝተለዓለ ባርዕ ሓዊ ብኣሽሓት ዝቁፀሩ ኣግራብት በሪሶም፡፡ ንከተማ ሞስኮ ሓዊሱ ብዙሓት ቦታታት ኣየሮም ተበኪሉ፡፡ ሰባትን እንስሳትን ሞይቶም፡፡ ብዙሕ ዕንወት በፂሑ፡፡



ስእሊ 3.8: ሳዕቤን ባርዕ ሓዊ

# መጠቓለሊ

ወዲ ሰብ ሚዛን ስርዓተ ምህዳር ንኽዛባዕን ንኽልወጥን በብእዋኑ ፅዕንቶታት እናገበረ እዩ። ወዲ ሰብ ንዕለታዊ መነባብርኡን ጥቕሙን ጥራይ ብምሕሳብ እዩ ዝንቀሳቐስ እምበር ንዕቀባ ስርዓተ ምህዳርን ንቐፃላይ ወለዶን ብዙሕ ግዱስ ይኮነን። በዙይ ምኽንያት ድማ ኣብዚ ሕዚ እዋን ካብ በዝሃ-ህይወታውያን ኣስታት 30% ዘኾኑ ዘርእታት እፅዋትን እንስሳትን ካብ ገፀ ምድሪ ጠፊኦም ይርከቡ። በዝሃ-ህይወታውያን ከምዙይ እትንክዩን እንትጠፍኡን ኣብ ልዕሊ ስርዐተ ምህዳር ዝለዐለ ፀቕጥታት ይፈጥሩ።

ወዲሰብ ኣብ ኩሎም ዓይነታት ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዘብፀሖ ጉድኣት እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ዓበይቲ ፀቕጥታት ይኸሰቱ እዮም፡፡

- *መንበሪ ኩሎም ዓይነታት ህይወታውያን ዝኾኑ ኣግራባትን እፅዋትን ይበርሱን ይዛብዑን፡፡*
- *ለውጢ ነባሪ ኣየር ይኸሰት፡፡*
- *ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብኽለት ይስፋሕፍሑ፡፡*
- *ሃፍትታት ተፈጥሮ ብዘይ መተካእታ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ ስለዘለዉ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ ይስፋሕፍሕ፡፡*

ኣብ ዓለምና በብእዋኑ መጠን ረስኒ እናወሰኸ እዩ። መንቀሊኡ ድማ ናይ ወዲሰብ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ተፈጥሮ እዩ። ወዲ ሰብ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታቱ ናብ ከባቢ ኣየር ዝኣትዉ ጋዛት ግሪን ሃውስ እናወሰኹ ክኸዱ ጌሩ እዩ። ዕንፀይቲ፣ ፈሓም፣ ነዳዲ ፔትሮልየም፣ ክሎሮፍሎሮካርቦንን ካልኦትን ብምቅፃል እቲ ከባቢ ኣየር ብካርቦን ዳይኦክሳይድ፣ ሜቴንን ካልኦት ጋዛትን ክሽፈን ጌሩ እዩ። እዙይ ድማ ብዝለዓለ መንገዲ ከባቢ ኣየር ናይ ምውዓይ ሳዕቤን ኣለዎ። ካብቶም ቀንዲ ሳዕቤናት ምውዓይ ዓለም ምሽንቋር ኦዞን፣ ምምካኽ በረድ፣ ዝናብ ኣሲድንን ውሕጅን እቶም ቐንድታት እዮም።

## ማህደረ ቃላት

**ምዝባዕ ስርዓት ምህዳር** – *ኣብ ልዕሊ ሃፍትታት ተፈጥሮ ብዝበፅሕ ፅዕንቶ ዝነበረ ሚዛን ርክባት ሃፍትታት ተፈጥሮ እንትልወጥ*

**ኣዝማ** – *ብምኽንያት ብኽለት ኣየር ኣብ ልዕሊ መተንፈሲ ኣካላት ወዲ ሰብ ዝበፅሕ ዓይነት ሕማም።*

**ህይወታውያን** – *ኩሎም ኣብ ማይን መሬትን ዝርከቡ ህይወት ዘለዎም እንስሳትን ተኽልታትን።*

**ሃይድሮ** – ማያዊ

**ሃይድሮ-ኤለክትሪክ** – ካብ ማይ ዝርከብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ።

**ክሎሪን** – ማይ ንምፅራይ ዝውዕል ኬሚካል።

**ዳግመ-ዑደት** – ዝተጠቐምናሎም ነገራትን ጓሓፋትን ከምብሓዱሽ ኣሀዲስካ ዳግም ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ምግባር፤ ሪሳይክል።

**ኦዞን** – በዓል ሰለስተ ኣቶም ኦክሲጅን።

**ዝናብ ኣሲድ** – ኣብ ከባቢ ኣየር ዝርከብ ደበና ብኣሞንየም፤ ሳልፈርን ካልኦት ጋዛትን ምስ ተበከለ ዝዘንብ ዝናብ።

# መጠቓለሊ ሕቶታት

**I** *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል እንተኾይኖም 'ሓቂ' ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ 'ሓሶት / ጌጋ' ብምባል መልሱ*

1 ኢድ-ኣእታውነት ወዲ ሰብ ኣብ ስርዓተ-ምህዳር ንዓለምና ኣብ ዘስግእን ዘተሓሳስብን ኩነታት ክትወድቕ ጌሩዋ እዩ፡፡

2 ብርሰት ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ስርዓተ-ምህዳር ኣሉታዊ ፅዕንቶ የሕድር እዩ፡፡

3 ፍግረመሬት ምህርቲ ሕርሻ ክስስን ዝገብር እዩ፡፡

4 ጋዛት ግሪን ሃውስ እንተዘይህልዉ ኔሮም ዓለምና ኣዝያ ውዕይቲ ምኾነት ኔራ።

**II** *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፅታት ውሽጢ ትኽክለኛን ቅኑዕን ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

5 ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዓለምና ኣብ ሓደ ሰከንድ ክንደይ ጫካ /ዱር/ ይበርስ ኣሎ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ሓደ ሄክታር | ሐ. | ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜትር |
| ለ. | ፍርቂ ትርቢዒት ሜትር | መ. | ኩሉ መልሲ እዩ |

6 ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮን ኣግራብትን ብርሰት ዘብፅሕ ንምንታይ ኢሉ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ንኢዱስትሪታት ጥረ ኣቕሓ | ሐ. | ንምሰፍሕፋሕ ኸተማታት |
| ለ. | ንነዳዲ ዕንፀይቲ | መ. | ኩሉ መልሲ እዩ |

7 ካብዞም ዝስዕቡ መግለፂ ዝተበከለ ማይ ኣየንኡ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ፅሬት የብሉን | ሐ. | ጠንቂ ጥዕና እዩ |
| ለ. | ሕማቕ ሽታ ኣለዎ | መ. | ኩሉ መልሲ እዩ |

8 ካብዞም ዝስዕቡ ቐንዲ መበከሊ ኣየር ኣየንኡ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ኦክስጂን | ሐ. | ናይትሮጅን |
| ለ. | ካርቦን ዳይኦክሳይድ | መ. | መልሲ የለን |

9 ካብዞም ዝስዕቡ ካብ መፍትሕታት ብኽለት ኣየር ሓደ ዘይኮነ ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ሓይሊ ፀሓይ ምጥቃም

ለ. ሃፋ-ከርሰ መሬት ምጥቃም

ሐ. ብነዳዲ ፔትሮልየም ምጥቃም

መ. ዳግመ-ዑደት ጓሓፍ /ሪሳይክል/ ምጥቃም

10 ካብ ሳዕቤናት ምውዓይ ዓለም ሓደ ዘይኮነ ኣየንኡ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ምሽንቋር ኦዞን | ሐ. | ዝናብ ኣሲድ |
| ለ. | ምምካኽ በረድ | መ. | መልሲ የለን |

11 ኣብ 2002 ዓ.ም ብሓደጋ ውሕጅ ዓብይ ጉድኣት ዝበፅሓ ሃገር መን እያ?


| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. | ሃይቲ | ሐ. | ፓኪስታን |
| ለ. | ሊብያ | መ. | ኢትዮጵያ |

## III ኣብ ትሓቲ 'ሀ' ንዘለዉ ምስቶም ኣብ ትሕቲ 'ለ' ዘለዉ ኣዛምዱ።

| ሀ | | ለ | |
|---|---|---|---|
| 12 | ምምካኽ በረድ | ሀ. | ንምስርሒ ፍሪጅ(መዝሓሊ) ዝጠቅም ጠንቂ ምውዓይዓለም |
| 13 | ኦዞን | ለ. | ርስሓትን መርዛም ኬሚካላትን ናብ ሩባታት |
| 14 | ክሎሮፍሎሮካርቦን | ሐ. | ትሕዝቶ ማይ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ይውስኽ |
| 15 | መቆፃፀሪ መጠን ረስኒ ዓለምና | መ. | ካርቦን ሞኖኦክሳይድን ካርቦን ዳይክሳይድን |
| 16 | ህፁፅ ዕቤት በዝሒ ህዝቢ | ረ. | ዳግመ ዑደት (ሪሳይክል) ዘድልዮ |
| 17 | ብኽለት ማይ | ሰ. | ውሕስና ምግቢ የረጋግፅ |
| 18 | ብኽለት ኣየር | ሸ. | ጋዛት ግሪን ሃውስ |
| 19 | ጓሓፍ | በ. | በዓል ሰለስተ ኣቶም ኦክሲጂን |
| | | ተ. | ጠለብ መሬት ሕርሻ ይተዓፃፀፍ |

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ውራይ ህዝቢ




## ውፅኢት እዚ ምዕራፍ

***ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፤***

- ግደ መናእሰይ ኣብ ምትግባር ፖሊሲ ስነ ህዝብን ስነ ፆታን ትገልፁ፡፡ ተድንቑ፡፡
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምክልኻል ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ትዝርዝሩ፡፡ ተስርፁ፡፡
- ግደ መናእሰይ ኣብምንካይ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ተብርሁ፡፡ ተረድኡ፡፡
- ወዲንነትን ብእፅ ዝተበከለ መንፈስን ከመይ ገይርካ ከምዝውገድ ትገልፁ፡፡
- ኣብነታት መወገዲ መንገድታት ወዲንነት ትገልፁ፡፡ ኣብ ማሕበረሰብ ትነጥፉ፡፡
- ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትዝርዝሩ፡፡
- ብዛዕባ ቀንዲ ዕላማታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ኣምር ሉላውነትን ወይድማ ዓለምለኻውነት ተብርሁ፡፡ ብኣብነት ዝተደገፉ መብርሂ'ውን ተቕርቡ፡፡

## ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ትመልኩን ትውንኑን፤**

- ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምውጋእ ዘኽእልዎም ክእለታት ህይወት ተማዕብሉ፡፡
- ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ሰባትን ስድረኦምን ዝሕብሕቡን ዝድግፉን ሰባት ኣብነታቶም ተኸቲልኩም ትሰርሑ፡፡
- ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ትትንትኑ፡፡
- ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታት ተለልዩ፡፡
- ረብሓ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ድኽነት ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታትን ኢትዮጵያ ኣብ ህዝቢ ተስርፁ፡፡
- ኣብ ሞንጎ ፆታን ስነ ፆታን ዘሎ ኣፈላላይ ትገልፁ፡፡
- ባህርያት ማዕርነት ስርዓት ፆታ ተለልዩ፡፡
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓት ፆታ ትርድኡ፡፡
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ፆታዊ ሃብታትን ጥቕዓትን ተመልክቱ፡፡
- ንደቂ ኣንስትዮ ስልጣን ምሃብን ብሓባር ምስራሕን ድኽነት ኣብ ምንካይ ዘለዎ ረብሓ ትገልፁ፡፡
- ኣብነታት ወዲንነት ተለልዩ፡፡

- ወዲ'ንነት ከመይ ከምዝውገድ ትገልፁ፡፡
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ወዲ'ንነት ተመልክቱ፡፡
- ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ተብርሁ፡፡
- ቀንዲ መሓውራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትፀርሑን ዕላማታቶም ተብርሁን፡፡
- ፅንስ ሓሳብ ዓለምለኻውነት ትግንዘቡ፡፡
- ዕቡ'ቕ ኣጋጣምታት ፈተናታትን ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን ተለልዩ፡፡

# መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ እዩ ዝድህስስ፡፡ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት ክትመያየጡን እናሓተትኩም ክትመሃሩን ትፅቢት ይግበር፡፡ ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ ኣዐርዩ ዝጠ'ቕመኩም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ፡፡ ስለዚ ሕድሕዲኡ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቅኩም ክትርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ፡፡ ስለዚ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ትምሃርዎም ኣርእስትታት ብዛዕባ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ክህልዉ'ዮም፡፡ ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ብዋናነት ጠመተ ዝተገበረሎም ቀንዲ ኣርእስትታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡ፤

- ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ዛዕባታት ከም መናእሰይን ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስን ዝምልከቱ፤
  - ግደ መናእሰይ ኣብ ምውጋድን ምክልኻልን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ
    - ክእለታት ህይወት ምምዕባል፣ ምዕቃብ፣
    - ፅዕንቶ መሓዛ ምቅዋም፣ ብዛዕባ መፃኢ ኩነታት ምሕሳብ ወዘተ
  - ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝሓመሙ ወገናት ምሕብሓብን ምድጋፍን፤
- ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዘድልዩ ስትራተጂታትን ፖሊሲታትን ከምኡ'ውን ዝተሓንፀፁ ሜላታት
  - ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ
  - ሜላታት መከላኸሊ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ
    - ንኣብነት ምምሃር ኣዋልድ፣ ምጣነ ስድራ፣ ምውጋድ ትሕቲ ዕድመ መርዓ
  - ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራዕ ፖሊሲታት ስነ ህዝብን ምንካይ ድኽነትን ኣብ ኢትዮጵያ
- መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት - ሰብኣዊ መሰላትን ኣግባብ ጥንቃቐ ድሕንነትን ዝብል ምስ ያታዊ ኩነታትን ወዲ'ንነትን ተዛሚዱ ዝቐርብ ኣሎ፤

- ስርዓተ ፆታ
  - ኣፈላላይ ፆታን ስርዓተ ፆታን ከምኡ'ውን ሜላታት ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓተ ፆታን
  - ድኽነት ንምንካይ ሓቢርካ ምስራሕ፣
  - ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣን ምብቃዕ፣ ኣብ ገዛ ዘለዉ ፆታዊ ሁከትን ጥቕምታትን ምውጋድ፣
  - ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ
- ካብ ሁከትን ዕግርግርን ምርሓቕ
  - ወዲንነት፣ ዕውልና፣ ወልፊ እፃት፣ ምግዳፍ ባህላዊ ፀጋታት (እሴታት) ምስኣን፣ ምዝራፍን ምዕማፅ ኣንስትን
  - ምክልኻል ወዲንነት፣ ዓርሰ ግንዛበ ብምዕባይ ዕዕንቶ መሓዛ ምቅላል፣ ግዞኻ ኣብ ማእኸል መናእሰይ ምሕላፍ፣ ምስ ስድራኻ ሓሳብን ተሞክሮን ምልውዋጥ

✶ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ዓለምለኻውነትን (ግሎባላይዜሽን)

- መርሃ ግብርታት ንኣጋርነት
  - ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን መሓውራቱን
- ዓለምለኻውነትን ሉላውነትን (ግሎባላይዜሽን)

ዝምልከቱን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ኣለዉ፡፡

እዚ ምዕራፍ ን21 ክፍለግዝያት ዝተዳለወ እንትኸውን ኣብ መወዳእታ ምዝዛም እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ክእለትን ፍልጠትን ጨቢጥኩም ብውነ ክትትግብርዎም ዝብል ውፅኢት መሰረት ተገይሩ ዝተዳለወ'ዩ፡፡ ተምሃሮ ካብ 5ይ ክሳብ 7ይ ክፍልታት ብዛዕባ ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት ተማሂርኩም ነይርኩም፡፡ ትዝክርዎም ዶ? ንኣብነት ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ዕብየት በዝሒ ህዝብን ኣመልኪትኩም ትዝክርዎ ግለፁ፡፡ ምስ መምህርኩም ኣብዝስዕቡ ተመያየጡ፡፡

## 4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ዛዕባታት

1 ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻል ዝተገበረ ፃዕርን ንቅድሚት ክግበር ዝግብኦ

2 ኣድላይነት ምቕፅፃል ህዝባዊ ምልዕዓል ኣንፃር ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

3 መትከላት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

- ሕብረተሰብ መሪሕን ብዓል ዋና ክኸውን ምግባርን፣
- መራሕቲ ፖለቲካ፣ ትካላት ማሕበረሰብን ሓለፍቲ ስራሕን ብወሳንነት ነቲ ምንቅስቓስ ክመርሑ ምግባር፡፡
- እቲ ምንቀስቓስ ንኹሉ ዝሓቖፈን ኩሉ ሴክተር ዘሳተፈን ክኸውን ንምግባር፣

- *ንኤች.ኣይ.ቪ. ዝተቓልዑ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣብቲ ምንቅስቓስ ልዑል ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር፣*

4 ብኤች.ኣይ.ቪ/ቫይረስ ዝሓመሙ ሰባት ኣብ ምልዕዓል፡፡

## 4.1.1 ግደ መናእሰይ ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ



### ዕዮ ጉጅለ 4.1

ተምሃሮ ኣብ 5ይ፣ 6ይን 7ይን ክፍልታት ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብዝተምሃርኩምዎ ትዝክርዎ ጥቐሱ፡፡ መናእሰይ ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ክህልዎም ዝኽእል ግደ/ተራ እንታይ ይመስለኩም? ንቕድም ኣብዚኦም ጉዳያት ተመያየጡ፡፡ ተኻትዑ'ውን፡፡ ድሕሪ'ዚ

*መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን* (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኣመልኪቱ ኣብ ገፅ 134 - 136፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ መናእሰይ ኣብ ገፅ 133 - 134 ዝተገለፁ ኣብ ቤተ መፅሓፍ ቤት ትምህርትኹም ኸይድኩም ኣንብቡ፡፡

- *ጠመተ ዝተገበረሎም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂታት (ሜላታት) ኣፈፃፅማ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝምልከት ኣብዚ ትልሚ ዝተፅሓፈ ተመያየጡሉ።*
- *ጠመተ ዝተገበረሎም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂታት (ሜላታት) ኣፈፃፅማ ፖሊሲን ስትራተጂን ጉዳያት መናእሰይ ብዝምልከት ኣንብቡ፡፡ ተመያየጡሉን ተኻትዑሉን፡፡*

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ማሕበራውን ጥዕናውን ፀገም'ዩ ንዝብል ኣበሃህላ ተመያየጥሉ፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንስሉጥን ቅልጡፍን ዕብየት ሃገር ከምኡ'ውን ድኽነት ንምንካይ ንዝግበር ፃዕሪ ዝፈታተንን ዓንቃፊይን'ዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት ንምንታይ'ዩ? መልስኹም ብፅሑፍ ተዳልዩ ናብ ክፍሊ ብምቕራብ ተመያየጡሉ፡፡ ኣብዚ መናእሰይ ከ እንታይ ተራ ኣለዎም?

ብፍላይ ካብ 15 — 24 ዓመት ክሊ ዕድመ ዘለዉ መናእሰይ ንሓደጋ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ተቓሊዖም ይርከቡ፡፡ እዚ ዕድመ ብባዕሉ ርእሱ ዝኸኣለ መበገሲ ባህርያት ኣለዎ፡፡ ብፍላይ ሂወቶም ብስምዒት ጥራሕ ኣብ ምምራሕን ብዝተፈላለዩ ግዝያዊ ዝኾኑ ረብሓታት ተገዛኣይ ምዃን ዝመሳሰሉ ኩነታት ስለዘጋጥሞም'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ኣብዚ ሕዚ እዋን ስድራ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ትካላት ጥዕናን ካልኦት ኣካላትን ንጉዳይ ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ዝለዓለ ጠመተ ክህቡሉ ይግባእ፡፡

መናእሰይ ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ወሳናይ ግደን ሓላፍነትን ኣለዎም። ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ወገናትን ስድርኦምን ኣብ ምሕብሓብን ምድጋፍን ዝለዓለ ተራ ይፃወቱ። መናእሰይ ክእለታት ህይወት ኣብ ምምዕባል፣ ፅዕንቶ መሓዛ ኣብ ምቅዋም፣ ካብ ስዲ ፆታዊ ዝምድና ኣብ ምዕቃብ ወዘተ ዓብዪ ተራ ኣለዎም።

ምስ ተኻሳሓይ ባህርይ መናእሰይን ሓደጋ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ኣብ ግምት ብምእታው ትኹረት ዝድልዮም ጉዳያት ካብዚ ንታሕቲ ቐሪቦም'ለዉ፡፡

1 **ናይ ባህርይ ለውጢ ዘምፅኡ ስራሕቲ ህንፀት ዓቕሚ ምሃብ፣** እዚ ማለት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም ዝተዳለዉ ሃገራውን ክልላውን ስትራቴጂታትን መደባትን ክፈልጡ ምግባርን ናይዚ ውፅኢትን ኣፈፃፅማን ክትትልን ገምጋምን ምክያድን ኩሎም ስራሕቲ ብመሰረት ትልሚ ምፍፃምን፡፡ ኣብዚ ብፍላይ ካብ ፆታዊ ርክብ ምዕቃብ ዝለዓለ ጠመተ ብምሃብ ኣስተምሮ ዝሳለጠሉ መንገዲ ምምችቻው፡፡

2 **ኣብ ስራሕቲ መናእሰይ ርኡይ ለውጢ ዘመዝገቡ ኣካላትን ከባብታትን ብምፍላይ ልምድን ተሞክሮን ክለዋወጡ ምግባር፡፡** በዚ መዳይ ውፅኢታዊ ስራሕ ዝፈፀመት ኡጋንዳ እንትትከውን በዚ ተመሪሓ ነቶም መናእሰይ ዝልውጡ ስራሕቲ ብምስላጥ ዝነበራ ሽፋን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ልዕሊ 30% ናብ 6% ክተውርዶ ክኢላ እያ። ስለዚ መናእሰይ ሃገርናን ክልልናን ናይዚ ተሞክሮን ከምኡ'ውን ካብ ሃገርና ዝመሃሩሉ መንገዲ ምምችቻው፡፡ ምስዚ ዝተዛመደ ዓርሰ ንዓርሶም ዝመሃሃሩሉ ማንዛ ንማንዛ ኣገባብ ብሰፊሑ ምጥቃም፡፡

3 **መናእሰይ ኣብ ፖለቲካ፣ ኢኮኖምን ማሕበራውን ጉዳያት ከባቢኦም ክሳተፉን** ኣብ ዝዳለዉ ፖሊሲን ፕሮግራማትን ሓሳቦምን ድልየቶምን ብምፍላይ ክኣትው (ልዑል ጠመተ ክወሃቦ) ብምግባር ኣብዚ መዳይ ንጡፋት ተሳተፍቲ ዝኾኑሉ ኣገባብ ከም መትከል ምውሳድ፡፡

4 **መናእሰይ ማእኸል ዝገበሩ ግልጋሎት ዝህቡ ትካላት በብኸባብኡ ምኽፋትን እቶም ትካላት ኩለመዳያዊ ግልጋሎት ማለት ግልጋሎት ምኽሪ ዝረኽቡሉ ኩነታት ምምችቻው፣** ቀረብ መከላኸሊ መድሓኒት ብቐሊሉ ክረኽቡን ክጥቀሙን ምግባር፣ ኣብ ጥዕና ስነ ተዋልዶ ዘለዎም ፍልጠት ንምዕባይ ዘኽእልን ግዚኦም ኣብ ዘይኸውን ቦታ ንኸየጥፍኡ ዘግብር መዘናግዒ ዓቕሚ ብዝፈቕዶ መጠን ክረኽቡ ምግባር የድሊ፡፡ ስለዚ መናእሰይ ድልየቶምን ክእለቶምን ዝለዋውጡሉ መድረኽ ምድላውን ካልኦት ከከም ናይቲ ከባቢ ኩነታት ዓቕምን ዝዛመዱ ስራሕቲ ኣብቲ ግልጋሎት መውሃቢ ትካል ክማላእ ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን፡፡

5 **ኣብ ቤት ትምህርቲ ክለባት ጥዕና ስነ ተዋልዶ ወይድማ ስነ ህዝቢ ብምጥያሽ መናእሰይ ኣብዚ ሕማም ዘለዎም ግንዛበ ክዕብዩ ምግባር፡፡** እቲ ክለብ ብሚኒ ሚድያ ይኹን ብኣካል እናተራኸቡ ሓሳባት ክለዋወጡን ክመሃሃሩን ብምግባር

ሂወቶም ብጥንቓቐ ክመርሑ ንምግባር ዝተመቻቸወ ባይታ ይፈጥር'ዩ፡፡ እዚ ክለብ ብኣግባቡ እንተተመሪሑ ነቶም ኣባላት ጥራሕ እንተይኮነስ ንኹሎም ተምሃሮ መርኣያ ዝኾነ ስራሕ ክፍፅም ከምዘለዎ ይእመን፡፡

6 **ንመናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ፡፡** ዝተፈላለዩ መረዳእታታት ከምዝሕብርዎ ብፍላይ ትካል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብ 2007 ዓ.ም.ፈ ከምዝገለፆ ካብቶም ካብ 15 - 25 ክሊ ዕድመ ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተትሓዙ እተን 61% ደቂ ኣንስትዮ እየን፡፡ ካልኦት ቅድም ክብሉ ዝተገለፁ መረዳእታታት'ውን ነዚ መጠን ዘረጋግፁ እዮም፡፡ ስለዚ ንመናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ደገፍን ክንክንን ክግበረለን ኣለዎ፡፡

7 **ኣብ ጥዕና ስነ ተዋልዶ ንመናእሰይ ኣብ ዝጥምቱ ጉዳያት መንግስቲ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ማሕበረሰብን ዝተዋደደ ስራሕ ምስራሕ፡፡** ከምቲ ብመረዳእታ ዝሕበር ድልየት መናእሰይ ንምምላእ ብዙሕ ፃዕርን በጀትን ስለዝደሊ ኣብዚ ዝተዋፈሩ ትካላት ምስ መንግስቲ ተሓባቢሮም ክሰርሑ ይግባእ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሃገርናን ክልልናን መናእሰይ ዝጥቀሙሎም ግልጋሎት ጥዕና ስነ ተዋልዶ ዝህቡ ትካላት ብፓዝ ፋይንደር ዝበሃል ትካል ሙያውን ማቴርያላውን ደገፍ እናሃበ ይርከብ፡፡ ስለዝኾነ ኣብ መናእሰይ ዝፍፀሙ ተግባራት ፍሉይ ጠመተን ክንክንን ዘድልዮም ብምኻኖም ብመንግስቲ ስጡም ክትትል ይግበረሎም'ዩ፡፡

ብሓፈሻ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን መናእሰይን ዘለዎም ርክብ ቀጥታዊ ስለዝኾነ ብስምዒት ተደፋፊኦም ኮነ ብዘይምፍላጥ ናብ ሓደጋ ክወድቁ ስለዝኽእሉ ነዚ ዝምልከተን ትካላት ቤት ትምህርቲ፣ ጥዕና ትካላት፣ መናእሰይ ዝጥምቱ ካልኦት ኣካላት ቀፃልነት ዘለዎ፣ ውፅኢታዊ ዝኾነ፣ ኣብ ንዑር ትልሚ ዝተመስረተ ስራሕቲ ህንፀት ዓቕሚ ብምክያድ ናይ ኣተሓሳስባን ባህሪ ለውጥን ንምምፃእ ፃዕሪ ክግበር ኣለዎ፡፡ ብኻሊእ ገፅ መናእሰይ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘሎ ናይ ምግላልን ምፅያፍን ተግባራት ብምኹናን ነዚ ተግባር ኣብ ምልዋጥ ተሪሮም ክቃለሱ ከምዝግባእን ነዚ ዘስርሕ ሜላን ኣገባብን ክጥርዩ ተስፋ ይግበረሎም፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 4.2

1 ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ኩነታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ሳዕቤናቱን ፈትሹ፡፡

2 ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ጥራሕ ንምንታይ ብሰፊሑ ተጋፊሑ?

3 ንሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝግበር ምግላልን ምፅያፍን ከመይ ዝበለ ሓደጋ ይበፅሖ?

4 ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩታት ይርከብ?

5 ኣብ ከባቢና ብሰንኪ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘጋጠመ ብርሰትን ሓደጋን ብኸመይ ይግለፅ?

6 ኣብ ዕድመ መናውሒ ዘጋጥሙ ዝተጋገዩ ኣተሓሳስባት እንታይ ይመስል?

7 ካብ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት መናእሰይ መረዳእታ ወሲድኩም (ፓኬጅ መናእሰይ)

ሀ. መናእሰይ ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝህልዎም ወሳናይ ግደ እንታይ ይመስል? ንዝብል ሕቶ ብዝርዝር ግለፁ፡፡

ለ. ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ወገናትን ስድርኦምን ኣብ ምሕብሓብን ምድጋፍን መናእሰይ ዝህልዎም ዝለዓለ ተራ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

ሐ. መናእሰይ ክእለታት ህይወት ኣብ ምምዕባል፣ ፅዕንቶ መሓዛ ኣብ ምቅዋም፣ ካብ ስዱ ዖታዊ ዝምድና ኣብ ምዕቃብ ወዘተ ዓብዩ ተራ ክህልዎም ዝኽእለሉ ኩነታት ኣረድኡ፡፡

8 ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ወገናትን ስድርኦምን ምሕብሓብን ምድጋፍን እንታይ ረብሓ ኣለዎ ትብሉ?

9 ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ወገናትን ስድርኦምን ዝሕብሕቡን ዝድግፉን ሰባት ወይድማ ትካላት ኣሊኹም ኣብነታቶም ብዝርዝር ፀሓፉ፡፡

10 ካብ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ከይዲ ስራሕ ምክትታልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝርከብ መረዳእታ መሰረት ገይርኩም ሃገራውን ክልላውን ስትራተጂታትን መደባትን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣረድኡ፡፡

## 4.1.2 ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዘድልዩ ስትራተጂታትን ዝተሓንፀፁ ሜላታትን



### ንጥፈት 4.1

ተምሃሮ ብዛዕባ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሳዕቤናቱን ዝምልከት ካብ 5ᵉ - 7ᵉ ክፍልታት ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? እንታይ ከምዝተምሃርኩም እናዘከርኩም ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብ ገጠርን ከተማታትን እንታይ ይመስል? መልስኹም ንመምህርኩም ንገሩ፡፡ ንቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ መበገሲ ምኽንያታት ዝበሃሉ እንታይ'ዮም? ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከመይ ክንቆፃፀሮ ንኽእል? ምስ ልምዓትን ዕብየትን ሃገር ከመይ ይተኣሳሰር?

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 139 ብዛዕባ ስነ ህዝብን ልምዓትን ተገሊፁ ዘሎ ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኽያድ ኣንብቡ፡፡ ክተንብቡ እንተለኹም ድማ ኣብ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ስነ ህዝብን

ልምዓትን ዝብሉ ዛዕባታት እናተመያየጥኩም ኣንብቡ። ነዚ ፅሑፍ ምስ ትምህርትኹም ኣተኣሳስርዎ'ሞ መምህርኩም'ውን ክሕግዙኹም ሕተትዎም። ዝበፃሕኹምዎ ምርድዳእ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ።

ኣብ ሓንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን በዝሒ ህዝብን ተመጣጣንን ተመጋጋብን ምዕባለ ክርእይ ኣለዎ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርን ምምጥጣን ሃፍትን እንታይ ማለት'ዩ? ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ብርሰት ከባቢ፣ ብርሰት ደን፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ጋህዒ፣ ፍግረ መሬትን ውሕስና ምግብን፣ ድኽነትን ስእነት ስራሕን ብዝምልከት ዘለዎ ፅልዋ ብዝርዝር ግለፁ። በዝሒ ዕያል ኣብ ልዕሊ ስድራ ዝህልዎ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፅልዋታት ዘርዝሩ።

## ሓፈሻዊ ዕላማ ፖሊሲ ስነ-ህዝቢ ኢትዮጵያ

- *ህንፀት ኢኮኖሚ ብምዋንኻር ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ብትልሚ ብምንካይን ኣብ ሞንጎ ዘይተመጣጠነ በዝሒ ህዝብን ትሑት ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዘሎ ኣፈላላይ ምውጋድ፣*
- *ብዝተዋደደ መደብ ልምዓት ኣቢልካ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕብየት ብምቅልጣፍ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ክሰፍሕን ዕድል ስራሕ ክፈጥርን ምግባር፣*
- *ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር መጠን ፍልሰት ህዝቢ ምንካይ፣*
- *ከባቢ ሓለዋን ክንክንን ዘጠናኽሩ ኣድለይቲ ስጉምትታት ብምውሳድ ብፍላይ ኣብ ከባቢ ገጠር ዝነብሩ ሰባት ናይ ምንባር ዓቕሞም ክሕለውን ክመሓየሽን ምግባር፣*
- *ደቂ ኣንስትዮ ካብ ፅዕንቶ ከቢድን ኣድካምን ስራሕ ብምንጋፍ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ መፍረይቲ ኾይነን ክሳተፋ ብምግባር ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ደረጀአን ክብ ምባል፣ ብቐሊሉ ብሓደጋ ክጥቀዕ ንዝኽእሉ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ መናእሰይን ህፃናትን፡፡*

ተምሃሮ ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ መሰረት ብምግባር ኣብ ኢትዮጵያን ክልላትን ኣብ ክልተ ግዜ ቑፀራ ህዝቢ ዝተርኣየ ዕብየት ብምግንዛብ ተመያየጡ። ብደረጃ ሃገርን ክልላትን ኣብ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት ውሽጢ ዝተርኣየ ዕብየት ህዝቢ ከመይ ትግምግምዎ? እዚ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና እንታይ ዓይነት ፅልዋ ክምዝህልዎ ግለፁ።

| ክልል | ሽፋን መሬት ብኪ/ሜ² | ብ1987 ዓ.ም በዝሒ ህዝቢ | ብ1999 ዓ.ም በዝሒ ህዝቢ |
|---|---|---|---|
| ምሕዳር ኣዲስ ኣበባ | 530 | 2,100,031 | 2,738,248 |
| ዓፋር | 96,848 | 1,051,641 | 1,411,092 |
| ኣምሓራ | 159,174 | 13,270,898 | 17,214,056 |
| ቤንሻንጉል ጉሙዝ | 49,289 | 460,325 | 670,847 |
| ምምሕዳር ድሬዳዋ | 1,213 | 248,549 | 342,827 |
| ጋምቤላ | 25,802 | 162,271 | 306,916 |
| ሃረሪ | 311 | 130,691 | 183,344 |
| ኦሮምያ | 353,007 | 18,465,449 | 27,158,471 |
| ሶማሊ | 327,068 | 3,144,963 | 4,439,147 |
| ትግራይ | 50,079 | 3,134,470 | 4,314,456 |
| ደቡብ ህዝቦች | 112,343 | 10,377,028 | 15,042,531 |
| ድምር | 1,127,127 | 51,766,239 | 73,918,505 |

ሰደቓ 4.1: በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ክልቲኡ እዋን ቆፀራ ህዝቢ

## ሀ. ኩነታት ስነ - ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ፣

ተምሃሮ ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ እንታይ ማለት እዩ? እስኪ ተመያየጡሉ። እምበኣርከስ ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ምስ ክልስ ሃሳብ ስነ - ህዝብን ኣፈፃፅማን ሓዊስካ ዝረኣይ እዩ። ተምሃሮ ካብ 5ይ -7ይ ክፍሊ ኣብዝነበርኩሙሉ እዋን ብዛዕባ ክልስ ሓሳብ ስነ ህዝቢ (ዲሞግራፊ) ዝተምሃርክምዎ እናዘከርኩም ንፖሊሲ ስነ ህዝብን ኣፈፃፅማ'ዚ ፖሊሲ ኣብ ሃገርናን ዝምልከት ምይይጥ ኣካይዱ። እምበኣርከስ እዚኦም ሰለስቲኦም ብትሕዝቶ ኣፈላላይ ኣለዎም። ኣካይዳ ስነ ህዝቢ ማለት ብሓፂሩ ናይቲ ሕብረተሰብ ኣብ ስራሕቲ ስነ - ህዝቢ ዘለዎ ኣሰራርሓ እዩ። ክልስ ሓሳብ ስነ ህዝቢ ድማ ሕብረተሰብ ይኹን መንግስቲ ኣብዚ መዳይ እንታይ ይሕሰብ ነይሩ? ሕዚ እንታይ ይግበር ኣሎ? እናበልካ እናነፃፀርካ ዝረኣይ'ዩ ዝኸውን።

ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ግና እቲ ህዝቢ ይኹን መንግስቲ እንታይ ክሰርሕን ከፈፅምን ኣለዎ ኢሉ ንተግባራዊ ስራሕቲ ሓንጊፁ ዘቕምጥ ሰነድ እዩ። ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ብቐጥታ ምትርጓም ፀገም እዩ። ኾይኑ ግና ብዲሞግራፈያዊ ኣገላልፃ ኹሉ ዝስማመዐሉ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ድማ ብ1973 ዓ.ም.ፈ ዝተቐበሎም ብዝተፈላላዩ ሰባት ዝተውሃበ ትርጉም ነዚ ዝስዕብ ይኸውን። ስለዚ ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ብትሕዝትኡ ነዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ጉዳያት ኣብ ግምት ኣእትዩ ብደረጃ ሃገር ዝወፅእ ኾይኑ ምስ ምጣነ ስድራን በዝሒ ህዝብን ተኣሳሲሩ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ፣ ፖለቲካዊ ጉዳያትን ስነ ፆታን ማእኸል ገይሩ ዝዳለው'ዩ።

- ብመንግስቲ ጠመተ ተዋሂቡዎ ኣብ ዕብየት፣ መጠን ዝርግሐን ተዋፅኦን ህዝቢ ዕላማ ገይሩ ስራሕቲ ዝሕንፀፅን ዕልዋ ንኽትግበር ዝትለምን እዩ፡፡
- ብመንግስታዊ ሓላፍነት ዝተነፀረን ሕጋዊ ኮይኑ ዝዳሎን ዕላምኡ ዕብየት፣ ውድቀት፣ መጠን፣ ቅንብርን ዝርግሓን ህዝቢ ዘለዎ ዕልዋ ጠመተ ዝገብር ይኸውን፡፡
- ብመንግስቲ ዝውሰድ ስጉምትን ዘሕድሮ ዕልዋ መሰረቱን ኣንፈቱን ዝሓበረ ኾይኑ ብፍላይ ድማ ኣብ መጠን፣ ለውጢ ተዋፅኦን ጂኦግራፊያዊ ዝርግሐ ህዝብን ዝተደረኸ ተግባር ንምፍፃም ዝተሓንፀፀ እዩ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ 4.3



ዝስዕብ ሰደቓ እናረኣይኩም ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ዝተርኣየ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እናገናዘብኩም ተመያየጡ፡፡

| ከተማታት | በዝሒ ህዝቢ ብ1987 ዓ.ም | በዝሒ ህዝቢ ብ1999 ዓ.ም |
|---|---|---|
| ኣዲስ ኣበባ | 2,084,588 | 2,738,248 |
| ድሬዳዋ | 164,851 | 342,827 |
| ሃዋሳ | 69,169 | 259,803 |
| ኣዳማ/ናዝሬት | 127,842 | 222,035 |
| ባህር ዳር | 96,140 | 220,344 |
| መቐለ | 96,938 | 215,546 |
| ጎንደር | 112,249 | 206,987 |
| ሃረር | 76,378 | 183,344 |
| ደሴ | 97,314 | 151,094 |
| ጅማ | 88,867 | 120,600 |
| ሻሸመኔ | .. | 102,062 |
| ቢሾፍቱ | 73,372 | 100,114 |

ፍልፍል፡ *በዓል መዚ ማእኸላይ ስታትስቲክስ*

ሰደቓ 4.2: ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከባ ዓበይቲ ከተማታትን በዝሒ ህዝብንን

ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ሃገርና ዝስዕቡ ዕላማታት ንምትግባር ዝዓለመ'ዩ፡፡

- ኣብ ሞንጎ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ትሑት ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ዘለዎ ክፍተት ንምምላእ ዘኽእሉ ብትልሚ ዝምራሕ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ምርግጋፅ፣

- *ክይዲ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ብዝተዋደደ መንገዲ ምስላጥ፣*
- *ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዘሎ ፍሰት ወይድማ ስደት ምንካይ፣*
- *ደቂ ኣንስትዮ ካብ ባህላዊ ፅዕንቶታት፣ ካብ ከበድትን መድከምትን ስራሕቲ ዝላቐቓሉ ኣገባብ ምሕንፃፅን ናብ ዝለዓለ መፍረይቲ ክኾናን ብቐጠባ ዝጉልብቱሉ ባይታ ምፍጣር፣*
- *ሓለዋን ክንክንን ከባቢ ዘጠናኽሩ ስጉምቲ ምውሳድን መሬት ካብ ምሽካም ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነሉ ባይታ ምንካይን ምክልኻልን፣*
- *ንሓደጋ ዝተቓልዑ ወገናት ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ፣ መናእሰይ፣ ህፃናትን ኣረጋውያንን ማሕበራውን ቑጠባውን ኩነታት ምምሕያሽ ዝብሉ እዮም፡፡*

በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ክልቲኡ ቖፀራ እዋን እንትረኣይን ምስካልኡት ዝዓበያ ሃገራት እንትነፃፀርን ቅልጡፍ ከምዝኾነ ዘረዳድእ ኾይኑ እዚ ተወሲኹ ዘሎ ህዝቢ ዝጠልቦ በጀት፣ መሰረተ ልምዓት፣ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ካልኦትን ከቢድ ከምዝኾነን ነዚ ንምሽፋን ብዙሕ ፃዕሪ እናሓተተ ከምዝመፅ ንምርዳእ ይከኣል፡፡ ብኻሊእ ገፅ እዚ ዕብየት ምስቲ ኣብ ሕሉፍ ዝነበረ ማለት ብ3.2 ሚኢታዊ ዝነበረ እንትነፃፀር ብዙሕ ምምሕያሽ ዘምፀኦ ኾይኑ ናብዚ ንምብፃሕ ብመንግስትን ዘይመንግስታዊ ኣካላትን ኣብ ምጣነ ስድራ እናተተግበሩ ዝመፁ ተግባራት ውፅኢት'ዩ፡፡ እዚ ምስቲ ናይ ሃገርና ምዕባለ ማሕበረ-ኢኮኖሚ እንትነፃፀር ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ፡፡ ካብዚ መረዳእታ ንምርዳእ ዝካኣል ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዕብየት ከተማታት ብናህሪ እናወሰኸ ዝርከብ ከምዝኾነን በቲ ዘሎ መረዳእታ መሰረት ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝቢ ካብ 15% ናብ 20% ከምዝዓበየ'ዩ፡፡ እዚ ምስቲ ምስፋሕ ኢንቨስትመንት፣ ኢንዱስትሪን ንግድን ምቹው ባይታ እናፈጠረ ከምዝርከብን ኣብ ቀፃላይ ዓመታት'ውን እዚ ዕብየት ከምዝህሉ ይእመን፡፡

## ለ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝፍፀሙ ተግባራት፣

ዝተፈላለዩ ሃገራት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምቁፅፃር ዝተፈላለዩ ስጉምትታት ይወስዱ'ዮም፡፡ ነዚ ዝቐርብ ምኽንያት ኣብ ኢኮኖምን ማሕበራውን ብዘለዎ ኣሉታዊ ፅልዋ'ዩ፡፡ ስለዚ ምስ ሃገርና ጭቡጥ ኩነታት ዝተዳለወ ፖሊሲ ስነህዝቢ መሰረት ክሳለጡ ዝግበኦም ስራሕቲ ኣለዉ፡፡ እዚኦም ድማ ካብዚ ንታሕቲ ቐሪቦም'ዮም፡፡

1 **ኣብ ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ኣመልኪቱ ትምህርቲ፣** መረዳእታን ርክብን ምግፋሕ፣ ነዚ ንምፍፃም ዝተፈላለዩ መራኸብቲ ሓፋሽ ብምጥቃም ኣብ በዝሒ ህዝቢ ዘሎ ኣተሓሳስባ ምልዋጥ የድሊ፡፡ ብተመሳሳሊ ብሰንኪ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሙ ፀገማት ዝሕብሩ መረዳእታት ናብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ብምብፃሕ ኣብዚ መዳይ ዘሎ ናይ ህንፀት ዓቕሚ ስራሕቲ ምክያድ፡፡


2 **ንደቂ ኣንስትዮ ምምሃር፣** ኣብ ጥዕና ስነ ተዋልዶ ዝለዓለ ግደ ስለዘለወን በቲ መምርሒ መሰረት ካብ ቀዳማይ ብርኪ ጀሚረን ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረኽባ ምግባር ርኡይ ለውጢ ክመፅእ ይኽእል፡፡ ብሃገር ብርኪ ዝተፀንዐ ኩነታት ጥዕና

ስነ ተዋልዶ ከምዝሕብሮ ኣብ ሞንጎ ዘይተምሃራ፣ ቀዳማይ ብርኪ ዝወደኣ፣ ካልኣይ ብርኪ ዝለዋን ከምኡ'ውን ኣብ ዩኒቨርስቲ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብምንፅፃር ዝቐረበ ውፅኢት ብጣዕሚ ኣፈላላይ ዘለዎ ከምዝኾነ'ዩ፡፡ ብተመሳሳሊ እዚኣን ኣብ በዝሒ ዕያል ዘለወን ድልየት ብጣዕሚ ዝተፈላለየ'ዩ፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትምህርቲ ዝፀንሓ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርተን ክሳብ ዝውድኣ ዕድመን እናዓበየ ስለዝኸይድ ዝወልደኦም ቆልዑት ዉሑዳት ክኾኑ ናይ ግድን ይኸውን፡፡ እዚ ስለዝኾነ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ምምሃር ፖሊሲ ስነህዝቢ ኣብ ምዕዋት ዘይንዓቕ ግደ ኣለዎ፡፡

3 **ትሕቲ ዕድመ መርዓ ምውጋድ፤** ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዘጋጥም ኣካላዊ፣ ስነ ኣእምሮኣዊ፣ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ከምዘለዎ ኮይኑ ምስ በዝሒ ህዝቢ ተዛሚዱ ዝረኣ ካሊእ ኣገዳሲ ውራይ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ካብ ንእስነት ማለት እንተነኣሰ ካብ 14 ክሳብ 45 ዓመት ትበፅሕ ንልዕሊ 10 ቆልዑት ንምውላድ ትኽእል፡፡ እዚ ድማ ኣብ ከም ሃገርና ልዕሊ 80% ዝኾና ኣብ ገጠር ዝነብራን ነዚ ዝተቓልዓን ስለዝኾና ነዚ ንምውጋድ ፃዕሪ ክግበር ኣለዎ፡፡ ነዚ ኣብ ምቅላስ ክግበሩ ዝግበኦም እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

- *ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ መርዓ ንኸይግበር ብሕጊ ምኽልካልን ነዚ ተግባር ዝፈፀመ ስድራ ስጉምቲ ምውሳድን፡፡ ኣብ ሃገርና ነዚ መሰረት ብምግባር ሕገ መንግስቲ ክመሓየሽ ተገይሩ'ዩ፡፡*
- *ትሕቲ ዕድመ መርዓ ንምክትታል ናይ ፀጥታ ሓይልታትን በብደረጅኡ ዘሎ መንግስታዊ ኣካላት ምልዕዓልን ምቹው ናይ ስራሕ ባይታ ምፍጣር፡፡*
- *ነዚ ኣመልኪተን ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ ተሪረን ክሰርሓ ኣለወን፡፡ በቲ ዘለወን መሓውር እናተጠቐማ ብፍላይ ኣብ ጣብያታት ኣስተምህሮ ምሃብን ነዚ ተግባር ዝፍፅሙ ናብ ሕጊ ምቕራብ፡፡*
- *ኣብያተ ትምህርቲ እዚ ተግባር ንኸይፍፀም ምስ ወለዲ ስጡም ርክብ ብምፍጣር ትሕቲ ዕድመ መርዓ ክውገዝን ረብሓታት ትምህርቲ ብምግላፅ ዘሎ ድሑር ኣተሓሳስባ ኣብ ምልዋጥ ፃዕሪ ምግባር ዝበሉ ዝተወሰኑ'ዮም፡፡*

4 **ምግፋሕ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ፤** በዝሒ ዕብየት ንምቁፅፃር እቲ መሰረታዊ ዝኾነ ተግባር ግልጋሎት ምጣነ ስድራ በብደረጅኡ ምግፋሕ ይኸውን፡፡ እዚ ብሸፋንን ብዕሬትን ካብ ጣብያ ጀሚሩ ደቂ ኣንስትዮ ብቐሊሉ ክረኽብኦ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ፡፡ እዚ ተግባር ቅድሚ ኢህወዴግ ዝነበሩ መንግስታት ዘይሕጋዊ ከምዝኾነን ነዚ ምጥቃም ከም ገበን ይውሰድ ምንባሩ ይዝከር'ዩ፡፡ ኣብዚ እዋን ግና ምጣነ ስድራ ንምግፋሕ መንግስቲ ተበግሶ ብምውሳድ ንምስራሕ ዘኽእሎ ፖሊስን ስትራቴጅን ቐሪፁ ኣብ ስራሕ እናወዓለ ይርከብ፡፡




ስእሊ 4.1: ረብሓ ምጣነ ስድራ

## ሐ. ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅን ምትግባርን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ፤

ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ንመናእሰይ ኣብ ዕላምኡ ፍሉይ ትርጉም ዝሃበ እንትኾን ነዚ ንምፍፃም ዘኽእል ዝተፈላለዩ ሜላታትን ኣገባባትን ተሓንጊፆም ይርከቡ፡፡ ብተመሳሳሊ ብሃገር ብርኪ ዝተዳለወ ፓኬጅ ዕብየት ልምዓት መናእሰይ ተሓንጊፁ ኣብ ስራሕ ውዒሉ'ዩ፡፡ እዚ ፓኬጅ ልምዓት መናእሰይ ዝበሃል ንጉዳያት ጥዕና፣ ስነ ተዋልዶን ሓለዋ ከባብን ኣመልኪቱ ጠመተ ዝውሃቦም ዝስዕቡ እዮም፤

- *መናእሰይ ሕማም ናይ ምኽልኻል ፍልጠቶምን ዓቕምን ክዓቢ ብምግባር ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዘለዎም ተቓላዕነት ምንካይ፤*
- *መናእሰይ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ዓሶን ካልኦትን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝጋፍሑሉ መንገዲ ተረዲኦም ክከላኸሉን ነዚ ዝኸውን ነፃ ግልጋሎት ክረኽቡን ምግባር፤*
- *መናእሰይ ኣብ ጥዕናን ስነ ተዋልዶን ዘለዎም ግንዛበ ብምዕባይ ነዚ ግልጋሎት ንምሃብ ዝተጣየሹ ትካላት ተጠቃሚ ምኺኖም ንባዕሎምን ስድርኦምን ተጠቀምቲ ምጣነ ስድራ ኾይኖም ኢኮኖሚያዊ ረብሓኦም ምርግጋፅ፤*
- *ኣብ ከባቢ ዘለዉ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝትግበሩ ጎዳእቲ ልምድታት ንኽውገዱ ንባዕልኻን ነቲ ሕብረተሰብን ግንዛበ ክዓቢ ምግባርን መሊኡ ንኽውገድ ምቅላስ፤*
- *መናእሰይ ንሓለዋ ከባቢ ፍሉይ ጠመተ ምሃብን ከባቢኦም ሓምለዋይ ኣብ ምግባር ተግባራት መርኣያ ዝኾነ ተግባር ምፍፃም፤*
- *ከባቢ ኣብ ምሕላውን ሓምለዋይ ኣብ ምግባር ዘሎ ምንቅስቓስ ኣመልኪቱ ንጡፍ ተሳትፎ ንዝነበሮም መናእሰይ ምብርታዕ፤*
- *በብደረጅኡ ዕላማታት ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ንምዕዋት ኣብ ክለባት ምጥርናፍን ዝተውሃበካ ዜግነታዊ ሓላፍነት ብኣግባቡ ምውፃእ ዝብሉ እዮም፡፡*

እዚኦም ከም መበገሲ ብምውሳድን ኣብዞም ዛዕባታት ስነ ህዝቢ ዘተን ምይይጥን ብምኽያድ ፍልጠቶም ከዕብዩን በብእዋኑ ዝተፈፀሙ ስራሕቲ ብምግምጋምን ቀፃልነት ብዘለዎ ኣገባብ ክፍፀምን ካብ ዝምልከቶም ኣካላት ክትትልን ደገፍን ምግባር የድሊ፡፡

## መ. ድኽነት ኣብ ምውጋድ ግደ መናእሰይ ኣብ ኢትዮጵያ፤

መንግስቲ ኢትዮጵያ ድኽነት ንምውጋድ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ሓንፂፁ ኣብ ምትግባር ይርከብ። እዚ ተግባር መናእሰይ ዘለዎም ፀገማት ብምፍላይ ካብዚ ንምንጋፍ መንእሰይ ተኮር ፓኬጅ ልምዓት ተዳልዩ ድኽነት ብምጥፋእ ዝተመሓየሸ መነባብሮ ክህልዎም ዘግብር ከይዲ ተሓንፂፁ ኣሎ። ነዚ ዝምልከት ራእይ ልምዓትን ዕብየትን መናእሰይ ከምዝስዕብ ይቐርብ። "ኩለመዳያዊ ስብእንኡ ዝተማልአ ኣብ ከይዲ ህንፀት ሃገር ሰፊሕ፣ ንቑሕን ዝተወደበን ተሳትፎ ዘለዎን ተጠቃማይ ዝኾነን ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ከይዲ ለውጢ ተቐቢሉ ዝቕፅል መንእሰይ ወለዶ ተፈጢሩ ምርኣይ።" ብመሰረት'ዚ ምስ ድኽነት ምውጋድ ተዛሚዱ ጠመተ ዝውሃቦም ጉዳያት ኸምዝስዕብ ቐሪቦም'ለዉ።

1 መንእሰይ ንፀገማቱ ንምፍታሕ ብቐዳምነት ወሳናይ ከምዝኾነ ተረዲኡ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ከጎልብተሉ ዝኽእል ኩነታት ምፍጣር፣

2 መናእሰይ በብዝተዋፈሩሉ ዓውደ ስራሕ ብብቕዓትን ክእለትን ንምፍፃም ዝኽእሎም ትምህርትን ሙያውን ስልጠና ብምርካብ ብዝሰልጠንዎ ሙያ ሰፊሕ ፃዕሪ ብምግባር ሂወቶምን ናብረኦምን ምልዋጥ፣

3 መናእሰይ ኣብ ዝተዋፈሩሉ ዓውደ ስራሕ ብድልየቶም ክውደቡን በዚ ኣቢሎም ስትራቴጂካዊ ተግባራት ብምፍፃም ንባዕሎምን ንሃገሮምን ምዕባለ ነጢፎም ምስራሕ፣

4 ኣብ ደቐቕትን ኣናእይሽተይን ስራሕቲ ንግዲ ብምስታፍ ተጠቃምነቶም ከዕብዩን ነዚ ኣመልኪቶም ዝፍፀሙ ናይ ሓበሬታ ልውውጥ፣ ዕድል ልቓሕ፣ ኩነታት ዕዳጋ ብምምችቻው ካብ ድኽነት ምውፃእ፣

5 ካብ ትምህርቲ ወፃኢ ንዘለዉ መናእሰይ ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ምስ ድልየቶም ዝሰማማዕ ሙያዊ ስልጠና ብምርካብን ነቲ ዝረኸብዎ ሙያ ብምትግባርን ብምዕዓርን እቶቶም ክዓቢ ምግባር፣

6 ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘለዉ ባህላውን ማሕበራውን ልምድታት ነቲ መንእሰይ ናብ ድኽነት ዘሳጥሑ ጉዳያት ብምርዳእ ተሪርካ ብምቅላስ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ብምምፃእ ካብ ድኽነት ንምውፃእ ከምዝከኣል ብተግባር ምርኣይ፣

7 መንእሰይ ወለዶ ስራሕ ፈጠርቲ'ምበር ስራሕ ተፀበይቲ ዘይምዃኖም ተረዲኦም ነዚ ብተግባር ንምቕያር ዝኽእል ብኣካልን ስነ ኣእምሮን ድልዋት ኾይኖም ሂወቶም ክመርሑ ከምዘለዎም ምርዳእ ዝብሉ'ዮም።

ብሓፈሻ ኣብ ኢትዮጵያ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ጉዳያት ንምፍፃም ዝኽእሉ ፖሊሲን ስትራቴጅን ብምድላው ካብ ፌዴራል ክሳብ ጣብያ ብዘሎ መንግስታዊ መሓውር ብምጥቃም ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ መንእሰይ ተጠቃሚ ልምዓት ዝኾነሉ ባይታ ስለዝተፈጠረ ነዚ ብምትግባር እቲ መንእሰይ ካብ ድኽነት ንኽናገፍ ዝለዓለ ትፅቢት ይግበረሉ።

## ሰ. ረብሓ ምጣነ ስድራ፤

እኖታት ዝወልድኦም ቆልዑ (ህፃናት) ምስ ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን እቶትን ዝተገናዘበ ንክኸውን መጢነንን ዓቂነንን ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ኣረሓሒቐንን ንክወልዳ ዘምህር ኣግባብ ምምጣን በዝሒ ስድራ ዝጥምት ጉዳይ እዩ። ምጣነ ስድራ ኣብ ኣዴታት

(እኖታት) ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝተወሰኑ ዓሰርተ ዓመታት ብቕልጡፍ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ምዕባለን ለውጥን ዘብፅሕ'ዩ:: ብደረጃ ሃገር በዝሒ ህዝቢ ንምንካይን ዕብየት ህዝቢ ምስ ምዕባለ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ሃገር ንምግንዛብ ዝሕግዝ ሓደ ኣግባብ እዩ:: ብደረጃ ስድራ ድማ በዝሒ ዝውለዱ ቆልዑ ምስ ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ሃፍተ ገነት ስድራን ብተዛመደ መልክዑ ንክኸውን ዝሕግዝን ምስ ኩለመዳያዊ ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ብቐጥታ ዝዛመድ ጉዳይ እዩ:: ከም ኢትዮጵያ ዝመሳሰላ ዘይማዕበላ ሃገራት ካብቲ ዘለውኦ ብርኪ ድኽነት ንኽናገፋን ህዝበን ናብ ጎዳና ዕብየትን ልምዓትን ንክመርሓ ከም ፖሊሲ ክኽተልኦ ዝግባእ ሓደ ሜላ ምትእትታው ምጣነ ስድራ እዩ:: ስለዚ ተምሃሮ ምጣነ ስድራ ዝስዕቡ ረብሓ ኣለዉ፦

1 **ጥዕና ኤዴታት የመሓይሽ፦** ደቂ ኣንስትዮ ተጠቀምቲ ምጣነ ስድራ እንተኾይነን ምስ ተደጋጋሚ ጥንስን ሕርስን ዝተዛመዱ ሕማማት ዝተቓልዓ ኣይኾናንን:: ስለዚ ሂወተንን ናብርኣንን ዝተመሓየሸ ንክኸውን ምጣነ ስድራ ምጥቃም ኣገዳሲ ይገብሮ:: ስለዚ መፅናዕትታት ከምዝሕብርዎ ሓንቲ ኣዶ ተጠቃሚት ምጣነ ስድራ እንተኾይና ብሂወት ናይ ምንባር ዕድመኣ ብ10% ከምዝዓቢ ይገልፁ:: ነዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ካብ ፀገም ጥዕና ስለተናገፈት እዩ::

2 **ትምህርቲ ንምምሃር ምቹው ባይታ ይፈጥር፦** ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ንእስነተን ንተደጋጋሚ ጥንስን ሕርስን እንተተቓሊዐን ንትምህርቲ ዝኸውን ጊዜ ኣይህለወንን። እዚ ጥራሕ እንተይኮነስ ንትምህርቲ ዝገብርኦ ክትትል ስለዝንእስ ብልጫ ክህልወን ስለዘይኽእል ተስፋ ብምቑራፅ ትምህርተን ክገድፋ ብተደጋጋሚ ይረኣ:: ስለዚ ኣዴታት ተጠቀምቲ ምጣነ ስድራ እንተኾይነን ንትምህርቲ ዝህበኦ ጊዜ ሰፊሕ ስለዝገብሮን ንፋዓት ንክኾና ስለዘኽእል ዝለዓለ ረብሓ ከምዘለዎ ብተግባር ይረኣይ::

3 **ናብ ስራሕ ንምውፋር ይከኣል፦** ኣዴታት ዝወልደኦም ቆልዑ ኣብ ትልሚ ዝተመስረተ ንክኸውን ምጣነ ስድራ ኣገዳሲ'ዩ:: ምኽንያት ጥንስን ሕርስን እንድሕር ዘይብላ ናብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተዋፊራ እቶት ንኽትረኽብን እቲ ስድራ ካብ ኣቦ ጥራሕ ዝርከብ ኣታዊ ስለዘይመሓድር እቲ ስድራ ካብ ድኽነት ዝተናገፈ ክኸውን ይገብር::

4 **ካብ ዘይተደለየ ጥንሲ ምክልኻል፦** እቲ ስድራ ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ብፍላይ ነቶም ህፃናት ኣረሓሒቑ ንምውላድ እንትሓስብ ኣብ ዘይድለየሉ እዋን ጥንሲ እናጋጠመ ይርከብ:: ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ብዝተገበረ መፅናዕቲ ልዕሊ 40% ዝኸውን ጥንሲ ብሰንኪ ምጣነ ስድራ ምስኣን ከምዚጋጥመን ይሕበር:: ስለዚ ካብ ዘይተደለየን ካብ ትልሚ ወፃእን ዝህሉ ጥንስን ሕርስን ክትርፍ ይኽእል::

## ረ. ኣጠቓቕማ ምጣነ ስድራ፦

ኣብዚ እዋን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ኣለዉ:: እዚኦም ከከም ድልየት ናይቲ ተጠቃሚ ዝውሰዱን ከከምኣድላይነቱ ድማ ምስ ጥዕነኣን ዘለዎ ዝምድና እናተርኣየ ዝውሰድ እዩ:: ኣብዚ ዘለዎ ዓይነታት ብሰፊሑ ኣብ ረብሓ ዘለው ግልጋሎት ምጣነ ስድራ እዞም ዝስዕቡ እዮም::

*4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ዛዕባታት*

- ብኣፍ በብመዓልቱ ዝውሰዱ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክኒን (ፒልስ) ኣለዉ፡፡
- ብመርፍእ በብሰለስተ ወርሑ ዝውሰድ መድሓኒት ኣሎ፡፡
- ንነዊሕ እዋናት ኣብ ኢድካ ዝቕበር (ንኣብነት ኢምፕላኖል ንሰለስተ ዓመት እንትኸውን ኖርፕላንት ድማ ንሓሙሽተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ኩርናዕ ኢድካ ብቐሊል መጥባሕቲ ዝቕበር) ኣሎ፡፡
- ናብ ብልዕቲ ዝኣቱ ጎማ ዝመስል ሉፕ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ኣሎ፡፡
- ብምብጣሕ (ሰርጂካል) ኣብ ቱቦ ናይ ክልቲኦም ፆታ ዘርዒ መተሓላለፊ ዝግበር ንሓዋሩ ዘመክን መጥባሕቲ ኣሎ፡፡
- ክልቲኦም ፆታታት ኮንዶም ብምጥቃም (ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኮንደም'ውን ዘሎ ምዃኑ ብስእሊ ምርኣይ) ዝብሉ እዮም፡፡

ብኻሊእ ገፅ ባህላዊ ዝኾኑ ምክልኻል ጥንሲ ኣለዉ'ዮም፡፡ እዚኣቶም ብኣብዝሓ ኣብ ረብሓ ዝውዓሉ ባህላዊ መከላኸሊ ጥንሲ ተገይሮም ዝውሰዱ'ዮም፡፡ ንኣብነት

1 ንህፃናት ንነውሕ ዝበለ እዋን ጡብ ምጥባው

2 ክትትል ወርሓዊ ፅግያ /ሜኑስተሬሽን/ ስሩዕ ብዝኾነ መንገዲ ብምጥቃም ዝብሉ ይርከብዎም፡፡

## ሸ. ኣብ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ክፍፀሙ ዝግበኦም ተግባራት፤

ጥሙር ስምምዕነት ኣብ ምጣነ ስድራ፤ ኣብ ውራያት ስነ ህዝቢ ብሓፈሻን ኣብ ምጣነ ስድራ ብፍላይን ኣብ ሕብረተሰብና ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምቁፅፃር ይኹን ኣራእእያ ሕብረተሰብ ንምቅያር ትምህርቲ፣ሓበሬታን ርክብን ቀንዲ መሳርሒ'ዮም። ስለዚ በዚ ፕሮግራም ተጠቂምካ ጥንኩር ምጣነ ስድራ ምክያድ ናይ ዘላቂ ልምዓት ኣካል ጌርካ ምውሳድን ኩሉ ሴክተር ይኹን ህዝቢ ክኣምነሉን ክስርሐሉን ዝግባእ ዕማም ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ። ስለዚ ጥሙር ግንባርን ስምምዕን ብፍላይ ኣብ መራሕቲ ፖለቲካን ሓፋሽ ማሕበራትን ምህላዉ ንምግፋሕ ምጣነ ስድራ ዝፃወትዎ ተራ ብጣዕሚ ዓብይ ስለዝኾነ ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ክዋስኡ ምግባር ወሳናይ'ዩ። ብፍላይ ፍሉጣትን ላዕለዎት ፖለቲካዊ መራሕቲ ብዛዕባ ስነ ህዝብን ልምዓትን ኣመልኪቶም ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ይኹን ዘይመንግስታዊ ትካላት ዘሕድሮ ዕልዋ ዘይንዓቕ ስለዝኾነ ኣፈፃፅማ መደባት ኣገዳሲ ይኸውን።

ንምግፋሕ ምጣነ ስድራ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ውራያት፤ ምግፋሕ ምጣነ ስድራ ምስ ኣፍልጦ፣ ኣረኣእያን ግልጋሎት ጥዕና ዝተዛመደ ኸይኑ ነዚኦም ኣብ ግምት ብምእታው ብጥምረት ዝካየድ ፕሮግራም እዩ። ኮይኑ ግና ኣብ ምትሕብባርን ኣፈፃፅማን ቅድሚት ዝስራዕ ዕማም ምህላዉ ናይ ግድን ይኸውን። ካብዚ ተበጊስና ነዚ ዕላማ ንምጥንኻር ዘድልዩ ኣለዉ። ምፍፃም ግልጋሎት ዓማዊል፣ ምሙላእ ቀረብ መድሃኒት፣ ካብ ሕብረተሰብ ብዝተመረፁ ግልጋሎት ጥዕና ስነ ተዋልዶ ዘይመንግስታውን መንግስታውን ትካላት ፃዕሪ ይኸውን። ነዚ'ውን ብዝምልከት ኣብ ሕድሕድ ዘሎ ግደ ከምዝስዕብ ይቐርብ፡፡

**ህዝባዊ ግልጋሎት ጥዕና ስነተዋልዶ ወኪላት፤** ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ምሉእ ብሙሉ ብጥዕና ትካላት ምክያድ ፀገም ይፈጥር እዩ። ምኽንያት ጥዕና ትካላት ንብዙሕ ሕማማት ሸፊኖም ስለዝኸዱን ካብ ምጣነ ስድራ ንላዕሊ እዋናዊ ካሊእ ሕማማት ጠመተ ሂቦም ስለዝሰርሑሉ ነዚ ኣመልኪቱ ድጋፍ ዝህብ ሃይሊ ምውዳብ ኣገዳሲ ይኸውን። ምእንተዚ ድማ ኣብ ክልልና ዳርጋ ኣብ ኩሉ ቁሸት ቁፀረን ይውሓድ እምበር ግልጋሎት ወሃብቲ ኣሰልጢንካ ኣብ ስራሕ እናተዋፈሩ ይርከቡ። ኣብ ሕድ ሕድ ከባቢ ዘለዋ ግልጋሎት ወሃብቲ ነናይ ሕድ ሕዱኣንን ናይ ባዕለንን ዓማዊል ኣለውወን። ኣብዚ እዋን እዚ ኣገባብ ብምምሕያሽ ጥዕና ኤክስተንሽን ፓኬጅ (ጥሙር ጥዕና) ተመዲበን ስሉጥን ውፅኢታውን ስራሕ እናፈፀማ እየን። ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ንኹሉ ኣብዘለውዎ ንኽባፃሕ እዘን ግልጋሎት ወሃብቲ ምህላወን ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት ግና ኹሉ ናይ ክሊኒክ ስራሕ ተኪኣን ይሰርሓ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ካብ ክሊኒክ ርሒቖን ንዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብቐሊሉ እቲ ቀረብ መድሓኒት ይዕድላን ግልጋሎት ምኽሪ እናሃባን ይርከባ።

**ግደ መንግስቲ፤** ፕሮግራማት ስነ ህዝቢ ብሓፈሻን ምጣነ ስድራ ብፍላይን ኣብ ሽቶ ንምብፃሕ እቲ ብቀዳምነት ዝስራዕ ንጥፈትን ተገዳስነትን መንግስቲ እዩ። መንግስቲ ፖሊሲ ብምሕንፃፅ ንኣተገባብሩኡ ድማ ቀረብ ብምምላእ፣ ህንፀት ዓቕሚ ምፍፃም ሓለፍትን ሰብ ሞያን፣ ክትትልን ገምጋምን ስራሕቲ ወዘተ ብምክያድ ኣብቲ ዝድለይ ዕላማ ንምብፃሕ ክንቀሳቐስ ይግባእ። ካብዙይ ብምብጋስ ግደ መንግስቲ ዋላ ብዙሕ ይኹን'ምበር እቶም ቀንዲ ዝበሃሉ እዚኦም'ዮም። ኣብ መንጎ ውሳነ ውሃብቲ፣ ፖሊሲ ሓንፃፅትን ፈፀምትን ምርድዳእ ክህሉ ምግባር ካብ ላዕላይ ናብ ታሕቲ ዝተወደበ ኣሰራርሓን ብህዝቢ ተቐባልነት ንኽህልዎን ከምኡ'ውን ነቲ ህዝቢ ብቐረባ ብምኽኢን ንምልዕዓል ይከኣል። እዚ ኣካይዳ መሓውር ሃልዩ ፖለቲካውን ምምሕዳር'ውን ደገፍ ብዘለዎ መንገዲ ተወከልቲ ምጣነ ስድራ ብምድጋፍ ናብቲ ሕብረተሰብ ንምትእትታው ኣየፀግምን። ስለዚ እቲ ተቐሪፁ ዘሎ ፖሊሲ ኣብ ዝተደለየ ብርኪ ንኽበፅሕን ግንዛበ ሕብረተሰብ ካብቲ ዝነበሮ ንምምሕያሽን ወሳናይ ግደ ኣለዎ።



## ንጥፈት 4.2

- *ኣብ ሃገርና ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ንምፍፃም ዘጋጥሙ ፀገማት/ማሕለኻታት ግለፁ።*
- *ካብ ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ብዝበለፀ ተጠቀምቲ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ንምንታይ?*
- *ጎዳእቲ ባህልን ውራያት ስነ ህዝብን ብኸመይ ይራኸቡ?*
- *ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ዕብየት በዝሒ ህዝብን ዘለዎም ዝምድና እንታይ ይመስል?*
- *ኣብ ከባቢና ብሰንኪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሙ ፀገማት ብኣብነት ግለፁ።*
- *ዝተማልኣ ዝርግሐ ምጣነ ስድራ ክህሉ እንታይ ክግበር ኣለዎ?*
- *ኣዴታት ምጣነ ስድራ ኣብ ምጥቃም ዘለዉወን ስግኣታት ኣብ ከባቢና ከመይ ዝመሳሰሉ'ዮም?*

- ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ተጠቀምቲ ምጣ ስድራ ምኳኑን እንታይ ፀገም ይፈጥረለን?
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ምህላዉ የድሊ ዶ ኣየድልን? ብጉጅለ ይመያየጡ፡፡
- ንምግፋሕ ምጣነ ስድራ ማሕለኻታት ዝኾኑ ጉዳያት እንታይ እዮም?
- ኢትዮጵያ ኣብ መድሓኒት መከላኸሊ ምጥቃም ካብ ዓለም ዝተሓተት እያ። ንምንታይ?
- ኣብ ምጣነ ስድራ ተሳትፎ ደቂ ተባዕትዮ ንምጉልባት እንታይ ክግበር ኣለዎ?
- ኩነታት ስነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝምልከት ዳህሳስ ኣቕርቡ፡፡
- ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ክፍፀሙ ዝግብኦም ኣርባዕተ ኣገደስቲ ተግባራት ግለፁ፡፡
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅን ምትግባርን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ሃገርና ምስ ፓኬጅ መናእሰይ ተዛሚዱ ምይይጥ ኣካይዱ፣ ተኻትዑ፡፡
- ድኽነት ንምውጋድ ግደ መናእሰይ ኣብ ኢትዮጵያ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ብዝምልከት መብራህርሂ ኣቕርቡ፡፡
- ብዛዕባ ምጣነ ስድራ ረብሓን ተግባራትን ዘርዝሩ፡፡

# መልመዲ 4.1

**I** ***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡***

1 ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ማሕበራውን ጥዕናውን ፀገም'ዩ፡፡

2 ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንስሉጥን ቅልጡፍን ዕብየት ሃገር ከምኡ'ውን ድኽነት ንምንካይ ንዝግበር ፃዕሪ ዝፈታተንን ዓንቃፋይን'ዩ

3 ብበዝሒ ካብ 15 - 24 ዓመት ክሊ ዕድመ ዘለዉ መናእሰይ ንሓደጋ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ተቓሊዖም ይርከቡ፡፡

4 ውልቀ ሰባት፣ ስድራ፣ ወለዲ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ትካላት ጥዕና፣ ካልኦት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ንጉዳይ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝለዓለ ጠመተ ክህቡሉ ይግባእ፡፡

5 ምጣነ ስድራ እንትበሃል ብደረጃ ሃገር በዝሒ ህዝቢ ንምንካይን ዕብየት ህዝቢ ምስ ምዕባለ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ሃገር ንምግንዛብ ዝሕግዝ እንትኸውን ብደረጃ ስድራ ድማ በዝሒ ዝውለዱ ቆልዑ ምስ ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ሃፍተ ንነት ስድራን ብተዛመደ መልክዑ ንክኸውን ዝሕግዝን ምስ ኩለመዳያዊ ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ብቐጥታ ዝዛመድ ጉዳይ'ዩ፡፡

**II** ***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግልፂ፣ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾኑን ዘየማትኡን መልስታት ሃብ፡፡***

1 ምስ ተኺሳሓይ ባህርይ መናእሰይን ሓደጋ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ኣብ ግምት ብምእታው ትኹረት ዘድልዮም ጉዳያት ብዝርዝር ግለፁ፣ ኣረድኡ፡፡

2 ሓፈሻዊ ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዝርዝር ግለፁ፡፡

3 ዕላማታት ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዝርዝር ግለፁ።
4 ብ1987 ዓ.ም ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ክልላት ሃገርና ምስ ብ1999 ዓ.ም ብምንፅፃር ዝተርኣየ ዕብየት ገብጡ።
5 ብ1987 ዓ.ም ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ዓሰርተ ከተማታት ሃገርና ምስ ብ1999 ዓ.ም ብምንፅፃር ዝተርኣየ ዕብየት ገብጡ።
6 ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይን ንምቁፅፃርን ክትግበሩ ዝግብኦም ሰለስተ ተግባራት ግለፁ።
7 ፓኬጅ ልምዓት መናእሰይ ዝበሃል ንጉዳያት ጥዕና፣ ስነ ተዋልዶን ሓለዋ ከባብን ኣመልኪቱ ጠመተ ዘውሃቦም ብዝርዝር ግለፁ።
8 ራእይ ፓኬጅ ልምዓትን ዕብየትን መናእሰይ እንታይ'ዩ?
9 ብመሰረት ራእይ ፓኬጅ ልምዓት መናእሰይ ምስ ድኽነት ምውጋድ ተዛሚዱ ጠመተ ዝሃቦም ጉዳያት ዘርዝሩ።
10 ረብሓ ምጣነ ስድራ ግለፁ።

# 4.2 መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት - ሰብኣዊ መሰላት ንምትግባር ዘድልዩ ጥንቃቐታት



## ንጥፈት 4.3

ተምሃሮ ካብ 5ᵉ ክሳብ 7ᵉ ክፍሊ ኣብዝነበርኩሙሉ እዋን ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ተማሂርኩም ነይርኩም። ሕዚ ድማ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ክትመሃሩ ኢኹም። ሰብኣዊ መሰላት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? ሰብኣዊ መሰላት ከመይ ትገልፅዎም? ተምሃሮ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዜጋታት እንታይ ከምዝብል ዶ ትፈልጡ? እስኪ ንሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ዓንቀፅ 14 - 28 ዘለዉ ብዝርዝር ርአይዎም'ሞ ኣብ ክፍሊ ተመያየጡሉ።

## 4.2.1 ባህርያት ሰብአዊ መሰላት

ተምሃሮ ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ ካብ ደቂ ሰባት ተፈጥሯዊ ፍጡርነት ዝመንጨዉን ፈፂሞም ዘይገሃሱን ዘይግፈፉን መሰላት እዮም። ኣብ ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቀለም፣ ብዓሌት፣ ብፆታ፣ ብሃይማኖት፣ ብኣመለኻኽታን ብኣረኣእያን ወዘተ ብዝመሳሰሉ ጉዳያት ኣፈላላይ ንኸይፍጠርን ንኹሉ ብማዕረ ዝጥምትን ሕጋዊ ባይታ ዘለዎን እዩ። ሰብኣዊ መሰላት ብሓፈሻኡ ሰለስተ መግለፂ ባህርያት ኣለዉዎም፤

- *ሰብኣዊ መሰላት ብኹለመዳያዊ ንኹሉ ዝሓቖፈ (ኣድማሳዊ) - ዙሪያ ምላሽ*

- ሰብኣዊ መሰላት ብምልኦም ተደጋገፍትን ዘይነፃፀሉን እዮም።
- ሰብኣዊ መሰላት ፈፂሞም ዘይገሃሱን ዘይድፈሩን እዮም፡፡

ሰብኣዊ መሰላት ካብዝበሃሉ ውሽጢ ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡ፤

- መሰል ምስራሕ
- መሰል ምቸው ኩነታትን ፍትሓውን ስራሕ
- መሰል ምውዳብ ሰራሕተኛታት
- መሰል ማሕበራዊ ድሕንነት
- መሰል ቤተሰብ፣ ኣዴታትን ህፃውንትን ምክንኻን
- መሰል ብቕዓቱ ዝሓለወን ዝለዓለን ሓለዋ ጥዕና ምርካብ
- መሰል ደረጅኡ ዝሓለወ ጥዕና ምርካብ
- መሰል ትምህርቲ ምርካብ
- መሰል ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ምርካብ
- ባህላዊ መሰል ምርግጋፅ ፤ ተጠቀምቲ ሳይንሳዊ ምዕባለን ክንክን ንብረት ውፅኢት መሰል ብህይወት ምንባር፣
- መሰል ንብረት ምውናን፣
- መሰል ኣካላዊ ደሕንነት፣
- መሰል ነፃነት፣
- መሰል ምውናን ንብረት፣
- መሰል ክቡርን ዕቡቕን ስም ምህላው፣
- ነፃነት ሃይማኖትን እምነትን ኣመለኻኽታን (ኣረኣእያን)፣
- መሰል ማዕርነት፣
- ኢሰብኣዊ መቕፃዕትን ምግዳድን (ሓይለ መልጢ) ዘይፍቀድ ምኳኑ ዘረጋግፅ መሰልን



ስእሊ 4.2: ኣርማ ቤት ምኽሪ (ካውንስል) ሰብኣዊ መሰል ውድብ ሕቡራት መንግስቲ

ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ዓንቀፅ 14 ክሳብ ዓንቀፅ 28 ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ ድንጋገታት ይርከብዎ፡፡ ተምሃሮ ነዞም ኣብ ሕገ መንግስቲ ዘተሓበሩ ሰብኣዊ መሰላት ብዝርዝር ኣንብብዎም፡፡ ኣብ ክፍሊ'ውን ምስ መምህር ተመያየጡሎም፡፡ ዝኾነ ሰብ ሰብኣዊ ፍጡር ስለዝኾነ ዘይድፈርን ዘይገሃስን ብህይወት ምንባር፣ ኣካላዊ ድሕንነትን ነፃነትን መሰላት ኣለውዎ፡፡ ዝኾነ ሰብ መሰል ብህይወት ምንባር ኣለዎ፡፡ ብሕጊ ዝተወሰነ መቕፃዕቲ ከቢድ ገበን እንተፍፀመሉ እንተዘይኮይኑ ብካሊእ ኣገባብ ህይወቱ ኣይስእንን (ኣይቕተልን)፡፡ ኣካላዊ ጉድኣት ንኸይበፅሖ ሓለዋ ይግበረሉ፡፡ ብሕጊ ተወሲኑ እንተዘይኮይኑ ወዲ ተባዕታይ ኮነ ጓል ኣንስተይቲ ነፃነት ኣይስእኑን፡፡ ጭካነ ካብዝተመልአ መቕፃዕቲ፣ ክብሩ ካብዘነኣሱ ኢሰብኣዊ ቅፅኣትን ብሓይሊ ምግዳድን ክሕለው ይግባእ፡፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዩ፡፡ ብማዕረ ሓለዋን ክለላን ሕጊ ይግበረሎም፡፡

ተምሃሮ ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ሰባት እንትንርእይ ክነስተብህሎም ዝግቡኡና ክልተ መሰረታዊ ነገራት ኣለዉ፡፡ እዚኦም ድማ ፆታን ስርዓተ ፆታን ዝበሃሉ ክልተ ኣምራት'ዮም፡፡ ስለዚ ፆታ እንትበሃል ብተፈጥሮ ተባዕታይ (ወዲ) ወይድማ ኣንስተይቲ (ጓል) ምኳን

ማለት'ዩ። ኣገላልፃ ፆታ ስነ ህይወታዊ (ባዮሎጂካል) እዩ። ብተፈጥሮ ወዲ ወይድማ ጓል ኾይኑ ንዝተፈጠረ ዝተውሃቦም መፍለዩ እዩ። ስርዓተ ፆታ እንትብሃል ድማ ንክልቲኡ ፆታ ዝምልከት ኾይኑ ብደረጃ ሕብረተሰብ ብዝውሰን ኩነታት ዝግለፅ እዩ። ንኣብነት ኣብ ትግራይ እንተወሲድና ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ማሕረስ ይውዕሉ። ማሕረስ ንደቂ ተባዕትዮ ዝተውሃበ ስራሕ እዩ ተባሂሉ ይውሰድ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ እኽሊ ኣጥሒነን ለዊሰን እንጀራ ምስንካትን ፀብሒ ምስራሕን እንተወሲድና መግለፂኣን እዩ። ተምሃሮ ስርዓተ ፆታን ፆታን ዘለዎም ኣፈላላይ ኣምር ተረዲእኹም ዶ?

ስለዚ ወዲ ተባዕታይ ክሰርሖን ክሓስቦን ዝግባእ ተባሂሉ ዝቕመጥ ኣሎ። ብኣንፃሩ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ክሰርሕኦን ክሓስብኦን ዝግባእ ተባሂሉ ዝቕመጥ ኣሎ። ስለዚ ብደረጃ ሓደ ሕብረተሰብ ንስራሕቲ፣ እምነት፣ ኣተሓሳስባ፣ ባህልን ልምድታትን ብዝምልከት ዝወሃቡ ገዛእቲ መግለፅታት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝምልከት'ዩ ስርዓተ ፆታ ዝበሃል። ስርዓት ፆታ ተፈጥሯውን ስነ ህይወታውን ዘይኮነስ ስነ ማሕበራውን ባህላውን ከምኡ'ውን ሃይማኖታውን እምነታውን ምስ ልምድታት ተሓዋዊሱ ዝፍጠር ኣገላልፃ ዝምልከት እዩ። ንኣብነት ሰበይቲ ኣይትፈርድን ሰብኣይ ኣይስንክትን ይበሃል። ብመንፅር ስርዓተ ፆታ ንምንታይ ሰበይቲ ዳይና ኾይና ዘይትፈርድ፣ ሰብኣይከ ንምንታይ ዘይስንክት? ዝብል ሕቶታት እንትነልዕል እዚ ጉዳይ ስርዓተ ፆታ ዝምልከት እዩ። ተምሃሮ መሰል ማዕርነትን ነፃነትን ዝበሃሉ ከመይ ትርድእዎም?

## 4.2.2 ሕገ መንግስታዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ

ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ከምዘለወን ዘረጋግፅን ኣብ ልዕሊ ፆታ ዝተመስረተ ዝኾነ ዓይነት ወፅዓ ከይነበር እገዳ ዝተገበረሉን ፈለማይ ዓለምለኻዊ ሰነድ 'ቻርተር ሕቡራት መንግስትታት ውድብ' እዩ። እዚ ውድብ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ብ1948 ዓ.ም.ፈ ብዘፅደቖ ኩለመዳይ መሰል ወዲሰብ መግለፂ ብዝበለፀ ተረጋጊፁ። ካብዚ ግዜ እዚኡይ ጀሚሩ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ዘለወን መሰላት ማዕርነት ብተኸታታሊ ኣብዝወፁ ሰነዳት ዓለምለኻዊ ስምምዕነት መሰላት ደቂ ሰባት ውሽጢ እናተሓበሩ ፀኒሖም እዮም። ንኣብነት ዓለምለኻዊ ስምምዕነት ሲቪልን ፖለቲካውን መሰላት ዓንቀፅ 2 ከምኡ'ዉን ዓለምለኽ ስምምዕነት ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ባሕላውን ዓንቀፅ 2 ክጥቀሱ ዝኽእሉ ዓለምለኻዊ ስምምዕነታት እዮም።

ብ1979 ዓ.ም.ፈ ተደንጊጉ ብ1981 ዓ.ም.ፈ ኣብ ስራሕ ዝወዓለ ሰነድ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀም ዝኾነ ኣድሎኣዊ ኣሰራርሓ ንምውጋድ ዝወፀ ስምምዕነት (CEDAW) መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝሓዘ ፈላማይ ዓለምለኻዊ ስምምዕ እዩ። እዚ ስምምዕነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ መሰል፣ ኣብ ሓዳር፣ ኣብ ስድራ ኣብ ስራሕ ቦታ ዝፍፀመን (ዝበፅሐን) ኣድሎኣዊ ኣሰራርሓን ፈልዩ ብግልፂ ካብ ምድንጋጉ ሓሊፉ ከምዚ ዓይነት ኣድሎኣዊ ኣሰራርሓ ኣብ ናይ ሓንቲ ሃገር ቁጠባዊ ዕብየትን ምዕባለን ክዓግት ከምዝኽእል ብኣፅንኦት ገሊፁ።

ብሔራዊ ሕግታትና እንተንፍትሽ ድማ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ (ኢ.ፈ.ዴ.ሪ) ሕገመንግስቲ ኣብ ትሕቲ ዓንቀፅ 9.4 ኢትዮጵያ ዘፅደቐቶም ዓለምለኻዊ ስምምዕነት ናይዛ ሃገር ኣካል ሕጊ ብምዃኖም ብግልፂ ተደንጊጉ። ካብዚኦም

ድማ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ብዛዕባ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ብስፍሓትን ብፍሉይን ዝዘተየ ኮንቬንሽን ደቂ ኣንስትዮ እናተብሃለ ዝፅዋዕ እንትኾን ኣብዛ ሃገር ውሽጢ ዝወፁ ዝኾኑ ዓይነት ሕግታት ምስ እዞም ስምምዕነታት ዝተጠዓዓሙ ክኾኑ ከምዝግባእ ተደንጊጉ እዩ። መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕገ መንግስቲ እንትርኣይ ድማ ኣብ ዓንቀፅ 25 ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምዃኑን ኣብ መንጎኦም ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ከይተገበረ ማዕረ ናይ ሕጊ ካለላ ክህልዎ ከምዝግበረሉ ተደንጊጉ እዩ።

## ዓንቀፅ 25 ሕገ መንግስቲ ኢ..ፌ..ዲ..ሪ

> ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም፡፡ ኣብ መንጎኦም ዋላ ሓደ ኣፈላላይ ከይተገበረ ማዕረ ሓለዋ ሕጊ ይግበረሎም፡፡ በዚ መዳይ ብዘርኢ፣ ብብሄር፣ ብብሄረሰብ፣ ብሕብሪ፣ ብፆታ፣ ብቋንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ፣ ብማሕበራዊ መቦቀል፣ ብሃፍቲ፣ ብትወልዲ ወይድማ ብኻልእ ቀዋም ምኽንያት ኣፈላላይ ከይተገብረ ኩሎም ሰባት ማዕረን ጭቡጥን ውሕስነት ሕጊ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፡፡

ብፍሉይ ኣብ ሕገ መንግስቲ ኣንቀፅ 35 ደቂ ኣንስትዮ ሰብኣዊ መሰላተን ነፃነተን ክጥቀማ ዝክእላሉ ኩነታት ብዝርዝር ተደንጊጉ ይርከብ። ካብዚኦም ውሽጢ ንደቂ ኣንስትዮ ድጋፍ ናይ ምርካብ ስጉምትታት መሰል፤ ምምሕዳር፣ ተጠቃምነት፣ ምምሕልላፍ፣ ምውናን፣ ምውራስ መሬት ብዝምልከት ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ከምዘለወን ብዋናነት ምጥቃስ ይከኣል።

## ዓንቀፅ 35፤ መሰል ደቂ ኣንስትዮ (ቑፅሪ 1 - 3)

1 ደቂ ኣንስትዮ እዚ ሕገመንግሰቲ ዘረጋግፆ መሰላት ኣብ ምጥቃም ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን፡፡

2 ደቂ ኣንስትዮ ብመሰረት'ዚ ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ተደንጊጉ ዘሎ ኣብ ሓደር ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን፡፡

3 ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ብትሕትነትን ኣድልዎን ዝበፅሐን ጉድኣት ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ጉድኣት ክእረመለን ተወሲኺ ናይ ድጋፍ ስጉምትታት ክውሰድ ናይዚ ድጋፍ ተጠቀምቲ ናይ ምዃን መሰል ኣለወን፡፡ እቲ በዚ መዳይ ዝውሰድ ስጉምቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን መዳያት ከምኡ'ውን ኣብ ናይ መንግስትን ናይ ውልቀን ትካላትን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብማዕረ ተወዳዳርነት ተሳታፍነትን ክኾና ንምግባር ፍሉይ ትኹረት ንምሃብ እዩ፡፡

ብሓፈሻ ኣብ ዓለምለኻውን ሕገ መንግስትናን ዝተደንገጉን ኣብ ዙርያ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ዝተደንገጉን ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰል ጥቕልል ኣቢልካ እንትርኣይ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉዳያት ዘድሃበ ይኸውን። ሕቶ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ

- *ብስነ ህይወታዊ (ባዮሎጂካዊ) ኣፈጣጥራ መሰረት ዝለዓሉ ናይ ሰብኣዊ መሰል ሕቶ ደቂ ኣንስትዮን*
- *ካብ ኣብ ልዕሊኣን ዝበፅሑ ናይ ሓይሊ መጥቃዕትታት*
- *ናይ ሕጊ ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰልን እንትኾኑ*

ንሕቶታት ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ቑፂልና ንርኣይ፡፡

1 **መሰል ማዕርነት፤** መሰል ደቂ ኣንስትዮ እንትበሃል ቑልፊ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መሰል ማዕርነት ዘተኮረ እዩ፡፡ እዚ እንትበሃል ሕግታት፣ ፖሊሲታት፣ ተግባራትን ፆታን መሰረት ብምግባር ፅዕንቶን ኣድልዎን ክገብሩ ከምዘይብሎምን ደቂ ኣንስትዮ ከም ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ናይ ኩሉም መሰላት፣ ነፃነታት፣ ጥቕምታትን ተጠቀምቲ ክኾና ይግባእ ዝብል እዩ፡፡ ካብዞም መሰላት ውሽጢ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ምርካብ፣ ማዕረ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ክመርፃን ክምረፃን መሰል ብኣብነት ዝጥቀሱ'ዮም፡፡ ኣብዚ ዝለዓሉ ነጥብታት ንዘበናት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ሱር ዝሰደደ መድልዎ ምኽንያት ብቕዓት ከይሕልዎም ዝተገበሩ ሰባት ብማዕረ ኹነታት ምምዛን ክንደየናይ ፍትሓዊ ከምዝኸውን'ዩ፡፡ ንዘበናት ብፆታ፣ ብዓሌት…ወዘተ እናተሰርሐሎም ዝነበሩ ሕግታትን ልማዳዊ ኣሰራርሓታት ማእኸል ዝገበሩ ኢፍትሓዊ ዝኾኑ ሰፊሕ ኣፈላላይ ንምስትኽኻል፣ ኣድላይነት ፍሉይ ድጋፍ ንዝተጎድኡ ክፋል ሕብረተሰብ ተኣማሚኑሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣብ ተግባር ውዒሉ ይርከብ፡፡

## ዓንቀፅ 35፣ መሰል ደቂ ኣንስትዮ [ቑፅሪ 5 (ሀ)ን (ለ)ን]

ሀ. ደቂ ኣንስትዮ ፍቓድ ወሊድ ምስ ምሉእ ክፍሊት መሃያ ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን፡፡ መጠን ፍቓድ ወሊድ፣ ንኹነታት ስራሕ እታ ጓል ኣንስተይቲ ምስ ኩነታት ጥዕንኣ፣ ድሕንነት እቲ ህፃንን ስድራኣን ኣብ ግምት ብምእታው ብሕጊ ይውሰን፡፡

ለ. ፍቓድ ወሊድ ብሕጊ ብዝውሰን መሰረት ምስ ምሉእ ክፍሊት መሃያ ንዝወሃበን ፍቓድ ጥንሲ ክሓውስ ይኽእል፡፡

2 **ካብ ተፈጥሯዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ዝነቐሉ መሰላት፤** ካብ ተፈጥሯዊ ባህርያት ደቂ ኣንስትዮ ዝነቐሉ ዝተፈላለዩ ፍሉይ ሓላፍነት ወይድማ ስራሕ ኣለወን፡፡ ንኣብነት ኣዶነት፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ብተፈጥሮ እኖታት (ኣዶ) እየን፡፡ እዚ ንካሊእ ዝተውሃበ ተፈጥሯዊ ፀጋ ዘይኮነስ ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝተውሃበ እዩ፡፡ ካብዚ ዝነቐለ ፍሉይ ድልየት ኣለወን፡፡ እዞም ፍሉያት ድልየታት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ፍሉይ ሓለዋ ሕጊ የድልዮም፡፡ ካብዚኦም ሓለዋታት ሕጊ ውሽጢ ፍቓድ ወሊድ ምስ ክፍሊቱ ምርካብ፣ መቆፃፀሪ ሜላታት ወሊድ ምርካብ …ዝብሉ ይርከብዎም፡፡

3 **ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይሊ (ምግዳድ)፤** ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልዕሊኣን ተግባራት ሓይሊ ብቤተሰብ፣ ብማሕበረሰብን ብመንግስትን ይፍፀሙ ነይሮም፡፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይሊ ኣካላዊ፣ ወሲባዊ ከምኡውን ስነልቦናዊ መጥቃዕቲ ዘጠቓልል ነይሩ፡፡ ስለዚ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይሊ ንምውጋድ ሕቡራት መንግስቲ ዓለም ዘውፀኦ መግለፂ ኣሎ፡፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይሊ ማለት ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣካላት፣ ስነ ልቦና ወይድማ ስምዒትን ከምኡ'ውን ወሲባዊ ስቓይን ዘስዕቡ ተግባር ምፍፃም ዝብል እዩ፡፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይሊ ተባሂሎም ዝግለፁ ንኣብነት ካብ ድልየት ወፃኢ ዝፍፀም ወሲባዊ መጥቃዕቲ፣ ተግባራት ጎዳኢ ባህልታት (ምኽንሻብ)፣ ብበዓል ሓዳር ኣገዲድካ ምድፋር፣ ወሲባዊ ትንኮሳ፣ ተገዲደን ኣብ ነብሰን ሸይጠን ዝሓድራሉ ስራሕ ምእታው፣ ብደቂ ኣንስትዮ ምንጋድ ... ወዘተ ንዝመሳሰሉ ይሓውስ'ዩ፡፡

ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ገዝአን ህውከትን መጥቃዕትን የጋጥመን'ዩ:: ነዚ መንቀሊ ተገይሩ ዝውሰድ ካብቲ ልማዳዊ ኣተሓሳስባ ዝነቅል ከም ምልዕዓል ጉዳያት መንበሪ ገዛ ዝምልከት ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝተውሃበ ዕማም ተገይሩ ስለዝውሰድ'ዩ:: እዚ ድማ ከም ስራሕ ዘይውሰድ የግዳስ ጊዜ ኣብ ምብላዕን ካብ ካልኦት ናይ መፍረያይነት ስራሕቲ ጎኒ ዝገድፍ ስለዝኾነ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘለዎ ፅልዋ ከቢድ'ዩ:: ዲሞግራፊያዊ መፅናዕቲ ጥዕና ኣብ 2005 ዓ.ም.ፈ ከምዝተሓበረ ኣብ ኩሎም ክልላት ሃገርና ብሰንኪ ናይ ገዛ ዕዮታት መጥቃዕቲ ዝበፅሐን ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ 70%እየን:: ብኻሊእ ወገን ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ገዛ ዝሰርሖም ንልዕሊ 16 ሰዓት ዝኾኑ ተግባራት ብደቂ ተባዕትዮ ከም ስራሕ ዘይቑፀሩ ምኽኒያምን ኣብዚ ዘለዎም ግምት ትሑት ክኸውንን ይገብር:: ንኣብነት ኣብ መፅሄት ስነ ህዝቢ ብሓደ እዋን ዝወፀ ፅሑፍ ከምዝስዕብ ይገልፅ፤

> *"ሓደ ሓረስታይ በዓልቲ ገዛኹም እንታይ ትሰርሕ ተባሂሎም ተሓቲቶም ምንም ስራሕ የብላን ይብሉ:: እንታይ ድኣ ትገብር እንተተብሃሉ ዝሃብዎ መልሲ ንጉሆ ተሲኣ ቑርሲ ሰሪሓ ናብ ግራት ተፋንየኒ፣ ፋዱስ ምስኮነ ምሳሕ ሰሪሓ ትመፀኒ፣ ኣብቲ ግራት ድማ ጉልጉል ትውዕል፣ ኣቐዲማ ተመሊሳ ድማ ነቶም ከብቲ ዝብላዕን ዝስተን ኣዳሊያ ናብ ሰፈሮም ተእቱ፣ ንዓይ እውን እግረይ ሓፂባ ድራር ተቕርብ ይብሉ:: እሞ እዚ ኹሉ ስራሕ ዶ ኣይኮነን እንተተብሃሉ መልሲ ይስእኑ::"*

እዚ ዘመላኽት ናይታ ጓል ኣንስተይቲ ሰፊሕ ፃዕሪ እትኾን ዘለዎ ተቐባልነት ድማ ትሑት ከምዝኾነ'ዩ::

እዚ ኩነታት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ዘዕረፎ (ዝሓደጎ) በሰላ ከምዘሎ ዝፍለጥ'ዩ:: ከምቲ ወዲ ተባዕታይ ኣብ ትምህርቲ ብሓባር ይውዕላ:: ናብ ገዛ ምስተመለሳ ድማ ምስ ኣዴታተን ኮይነን ናብ ስራሕ ገዛ ይዋፈራ:: ደቂ ተባዕትዮ ግና ናብ መፅናዕትን ፀወታን ይኸዱ:: እዚ ተግባር ድማ ኣብ ትምህርተን ኣሉታዊ ፅልዋ ስለዝፈጥር ብልጫ ዘለወን ኣይኾናን:: ናብ ከምዚ ዝመሰለ ስራሕቲ ገዛ (ምስ እንኣተን ኣብ ውሻጠ ጓዳ) ዘይተዋፈረት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ስድርኣ ይኹን ኣብቲ ማሕበረሰብ ከም ወድኒ ስለትረኣይ ካብ ከምዚ ዓይነት ፀቕጢ ኣረኣእያን እምነትን ንምንጋፍ መፃኢ ሂወታ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ናብዝኽእል ኣብ ሕኹትኩት ክትሕልፎ ትግደድ:: እዚ ድማ ካብቶም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ፀገማት ዘብፅሑ ተግባራት ተወሲዱ ዝረኣን ብስድራ፣ ማሕበረሰብን መንግስትን ፍሉይ ጠመተ ዘድልዮ ከምዝኾነ ይሕበር::

**ፍሉይ ድጋፍ ደቂ ኣንስትዮ፤** ንምኺኑ ፍሉይ ፆታዊ ድጋፍ እንታይ ማለት'ዩ? ፍሉይ ድጋፍ ማለት ቅድም እንትብል ኣብዝነበረ ስርዓት ተወዒኦም ንዝፀንሑ ክፋላት ሕብረተሰብ (ንኣብነት ደቂ ኣንስትዮ) ዝበለፀ ዕድል ብምሃብ መስተኻኸሊ ስጉምትታት ብምውሳድ ማዕርነት ብተግባር ምርግጋፅ ማለት እዩ:: መስተካከሊ ስጉምቲ ብምውሳድ ማዕርነት ብተግባር የረጋግፅ ተባሂሉ ዝግመት እቲ ምብልላፅ ክፍጠር ዝኽኣለ ንድሕሪት ዝተረፉ ክፋል ሕብረተሰብ ብምኽንያት ውሽጢ ፀገም እንተይኾነ ንዘበናት ብዝበፀሖም ወፅዓ ምኽንያት እዩ ተባሂሉ ስለዝተኣመነሉ እዩ:: ፍሉይ ፆታዊ ድጋፍ ንደቂ ኣንስትዮን ንደቂ ተባዕትዮን ናብ ማዕረ ደረጃ ንምምፃእ ጥራሕ እንተዘይኮነስ ብኣጠቓላሊ ኣብቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ብታሪኽ ፅዕንቶን ኣድልዎን በጺሕዎም ምስ ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብ ማዕረ ምስታፍ ንዘይከኣሉ ጉጅለታት ኩሉ ዝትግበር እዩ::

ኣብ ሃገርና ደቂ ኣንስትዮ ንዘመናት ክበፅሐን ዝፀንሐ ወፅዓ ምኽንያት ብምግባር ምስቶም ካልኦት ኣካል ሕብረተሰብ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ብቕዓትን ክእለትን የብልናን ኢለን ክኣምና ፀኒሐን'የን። ሕዚ ብኹሉ መዳይ ማዕረ ኮይንክን ኣለኽን እሞ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ተወዳደራ ማለት ኢፍትሓዊ ስለዝኾውን ብደረጃ ሕገመንግስቲ ናይ ፍሉይ ድጋፍ ኣድላይነት ተሓንፂፁ ኣሎ። እዚ ንደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ፍሉይ ድጋፍ ግና ንኹሉ ግዜ ዝፀንሕ እንተይኮነስ እቲ ሕዚ ዘሎ ኢ-ፍትሓዊ ኣፈላላይ ክሳብ ዝስተኻኸል ጥራሕ ዝፀንሕ እዩ። ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ከመይ ገይረን ናብ ዝለዓለ ስልጣንን ሓላፍነትን፣ ደረጃ ትምህርቲ፣ ብርኪ ዕብየት ስራሕ፣ ኣባልነት ቤት ምኽሪ ወዘተ ክመፃ ይኽእላ? ኣብ ገጠራት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ኣገባብ ብትምህርቲ ክነፍዓ ይኽእላ? ካብ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ነፃ ክኾና ይኽእላ? ተመያየጡሉ።

ስለዚ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ብትምህርቲ ክነፍዓ፣ ብኣካዳሚያዊ ዓቕሚ ክብርትዓ፣ ብቴክኒካዊ ክእለት ስራሕን ምህዞን ክተባብዓ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪ ንሓላፍነትን ስልጣንን ስራሕ መንግስቲ ክምደባ፣ ቅድሚያ ዕድል ትምህርቲ ክወሃባን ኣብ ውድድር ዕብየት ስራሕን ዝበለፀ ጠለብ ንደቂ ኣንስትዮ ክኸውን ምውሳን ወዘተ ዝመሳሰሉ ኣሰራርሓታትን ኣካይዳታትን ንደቂ ኣንስትዮ ድጋፍ ምሃብ ብዝበለ ዝፍፀም ዘሎ እዩ። ኣብ ኮለጃት፣ ዩኒቨርስትታትን ኣብያተ ትምህርተን'ውን ንደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ደገፍ ይገበረለን ብዝበለ ምርድዳእ ካብ ስሩዕ ክፍለግዝያት ወፃኢ ተወሳኺ መጠናኸሪ ትምህርቲ ክወሃበን ይግበር እዩ። ብመሰረት ከምዚ ዝመሰለ መትከል ፍሉይ ደገፍ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ መረፃ ኣባላት ቤት ምኽሪ ካብ 30 - 50% ደቂ ኣንስትዮ ኮይነን'ለዋ።

**ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፓርላማ (ቤት ምኽሪ)፣** መንግስታዊ ትካላት ደቂ ኣንስትዮ ስራሕተን ዝበለፀ ከቢድ ንክኸውን ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ማሕለኻታት ኣለዉ። ንኣብነት ምስ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማሕበራዊ ናብራ ዘይሰማማዕ ሰዓት ስራሕን ኣኼባን፣ እዋን ኣኼባ ኣብ ስራሕ ሰዓት ጥራሕ ምግባር፣ ግልጋሎት ሰርቪስ ዘይምህላዉ፣ እኖታት (ኣዶ) ቆልዑ ዝኾና ቆልዑተን ዝፀንሓሉ (መፅንሒ) ዘይምህላዉ፣ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ዘለዎ ህንፃ ምህላዉ ምርግጋፅ ... ወዘተ ዝመሳሰሉ ማሕለኻታት ኣለዉወን። ስለዚ ደቂ ኣንስትዮ ነቲ ዝውሃበን ስራሕ ብውነን ብድልየትን ንኽሳተፋሉ ዝሕግዝ ኣሰራሓታት ክህልዉ ኣለዎም ማለት'ዩ። ኣብ ኣኼባታት ቤት ምኽሪ'ውን እንተኾነ ኣብ ኣዋን ዘተን ምይይጥን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ቃላት ኣብ ሓደ ፆታ (ወዲ ተባዕታይ) ጥራሕ ዘድሀቡ እንተኾይኖም እተን ኣባላት ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ከምቶም ደቂ ተባትዕዮ ኣብ ቤት ምኽሪ ንኽይስመዓ ዝገብር እዩ።

ስለዝኾነ እውን ቋንቋታት ቤት ምኽሪ ፆታ ኣብ ግምት ዘእተወ ንክኸዉን ውሕሉል ጥንቃቐ ምግባር የድልይ። ብሓፈሻ እንተረኣይ ውፅኢታውነት ስራሕቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ቤት ምኽሪ ክብ ንምባል ካብ ዝሕግዙ ሜላታት እዞም ዝስዕቡ ከም መጠቓለሊ ሓሳብ ክቕመጡ ይከኣል።

- *ወድዓዊ ዝኾኑ ሕቶታት ደቂ ኣንስትዮ ብምፍላይን ባህሪኦም ብምርዳእን ኣብ ምይይጣት ቤት ምኽሪ ንክቐርቡ ምግባር*
- *ስራሕቲ ቤት ምኽሪ ቀለልትን ከበድትን ኢሉ ዝፈልይ ኣረኣእያ ብምስባር ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ ኩለን ኮሚቴታትን ማህበራትን እቲ ቤት ምኽሪ ዘለዎ ተሳትፎ ንክዓቢ ምግባር*

- ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ ዘተን ምይይጥን እቲ ቤት ምኽሪ ክዛረባሉ ዝኽእላ ሜላታትን ባይታታትን ምፍጣር። ነዚውን ክእለት ክርክርን ዘረባን ክዕብያ ዝኽእላሉ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ኣባላት ደቂ ኣንስትዮ ክረኽባ ምግባር።
- ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝሰርሑ ማሕበራትን ትካላትን ስጡም ርክብ ንምፍጣር ዘየቋርፅ ሓበሬታን እዋናዊ ሕቶታት ደቂ ኣንስትዮን ምርካብ።
- መራኸቢ ሓፋሽ ብምጥቃም ሓለዋትን ንጡፍ ተሳታፊነት ደቂ ኣንስትዮ ኣበላት ቤት ምኽሪ ክብ ንኽብል ምግባር።
- ቤት ምኽርታት ዝሰርሑሎም መምርሕታትን ኣሰራሓታትን ምፍላጥ ብዝግባእ ምርዳእ ኣብ ጥቕሚ ምውዓልን ስራሕቲ ደቂ ኣንስትዮ ቤት ምኽሪ የዐንቅፉ እዮም ተባሂሎም እንትእመን ድማ ንክልወጡ ወይድማ ንክመሓየሹ ምፅዓር የድልይ።

ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፈፃሚት ስራሕ መንግስቲ (ካቢኔ)፤ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስራሕ ፈፃሚት ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪ ሓላፍነት ክሳተፋ ይግባእ። ናብዚ ብርኪ ንምዕባይ ትምህርትን ስልጠናን ኣገዳሲ ኾይኑ ብዝበለፀ ግና ናብ ሓላፍነት ወዒአን ንምምራሕ ዘኽእል ዓርሰ እምነት ክዕብያ ምግባር ቑልፊ ስራሕ ክኸውን ኣለዎ። ናብዚ ንምብፃሕ ድማ ከምቲ ቅድም ክብል ዝተገለፀ ፍሉይ ደገፍ ዝሓትትን በብውዳበኣን ነዚ ዘግብር ስራሕ ክሰርሐሉን ይግባእ። በዚ መሰረት መንግስቲ ክገብሮም ዝግባእ ወይድማ ክወስዶም ዝግባእ ስጉምትታት ነዚ ይመስል።

- ኣብ ኣመራርሓ ፈፃሚ ኣካል ካብ ሚኒስትር ጀሚሩ ክሳብ ጣብያ ምምሕዳር ዝሳተፋሉ ኩነታት ምፍጣር። እዚ ኣገባብ ድማ ኣብ ክልልና ኣብ ወረዳታት 30% ፈፃሚ ኣካል ደቂ ኣንስትዮ ንክኾና ተወሲኑን ኣብ ተግባር ከምዝወዓለን ከም ኣብነት ምውሳድ።
- ናብ ኣመራርሓ ክመፃ ዝግበኣን ደቂ ኣንስትዮ በቲ ዝረኸበኦ ውፅኢትን ኣብ ውዳበኣን ዝነበረን ንጥፈት ብምርኣይ ንኣመራርሓ ብምሕራይ ስልጠናን ልምድን ክረኽባን ምግባር።
- ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ዓለም ብሉፅ ተሞክሮ ዘለወን መራሕቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከቱ ፅሑፋትን ተሞክሮን ክረኽባ ምግባር።

ነዞም ኣገባባት ብምጥቃም ኣብዚ እዋን ኣብ ኣመራርሓ ዘሎ ትሑት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ብቐፃምነት ኣብ ኩሎም ኣካላት ነዚ ንምምሕያሽ ቀራፅነትን ተበግሶን ዘድልይ ምዃኑ ምርዳእ የድልይ። ስለዝኾነ ድማ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ንምትዕርራይ ካብ ፖለቲካዊ ፓርቲ ጀሚሩ ፍሉይ ጠመተ ሂብካ ምስራሕ ካብ መንግስቲ ትፅቢት ይግበር።

## መልመዲ 4.2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል እንተኾይኖም 'ሓቂ' ትኽክል እንተዘይኾይኖም ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሱ።*

1 መናእሰይ ሂወቶም ብስምዒት ጥራሕ ምምራሕን ብተፈላለዩ ግዝያዊ ዝኾኑ ረብሓታት ተገዛኣይ ምዃንን ስለዘጋጥሞም ብቐሊሊ ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ይቃልዑ።

2 ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ ድንጋገታት ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ካብ ዓንቀፅ 9 ክሳብ 14 ይርከቡ።

3 ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ ብምልኦም ኣድማሳዊ ብዝኾነ መልክዑን ብኹለመዳያውን ንኹሉ ዝሓቖፉን ዙርያ ምላሽን እዮም።

4 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ድንጋገ ዘውፀአ ብ1979 ዓ.ም.ፈ እንትኸውን ብ1981 ዓ.ም.ፈ ድማ ናብ ትግበራ ኣትዩም።

5 ሰብኣዊ መሰላት ብምልኦም ተደጋገፍትን ዘይነፃፀሉን እንትኾኑ ፈፂሞም ድማ ዘይገሃሱን ዘይድፈሩን እዮም።

6 ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ'ዮም፣ ብዘርኢ ይኹን ወይድማ ብብሄር፣ ብብሄረሰብ፣ ብሕብሪ፣ ብፆታ፣ ብሃይማኖት፣ ብቋንቋ፣ ብፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ፣ ብማሕበራዊ መበቆል፣ ብሃፍቲ፣ ብትውልዲ ወዘተ ኣፈላላይ ኣይግበረሎምን ዝብል ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 35/1-2 ይርከብ።

7 መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 35 ብዝርዝር ይርከብ።

8 ደቂ ኣንስትዮ እኖታት (ኣዶታት) ምዃነን ብሰብኣዊ መሰል ዝረኸበኦን ብሕገ መንግስቲ ዝተረጋገፀለን ፀጋ'ዩ።

9 ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ድጋፍ ንኽግበረለንን ነዚ ዝግበረለን ፍሉይ ድጋፍን ክትትልን ድማ ብግቡእ ክጥቀማሉ ከምዝግባእን ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 35 ብዝርዝር ተገሊፁ'ዩ።

10 ፆታ ምስ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ፣ ሃይማኖታውን ልማዳዊ እምነታትን ተዛሚዶም ዝንፀባረቑ ኣተሓሳስባታት እንትኾኑ ፆታ ዝበሃል ድማ ስነ ሂወታዊ (ባዮሎጂካዊ) መግለፂ'ዩ።

## 4.2.3 ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ ብዝምልከት



### ንጥፈት 4.4

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 — 2007 ዓ.ም) ካብ ገፅ 132 - 134 ዝርከብ ብዛዕባ ስርዓተ ፆታን መናእሰይን ዝምልከቱ ፅሑፋት ትልሚ ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ከይድኩም

ኣንብቡ። ዘንበብክምዎ'ውን ተመያየጡሉ። ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን ብዛዕባ ደቂ ኣንስትዮ ዘቐመጦም ኣንፈታት'ውን ኣንቢብኩም ተመያየጡሉ። ብመሰረት ዘንበብኩምዎን ዝተመያየጥኩሙሉን ድማ ጠመተ ዝተውሃቦም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂታት (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ስርዓተ ፆታን መናእሰይን ዝምልከት ተመያየጡሉ። ዝበፃሕኹሙሉ ምርድዳእ ድማ ብፅሑፍ ሒዝኩም ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

- ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ዘግልሉ ተግባራት ነፃ ምኧን። ንማዕርነት ዝጥምቱ ሕግታትን ፖሊሲታት ብምርዳእ ነዚ ዘፈፅሙ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ምጥያሽ። እዚ ማለት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣመልኪቶም ዝነበረ ግጉይ ኣተሓሳስባ ንምውጋድ ዝዓለሙ ዓለምለኽ ሕግታት ብፍላይ ብ1979 ዓ.ም.ፈ ኩሎም ንደቂ ኣንስትዮ ዘግልሉን ዝጎድኡን ተግባራት ምውጋድን ካልኦትን ክርድኡ ኣለዎም። ኣብ ሃገርና ካብ ሕገ መንግስቲ ጀሚሮም ዘለዉ ሕግታትን ማዕርነት ንምርግጋፅ ዝዓለሙ ፖሊሲታትን ስትራቴጅን ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ እዋን ዝተዳለወ ፓኬጅ ተጠቃምነት ልምዓት ኣብ ምትግባር ክነጥፉ ኣለዎም።
- ንደቂ ኣንስትዮ ዘግልሉ ልማዳዊ ተግባራት ዘለዎም ማሕበራውን ፖለቲካውን ኣሉታት ብምፍላጥ በብደረጅኡ ንኽፍትሑ ኣብ ዝግበሩ ስራሕቲ ግንዛበ ምህላው። ነዚ መሰረት ዝገበሩ ስልጠናታት ብምኽያድ ኣብ ሙያውን ቴክኒካውን ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ዓቕሚ ብምፍጣር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሎም ስራሕቲ ተዋፊረን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ከምዘይንእሳ ብተግባር ምርግጋፅ ይግባእ።
- መንግስቲ ስርዓተ ፆታ ጠመተ ሂቡ ዝሰርሖም እናተፈፀሙ ዝርከቡን ጉዳያት ክፈልጡን ዘለዎም ጥንካረን ድኽመትን ብምፍላይ ግቡእኻ ምፍፃም። ኣብዚ እዋን ብመንግስቲ ይኹን ዘይመንግስታዊ ኣካላት ፍሉይ ጠመተ ተዋሂቡዎ ይርከብ። ኮይኑ ግና በቲ ዝነበረ ማሕበራውን ባህላውን ልምድታት መሰረት ከምቲ ዝድለ ለውጢ ክመፅእ ኣይከኣለን። ነዚ ኣብ ምልዋጥ ድማ ካብ መናእሰይ ብሙያ፣ ብኣተሓሳስባ፣ ኣብ ዝተዋፈረሉ ዓውደ ስራሕን ኣብ ስድራን ዘይሕለል ፃዕሪ ክገብሩ ይግባእ።
- መናእሰይ ኣብ ምጉልባት ስርዓተ ፆታ ዝሳለጡ ናይ ማዕርነት፣ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ጉዳያት ብምውዳድ ቕልጡፍ ማሕበራውን ባህላውን ለውጥን ምዕባለን ንኽመፅእ ምፅዓር። ኣብዚ ዝሳለጡ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ስራሕቲ ስርዓተ ፆታ ካብ ትልሚ ጀሚሩ ክሳብ ኣፈፃፅማ ስርዓቱ ሓልዩ ኣብ ምትግባር ተሳትፎኦም ከጠናኽሩ ምግባር።
- መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ነቶም ኣብ ሕሉፍ ዝነበሩ ፆታዊ ምግላል መድልዎን ኣብ ምውጋድ መርኣያን ሞዴልን ናይቲ ቃልሲ ክኾና ከምዘለዎን ምርዳእ የድሊ። ነዚ ተዋሂብወን ዘሎ ድርብ ሓላፍነት ማለት ፆታውን ዜጋውን ብተግባር ምውፃእን ብሕጋዊ መንገዲ ዝተፈጠረለን ባይታ ብኣግባቡ ክጥቀማሉ ይግባእ። ኣብዚ ብፍላይ ክሰርሕኦም ዝግብኡ ጉዳያት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤
  - ኣተሓሳስባ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምቕያር ዝተፈላለዩ ኣግባባት ማለት ብማእኸናት መራኸብቲ ሓፋሽ፣ ድራማ፣ ስነ ፅሑፍ ወዘተ ሜላታት ብምጥቃም ነቶም ልማዳዊ ተግባራት ንምቕያር ፃዕሪ ምግባር፣
  - ኣብ ዝተዋፈራሉ ዓውደ ስራሕ ጉዳያት ስርዓተ ፆታ ጠመተ ብምግባር ስራሕቶም ዝፍፅሙ ምኻኖም ምክትታልን ምግምጋምን፣

- ብሙያን ብፆታን ኣመልኪቶም ዝጣየሹ ውዳበታት ምስታፍን በቲ ውዳበ ኣቢልካ ዕላማታት ስርዓተ ፆታ ኣብ ዕልባት ምብፃሕ፣
- ንስርዓተ ፆታ ምትግባር ዕንቅፋት ወይ ማሕለኻ ዝኾኑ ሕግታትን ኣሰራርሓን እንተሃልዮም ንኽውገዱ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብሓባር ምስራሕ፣
- መናእሰይ ደቂ ኣንስተዮ ንስድራ ኣብ ምቕይራን ናይ ባዕለን ናብራ እንትምስርታ ድማ ኣብ ስርዓተ ፆታ ማለት ማዕርነት ኣብ ምርግጋፅ ኣብቲ ዝነብራሉ ሕብረተሰብ መርኣያ ዝኾነ ምንቅስቓስ ምግባር ዝብሉ እዮም።።



## ዕዮ ጉጅለ 4.4

- ደቂ ኣንስተዮ ኣብ ስልጣን ክንድዝድለይ ብበዝሒ ዘየለዋሉ ምኽንያት ንምንታይ'ዩ?
- ኣብ ከባቢኹም ንተሳተፍ ደቂ ኣንስተዮ ዕንቅፋት ዝኾኑ እንታይዮም?
- ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ተሳትፎ ደቂ ኣንስተዮ ምስ ውፅኢት እንትዛመድ እንታይ ይመስል?
- ኣብ ከባቢኹም ብብሉፅ ስራሕተን መርኣያ ዝኾና ደቂ ኣንስተዮ ኣብነት ብምግባር ምይይጥ ኣካይዱ።።
- ስርዓተ ፆታ ኣብ ኩሉ ስራሕቲ መንግስትን ህዝብን ንኸይተኣታተው ማሕለኻ ዝኾኑ ከመይ ዝበሉ ፀገማት'ዮም?
- ሰብኣዊ መሰላት ምስ ሕገ መንግስቲ ኣዛሚድካ ግለፁ።።
- ስርዓተ ፆታን ፆታን ብዝርዝር ኣብራህርሁ።።
- ብመሰረት ሕገ መንግስቲ መሰል ደቂ ኣንስተዮ ዘርዝሩ።።
- ማዕርነታዊ መሰል ደቂ ኣንስተዮ ከመይ ትርድእዎ?
- ተፈጥሯዊ መሰል ደቂ ኣንስተዮ ከመይ ትገልፅዎ?
- ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስተዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይልን ምግዳድን ብዝምልከት ብኣብነት ኣረድኡ።።
- ፍሉይ ፆታዊ ድጋፍ ደቂ ኣንስተዮ ንምንታይ የድልይ?
- ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ ኣረድኡ።።

## 4.2.4 ምቁፅፃር መፀገምቲ ማሕበራዊ ኩነታት — ካብ ሁከትን ዕግርግርን ምርሓቕ



### ንጥፈት 4.5

ተምሃሮ ኣብ ትነብሩሉ ከባቢ መነወርቲ ባህርያት ዝተላበሱ ሰባት ኣለዉ ዶ? ንኣብነት ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛውቲ ብስርቅን ተመሳሰልቲ ልክስክስ ባህርያት ዝፍለጡ፣ ብዝፍፅምዎ ገበናት ፖሊስ እናኣለሸ ዝኣስሮምን ዝፍትሑን፣ ኣብ እንዳ መስተን ውራይ

እንዳዝግበረሎም ከባብታት ባእሲ ዝፈጥሩ፣ ሰላማዊ መነባብሮ ህዝቢ ዝዘርጉ፣ ምስ ጫትን ካልኦት ፅፃት ክሓይኩ ዝውዕሉ፣ ብመስተ ሰኺሮም ስፈር ዝርብሹ፣ ዒዋሉ እናተብሃሉ ብልምዲ ዝፍለጡ... ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ቅጥዕን ስርዓትን ዘይብሎም ዘረግቲ ሰላም ነበርትን ስድራን ኣለዉ ዶ? ወዲንነት ከ እንታይ ማለት'ዩ?

ተምሃሮ ካብ ሁከትን ዕግርግርን ንምርሓቕ ኣብዞም ዝስዕቡ ክልተ መሰረታዊ ጉዳያት ተመያየጡ፤

- *ወዲንነት፣ ዕውልና፣ ወልፊ እፃት፣ ምግዳፍ ባህላዊ ፀጋታት (እሴታት) ምስኣን፣ ምዝራፍን ምዕማፅ ኣንስትን (ደቂ ኣንስትዮ)*
- *ምክልኻል ወዲንነት፣ ዓርሰ ግንዛበ ብምዕባይ ዕፅንቶ መሓዛ ምቅላል፣ ግዞኻ ኣብ ማእኸል መናእሰይ ምሕላፍ፣ ምስ ስድራኻ ሓሳብን ተሞክሮን ምልውዋጥ፡፡*

## ሀ. ወዲንነት፣ ዕውልናን ሁከትን

ወዲንነት ማለት ህፃናት ካብ ስድራ፣ ማሕበረሰብ፣ ቤት ትምህርቲ፣ መንግስቲ ስርዓት ቁፅፅርን ክትትልን ወፃኢ ብምኳን ሂወቶም ቅጥዒ ብዘይብሉን ስርዓትን ሕግን ብዝጎደሎ ኣገባብ እንትመርሑ፤ ካብዚ ሓሊፎም ሰላማዊ መነባብሮ ካልኦት ሰባት ዝርብሹን ንባዕሎም'ውን በካናታት ዝኾኑ ደቂ ጎደና ማለት'ዩ፡፡ ህፃናት ናብ ከምዚ ዓይነት ስርዓት ዝሰዓነን ቅጥዒ ዘይብሉን ብኹን ናብራ ሂወት ዝበፅሑሉ መንገዲ (ኩነታት) ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝግለፁ ኾይኖም ብፍላይ ድማ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

- *ካብ ወለዲ ይግበረሎም ዝነበረ ክትትልን ምኽርን ብምንኣሱ ብግዝያዊ ስምዒት ተዓሺዮም ናብዚ ሂወት ክኣትዉ ይኽእሉ፣*
- *ካብ ወለዲ ዝግበር መቕፃዕትን ተደጋጋሚ ሃናፃይ ዘይኮነ ፀርፍን ምንእኣስን ንስድርኦም ፀሊኦም ሰላም ዝረኽቡ መሲልዎም ካብ ስድርኦም ሃዲሞም ናብ ጎደናን ወዲንነትን ይኣትዉ፣*
- *ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝግበረሎም ቁፅፅር ትሑት እንትኸውንን ኣበይ ከምዝውዕሉ ወለዲ ዘይፈልጡን ኣብ ቤት ትምህርቲ ይውዕሉ ኢሎም ስለዝሓስቡን ኣብዚ መዳይ ክፍተት ስለዝፍጠር፤*
- *ብመሓዙት ተደፋፊእኻ ናብ ዕውልና ምእታው፡፡ ብፍላይ ናብ ፅርግያ ወፂኦም ብዝረኸብዎ ሳንቲም ተዓሺዮም ነዚ ተግባር ዕቡቕ ገሮም ብምውሳድ፣*

በዚ መንገዲ ናብ ወዲንነት ዝኣትዉ ህፃናት ሂወቶም ንምምራሕ ስለዘይኽእሉ ናብ ስርቂ፣ ምትላልን ካልኦት ገበናትን ዝተቓልዑ ስለዝኸውን ብኣብዝሓ ንማእሰርቲ ይቃልዑን ይሳጥሑን፡፡ ስለዚ ህፃናት፣ ሰገናትን መናእሰይን ካብ ከምዚ ዝመሰለ መሰክሕ ወዲንነት ንምንጋፍ ዝዓለመ ቅድመ ምድላዋት ክግበር ኣለዎ፡፡ ነዚ ንምትግባር ድማ ማሕበራውን ስነልቦናውን ኣገባብ ጠመተ ክወሃበሉ ይግባእ፡፡ ስለዚ ወዲንነት ንሕብረተሰብ ዝጎድእን ንመናእሰይ ድማ ናብ ሕማቕ ዝኾነ ጎዳኢ ተግባራት ዘዋፍርን (ዝመርሕን) መነወራይ ተግባር ስለዝኾነ ብወገን መንግስቲ፣ ሕብረተሰብን ስድራን ከምኡ'ውን ዘይመንግስታውን ሃይማኖታውን ትካላት ጉቡእ ቆላሕታ ክህብዎ ዝግባእ እዩ፡፡ እሞ ተምሃሮ ወድኒነት ንምክልኻል እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ክውሰዱ ይኽእሉ ኢልኩም ትሓስቡ? ወዲንነት ከመይ ይውገድ? ኣብ ክፍሊ ተመያየጡሉ፡፡

## ለ. ብዝተፈላለዩ ኣካላት ወዲንነት ንምክልኻል ክውሰዱ ዝግበኦም ስጉምትታት

1 ብመዳይ ኣስተምህሮ /ምልዕዓልን ነስጓስን፣ኣብ ምፍራይ ይኹን ምጥቃም መዐወኒ እፃት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝሳተፉ ወገናት ውፅኢት መዐወኒ እፃት ኣብ ኣጠቓላሊ ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት ብግቡእ ተገንዚቦም ካብቲ ተግባር ዝርሕቑሉ ንተከታተልቲ ኣስተምህሮታት ዝርከበሉ ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ፤

- ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ምትእትታው፣
- ኣብ ፕሮግራማት ሬድዮ፣ ጋዜጣ፣ ቴሌቪዥን ምቅላሕ፣
- ኣብ ህዝባውን ሃይማኖታውን ክብረ በዓላት ምልዕዓል ወዘተ መፍትሕታት'ዮም።

2 ዝተፈላለዩ ማእኸላት መዘናግዒ መናእሰይ ክስፋፍሑ ምግባር፣

3 ብወዲንነት ዝተፀመዱ ወገናት ህይወቶም ናብ ዝሓሸ ኩነታት ንምምላስ ናይ ኣመራርሓን ግልጋሎት ምኽርን ዘረከበሉ ማእከል ምጥያሽ፣

4 ኣብ ምፍራይን ምዝውዋርን መዐወኒ እፃት ዝሳተፉ ውልቀሰባት ወይ ድማ ጉጅለታት ጥቡቅ ክትትል እንናተገበሎም ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰደሎም ምግባር፡፡

## ሐ. ወዲንነት ንምክልኻል ብደረጃ ስድራ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት፤

- *ወለዲ ንደቆም ትምህርቶም ብግቡእ ክከታተሉ ቤተሰባዊ ፍቕርን ክንክንን ከይተፈለዮም ንኸዓብዩ ኣድላይ ኩሉ ምፍፃም - ብፍላይ ንህፃናት ፍቕሪ ምሃብ።*
- *ኣሓቱን ኣሕዋቱን ንዕኡ ሲዒቦም ናብ ጎደና ከይወፁ ፍልፍል እቶት ስድራ ምጥንካር - ድኽነትን ትሑት ኢኮኖሚያዊ መነባብሮን ምውጋድ።*
- *በብደረጅኡ ዘለዉ ሓለፍነትን ወለድን ዓለምለኻውን ሃገራውን ሕግታትን ድንጋገታትን ብግቡእ ክፈልጡ ምግባር።*
- *ስድራ ከም ቁጣባዊ ዓቕሙ መጢኑን ኣረሓሒቁን ክወልድ ክተባባዕ ምግባር።*
- *ህፃናት እንትጋገዩ /እንተጥፍኡ/ ኣካላዊ መግረፍቲ፣ ምብራር፣ ምስንጓ ወዘተ ጌጋ ምኳኑ ፈሊጦም ክእረሙ ምምሃር።*
- *ብቑጠባዊ ፀገም ምኽንያት ኣብ ንግዲ /ሽጋራ፣ ጋዜጣ፣ ቆሎ ወዘተ/ ተዋፊሮም ዝሰርሑ ህፃናት ጎና ጎኒ ስርሖም ትምህርቶምውን ክከታተሉ ምሕጋዝ ግቡእ ክትትል ቁፅፅርን ምክያድ።*

## መ. ኣካላት መኽበርቲ ሕጊ ክወስድዎ ዝግብኦም ስጉምትታት

ከም መሓውር ስርዓት መንግስቲ ብደረጃ ኣካላት መኽበርቲ ሕጊ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት'ውን ኣለዉ። ካብዚኦም ንኣብነት ፀጥታ ንፖሊስን ካብ ሕብረተሰብ ክፋል ሓደ ኣካልን ብፀጥታን መዳይ ብዝምልከት ብመንግስቲ ዝተውሃበ ሓላፍነት ተግባርን ኣብ ህፃናት ኣተኣላልያ ዓብይ ተራ ኣለዎ። ፖሊስ ብዘለዎ ሙያዊ ግቡእ ጠንቂ

ማሕበራዊ መነባብሮ ክከላኸልን ክቆፃፀርን ይግባእ፡፡

- *ህፃናት ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣውን ፆታውን መግረፍትን መጥቃዕትን ከይበፅሖም ፖሊስ ክከላኸለሎም ይግባእ፣*
- *ህፃናት ናብ ጎደና ከይወፁ ኣብያተ ትምህርቲ ምስ ስድራ ብምምኽኻር ኩሉ ኣድላዪ ጥንቃቐ ክገብሩን ምኽሪ ብተኸታታሊ ምሃብን፡፡*

## ሰ. ኣድማስ ግንዛበ ሕብረተሰብ ንክሰፍሕ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት፤

ተምሃሮ ወዲንነት ንምክልኻል ኣድማስ ግንዛበ ሕብረተሰብ ክሰፍሕ ኣለዎ፡፡ እዚ ብኸመይ ኣገባብ ክኸውን ይኽእል? ዝብል ሕቶ ክትመያየጡሉ ይግባእ፡፡ ስለዚ ካብዚ ብተወሳኺ ኣድማስ ግንዛበ ሕብረተሰብ ክሰፍሕ ዝስዕቡ ስጉምትታት ክውሰዱ ይግባእ፡፡

- *ብዝተፈላለዩ ዓውደ መፅናዕቲ፣ ወርክሾፕ፣ ሰሚናራትን ማእኸናት መራኸቢ ሓፋሽን ኣቢሉ ንሕብረተሰብ ብዛዕባ ጥዑም ህይወት ህፃናት ብሓፈሻ ግንዛበ ክረኽቡ ኣስተምህሮ ምሃብ እቲ ቐንዲ ኣማራፂ ሜላ መከላኸሊ እዩ፡፡*
- *ምስ ወለዶም ብዝረብሕን ብዘይረብሕን ጥፍኣትን ጌጋን ፅልእን ዝወፁ ህፃናት ጎረቤት ዘመድ ናይ ከባቢ ሕብረተሰብ ክዓርቖምን ንክልቲኦም ብምምኽኻር ተሰማሚዖም ክነብሩን ምግባር፡፡*
- *ህፃናት ብፍላይ ብዘይምፍላጥ ንዝፍፅምዎ ወይድማ ዘጥፍእዎ ነገር ክነፅጎምን ክንርሕቖምን ከምኡ'ውን ሪኢና ከምዘይረኣና ክንሓልፎም የብልናን፡፡ የግዳስ ጌጋ ምኻኑ ብምርኣይ ክንእርሞምን ክነርድኦምን ይግባእ፡፡*

እሞ ተምሃሮ እዞም መዐወኒ ዝበሃሉ እፃት ፈሊኹም ፈሊጥኩምዎም ዶ? መዐወኒ እፃት ዝብሃሉ ሰባት ብዝተፈላለዩ መበገስታት ተፈጥሯኣዊ ከምኡ'ውን ሒዞምዎም ዝዓብዩ ስነ ኣእምሮኣዊ፣ ስሚዒትን ግንዛበን ብግዝያውነት ንምርዋይ ኣብ ጭቡጥ መንነት ዘይተደረኸ ስምዒታዊ ዓለም ንምፍጣር ዝጥቀምሉዎም ተፈጥሮኣውን ሰብ ሰራሕን ፍርያት እዮም፡፡ መዐወኒ እፃት ይኹን ኣልኮል ናይ ሓንቲ ሃገር መፃኢ ዕድልን ተስፋን ንዝኾነ መንእሰይ ወለዶ ዘጥቅዑ ወልፊ ብምኻኖም ናይዚኦም ፍርያትን ዝውውርን ብዝምልከት ጥቡቕ ቁፅፅር ምክያድ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ክኸውን ይግባእ፡፡ ጫት፣ ሓሺሽ፣ ኣልኮል መስተ፣ ስርቂ፣ ጉሕለት፣ ሕማቕ ስነምግባር ወዘተ ንመዐወኒ መንቀሊ ዝኾኑ እፃት እዮም፡፡ መንእሰይ ወለዶ ብምኽንያት ዕድመ ብዝፍጠሩ ኣካላዊ፣ ስነ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ለውጥታት ሓደሽቲ ነገራት ናይ ምፍላጥን ምፍታንን ተበግሶ ስለዝዓቢ በዚ ምኽንያት ንሓደገኛ ወልፍታት ናይ ምቅላዕ ሓድግኡ ሰፊሕ እዩ፡፡ ነዚ ኩነታት ዝለዓለ ኣሰተዋፅኦ ዝገብር ብፍላይ ብብዙሕ መዳይ ምስ መሓዛ ንምምስሳል ብዝግበር ምንቅስቃስ እዩ፡፡

ተምሃሮ እዞም መዐወኒ እፃት ኣብ ስነ ኣእምሮን ስነ ልቦናን ከምኡ'ውን ኣካላውን ማሕበራውን ፀገማት ይፈጥሩ ምዃኖም ተማሂርኩም ኢኹም፡፡ ካብዚ ሓሳብ ተበጊስኩም እዞም ኣእምሮ ዝትንክፉን ዝጎድኡን እፃት እንታይ ሓባራዊ ባህርያት ኣለውዎም ኢልኩም ትሓስቡ? ስለዚ ሓበራዊ ባህርያት እዞም ኣእምሮ ዝነኽኡን ዝጎድኡን እፃት ዝስዕቡ'ዮም፤

1 ኩሎም ሓንጎል ይትንከፉ፡፡

2 ግዝያዊ ዝኾነ ለውጥታት ስርዓተ ነርቭን ስነ ኣእምሮን የስዕቡ:: ኣብነት ናይ ንቕሓት፣ ግንዛበ፣ ናይ ኣካልን ኣእምሮን ለውጥታትን ምዝባዕን የሰዕቡ::
3 ፈለማ ናይ ደስ ዝብል ስምዒት ይፈጥሩ:: እዚውን ነቲ ደስ ዘይብል ስምዒት የወግዱ::
4 ተጠቃማይ መጠን ዝወስዶ እፅ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ንክውስኽ የገድድዎ::
5 በብመዓልቱ ናይ ምውሳድ ልማድ የስዕቡ:: ብዝተወሰነ መጠን ዝርከብ ርውየት ስሚዒት ንምምፃእ በብግዚኡ ናይ ዝውሰድ መጠን እፅ /ኣልኮል/ ምውሳኽ ማለት እዩ::
6 ነንዊሕ እዋን ክትጥቀም ድሕሪ ምፅናሕ ኣብ ሓደ እዋን ምውሳድ ጠጠው እንተይሉ ዝተፈላለየ ሕማቅ ነገራት የሕስብ:: ኣብነት ኣብ ክፉት ሰብነት ዘይምርግጋእ ስምዒት፣ ምድንጋፅ፣ ምንቅጥቃጥ ኢድ እዮም::
7 በብመዓልቲ ንነዊሕ እዋን ምውሳድ ናይ ኣእምሮን ኣካላን ሕማም የስዕቡ::

ተምሃሮ ሰባት መዐወኒ እፃት ሰለምንታይ ይጥቀሙ ኢልኩም ሓቲትኩም ዶ ትፈልጡ? እምበኣርከስ እዞም ዝስዕቡ ዝተወሰኑ ምኽንያታት ምጥቃስ ይከኣል'ዩ::

- ውረድ ደይብ ህይወት ምቁቛም ዘይምኽኣል፣
- ስምዒት ዘይምርግጋእ፣
- ምስፍሕፋሕ ፀረ ማሕበረሰባዊ ፀባይ /ግጉያት ህፃናት፣
- ምንቁልቋል ስምዒትን ተስፋ ምቑራፅን፣
- ካብ ካልእ ብምልማድ /ብምምሃር፣
- ዓልየታዊ መበገስታት (ጀነቲካዊ) እንትህልውዎ::

ተምሃሮ እዞም ወዲናት ዝበሃሉ ዝተፈላለዩ ወልፍታትን መነወሪ ስነ ምግባራትን ኣለዎም ካብ በልና ንምኺኑ ወልፊ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ ዝብል ምርኣይ ኣገዳስነት ኣለዎ::

## ረ. ሳዕቤናት ወልፊ እፅ ንምርዳእ ዝስዕቡ ርአዩ፤

1 ፀገም ጥዕና የስዕብ፤

- ዝተፈላላየ ሓደጋን ጉድኣትን
- ዝተፈላላዩ ኣካላዊ ሕማማት ኣብነት ሕማም ፀላም ከብዲ ፣ካንሰር
- ኣብ ጥንሲ ዘብፅሖ ጉድኣት

2 ኣብ ልዕሊ ኣእምሮ ዓብዪ ፀገም የስዕብ፤

- የዕበድብድ፣ የሕውኽ፣ የገራጭው፣ ቅሳነት የስእን፣ ዘይናትካ ክትምነይ ይገብር ወዘተ::
- ምጥቃም ክቋረፅ እንተሎ ዝመፅእ ቀሊልን ከቢድን ሽግር

3 ኢኮኖሚያዊ ፀገም ይፈጥር::

- ዝሰርሕ ሓይሊ ሰብ ምስኣን
- ንግልጋሎት ጥዕናን ማሕበራዊ ፀገማትን ዝወፅእ ገንዘብ ይንህር

- ብምኽንያት ገበንን ረብሻን ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝበፅሕ ጉድኣት ይውስኽ
- ብምኽንያት ዝውውር እፃት ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሕጊ ምእታው
- ብሓደጋን ካልኦት ፀገማትን ካብ ስራሕ ብምትራፍ ዘስዕቦ ኪሳራ ይውስኽ
- ጉጀለ ገበናኛታት ብዘካይድዎ ዘይህጋዊ ዝውውር እፅን ብዝረከብዎ ትርፍን ኣብ ሃገራዊ ኢኮኖሚ ዝበፅሕ ጉድኣት ይበዝሕ

4 ማሕበራዊ ፀገማት

- ሓዳር ምብታን ቤተሰብ ጎደና ተማሓዳደርነት የጋፍሕ
- ስራሕ ስእነት የስዕብ
- ረብሻን ዕግርግርን የንግስ
- ገበን ምትላል፣ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ሓደጋታትን የስዕብ

ሰለዝኾነ መናእሰይ ነዞም ስዕቡ መሰረታዊ ነጥብታት ኣቃልቦ ሂቦም ካብ ወልፍን መዐወኒ እፃትን ዓርሶም ክከላኸሉ ይግባእ፡፡

1 መዐወኒ እፃት፣ ኣልኮልን ሽጋራን ኣብ ልዕሊ ኣተሓሳስባን ስምዒትን ዘስዕብዎ ምዝባዕ፣ሚዛን ኣእምሮ ጉድኣት ኣካልን ብምቅላዕ ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ሓዊሱ ንዝተፈላለዩ ከበድቲ ጥዕናዊ ፀገማት ኢሉውን ንሞት የሳጥሕ፡፡

2 ወልፊ መዐወኒ እፃትን ኣልኮልን ንምርዋይ ዘድሊ ገንዘብ ንምምላእ ኣብ ገበን ስርቂ ብምስታፍ ጉድኣት ህይወት ሰብን ንብረትን ይመፅእ

3 ወልፊ መዐወኒ እፃትን ኣልኮልን ንምምላእ ዝጠፍኣ ግዘ ኣብ ትምህርቲን ቁጣባዊ ልምዓትን ክውዕል ዝግባእ ክቡር ግዘ ክባከን ከምዝገብር ብምፍላጥ መናእሰይ ካብ መዐወኒ እፃትን ኣልኮልን ካብ ምጥቃምን ምውላፍን ዓርሶም ክከላከሉ ይግባእ፡፡



## ንጥፈት 4.6

1 እንታይነት ወዲንነት፣ ዕውልና፣ ወልፊ፣ እፃት፣ ባህላዊ ፀጋታት ምስኣን፣ ምዕማፅን ምዝራፍን ደቂ ኣንስትዮ ... ተመያየጡሉ፡፡ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

2 ኣብ ምክልኻል ወዲንነት፣ ዓርሰ ግንዛበ ብምዕባይ ፅዕንቶ መሓዛ ምቅላል፣ ግዘኻ ኣብ ማእኸል መናእሰይ ምሕላፍ፣ ምስ ስድራኻ ሓሳብን ተሞክሮን ምልውዋጥ ወዘተ ተመያየጡሉ፡፡ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

3 ኣብ ከባቢኹም ዝርኣይ ባህርያት ወዲንነት ዘርዝር፡፡

4 ወዲንነትን ሁከትን ንምክልኻል ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ኣረድእ።
... ብደረጃ ስድራ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ተመያየጡሉ፡፡
ብዝርዝር ኣረድኡ።

5 ግንዛበ ማሕበረሰብ ንክሰፍሕ እንታይ ይገበር ትብል?

6 ሳዕቤናትን ፅልዋታትን ውልፊ እፃት ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ 4.5

- ኣብ ጎደና ተመሓደርትን ጎደና ሓደርትን እንታይ ኣፈላላይ ኣሎ? ብኣብነት ግለፁ።
- ኣብ ከባቢና ንህፃናት ፀገም ዝፈጥሩን ወልፊ ዘትሕዙን እፃት ኣለዉ ዶ? ብኸመይ ኣገባብ ንምቁፅፃር ይከኣል?
- ጥፍኣት ንዝፍፅሙ ህፃናት ዝውሰድ ስጉምቲ ከመይ ዝመሰለ ክኸውን ኣለዎ? ኣብ ቤት ህንፀት ምስ ዓበይቲ ብሓባር ክእሰሩ ምግባር ዘለዎ ኣሉታ ብኣብነት ኣደጊፍኩም ተመያየጡ።
- መዐወኒ እፃት ኣብ ምቁፅፃር ዘሎ ንፋፈት እንታይ ይመስል? እንታይ ክግበር ኣለዎ?
- ወዲንነት ንምክልኻል ብህዝብን መንግስትን ክግበር ዝግበኦ ፃዕሪ ኣረድእ።

## መልመዲ 4.3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግልፂ፣ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾኑን ዘየማትኡን መልስታት ሃብ።*

1 ሰብኣዊ መሰላት እንታይ ማለት'ዩ?

2 ሰለስተ መግለፅታት ባህርያት ሰብኣዊ መሰላት ግለፁ።

3 ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ እንታይ'ዮም? ብዝርዝር ግለፁ።

4 ፆታን ስርዓተ ፆታን እንታይ ማለት ከምዝኾኑ ኣረድኡ፣ ግለፁ።

5 ዓንቀፅ 25 ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ እንታይ ይብል?

6 ዓንቀፅ 35 ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ብዛዕባ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ እንታይ ይብል

7 ወዲንነት ንምክልኻል ብተፈላለዩ ኣካላት ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት እንታይ'ዮም?

8 ወዲንነት ንምክልኻል ብደረጃ ስድራ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ግለፁ።

9 ኣእምሮ ዝነኽሱን ዝጎድኡን እፃት ዘለዎም ሓባራዊ ባህርያት ግለፁ።

10 ብዋናነት ኣርባዕተ ሳዕቤናት ወልፊ (ሱስ) እፅ ብዝምልከት ብዝርዝር ግለፁ።

# 4.3 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ሉላውነትን (ግሎባላይዜሽን)

## 4.3.1 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም (ው.ሕ.መ.ዓ)

ተምሃሮ ብዛዕባ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝነበረ ዓለምለኸ ኩነታት እንታይ ይመስል ነይሩ? ሓይልታት ኣክሲስ ኣብ ኲናት ካልኣይ ዓለም ተሳዒረን። ጀርመን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ሓይልታት ሶቭየት ሕብረትን ኣሜሪካን ወዲቓ። ሃገራት ሓይልታት ምሕዝነት ኲናት ዓለም ዝበሃል ዳግማይ ንኸይለዓል ሰላምን ድሕንነትን ከምኡ'ውን ምትሕብባርን ኣጋርነትን ማእኸል ዝገበሩ ውዕላት ይፈራረሙ ነይሮም። ድሕሪ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ሊግ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዘበሃል ተጣይሹ ነይሩ። ይኹን ደኣ'ምበር ለማስ ስለዝነበረ ኲናት ዓለም እንትውላዕ ምስ ሓይልታት ኣክሲስ ንምዝርራብ ዘኽእል ዓቕሚን ድልውነትን ኣይነበሮን። ስለዚ ካልኣይ ኲናት ዓለም እንትዛዘም ሓይልታት ምሕዝነት ካብ ድኽመት ሊግ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትምህርቲ ወሲዶም እዮ። ኩለን ኣባላት ሓይልታት ምሕዝነት ናብዚ ጉባኤ ምስረታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ክሳተፋ ተዓዲመን ነይረን።

ስለዚ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም (ው.ሕ.መ.ዓ) ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተጣየሸ ዓለምለኸ ትካል እዩ። ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ንክጣየሸ መረሕቲ ሃገራት ሓይልታት ምሕዝነት ዝኾኑ ኣሜሪካ፣ እንግሊዝን ፈረንሳይን ኣብ ጉባኤ ቴህራን ብ1943 ዓ.ም.ፈ እዮም ወሲኖም። መመስረቲ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ካብ ወርሒ ሚያዝያ ክሳብ ሰነ 1945 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ (ኣሜሪካ) እዩ ተኻይዱ። ሃፍትታትን ምሉእ ንብረትን ሊግ ሕብረት መንግስታት ዓለም ዝነበረ ድማ ናብዚ ውድብ ሕቡራት መንግስትት ዓለም ክዘውር (ክመሓላለፍ) ተገይሩ። ኣብዚ እዋን ምስረታ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝፈረማ ሃገራት በዝሒ ሓምሳን ሓደ እዮም ነይሮም። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣባላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም 192 ሃገራት እየን። መቐመጢ ማእኸል ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብ ሃገረ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እትርከብ ከተማ ኒውዮርክ እያ።

ኣብ ዕላማ ምጥያሽ ውድብ መንግስታት ዓለም እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

- *ዓለምለኸ ሰላምን ድሕንነትን ምርግጋፅ*
- *ስግኣታት ሰላምን ንምውጋድን ወተሃደራዊ ወራራት ንምእላይን ምትሕብባር*

- *ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሕውነታዊ ዝምድና ምምስራት*
- *ብዘይዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ዘርኢ፣ ፆታ፣ ቋንቋን ሃይማኖትን ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር*
- *ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ሰብኣውን ፀገማት ንምእላይን ንምቅላልን ዓለምለኸ ሕብረትን ምትሕብባርን ምስጓም*

ኣብዚ ሕዚ እዋን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዓበይቲ ዕማማት ኣለውዎ። ካብዚኦም ውሽጢ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘለዉ ኩናትን ውግኣትን፣ ኣብ ውሽጢ ሃገራት ዘለዉ ኩናት ሕድሕድ፣ ዓለምለኸ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት፣ ድኽነት ንምንካይ ዝግበሩ ፃዕርታት ልምዓትን ዕብየትን ሃገራትን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ምትሕግጋዝ ሃገራት፣ ብመዳይ ሳይንስን ቴክኖሎጂ ከምኡ'ውን ትምህርትን ባህልን ጥዕናን ወዘተ ዝምልከቱ ጉዳያት ብውነ ይርእዩ። ይውስኑ።

ስለዚ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ መራሕቲ ሃገራት ብደረጃ ዓለም ኣብ ኩለን ሃገራት ድኽነት ንምንካይ ዝዓለመ መደብ ኣብ ምትግባር ይርከቡ'ለዉ። ድኽነት ካብ ዓለም ንምውጋድ ዝዓለመን ብመረሕቲ ኣባል ሃገራት ዝተወሰነን መደብ "ሽቶ ልምዓት ሚሊንየም" ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ ሽቶ ልምዓት ሚሊኒንየም ዝበሃል "ሸሞንተ ዕላማታት" ዘለውዎ ኾይኖም ዝርዝር ኣፈፃፅማ እንትርኣይ ግና ብዙሕ ዓበይቲ መደባት ዝሓዙን ክሳብ 2015 ዓ.ም.ፈ ክትግበሩ ብዝብል ዝተሓንፀፁ እዮም።

ዕላማታት "ሽቶ ልምዓት ሚሊኒየም" ውድሕ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝስዕቡ'ዮም፤

- *ኣብ ሕድ ሕድ ሃገር ዘሎ ድኽነት ብፍርቂ ምንካይ፣*
- *ሞት ህፃናት ካብቲ ዘሎ ብኽልተ ኢ.ድ ምንካይ፣*
- *ሞት ኣዴታት ብሰለስተ ኢ.ድ ምንካይ፣*
- *ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ምብፃሕ፣*
- *ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሎም መደባት ልምዓት ምርግጋፅ፣*
- *ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ሕማም ዓሶን ካልኦት ተላበድቲ ሕማማትን ምውጋድ፣*
- *ኣብ ከባቢ ሓለዋ ብዘላቕነት ክንክን ምግባር፣*
- *ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ልምዓት ንምጥንኻር ስጡም ምሕዝነት ምፍጣር።*

ሽቶ ልምዓት ሚሊንየም ብሓፈሽኡ ሸሞንተ ዕላማታት ሒዙ ኣብ ትሕቲኦም ድማ ዓሰርተ ሸሞንተ ሽቶታት ዘለዉዎ ኾይኑ ካብዚ ብተወሳኺ ኣርብዓን ሸሞንተ መዐቀንታት ልምዓት ይርከብዎ።

# መሓውርን ቀንዲ ትካላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም



ስእሊ 4.3: ኣርማ ሕቡራት መንግስታት ዓለም

**ሰንደቕ ዓላማ፣ ኣርማን ቤት ፅሕፈትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም፤** መሓውርን ቀንዲ ትካላትን ውድብ ሕቡራት መንግስቲ ዓለም ብዝምልከት ሓሙሽተ ወሰንቲ ዝኾኑ መሰረታዊ ውዳበታት መሓውርን ትካላትን ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣለዉ:: እዚኦም ድማ ዝስዕቡ'ዮም፤ ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ቤት ምኽሪ ፀጥታ፣ ቤት ፅሕፈት፣ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ ከምኡ'ውን ቤት ምኽሪ ኢኮኖሚን ማሕበራውን ጉዳያት ዝበሃሉ'ዮም::



ስእሊ 4.4: ሰንደቕ ዓላማ ው.ሕ.መ.ዓለም

ሓፈሻዊ ጉባኤ፤ እዚ ኩለን ኣባል ሃገራት ተራኺበን ውሳነ ዝህበሉ ላዕላይ ኣመራርሓ እዩ:: ነዚ ንምክያድ ስሩዕ እዋን ዝንፀረሉን ነዚ ዝመርሕ ካብቶም ኣባላት ዝምረፅ ፕረዚዳንት ብምክያድ ይኸውን:: ኣብዚ እዋን ኩለን ኣባላት ሐፂር ፀብፃብ ንኽቕርባ ይግበር እዩ:: ኣብዚ ጉባኤ ኩለን ሃገራት ማዕረ ድምፂ ኣለወን:: ኣብዚ ዝውሰን ውሳነ ናይቲ ውድብ ዝለዓለ ውሳነ ኾይኑ በቶም ዝምልከቶም ክፍልታት ይትግበር::

**ሓፈሻዊ ጉባኤ፤** እዚ ኩለን ኣባል ሃገራት ተ ራኺበን ዓበይቲ ውሳነታት ዝህባሉ/ ዘሕልፉሉ ላዕላይ ኣመራርሓ እዩ:: ነዚ ንምክያድ ስሩዕ እዋን ዝንፀረሉን ነዚ ዝመርሕ ካብቶም ኣባላት ዝምረፅ ፕረዚዳንት ብምክያድ ይኸውን:: ኣብዚ እዋን ኩለን ኣባላት ሐፂር ፀብፃብ ንኽቕርባ ይግበር እዩ:: ኣብዚ ጉባኤ ኩለን ሃገራት ማዕረ ድምፂ ኣለወን:: ኣብዚ ዝውሰን ውሳነ ናይቲ ውድብ ሓፈሻዊ ጉባኤ፤ እዚ ኩለን ኣባል ሃገራት ተራኺበን ውሳነ ዝህበሉ ላዕላይ ኣመራርሓ እዩ:: ነዚ ንምክያድ ስሩዕ እዋን ዝንፀረሉን ነዚ ዝመርሕ ካብቶም ኣባላት ዝምረፅ ፕረዚዳንት ብምክያድ ይኸውን:: ኣብዚ እዋን ኩለን ኣባላት ሐፂር ፀብፃብ ንኽቕርባ ይግበር እዩ:: ኣብዚ ጉባኤ ኩለን ሃገራት ማዕረ ድምፂ ኣለወን:: ኣብዚ ዝውሰን ውሳነ ናይቲ ውድብ።



ስእሊ 4.5: ቤት ፅሕፈት ው.ሕ.መ.ዓለም

**ቤት ምኽሪ ፀጥታ፤** እዚ ደሕንነት፣ ሰላምን ፀጥታን ሃገራዊ ኣብ ምክትታልን ውሳነ ምሃብን ነጢፉ ዝሰርሕ እዩ:: ኣብዚ ካውንስል 15 ኣባላት ዘለውዎ እንትኾን ካብዚኦም እቶም 5 ብቀዋምነት ዝተረፉ 10 ድማ በብግዚኡ ዝለዋወጡ ኣባላት እዮም:: እቶም 5 ብቀዋምነት ዝተወከሉ ቻይና፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያ፣ እንግሊዝን ኣሜሪካን እዮም:: እዘን ሓሙሽተ ሃገራት ድምፂ ብድምፂ ናይ ምስዓር መሰል /Veto power/ ዘለወን እየን:: ነዚ ሓላፍነት ዝተውሃበሉ ምኽንያት ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ብዝነበሮም ተሳትፎን ሰዓርትን ኾይኖም ስለዝወፁ ዝረኸብዎ እንትኾን

ቻይናን ድማ በቲ እዋን ስርዓት ሶሻሊዝም ብምኽታላን ምስ ራሽያ ተመሳሳልነት ስለዝነበራ ራሽያ ፀቕጢ ብምግባራ ዝኣተወት ከምዝኾ ይሕበር፡፡ በዚ ኣገባብ ዝተረኸበ ስልጣን መሰረት ብምግባር ኣብዚ ዉዱብ ዘለዎም ዘይተገደበ ስልጣን ዛጊድ ተጠቀምቲ ኮይኖም ይርከቡ፡፡ ነዚ ካውንስል ዝመርሕ በብወርሑ ናብ ኩሎም ኣባላት እናተዘዋወረ ዝባፃሕ'ዩ። ስልጣን ቤት ምኽሪ ፀጥታ ዘይፍትሓውን ምስቲ መሰልን መትከልን ሕቡራት መንግስቲ ዝፃበኣሉ ኩነታት ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ሓሙሽተ ሃገራት ዘሎ ድምፂ ብድምፂ ናይ ምስዓር ዝተውሃበ መሰል'ዩ።

ብፍላይ ኣብ ሕሉፍ ጉዕዞ ናይቲ ውድብ ከም ድኽመት ዝውሰድ ኣብ ኣሜሪካ ዘሎ ገባርን ሓዳግነትን ኩነታት ዓይኒ ብዘፍጠጠሉ መንገዲ ብተደጋጋሚ ምርኣይ'ዩ። እዚ ብምኳኑ ድማ መብዛሕትኦም ውሳነታት ድልየት ኣሜሪካ ዘማልኡ ክኾኑ ምግዳድን ከምኡ'ውን መትከላት ውድብ ሕቡራት መንግስቲ ምጥሓስን ይረኣዩ'ዮም፡፡ ኣብዚ ከም ኣብነት ዝውሰድ ኣሜሪካ ኣብ ኢራቅ ዝወሰደቶ ስጉምትን ዘካየደቶ ኩናትን ምርኣይ ይከኣል፡፡

**ቤት ፅሕፈት፤** ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስቲ በብሓሙሽተ ዓመት ዝምረፅ ብዋና ፀሓፊ ዝምራሕ ኾይኑ በዝሒ ዘለዎም ሰብዮ ብምቑፃር ስራሕቱ ዘሳልጥ እዩ፡፡ እዚ ቤት ፅሕፈት ቀንዲ ስራሕቱ ንፀጥታ ካውንስልን ካልኦትን ትካላት ብሙያ ዝሕግዝ፣ ምምሕዳራዊ ስራሕቲ ዝፍፀም ኾይኑ እቶም ናብዚ ዝኣትዉ ሰብሙያ ብበዝሒ ልምድን ክእለትን ዘለዎም ሕጋዊ ብዝኾነ ካውንስል ተሓርዩ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ብድምፂ ዝፀድቑ ይኸውን፡፡

| ሪ/ቑ | ሹም | ሃገሮም | ዝፀንሑሉ እዋን |
|---|---|---|---|
| 1 | ትሪግቪ ላይ ዳግ | ኖርዌይ | 1946-1952 |
| 2 | ዳግ ሃመርሾልድ | ስዊዲን | 1953-1961 |
| 3 | ኡ ታንት | በርማ | 1961-1972 |
| 4 | ኩርት ቫልድሃይም | ኦውስትርያ | 1972-1982 |
| 5 | ሃቬር ፔሬዝ ዴ ኩሌር | ፔሩ | 1982-1992 |
| 6 | ቡትሮስ ቡትሮስ ጋሊ | ግብፅ | 1992-1997 |
| 7 | ኮፊ ኣናን | ጋና | 1997-2007 |
| 8 | ባን ኪ ሙን | ደቡብ ኮርያ | 2007 |

ሰደቓ 4.3: ካብ ምስረታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ጀሚሩ ዝነበሩ ዋና ፀሓፍቲ

ብኻሊእ ገፅ ዋና ፀሓፊ ናይቲ ውድብ ወኪል ብምኳን ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ትካላትን ብምውፋር ናይ ሰላምን ምርግጋፅን ስራሕቲ የሳልጥ። በቲ ውድብ ዝምርሑ ብኻልኦት ዝሳለጡ ዓለምለኻዊ ዋዕላታት እናተረኸበ ሓላፍነቱ ይዋፃእ፡፡ ውሳነታት ሓፈሻዊ ጉባኤን ፀጥታ ካውንስልን እናተፈፀሙ ምህላዎም ይከታተል፡፡ ነዚ ኣመልኪቱ ዝነበረ ጥንካረን ድኽመትን ፀብፃብ ምስ መፍትሒ ሓሳብ የቕርብ፡፡ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስቲ ልዕሊ ኹሉ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ብፍላይ ሰላምን ፀጥታን ኣብ ምርግጋፅ ከምዝነጥፍን እዚ ስራሕ ድማ ፀማዳይ ከምዝኾነ ይረኣይ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዋና ፀሓፊ ው.ሕ.መ.ዓ ዘለዉ "ባን ኪ ሙን" ዝበሃሉ እዮም፡፡



**ዓለምለኽ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፤** መቐመጢኡ ኣብ ዘርላንድ ሄግ ዝገበረ እዚ ትካል ብብዝሓ ጥ?ሰት ሰብአዊ መሰል ዘቖጋታት ዝከታተል ይኑ ብፍላይ ኣብ ምጥስ ግዴታት ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ናብ ቤት ፍርዲ ብምቕራብ ክሲ ብምፍፃም ናብ ፍርዲ የብፅሕ። ከምዝፍለጥ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ነቲ ኲናት ስዒቦም ይፍፀሙ ዝነበሩ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን ምብራስ ዓልየት ኣብ ምፅራይን ናብ ፍርዲ እናቕረበ ውሳነ ዝሃቦም ጉዳያት ኣለዉ። ሕዚ'ውን ኣብ ዓለምና ብሕድ ሕድ ይኹን ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዝረኣይ ኲናት ኣብ ሲቪል ዜጋታት ዝበፅሐ ምብራስ ኣመልኪቱ ብዝቐረበ መረዳእታ ይኹን ብዝግበር መፅናዕቲ ተመስሪቱ ክሲ ብምምስራትን ነቲ ጥፍኣት ዝምጥን ፍርዲ ይህብ። እዚ ብምግባሩ ድማ ኣብዚ እዋን ዘሎ ምኽባር ሰብኣዊ መሰል ብፍላይ ምስ ምብራስ ዓሌታት ተዛሚዱ ዝነበረ ፀገም ምምሕያሽ እናርኣየ'ዩ። ንኣብነት ኣብዚ ቐረባ እዋን ኣብ ሩዋንዳ፣ ሰርቭያ፣ ላይበርያ ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ብምክትታል ናብ ፍርዲ እናቕረበ ይርከብ።




**ማሕበራውን ኢኮኖሚያዊ ካውንስል፤** እዚ ውድብ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ምዕባለ ከምፅኡ ዝኽእሉ ሰራሕቲ ንምፍፃም ዝተጣየሸጸዩ። ነዚ ንምፍፃም ዝተፈላለየ ትካላት ዘጣይሽን ኣባላት ሃገራት ናይዚ ተጠቀምቲ ንምግባር ዝንቀሳቐስጸዩ። ብተመሳሳሊ ልምዓትን ምዕባለን ንኽምፅእ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ስጡም ምትእስሳር ዝፈጥር ትካልዩዩ። ኣብዚ ብዋንነት ከም ባንኪ ዓለምን-ትህጽ ውጸረለደ ብቋነከ? ዓለምለኽ ፈንድ ገንዘብ። እዘን ትካላት ኣብ ናይ ሃገራት ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ዝለዓለ ተራ ዘለወን እየን። በብዓመቱ ኣብ ሃገራት ዝተመዝገበ ዕብየት፣ ዝነበረ ፀገም ኣመልኪቱ መፅናዕቲ ዘካይድ ኾይኑ ካብዚ ተበጊሶም ብዝቐርቡ መመሓየሺ ሓሳባትን ስጉምቲ ንኽውሰድ ኣብ ምግባርን ዝለዓለ ብፅሒት ዘለወን ትካላት እየን። ክልቲኦም ትካላት ኣብ ዓለም ዝተረጋገፀ ኢኮኖሚ ንኽህሉ ዓሊሞም ዝሰርሑ እዮም። ብተመሳሳሊ ኣብ ሃገራት ዘጋጥም ኢኮኖሚያዊ ፀገም ኣብ ምፍታሕ ብፍላይ ማክሮ ኢኮኖሚን ፋይናንስን ብምርግጋፅ ዝሐሸ ስራሕ እናፈፀማ ይርከባ።

እዘን ትካላት ብዙሕ ካፒታል ዘመሓድራን ብላዕለዎት ሰብ ሙያ ዝምራሓን ዝለዓለ ዓቕሚ ዘለዎም ኪኢላታት ስራሕቱ ስለዘፈፅም በብዓመቱ በዞም ትካላት ዝግበር መፅናዕቲ ተቐባልነት ዘለዎን ንውሳነ ተመራፃይ ከምዝኾነ ይእመን። ብኻሊእ ገፅ ሃገራት ዝሓተኦ ልቓሕ በዚ ትካል እናተገምገመ ዝውሃብ ብምዃኑ ናይዚኦም ሓላፍነት ዝተደራረበ ይኸውን። ኣብዚ እዋን ድማ ባንኪ ዓለም ኣብ ሃገራት ዘሎ ምስፋን ሰናይ ምምሕዳር ብምክትታልን ብምድጋፍን ከምዝሳተፍን ነዚ ኣመልኪቱ ሰፋሕቲ ስልጠና ኣብ ምሃብ ይርከብ።

ክልቲኦም ትካላት ብኣውሮፓን ኣሜሪካን ጥራሕ ዝምርሑ እዮም። እዚ ድማ ክልቲኣን ኣህጉራት ነቲ ትካል ብዝግበር ወፈያ ዝለዓለ ክፍሊት ስለዝፍፅማ እዩ። እዚ ስለዝኾነ

ድማ ክልቲኦም ትካላት ድልየትን እምነትን ኣሜሪካን ኣውሮፓን ጥራሕ ዘማልእ'ዩ:: ንዚ ዝቐርብ ምኽንያት ልዕሊ ኹሉ ኣብዘን ኣህጉራት መበቆል ዝገበሩ ዓለምለኻዊ ዝኾኑ ውዳበታት (ካምፓኒታት) ሓለዋ ዝገብር እዩ:: ብተወሳኺ ካብዘን ትካላት ደገፍ ዝተገበረለን ሃገራት ብኣብዝሓ ምስ ኣሜሪካ ስጡም ርክብ ዘለወን ድልየት ኣሜሪካ ዘማልኣን እየን ዝብል ተቓውሞ ይለዓል'ዩ:: ብሓፈሻ ግና እዘን ትካላት ኣብ ዓለም ኢኮኖሚ ዕልዋ ናይ ምፍጣር ሰፊሕ ዕድል ኣለወን::

**ካልኦት ውዳበታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም፤** ምስቲ ዘለዎ ናይ ሰራሕ ባሕሪያት ተዛመድቲ ዝኾኑ በብሴክተሩ ንምፍፃም ንምድጋፍ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ካብ 30 ንላዕሊ ዝኾኑ ትካላት ኣለዉ:: ካብዚኦም እቶም ሰፊሕ ምንቅስቃስ ዝገብሩ ንኣብነት ዓለምለኽ ትካል ጥዕና፣ ትካል ምግብን ሕርሻን፣ ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህልን፣ ትካል ህፃናት ወዘተ ዝጥቀሱ እዮም:: ብሓፈሻ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝተፈላለዩ ኣግባባት ተወዲቡ ስራሕቲ የሳልጥጸዩ:: ብፍላይ ኣብ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ስራሕቲ ዝሓሸ ተግባር ኣብ ምፍፃምን ኣብ ትሕቲ ድኽነት ንዝርከባ ሃገራት ኣብ ምድጋፍን ይርከብ:: እዘን ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ትካላት ንዘይማዕበላ ሃገራት ኣብ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ሕርሻ ብሰፊሑ ዝድግፉ እየን:: ንኣብነት ዝተወሰና ንምግላፅ

- *ዩኔስኮ (UNESCO)፤ ዝበሃል ኣብ ትምህርቲ፣ ባህልን ሳይንስን ዝነጥፍ ትካል ኾይኑ እዚ ድማ ትምህርቲ ንኹሉ ንምብፃሕ፣ ኣብ ዓለም ዘለዉ ታሪካዊ ቦታታትን ባህልታትን ክዕቀቡ ኣብ ምግባር ቱሪዝም ኣብ ምግፋሕ ዝለዓለ ተራ ዘለዎ'ዩ፡*

- *ዩኒሴፍ (UNICEF)፤ ዝበሃል ኣብ መነባብሮ፣ ጥዕና ስነ መእዛን ህፃናት ዝጥምቱ ስራሕቲ የፈፅም:: እዚ ትካል ህፃናት ካብ ሕማም ክናገፉ ኣብ ምግባር ብፍላይ ምስ ክታበትን መድሓኒት ምብፃሕን ዝሰርሕ ኮይኑ መብዛሕትኦም ዘሳልጦም ተግባራት ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት'ዩ::*

- *ትካል ጥዕና ዓለም (WHO)፤ እዚ ኣብ ዓለምና ኣብ ሽፋንን ዕሬትን ጥዕና ዝሰርሕን ኣብ ተላበድቲ ሕማማት ብመፅናዕቲ ዝተደገፈ ክትትልን ሓገዝን ዝገብር ትካል'ዩ:: እዚ ትካል ናብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝተፈላለዩ መድሓኒት፣ ንሰብ ሙያ ጥዕና ስልጠና ምሃብን ካልኦትን ደገፍ እናገበረ ይርከብ::*

- *ትካል ምግብን ሕርሻን (FAO)፤ እዚ ድማ ልምዓት ሕርሻን ካብ ድሑር ናብ ዘመናዊ ንምልዋጥን ብምግቢ ዓርሰኻ ንምኽኣል ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ንጡፍ ተሳትፎ ዝገብር'ዩ::*

- *ዩኤን ኤድስ (UNAIDS)፤ እዚ ትካል ድሕሪ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተጣየሸ ኾይኑ ኣብ ምክልኻልን ምቊፅፃርን እቲ ሕማም ዝሰርሕን በዚ መዳይ ንኹለን ሃገራት ብፍላይ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ብመድሓኒት፣ ማቴርያልን ስልጠና ሰብ ሙያን ሰፊሕ ስራሕ ኣብ ምስላጥ ይርከብ::*

- *ዩኤን ልምዓት ፕሮግራም (UNDP)፣ እዚ ኩሎም ናይ ሕቡራት መንግስቲ ትካላት ዘተሓባብር ኮይኑ ኣብ ኩለመዳያት ስራሕቲ ልምዓት፣ ዲሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ብበጀት ሙያን ዝድግፍ ትካል'ዩ፡፡ ብሓፈሻ እዞም ኣብ ላዕሊ ንምጥቃስ ዝተፈተኑ ትካላት ሰፊሕ ሽፋን ዘለዎምን ዝተወሰኑን እንትኾኑ ካልኦት ድማ በዚ መዳይ ንፁር ተግባርን ሓላፍነትን ተዋሂብዎም ስራሕቶም እናፈፀሙ ይርከቡ፡፡ እዞም ትካላት እዚኦም ካብቶም ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዘሳለጦም ፅቡቓትን ዝንኣዱን ውሽጢ ዝምደቡ'ዮም፡፡*

እዘን ትካላት እዚኣን ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ'ውን ቀዋሚ ቤት ፅሕፈት ብምኽፋት ምስ መንግስቲ ተኣሳሲረን ስራሕተን እናፈፀማ ይርከባ፡፡

# መልመዲ 4.4

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግልፂ፣ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾኑን ዘየማትኡን መልስታት ሃቡ፡፡***

1 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ንምምስራት ውሳነ ዝተመሓላለፈሉ ጉባኤ ኣበይ'ዩ ተኻይዱ? መዓስ ተኻይዱ? ተሳተፍቲ'ዚ ጉባኤ ዝነበሩ ሃገራት እንመን'ዮም?

2 መመስረቲ (መስራቲ) ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣበይ ተኻይዱ? መዓስ'ዩ ተኻይዱ?

3 ዕላማ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንታይ'ዮም?

4 ዕላማታት ሽቶ ልምዓት ሚሊኒየም ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዘርዝሩ፡፡

5 ኣብዚ ሕዚ እዋን ክንደይ ኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣለዉ? ካብ 2007 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዘለዉ መን ይበሃሉ?

6 ኩለን ኣባል ሃገራት ተራኺበን ዓበይቲ ውሳነታት ዘሕልፋሉ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንታይ ይበሃል?

7 ቀወምቲ ኣባላት ቤት ምኽሪ ፀጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንመን'ዮም?

8 ውዳበታት ው.ሕ.መ.ዓ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

9 ሉላውነት (ግሎባላይዜሽን) እንታይ ማለት'ዩ?

10 ሉኣላውነት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ንዓንቀፅ 8 ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ መሰረት ብምግባር ግለፁ፡፡ ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

## 4.3.2 ሉላውነት (ግሎባላይዜሽን)

ተምሃሮ ሕዚ ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ብዛዕባ ሉላውነት ወይድማ ዓለምለኻውነት ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ ንምዃኑ ሉላውነት ወይድማ ዓለምለኻውነት እንታይ ማለት'ዩ? ኣብዚ ሕዚ እዋን ህዝቢ ዓለም ናብ ሓንቲ መኣዲ ይመፅእ'ሎ ይበሃል፡፡ እዚ እንታይ ማለት ይመስለኩም? ኣብ እዋን ግሎባላይዜሽን (ሉላውነት/ዓለምለኻውነት) ሓንቲ ሃገር ንበይና ጠጠው ክትብል ኣይከኣልን ይበሃል፡፡ ንምንታይ? እምበኣርከስ ሉላውነት/ ዓለምለኻውነት ወይድማ ግሎባላይዜሽን እንትበሃል ዓለምና ብርክብ፣ ትራንስፖርት፣ ሓበሬታ፣ ንግድን ከም ሓደ ከባቢ ዝተኣሳሰረትሉ እዋን ከምዝኾነ መግለፅንጸዩ:: ኣብዚ እዋን ዓለም ብሰንኪ ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዝበዝሐ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝካየድ ፍልሰት ህዝቢ /ስደት/ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ርክብ ካብ ሕሉፍ ብጣዕሚ ዝዓበየሉን ለውጢ ዝተርአየሉን እዋንጸዩ:: ነዚ ምዕባለ መሰረት ዝኾኑ ዓበይቲ ጉዳያት ሓበሬታ ንግዲ፣ ትራንስፖርት ሓደ ብሓደ ካብዚ ንታሕቲ ቐሪቡዪሎ፡፡

ሀ. **ሓበሬታ /ኢንፎርሜሽን/፣** እዚ እዋን ናይ ሓበሬታ ወይ ኢንፎርሜሽን እዋን ተባሂሉ ዝፍለጥጸዩ:: ነዚ ዝተብሃለሉ ምኽንያት ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዝተኸሰቱ ኩነታት በብደቒቃ ንምፍላጥ መረዳእታ ንምርካብን ዝተርኣየሉን ኣብ ዓለምና ዘለዉ ዜጋታት ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብኮምፒዩተር ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ብምርኻብ መረዳእታ ንምልውዋጥ ብዘኽእል መንገዲ ዝተኣሳሰረሉ ባይታ ስለዝተፈጠረ እዩ:: በዚ መሰረት ኣብዚ እዋን ኣብዘለኻዮ ቦታ ብምዃን ትምህርቲ ምምሃር፣ ንግዲ ምልውዋጥ፣ እዋናዊ ሓበሬታ ብምርካብ ውሳነ ንምውሳን፣ ዝተጠናኸረ ርክብ ብምፍጣር ምሕዝነት ንምጥንኻር ምቹው ኩነታት ዝተፈጠረሉ ግዘጸዩ:: ንኣብነት ጎግልን ያሁን ዝበሃሉ ኩባንያታት ኣብ ዓለም ሓበሬታ ብቕልጡፍ ንክዝርጋሕ ዝለዓለ ተራ ዘለዎም'ዮም፡፡

ለ. **ንግዲ፣** ኣብ ዓለምና ካብ ዓዲ ውሽጢ ናብ ደገ ከምኡውን ካብ ደገ ናብ ዓዲ ዝቱ ሸቐጣትን ዝሳለጡ ናይ ንግዲ ስራሕቲ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ርክብን ስምምዕን ካብ ዘጠናኸሩ ጉዳያት እቲ ዝለዓለ ቦታ ዝውሃቦ እዩ፡፡ ሐንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ንኽተምፅእ ብቐዳምነት ካብ ሃገራት ዝተረኸቦ ምህርቲ ናብ ወፃኢ ብምሻጥ ብዙሕ ካፒታል ክትረክብ አለዋ:: እዚ ድማ ብሓደ ገፅ ድኽነት ንምጥፋእ እንትሕግዝ ብኻሊእ ገፅ ድማ አብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ዝምድና ብምጥንኻር ዘሎ ሓድነትን ምርድዳእን ኣብዚ እዋን ዝተጣየሸሉ ኩነታት ተፈጢሩዪዩ:: ምስዚ ተአሳሲሩ ንንግዲ ምቅልጣፍ ዝተጣየሹ ትካላት ፋይናንስ ዘመናውን ስሉጥን ብዝኾነ መንገዲ እናተሳለጠጸዩ:: ንግዲ ብባህሪኡ ዓለምለኻዊ ስለዝኾነ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ፍሉይ ትርጉም ይውሃቦ፡፡ ከምዝፍለጥ ኣብ ዓለም ዘሎ ስርዓት ንግዲ ዘይፍትሓዊ ማለት ንሃፋትም ሃገራት ረብሓ ዘቐድም ብምዃኑ ነዚ ጉዳይ ንምምሕያሽ ዘይማዕበላ ሃገራት ፃዕሪ እናገበራ እየን፡፡

ነዚ ጉዳይ ብሓላፍነት ዝመርሕ ትካል ንግዲ ዓለም እንትኾን ክሳብ ሕዚ ዝፈፀሞም ተግባራት እንትረአ ነቶም ዝማዕበሉ ሃገራት ረብሓ ኣብ ምምላእ ከምዝኾነ መረዳእታት ይሕብሩ።



## ዕዮ ጉጅለ 4.6

ኢትዮጵያ ክሳብ ሕዚ ኣባል ትካል ንግዲ ዓለም ኣይኮነትን፡፡ ንምንታይ እያ ኣባል ዘይኮነት፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣባል ንኽትከውን ኣብ ከይዲ ትርከብ፡፡ ኣባል ብምኻና እንታይ ረብሓን ፀገምን ኣለዎ?

ሐ. **ትራንስፖርት፣** ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ርክብ ዝተቐላጠፈ ንምግባር ትራንስፖርት ዝለዓለ ግደ ኣለዎ፡፡ ብፍላይ ናይ ኣየር ትራንስፖርት ኣብዚ ጥጡሕ ባይታ ዝፈጠረን ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ርክብ ቅልጡፉን ስሉጥን እናኾነ ክኸይድ ዝገብሮጸዩ፡፡ ብተመሳሳሊ ዝተፈላለዩ መጓዓዝያ ብምጥቃም ካብተን ዘይማዕበላ ሃገራት ናብተን ሃፋትም ሃገራት ንዝሐሸ መነባብሮ ብምሕሳብ ዝስደድ መንእሰይ ቁፅሩ ክበዝሕ እናገበሮጸዩ፡፡ ስለዚ ዓለምና ብዝተቐላጠፈ ኣገባብ ምትእስሳር ንኽህልዋ ምቹው ባይታ ፈጢሩ ኣሎ፡፡ ኣብዚ እዋን ዘለዎ በዝሒ ጥራሕ እንተይነኣሰ ዕሬት መጓዓዝያውን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ስለዝበፅሐ ነቲ ርክብ ውፅ ኢታዊ ክኸውን እናገበሮጸዩ፡፡ ንኣብነት ሃገራት ኣውሮፖ ብባቡር ትራንስፖርት በዘይምንም ዕንቅፋት ናብ ኩለን ሃገራት ምዝዋር ይከኣል፡፡ ኣብ ኣፍሪካዊውን እዚ ጅማሮ እናተቐላጠፈ ይርከብ፡፡

ብሓፈሻ ኣብዚ እዋን በቶም ዘለዉ ምዕባለታት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብምጥቃም ዓለም ናብ ሓንቲ ቁሸት ተለዊጣ ዝብል ብተግባር ዝተርኣየሉ እዋን እንትኾን እዚ ድማ ብኣብዝሓ ብኣዎንታ ዝርኣይ ኾይኑ ብዝተወሰነ መልክዑ ብፍላይ ዕዕንቶ ባህሊ ወፃኢ ብፊልምን ብደርፍን ኣቢሎም ኣሉታዊ ፅልዋ እናፈጠሩ ይርከቡ፡፡ እሞ ተምሃሮ ዓለምለኻውነት ምስ ሃገራትን ብርኪ ዕብየት ስልጣነ ዓለምን ምትእስሳር ዘለዎ ጉዳይ ዘመላኽት ምኻኑ ተረዲእኹም ዶ? ዓለምለኻውነት ዝምድናን ርክባትን ከምኡ'ውን ምልውዋጥ ፍልጠት፣ ምህዞታትን ቴክኖሎጂን ማእኸል ዝገበረ ልዑል ብርኪ ንግዳውን ፖለቲካውን ዝምድናታት ሃገራትን ህዝብታትን እዩ፡፡

## ሉኣላውነት

ተምሃሮ ብዛዕባ ሉኣላውነት ሃገር እንታይ ትፈልጡ? ሉኣላውነት እንትበሃል ከ ከመይ ትርድእዎ? ሉኣላውነት ምስ ኣብ ክሊ ዝተወሰነ ዶብ ጂኦግራፊያዊ ክልልን ምውፃእ ሕግን ዝተኣሳሰረ ስልጣን ምምሕዳር መንግስቲ እዩ፡፡ ስለዚ ሉኣላውነት ዝለዓለ ሕጊ ናይ ምምፃእ ስልጣን ምውናን የጠቓልል እዩ፡፡ ክልስ ሓሳብ ሉኣላውነት

በብግዚኡ እናተለወጠ ዝመፀ ስርዓት ናይታ ሃገር ዝፈላለይ ትርጉም ዝውሃቦ እዩ፡፡ ብመሰረት ኣብ ስርዓት መስፍንነት ሉኣላውነት መግለፂኡ ህዝቢ እንተይኮነስ እቲ ንጉስ ከምዝኾነ ይድንግግ፡፡ ነዚ ኣመልኪቶም ብሕጊ ዝግለፁ ሓሳባት ነይሮም፤ ንጉስ ኣይኸሰስን ሰማይ ኣይሕረስን፣ መግለፂ ሃገር ንጉስጸዩ፣ ቃል ንጉስ ሕጊጸዩ፡፡

ኣብዛ ሃገር ስልጣን ሕጊ ምውፃእን ናይቲ ንጉስ ስልታዊ ስልጣንጸዩ፡፡ እዚኦም ዘመላኽቱና መግለፂ ሉኣላዊነት ህዝቢ እንተይኮነስ እቲ ንጉስ ክምዝኾነን እዚ ድማ በቲ እዋን እቲ ንጉስ ገባርን ሓዳግን ከምዝነበረን ዘመላኽትጸዩ፡፡ ድሕሪ እዋን ግን እዚ ኣገባብ ሕጋውነት ከምዘይብሉ ዝተፈላለዩ ምሁራትን ፈላስፋታትን ብዝገበርዎ ምቁዋምን ዘመሓላልፍዎ ብዝነበረ ትምህርቲ መሰረት ክልወጥ ክኢሉጸዩ፡፡ ብፍላይ ፈረንሳዊ ሩሶ /ብ1762 ዓ.ም.ፈ/ ዝበሃል ፈላስፋ ዝሃቦ ትርጉም ነቲ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ብምቅዋምን ክልወጥን ዝገበረ እንትኾነ እዚ ትርጉም ሉኣላውነት ብኸምዚ ኣገባብ ይገልፆ፡፡ ስለዚ ሉኣላውነት ማለት ዘይለዋወጥ፣ ዘይመቓቀል ዘይጠፍእ፣ መግለፂ ስልጣንን መሰልን ሓበራዊ ድልየት ህዝብን ኮይኑ ብሕጊ ዝፍፀም መትከል ከምዝኾነን እዚ ትርጉም ድማ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ኣብ ኩሎም ሃገራት ዓለም ተቐባልነቱ እናዓበየ ዝመፀ ትርጉም'ዩ፡፡ ኣብዚ እዋን ምዝ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ተዛሚዱ ሉኣላውነት ሓንቲ ሃገር ምስዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ተኣሳሲሩ ዝረአ ይኸውን፡፡

- *ሉኣላውነት ኣብ ሕጊ ተመስሪቱ ዝፍፀም'ምበር መራሕቲ ብዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ስልጣን እንትመፁ ዝለዋወጥ ኣይኮነን፡፡*
- *ሉኣላውነት ናይ ህዝቢ መንነት ዝግለፀሉ ክልስ ሓሳብ ኾይኑ እዚ ድማ በቲ ነባሪ ህዝቢ ተቐባልነት ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፡፡*
- *መግለፂ ሉኣላውነት ባህልን መነባብሮን ታሪክን ኣብታ ሃገር ዘለዉ ህዝብታት ብማዕረ ተጠቃምነቶምን ዜግነታዊ መሰሎምን ግቡኦምን ዘነፀባርቐ ክኸውን ኣለዎ ዝብሉ መሰረታዊ ጉዳያት ኣብ ግምት ከእቱ ይግባእ፡፡*

ሉኣላውነት ብሕጊ ኣቢሉ ኣብ ተግባር ዝፍፀምን ኣብ ኩሎም ዜጋታት ምስ ሃገራውን ብሄራውን ስምዒት ተኣሳሲሩ ዜግነታዊ ብፅሒትካ ንምትግባር ድልዊ ኮይንካ ንኸትፀንሕ መሰረት ዝኾነ ተገይሩ ይውሰድ፡፡ ጥንካረ መንግስቲ ዝዕቀን ኣብ ዝገብሮም ምንቅስቓሳት ሉኣላውነት ሃገሩ ማእኸል ገይሩ ዝተውሃቦ ዕማም ዝፍፅም ከምዝኾነን እዚ ድማ ብህዝቢ እንትእመነሉን ስለዝኾነ ነዚ ብዝህቦ ክብርን'ውን እዩ፡፡ ኣብዚ መዳይ ክፍተት ወይድማ ድኽመት ኣለዎ ተባሂሉ እንትግመት ኣብ ስልጣን ናይ ምፅናሕ ዕድል ብጣዕሚ ይንእስ። ብፍላይ ብመረፃ ስልጣን ዝሓዘ መንግስቲ እንተኾይኑ ኣብ ቀፃሊ ክሰዓር ከምዝኽእል ታሪክ ሕሉፍ ጉዕዞ ሃገራት የመላኽት፡፡

*4.3 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ሉላውነትን (ግሎባላይዜሽን)*

ንሉኣላውነት ዝውሃቦ ክብርን ዝግበረሉ ጠመተን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ከም ልምድን ባህልን ዝውሰድ ይኸውን። ነዚ ኣብነት ንምጥቃስ ሃገርና ኢትዮጵያ ሉኣላዊነታ ንምኽባር ሰፋሕቲ ፃዕርታት እናተገበሩ መፅዮም'ዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ዝነበሩ መሳፍንቲ መራሕቲ ናይዛ ሃገር ልምዓትን ዲሞክራስን ኣብ ምስፋን ብዙሕ ጉድለታት ከምዝነበሮም ዝፍለጥ'ዩ፡፡ ኣብ ሉኣላውነት ሃገርና ኣብ ምኽባር ግና ንኻልኦት ሃገራት ኣፍሪካን ኤሽያን መርኣያ ዝኸውን ብዝኾነ ባዕዳዊ ወራር ዘይተደፈረትን ዘይተገዝአትን ብምኳና ኣብ ሃገርና ንሉኣላውነት ዝውሃቦ ክብሪ ዝለዓለ ከምዝኾነ ንምርዳእ ይከኣል፡፡ እዚ ድማ ካብ ቀደም ውሉድ ወለዶ ጀሚሩ ብልምዲ እምነት ብምውሳድ ብፀላእቲ ንኽይድፈር መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመፅ ህዝቢ እንተኾነ እዚ ድማ ብባዕዳዊ ገዝእቲ ወይድማ ብናይ ደገ ወራራት ዘይተደፈረትን ብምኳና መርእያን ኩርዓትን ሃገራት ኣፍሪካ ተገይራ ክትውሰድ ክኢላጸያ። ነዚ ፅቡቕ ባህሊ ብምውሳድ እዚ መንእሰይ ንቐፃሊ ዓቂቡ ክኸይድ ከምዘለዎ ርዱእ ምግባር የድልይ፡፡

ብሐፈሻ ኣብዚ እዋን ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ዓንቀፅ 8 መግለፂ ሉኣላውነት ብፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ዝተገለፀ እንትኸውን ኣብዚ ድማ መግለፂ ሉኣላውነት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምዝኾኑ ዝተነፀረ እንትኾን ነዚ ንምትግባር ድማ እቲ ብውክልና ህዝቢ ዝተመረፀ ፖርላማ ነዚ ሉዓላውነት መሰረት ብምግባር ስራሕቱ ከምዝውግን  ኣብ ሕገ መንግስትና ብግልፂ ተደንጊጉ ይርከብ። እዚ ድማ ናይ ሓንቲ ሃገር መግለፂ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ከምዝኾነ ይእመን። እሞ ተምሃሮ ሉኣላዊነት እንትበሃል ዘይድፈርን ዘይገሃስን ክሊ ዶብ ዝሓለወ ልዑል ነፃነትን ምሉእ ክብርን ሃገርን ህዝብን ማለት ከምዝኾነ ተረዲእኹም ዶሕ

ሉኣላውነት ማለት ብዛዕባ ጉዳይ ሃገር ብህዝብን መንግስትን ጥራሕ ዝውሰን ይኸውን ማለት እዩ፡፡ ዶብ ሃገር ምሕላውን ክኽበር ምግባርን መግለፂ ሉኣላውነት'ዩ፡፡ ክብርን ነፃነትን ሃገር መግለፂ ሉኣላውነት እዩ፡፡ ሉኣላዊ ህዝቢ፣ ሉኣላዊ ሃገር እናተብሃለ እንትግለፅ ነዚኦም ኣብላዕሊ ዝተገለፁ ሓሳባት ዘራጉድ እዩ፡፡ ሓይሊ ምክልኻል ሃገር ግዴትኡ እንታይ'ዩ? ተባሂሉ እንትሕተት ዝወሃብ መልሲ ሉኣላውነት ሃገር ክኽበርን ክሕለውን ምግባር ዝብል መልሲ ይወሃብ፡፡ ሕገመንግስቲ ሃገርና ዓንቀፅ 8 ብዛዕባ ሉኣላውነት ህዝቢ'ዩ ዝገልፅ፡፡ ከምዚ ይብል፤

- *ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብምልኦም ወነንቲ ሉኣላዊ ስልጣን ሃገር እዮም፡፡*
- *እዚ ሕገ መንግስቲ መግለፅን መረጋገፅን ሉኣላውነት እዩ፡፡*
- *ሉኣላውነት ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝግለፅ ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስትን ብዝመርፅዎም ተወከልቲ ህዝብታትን ከምኡ'ውን ብዝገብርዎ ቀጥታዊ ዲሞክራሲያዊ ተሳትፎ መረፃ ኣቢሉ እዩ ዝረጋገፅ፡፡*



## ዕዮ ጉጅለ 4.7

- ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብኸመይ ዓለምለኻዊ ኩነታት ተመስሪቱ?
- ዕላማታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ግለፅ፡፡
- ብው.ሕ.መ.ዓ ዝተቐመጡ ሸቶታት ዕላማ ልምዓት ሚሊኒየም ዘርዝር፡፡
- መሓውርን ትካላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብርህ፡፡
- ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዘሎ ፖለቲካዊ ድኽመት መበገሲኡ እንታይ ‘ዩ?
- ኢትዮጵያ ካብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትረኽቦ ረብሓ ኣሎ ዶ? እንታይ እዩ?
- ሉኣላውነት ኢትዮጵያ ንምንታይ ኣብ ሕገ መንግስቲ ክሰፍር ክኢሉ?
- ግሎባላይዜሽን ኣመልኪቱ ዝረኣዩ ኣሉታታት እንታይ ይመስሉ? ነዚኦም ብኸመይ ምፍታሕ ይከኣል?
- ኢትዮጵያ ኣባል ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝኾነት መዓዝ’ዩ? ቅድሚኡ ዝነበረ ሊግ ኦፍ ኔሽንስ ንምንታይ ፈሪሱ?
- ትሕዝቶ ዓለምለኻውነት (ሉላውነት) - ግሎባላይዜሽን ብዝርዝር ኣረድእ፡፡

# መጠቓለሊ

እዚ ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ኣርባዕተ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን፣ ማሕበራዊ ፀገማት፣ ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰላት ህፃናትን ደሕንነትን፣ ዓለምለኻዊ ኣጋርነት መንግስታትን ውዳበታትን ወዘተ ዝምልከቱ ርእስታት ተማሂርኩም ኢኹም፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ደም ዝርከብ ቫይረስ እንትኸውን ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ ሰብ ተላባዳይን ተመሓላላፋይን’ዩ፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብደም ጥራሕ ዝመሓላለፍ ዘይኮነስ ብፆታዊ ርክብ’ውን ካብቶም ቫይረስ ተሸከምቲ ዝኾኑ ሰባት ናብቶም ጥዑያት ሰባት ዝመሓላለፍ እዩ፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ሓደ ናብ ካሊእ ዝመሓላለፈሉም ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ገዲፉ ዝኸይድ ከም ለበዳ እናተመሓላለፈ ዝርከብ ሕማም‘ዩ፡፡ ይኹን ደኣ’ምበር ብምንኽኻእን ብምትንፋስን ወዘተ ዝመሓላለፍ ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ማሕበራውን ጥዕናውን ፀገም’ዩ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከም ለበዳ እናተጋፍሐ ኣብ ህዝብና ዘብፀሖ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ፀገም ከቢድ እዩ፡፡ እዚ ስለዝኾነ ድማ እታ ሃገር ክተምፅኦ ዝድለይ ለውጥን ምዕባለን ብኣሉታ እናፀለዎ ይርከብ፡፡ ስለዚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ስድራ፣ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ፅልዋ ዓብዪ’ዩ፡፡

ኣብ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ዝተፈላለዩ ጠቐምትን ጎዳእትን ባህልታትን ልምድታትን ኣለዉ። ንኣብነት ንህፃናት ፀባ ጡብ ኣዶ ምጥዋብን ምትሕልላይን ካብቶም ዝጥቀሱ ሰናይ ማሕበራዊ ሃፍታትና ውሽጢ ይምደቡ። ኣብ ባህልና ጠቐምቲ ልማዳዊ ባህልታት ከምዘለዉ ኹሉ ብጣዕሚ ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት'ውን ኣለዉ'ዮም። እዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት ዝበሃሉ ብፍላይ ኣብ ኣዴታት፣ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ምስ ጥዕና፣ ስነ ልቦናን ማሕበራዊ ኩነታትን ዝተዛመዱ ፀገማት ይፈጥሩ ዘለዉ'ዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ምኽንሻብ ብልዕቲ ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ፣ ምኽላዕ ዓንቀር፣ ምፍልፋል ስኒ ባርካይ፣ ምጥባሕን ምውቃጥን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ድማ ንምትሕልላፍን ሓደጋን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ'ዮም። እዚኦም ጎዳእቲ ባህልታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ጎደእቲ'ውን እዮም። ኣብ ኣዴታት ዝፍፀሙ ካልኦት ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን'ውን ኣለዉ። ንኣብነት ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ ምስ ዘይማንዛ ሓዳር ምግባር፣ መዳሕንቲ ምእንታን ክወርድ ከብዲ ኣዶ ብጠስሚ ምድራዝ፣ ዘይተመጣጠነ ምግቢ ወዘተ ጎዳእቲ ልምድታትን ባህልታትን'ዮም።

ካብዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታው ውሽጢ እቲ ሓደ ብጣዕሚ ጎዳእን መስካሕካሓይን 'ምኽንሻብ' እዩ። ብፍላይ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ተዛሚዱ ንምንታይ 'ምኽንሻብ' ብሕብረተሰብና ይምረፅ ከምዝነበረ ብዝምልከት ኣብዚ መፅሓፍ ዝተመልከቱ ሓሙሽተ ምኽንያታት ኣለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣዝዮም ብዙሓት ጎዳእቲ ሳዕቤናት ኣለዉዎ። ካብዚኦም ውሽጢ ብዙሕ ደም ምፍሳሱ፣ ፅርየት ብዝጎደሎም መሳርሕታት ምጥቃም፣ ቃንዛን ስቓይን፣ ከምኡ'ውን ቀንዲ መንገዲ ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምኽላዕ ዓንቀርን ምፍልፋል ድርፃንን (ስኒ ባርካይ) ካብቶም ጎዳእቲ ዝበሃሉ ልማዳዊ ባህልታት ውሽጢ ዝምደቡ'ዮም። ትሕቲ ዕድመ መርዓ'ውን እቲ ካሊእ ጎዳኢ ልማዳዊ ባህሊ እንትኸውን ምስ ማሕበራዊ መነባብሮ ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ምስ ጥዕና ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ኢኮኖሚያዊ ፀገማትን ሕጋዊ ክፍተታትን ዝመሳሰሉ ሳዕቤናት ኣለዉዎ። ጎዳእቲ ባህልታትን ልማዳትን ካሊእ ሳዕቤን'ውን የብፅሑ'ዮም። ንህፃናት ናብ ጎደና ሓዳርነትን ጎዳና ተመሓዳዳርነትን የቃልዖም'ዩ። ስለዚ ሕብረተሰብ ብምትሕብባር ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ብምውጋድ ከምኡ'ውን ክንክንን ደገፍን ብምሃብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ተራ ዜግነታዊ ሓላፍነት ክፃወቱ ይግባእ። ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብብዙሕ መንገዲ ዝግለፅን ዝንፀባረቐን ኾይኑ ስነ ኣእምሮኣዊ ፀቕጢ ይፈጥር'ዩ። ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብደረጃ ስድራ፣ ኣብ ስራሕን ኣብ ማሕበረሰብን ብተፈላለየ መልክዑ ክንፀባረቕ ይኽእል'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣድልዎ'ውን ብምኧኑ ኣሉታዊ ፅልዋ ኣለዎ። ስለዚ ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝለዓለ'ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ምክልኻል ምግፋሕ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ምስራፅን ምትግባርን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ፣ ከምኡ'ውን ድኽነት ኣብ ምውጋድን ምንካይን ግደ (ተራ ወይድማ እጃም) መናእሰይ ሃገርና ኣዝዩ ዝለዓለ'ዩ።

በዝሒ ህዝቢ ዓለም ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብሓያል ናህሪ እናወሰኸ ይመፅእ'ሎ። እዚ ሓያል ናህሪ ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ እናዓበየ ይኸይድ'ሎ። ምምጥጣን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሃገር ኣገዳሲ'ዩ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሃገራት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት ይፈጥር'ዩ። ብፍላይ ድማ ንሃገርና ማእኸል ገይርና እንትንርእይ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሲ መሬት ምንኣስ ንዘጋጥም ፀገም መንቀሊ'ዩ። ዓቐን ዘይብሉ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ምውሳኽ ዓብዩ እጃም ዘለወን ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት እንትኾና ብፍላይ ሃገራት እስያን ኣፍሪካን ዝለዓለ ተራ ኣለወን። ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያውን ከባብያውን ኩነታት ዓብዩ ፅልዋ ኣለዎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ከባብያዊ ብርሰት፣ ብርሰት ደን፣ ብሰንኪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሞ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህዒ፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ፍግረ መሬትን ምዝባዕ ውሕስና ምግብን ብምኽንያት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሙ ፀገማት'ዮም። ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ቅልጡፍ እንተኾይኑ እታ ሃገር ዘለዋ ሃፍቲ ኣብ ዝርግሐ ማሕበራዊ ግልጋሎት ስለዝውዕል ክህልው ዝግብኦ (ዝኽእል) ምውህላል ካፒታል ስለዝውሕድ ኢንቨስትመንት ኣብ ምግፋሕ ይውሕድ'ዩ። ብተወሳኺ ኣብታ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ብሰንኪ በዝሒ ዕያል ኣብ ድኽነት ስለዝጥሕል ዘለዎ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ትሑት ስለዝኸውን ኢንቨስትመንት ንኸይጋፋሕ ዕንቅፋት ይኸውን። ብመሰረት'ዚ ኢንቨስትመንት ትሑት እንተኾይኑ ዝፈጥሮ ዕድል ስራሕ ብተመሳሳሊ ትሑት ይኸውን። ብኻሊእ ገፅ ብሰንኪ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ገጠር ዘጋጥም ሕፅረት መሬትን ካልኦት ጉዳያትን ናብ ከተማ ዝግበር ፍልሰት ተዛሚዱ ኣብ ከተማታት ስራሕ ስእነት ንኽጋፋሕ ምኽንያት ይኸውን። ስለዚ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምክልኻልን ንምንካይን ክትግበሩ ካብዝግብኦም ስራሕቲ ውሽጢ ኣብ ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ዝጠመተ ትምህርቲ ምሃብ፣ ንደቂ ኣንስትዮን ኣዴታትን ምምሃር፣ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ምውጋድ፣ ከምኡ'ውን ምግፋሕ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ይርከብዎም።

ሰናይ ምምሕዳር ኩለመዳያዊ ንጥፈትን ተበግሶን መንግስታዊ ኣካላት ዝጠልብን ብዘላቒ መልክዑ ድማ ንዝፍፀሙን ዝትግበሩን ስራሕቲ ዲሞክራሲ ዘጎልብትን ልምዓት ዘቀላጥፍን እዩ። ኣብዚ መፅሓፍ'ዚ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣርባዕተ መሰረታዊ ቁም ነገራት ዝተመስረተ ከምዝኾነ ተሓቢሩ'ዩ። ሰናይ ምምሕዳር ኣንፃር ግዕዝይና ብትረት ምንቅስቓስ፣ ንውሳነ ኣወሃህባ ምእንታን ክሕግዝ ድምፂ ካልኦት ምስማዕ፣ ንሕቶ ሕብረተሰብ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብን ማዕረ መሰል ንኹሉ (ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር) ዝበሉ ይርከብዎም። ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብ፣ ኣድልዎ ዘይምፍፃም፣ ሕጊ ምኽባር፣ ኣሳታፋይነት፣ ሓባራዊ ምርድዳእ፣ ተኣማንነት፣ ሓላፍነት ምውሳድን ወዘተ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር'ዮም። ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ካብዘለዉዎ ረብሓ እቲ ሓደ መሰላት ህፃናት ንኽክበሩ ምሕጋዝ እዩ። ልዕልነት ሕጊ ክኽበርን መሰላት ህፃናት ንኸይገሃሱን ዓብዩ መሳርሒ'ዩ።

ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ብምልኦም ህፃናት'ዮም ዝበሃሉ። ህፃናት'ውን ክንክንን ሓለዋን ክግበረሎም ይግባእ። መሰላት ህፃናት ብምልኡነት ክሕለውን ክኽበርን ይግባእ።

ኣብ ህፃናት ዝተፈላለዩ ሓደጋት ክበፅሑ ይኽእሉ'ዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ድማ ሓደጋ መኪናን እንስሳትን፣ ብሰንኪ ሕማቕ መሓዛ ዘጋጥም ሓደጋ፣ ብኤሌክትሪክ፣ መርዚ (ስሚ)፣ ባርዕ ሓዊ፣ ነቶግትን ዘጋጥሙ ሓደጋታት፣ ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ዘጋጥም ሓደጋ፣ ብሰንኪ ብክለት ኣየርን ከባብን ዘጋጥሙ ሓደጋታት ወዘተ ዝተወሰኑ'ዮም። ስለዚ ህፃናት ሓደጋ ካብ ዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል ብዝምልከት ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ። ስለዚ ህፃናት ብመሰረት ብሕገ መንግስቲ ዝተረጋገፁሎም መሰላት ብወለዶም፣ ብመፅበይቶም፣ ብሕብረተሰብ፣ ብኣብያተ ትምህርቲ፣ ብመንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብዝለዓለ ብርኪ ሓለዋን ክንክንን ክግበረሎም ይግባእ። ድጋፍን ከለላ ሕጊ'ውን የድልዮም'ዩ። መሰላት ህፃናት ንክሕለዉን ህፃናት'ውን ክንክን ንኽግበረሎምን ውዳበ ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት ውዳበ ፓርላማ ህፃናት ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ። ስለዚ ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዓለ ተራ ኣለዎም። መሰላት ህፃናት ምኽባር ካብቶም ክትግበሩ ዝግብኦም ሰብኣዊ መሰላት ውሽጢ ዝምደብ'ዩ።

ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ ደቂ ሰባት ብተፈጥሮኦም ሰባት ብምኳኖም ጥራሕ ዝህልዎም መሰል'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ደቂ ሰባት ብተፈጥሮኦም ሰባት ስለዝኾኑ ጥራሕ ዝሕለወሎም መሰል'ሎ። እዚ ማለት ደቂ ሰባት ብሰብኣዊ ክብሮም ኣይበላለፁን፣ ኩሎም ደቂ ሰባት ብሰብኣዊ ተፈጥሮኦም ማዕረ ክብሪ ይግብኦም። ሰብኣዊ መሰል ማለት ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቛንቋ፣ ብቀለም (ሕብሪ ቆርበት)፣ ብማሕበራዊ ኣመፃፅኣ፣ ብፆታ፣ ብዓሌት፣ ብፖለቲካ ወይድማ ካልኦት ኣረኣእያታት፣ ብኹነታት ቁጠባዊ ዓቕሚ፣ ብዕድመ፣ ኩነታት ጥዕና ይኹን ብካልእ ምኽንያታት ኣፈላላይ ከይተገበረሎም ብሓባር ዝተዓደልዎም እዮም። ሰብኣዊ መሰላት ብሓፈሽኡ ሰለስተ መግለፂ ባህርያት ኣለዉዎም፤

- *ሰብኣዊ መሰላት ብኹለመዳያዊ ንኹሉ ዝሓቑፈ (ኣድማሳዊ) - ዙሪያ ምላሽ*
- *ሰብኣዊ መሰላት ብምልኦም ተደጋገፍትን ዘይነፃፀሉን እዮም።*
- *ሰብኣዊ መሰላት ፈፂሞም ዘይገሃሱን ዘይድፈሩን እዮም።*

ውድብ ሕብረት ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ማሕበረሰብ ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ) ዓሰርተ ሽዱሽተ ኣባል ሃገራት እንትህልውዎ ልምዓታዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ (ሳድክ) ድማ ዓሰርተ ኣርባዕተ ኣባል ሃገራት ኣለዉዎ። ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ) ድማ ዒስራን ሓደ ኣባል ሃገራት ኣለዉዎ። ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ 25 ግንቦት 1963 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝተጣየሸ እንትኸውን ብ2002 ዓ.ም.ፈ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ተሰጋጊሩ። ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም (ው.ሕ.መ.ዓ) ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተጣየሸ ዓለምለኻዊ ትካል እዩ። ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ንክጣየሽ መረሕቲ ሃገራት ሓይልታት ምሕዝነት ዝኾኑ ኣሜሪካ፣ እንግሊዝን ፈረንሳይን ኣብ ጉባኤ ቴህራን ብ1943 ዓ.ም.ፈ ወሲኖም። መስራቲ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ካብ ወርሒ ሚያዝያ ክሳብ ሰነ 1945 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሃገረ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ ተኻይዱ።

# ማህደረ ቃላት

**ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ (HIV/AIDS)** – ሕማም ንምክልኻል ዘኽእል ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ወዲሰብ ዘዳኽም ቫይረስ – Human Immunio Defficiency Virus / Acquired Immunio Deficiency Syndrome

**ምግላልን ምፅያፍን** – ብሰላምታ፣ ምንኽኻእን ትንፋሽን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ዝመሓላለፍ ስለዝመስሎም እዚ ቫይረስ ኣብ ደሞም ንዘለዎም ሰባት ንዘይምቕራብን ንዘይምልዕዓልን ዝግበር ኣካላውን ስምዒታውን ምልክታት

**ባህላዊ ልምድታት** – ምስ ሃይማኖታውን ልማዳውን ስርዓት መነባብሮ ዝተኣሳሰሩ ዝውቱር ተግባራትን ባህልታትን

**ምኽንሻብ** – ብምኽንያት ባህላዊ እምነታትን ልምድታትን ዝግበር ምትልታል ብልዕቲ (ምግራዝ)

**ድርፃን** – ስኒ ፀባ ወይድማ ስኒ ባርካይ እናተብሃለ ዝፍለጥ

**ዓንቀር** – ኣብ ጉሮሮ ላዕለዋይ ክፍሊ ንታሕቲ ተንጠልጢሉ ዝበቁል ልስሉስን ንእይሽተይን ኣካል

**ትሕቲ ዕድመ መርዓ** – ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመኦን ምምርዓው

**ምውቃጥ** – ኣብ ግንባር፣ ክሳድ፣ ድርፃን ስኒ፣ ኢ.ድን ኣካላትን ብዘይለቕቕ ፀሊም ሕብሪ ምፅብባቕ

**ምጥባሕ** – ኣብ ግንባር፣ ምዕጉርትን ቅርንብ (ቅንድብ) ዓይንን ዝግበር ምትልታል

**ጎደና ሓደርቲ** – ኣብ ጎደና ውዒሎም ኣብ ጎደና ዝሓድሩ ህፃናት

**ጎደና ተመሓዳደርቲ** – ኣብ ጎደና ውዒሎም ናብ ገዛ ዝምለሱ ህፃናት

**ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን** – መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ 2003 – 2007 ዓ.ም ንኽትግበር ኣዳልይዎ ዘሎ ትልሚ ዕብየትን ልምዓትን

**ሽቶ/ ሽቶታት** – ዝምዝገቡ ውፅኢታትን ዝብፅሑ ዕላማታትን

**ህዝቢ** – ኣብ ሓደ ከባቢ ሃገር፣ ክልል፣ ዞባ፣ ኣውራጃ፣ ከተማ፣ ወረዳ፣ ጣቢያ፣ ቀጠና ወይድማ ቁሸት ወዘተ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ እዋን ነባራይ (ተቐማጣይ ወዲዓዲ) ምዃኑ ዝግለፀሉ መረዳድኢ ኣምርዩ።

**ስነ ህዝቢ (ዲሞግራፊ)** – ብዛዕባ በዝሒ ህዝቢ፣ ተዋፅኦ፣ ዝርግሐ፣ ኩነታት መጠን ዝውለዱ ህፃናት ምስ መጠን ሞትን ስደትን ብዝምልከት ዘለዉ ለውጥታት ኣመልኪቱ ብስታቲስቲካዊ ፀብፃብ እናተሓዝ ሳይንሳዊ ትንተና ዝግበረሉዩ። ስነ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ለውጥታትን ምምሕያሻትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ትልሚ ልምዓት ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን እናገናዘበ ንመንግስቲ ዝጠቅሙ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝህብ ሓደ ዘፈር ሳይንሳዊ መፅናዕቲዩ።

**ቶማስ ኣልበርት ማልታስ** – ካብ 1766 – 1834 ዝነበረ ምሁር ፈላስፋ እንትኸውን ብዛዕባ ህዝብን ስነ ህዝብን መፅናዕቲ ኣካይዱ መትከላትን ፖሊሲታትን ስነ ህዝቢ ኣመልኪቱ ብ1789 ዓ.ም.ፈ ፅሑፍ ፍልስፍና ብምቕራቡ ዝፍለጥን ክሳብ ሎሚ በዚ ስርሑ ዝዝከርን እዩ፡፡

**ሰናይ ምምሕዳር** – ብኹሉ መዳይ ዝተማልአ ሓባራዊ ምርድዳእ ማእኸል ዝገበረ ግልፂ፣ ፅቡቕ፣ ቅኑዕ፣ ፍትሓዊ፣ ማዕረ፣ ስሉጥ፣ ኣሳታፊይ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት፣ ዲሞክራሲያዊ፣ ተበፃሓይ፣ ተኣማንነትን ተሓታትንትን ዘንገሰ ከምኡ'ውን ልዕልነት ሕጊ ዘረጋገፀን ስርዓት ምምሕዳር ኣብ ኩሉ መዳይ መሓውር መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እንትህልው ዝግለፅ'ዩ

**ግልፅነት** – ትካላት መንግስቲ፣ ሰበስልጣን መንግስትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ውሳነ ኣወሃህባ ከይዲ ነቶም ዝምልከቶም ሰባት ብዝርድኦም ብዝፈጥልዎን መንገዲ ዝካየድ እንትኸውን፣ ከምኡ'ውን ኣሰራርሓ መንግስታዊ ትካላት ብዝምልከት ንህዝቢ ብቑዕ ሓበሬታ ዝወሃብ እንተኾይኑ ግልፅነት ዘለዎ ምምሕዳራዊ ስርዓት'ሎ ማለት'ዩ፡፡

**ልዕልነት ሕጊ** – ስልጣን መንግስቲ ኣግባብ ብዘለዎ ስርዓት ብዝተሓንፀፀ ብናይ ፅሑፍ ሕጊ ጥራሕ ክካየድ ምግባር ማለት እዩ፡፡ እዙይ ትርጉም ናይ መንግስቲ ስልጣን ከምዝደለኻዮ ብዘይምንም ስርዓት ዝካየድ ከም ዘይኮነ ዝሕብር እዩ፡፡ ብተወሳኺ'ውን እዙይ ትርጉም ስልጣን መንግስቲ ብኣግባቡ ብሕጊ ተዘርዚሩ ክቕመጥ ከምዘለዎ ዘመላኽት እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ብዘለዎ አካል ዝተደንገገ ሕጊ እንተዘይጥሒሱን ኣግባብ ብዘለወን ኣብያተ ፍርዲ እንተዘይተወሲኑዎ ኣብ ኣካሉ ይኹን ኣብ ንብረቱ ጉድኣት ኣይበፅሖን፡፡

**መሰላት ህፃናት** – ኣብ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ዝተቐመጡ ጉዳያት እንተይተሸራረፉ ክትግበሩን ብዝበለፀ ግና ህፃናት ካብ ዓመፅ፣ ምዝመዛን ምግሃስን ክሕለዉ ምግባር

**ደሕንነት ህፃናት** – ህፃናት በደላትን ግፍዕን ከምኡ'ውን ምዝመዛን ንከይበፅሖም ዝግበር ክትትልን ምክልኻልን

**በዝሒ ህዝቢ** – ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖፂሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለፂ'ዩ፡፡

**ፀቕጢ ህዝቢ** – ኣብ ሃገር ወይድማ ክልል ዝርከብ ህዝቢ ንጠቕላላ ሽፋን መሬት እንትምቀል ኾይኑ ብትርብዒት ኪሎ ሜትር ወይድማ ማይል ዝግለፅ'ዩ፡፡

**ፍግረ መሬት** – ዝናብ እንትወቅዕ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መሬት ዝርከብ ሓመድ እናንሕሳሐ ፅርግርግ ኣቢሉ እንትወስዶ ማለት'ዩ፡፡ ላዕለዋይ ልሙዕ ሓመድ ብውሕጅ ይኩን ብንፋስን ተፀሪጉ እንትጉሕጓሕ ማለት'ዩ፡፡

**ውሕስና ምግቢ** – ኩሎም ዜጋታት ኩሉ ጊዜ ብኣካል፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ትሕዝቶኡ ዝተማልአ፣ እኹልን ብቑዕን ምግቢ ዘለዎን ጥዕንኡ ዝተሓለወ መነባብሮ እንትህሉ'ዩ፡፡

**ሰብኣዊ መሰል** – ደቂ ሰባት ሰብ ብምዃኖም ጥራሕ ዝህለዎም መሰል ማለት'ዩ።

**ኢ.ጋድ (Intergovernmental Authority on Development — IGAD)** – ሸዱሽተ ሃገራት ብኣባልነት ዝርከባሉ ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢ.ጋድ)

**መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል (Nile Basin Initiative)** – ዓሰርተ ሃገራት ማለት ብሩንዲ፣ ኮንጎ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክ፣ ግብጺ፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ፣ ሩዋንዳ፣ ሱዳን፣ ታንዛኒያን ኡጋንዳን ብኣባልነት ዝርከቡሉ'ዩ፡፡

**ግዕዝይና** – ብልሽውና፣ ጉቦን መማለድን ምቕባል፣ ብዝምድናን ካልኦት ውልቃዊ ርክባትን ተመስሪትካ ምስራሕ፣ ዘይግብኣካ ጥቕሚ ምርካብን ዘይናትካ ንብረት ምውሳድን፣ ሰዓት ስራሕን ሓላፍነትካን ብዘይኣግባብ ምጥቃም፣ ውልቃዊ ረብሓ ምቕዳም

**ኢ.ጋድ** – ብ1986 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸን ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ጂቡቲ ዝገበረ ኣጋርነት በይነ - መንግስታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት

**ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት** – ብ1949 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ኣመልኪቱ ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝፀደቐ ሕጊ እንትኸውን ኣብ 1970ታት ኣብ ጄኔቭ ምርድዳእ ዝተገብረሉ'ዩ፡፡

**ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም (ው.ሕ.መ.ዓ)** – ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተጣየሸ ዓለምለኻዊ ትካል'ዩ፡፡ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ንክጣየሽ መረሕቲ ሃገራት ሓይልታት ምሕዝነት ዝኾኑ ኣሜሪካ፣ እንግሊዝን ፈረንሳይን ኣብ ጉባኤ ቴህራን ብ1943 ዓ.ም.ፈ እዮም ወሲኖም፡፡ መመስረቲ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ካብ ወርሒ ሚያዝያ ክሳብ ሰነ 1945 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ (ኣሜሪካ) እዩ ተኻይዱ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣባላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም 192 ሃገራት እየን፡፡ መቐመጢ ማእኸል ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብ ሃገረ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እትርከብ ከተማ ኒውዮርክ እዩ፡፡

**ወድብ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ)** – 16 ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ ማለት ቤኒን፣ ቡርኪናፋሶ፣ ኬፕቨርዴ፣ ኮትዲቮዋር፣ ጋምቢያ፣ ጋና፣ ጊኒ፣ ጊኒ በሳዎ፣ ላይቤርያ፣ ማሊ፣ ኒጀር፣ ናይጀርያ፣ ሰኔጋል፣ ማውሪታንያ፣ ሴራሊዮንን ቶጎን ዝሓቖፈ ኢኮኖሚያዊ ሕብረት'ዩ፡፡

**ኮሜሳ (COMESA)** – 5 ሕዳር 1993 ዓ.ም.ፈ ኣብ ካምፓላ - ኡጋንዳ ብሕጊ ፀዲቑ ድሕሪ ሓደ ዓመት 8 ታሕሳስ 1994 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሊሎንግዌ - ማላዊ ብዕሊ ዝተጣየሸን 21 ኣባል ሃገራት ዘለዉዎ ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ እዩ፡፡

# መጠቓለሊ ሕቶታት

**I ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡**

1 መናእሰይ ኣብ ኣጠቓቕማ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ንጡፋት ክኾኑ ምግባር ብካሊእ መልክዑ ንጎዳእቲ ልምድታትን ባህልታትን ምቅላስ ማለት'ዩ፡፡

2 ኣጠቓቕማ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ኣብ ገጠርን ከተማን ኣፈላላይ ክህሉ ይግባእ።

3 ኣብ ሃገርና ዘሎ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ምስ ደረጃ ትምህርቲ ዝተዛመደ እዩ፡፡

4 ንምርግጋፅ ውሕስና ምግብን ንምቁፅፃር ብርሰት ደንን ንግልጋሎት ምጣነ ስድራን ግቡእ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ ይኸውን፡፡

5 ወርሓዊ ፅግያ ደቂ ኣንስትዮ ብምቁፅፃር ኣቢሉ ዝካየድ ምክልኻል ጥንሲ ካብቶም ዘመናዊ ሜላታት ሓደ እዩ፡፡

6 ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብስም ኩለን ሃገራት ማዕረ ስልጣን ዘለወን ብተግባር ግና ኣፈላላይ ዝርአየሉ ትካል እዩ፡፡

**II ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብ ዝተውሃቡ መማረፂ መልስታት ውሽጢ ብዝበለፀ ዝተማልአን ትኽክል ዝኾነን መልሲ ምረፁ፡፡**

7 ካብዞም ዝስዕቡ ዋና ፀሓፍቲ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝነበረ ኣፍሪካዊ መን እዩ?

ሀ. ባን ኪ ሙን  ሐ. ቡትሮስ ጋሊ
ለ. ሃቪየር ዴ ኩየር  መ. መልሲ የለን

8 ካብዞም ዝስዕቡ ትካላት ኣካል ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዘይኮነ ፍለይ፡፡

ሀ. ትካል ምግቢ ዓለም  ሐ. ሕብረት ኣውሮፓ
ለ. ዓለምለኸ ውድብ ሽቃሎ (ሰራሕተኛታት)  መ. ትካል ባንኪ ዓለም

9 ካብዞም ዝስዕቡ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ዘይኮነ/ኑ ኣየናይ/ኖት እዩ/ዮም?

ሀ. ተሓታትነት  መ. ንሕጊ ተገዛኢ ምዃን
ለ. ግልፅነት  ሰ. ዝተውሃበ መልሲ የለን
ሐ. ልዕልነት ሕጊ

10 ካብዝስዕቡ ሃገራት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘይብላ/ለን ፍለይ፡፡

ሀ. ኢትዮጵያ  መ. ኢንዶኔዥያ
ለ. ናይጀሪያ  ሰ. ኩሎም መልሲ እዮም
ሐ. ጀርመን

11 ዘመናዊ መከላኸሊ ጥንሲ ዘይኮነ ኣየናይ'ዩ?

ሀ. ብመርፍእ ዝወሃብ መድሓኒት
ለ. ኖርፕላንት
ሐ. ሉፕ
መ. ብኣፍ ዝውሰድ ክኒን
ሠ. መልሲ ኣይተውሃበን

## III ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዘለዉ ምስ ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ኣዛምዱ፡፡

| ሀ | | ለ |
|---|---|---|
| 12 ኣባል ቤት ምኽሪ ፀጥታ | ሀ. | ኢኮኖሚያውን በዝሒ ዕያልን ምምጥጣን |
| 13 ቤት ፅሕፈት ባንኪ ዓለም | ለ. | ቻይና |
| 14 ምጣነ ስድራ | ሐ. | ዋሺንግተን ዲ.ሲ. |
| 15 ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ | መ. | ሮም |
| 16 ግሎባላይዜሽን (ሉላውነት) | ሠ. | ዘርኢ ምጥፋእ ተግባራት ምክልኻል |
| 17 ሉኣላውነት | ረ. | ዓለምለኻውነት |
| | ሸ. | ዓንቀፅ 8 |

## IV ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕን ትኽክል ዝኾነ መልሲ ሃቡ።

18 ብሰንኪ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ክልልና ዘጋጥሙ ፀገማት መሚኻ ሓሙሽተ ነጥብታት ጥራሕ ፅራሕ፡፡

19 ኣብ ሓንቲ ሃገር ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንክህሉ ምኽንያት ዝኾኑ ሰለስተ ነጥብታት ግለፅ፡፡

20 ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትረኽቦም ረብሓታት ዝምልከቱ ሓሙሽተ ጉዳያት ፅሓፍ፡፡

21 ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ዓለምለኻውነት ዘጋጥማ ኣሉታውን ኣዎንታውን ኩነታት እንታይ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

22 ፓኬጅ መናእሰይ ምስ ምውጋድ ድኽነት ተዛሚዱ ጠመተ ዝሃቦም ጉዳያት ሓብር።

23 ዕላማ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ግለፅ፡፡

24 ሰብኣዊ መሰላትን መሰላት ደቂ ኣንስትዮን ዝዛመድሉ ኣገባብ ብዝርዝር ግለፅ፡፡